# ትምህርቲ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን

# መፅሓፍ ተምሃራይ

# 7ይ ክፍሊ

ስንድእ፡- ሚኒስተር ትምህርቲ ፌደራላዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ትርጉም፡- መስፍን ሃይለማርያም (ወዲ ኣባ)
ኤልያስ በዛብህ

ፅፈት፡- ተኽሉ ዕቋር
ኣስፋው ሓዱሽ

ፅፈት ምርግጋፅ፡- ሓዱሽ ወ/ማርያም
ሰለሞን በየነ
ሮማን ግደይ

ክኢላታት ቁልፊ ከይዲ ስራሕ ምድላዉን ትግበራን ስርዓተ ትምህርቲ

ሚኒስተር ትምህርቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ.

PITAMBRA BOOKS PVT.LTD

© ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሰያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ቀዳማይ ሕታም 2003 ዓ.ም

መሰል ሕትመት ብሕጊ ሕልው እዩ

ሓታሚ PITAMBRA BOOKS PVT.LTD
B-95 Industraial Area, Aijoli-Jhansi(U.P.) INDIA
Ph.: +91 510 2720106,2720107, Fax: +91 510 2720851
E-Mail: pitambra2001@gmail.com

ኣይ. ኤስ. ቢ. ኤን 978-99944-2-070-4

# ምስግና

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ፅሬቱ ሓልዩ ንክወፅእ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪ ፐብሊክ ኢትዮጵያ ካብ IDA፣FTICF፣ፊንላንድ፣ልምዓት ተራድኦ ጣልያን ዘ ኔዘርላንድ፣ DFID ገንዘባዊ ሓገዝ ብሞርካብ እዩ።

ስለዚ እዚ መፅሓፍ መምርሒ ንመምህር ሓዊሱ ተሓቲሙ ንክወፅእ ብቐጥታን ብተዘዋዋሮን ዘወፈዩ ብዙሓት ውልቀሰባት፣ ጉጅለታትን ትካላትን ካልኦት ኣካላትን ክምስገኑ ይግባእ።

ሚኒስተር ትምህርቲ

# ኣይትሕለፉኒ!

## እዚ መፅሓፍ ብጥንቃቐ ንሓዞ



እዚ መፅሓፍ ንብረት ቤት ትምህርትኹም እዩ፡፡
ከይቕደድ፣ ከይበላሾ ከይጠፍእ ብጥንቃቐ ሓዝዎ፡፡
እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት መፅሓፍኩም ብጥንቃቐ
ንምሓዝ ስለ ዝሕግዙኹም ኣንብብዎም፡፡

1. መፅሓፍኩም ብላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይ ብኻሊእ ገይርኩም ሸፍንዎ፣
2. መፅሓፍኩም ራህዲ ወይ ራሕሲ ኣብ ዘለዎን ዘይፅሩይን ኣይተቐምጡ፣
3. መፅሓፍኩም ክትጥቀሙሉ እንትትደልዩ ኣእዳውኩም ፅሩይ ምዃኑ ኣረጋግፁ፣
4. ኣብ ውሽጢ ኮነ ደጋዊ ሽፋን መፅሓፍኩም ብእርሳስ፣ እስክርቢቶ ኮነ ካሊእ ኣይትፅሓፉ፡፡ ኣብቲ መፅሐፍ ናይ ዘለው ሕቶታት መልሲ ኣብ ደፋትርኩም ፅሓፉ፣
5. ኣብ መፅሓፍኩም ከም ምልክት እትጥቀሙሉ ንእሽቶይ ወረቐት ወይ ፈትሊ መሳሊ ተጠቀሙ፡፡ እርሳስ፣ ስክርቢቶ፣ ደፋትር፣ መፅሓፍ ዝመሳሰሉ ከም ምልክት ኣይትጠቐሙ፡፡ መሕቐፊ ደፋትርውን ኣይትግበሩዎ፣
6. ዝኾነ ስእሊ ካብ ውሽጢ መፅሓፍኩም ቀዲድኩም ኣይተውፅኡ፣ ነውሪ እዩ፣
7. ካብ መፅሓፍኩም ዝኾነ ገፅ እንተተቐዲዱ ብፕላስተር ወይ ብኻሊእ መጣበቒ ፀግንዎ፣
8. መፅሓፍኩም ናብ ቦርሳኹም እንትተኣእትው ብጥንቃቐ ይኹን፣
9. መፅሓፍኩም ክትወሓሓሱ እንተለኹም ብጥንቃቐ ተቐባበሉ፣
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ ግዘ እንትትጥቀሙ በቲ ድሕሪት ገፁ ኣቐምጡዎ፡፡ ውሑዳት ገፃት ኣፍኩስ እናበልኩም ግልፅዎ እቲ ጠርዙ ፍንፅሕ ከይብል፡፡ ደጋዊ ሽፋን ግልፅ ኣቢልኩም ንድሕሪት ፅኹልል ኣቢልኩም ኣይትሓዝዎ ከይፈንጨል፣
11. እዚ መፅሓፍ ብድሕሬኹም ዝመፁ ኣሕዋትኩም ክጥቀምሉ እዮም ልቢ በሉ፡፡

# ትሕዝቶ ሰደቓ


ምዕራፍ ገፅ

1. ምዕራፍ 1. ስርዓት ዴሞክራሲ------------------------------------ 1

1.1. መትከላት ስርዓት ዴሞክራሲ--------------------------1

1.2. ሰብኣውን ዴሞክራሲውን መሰላት---------------------8

1.3. ምክእኣል ፍልልይ-------------------------------------13

1.4. ተግባራት መንግስቲ------------------------------------16

1.5. ኣካላት ስልጣን ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ --------------------- 19

1.6. ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ------------------------------ 22

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 24

2. ምዕራፍ 2. ልዕልነት ሕጊ --------------------------------------- 28

2.1. ሕገ መንግስቲ ------------------------------------ 28

2.2. ስነ ምግባር ------------------------------------------- 33

2.3. ደረት ስልጣን ---------------------------------------- 35

2.4. ምስጢር ---------------------------------------------- 37

2.5. ግዕዝይና -------------------------------------------- 41

መጠቓለሊ ምዕራፍ ------------------------------------------------ 45

3. ምዕራፍ 3. ማዕርነት ------------------------------------------ 50

3.1. መሰል ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነትን ------------ 50

3.2. ኣድላይነት ምኽባር ማዕርነት ቋንቋ፣ ሃይማኖትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን -------------------- 55

3.3. ማዕርነት ፆታ ------------------------------------------56

3.4. መሰል ጉዱኣት ኣካል ------------------------------- 61

3.5. ረብሓ ምኽባር ማዕርነት ሃይማኖት ----------------64

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 67
4. ምዕራፍ 4. ፍትሓውነት ------------------------------------------ 71
4.1. ካብ ኣድልዎ ዝፀረየን ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ምህላው --------------------------------------------- 71
4.2. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ዘስዕብዎም ፀገማት -------- 75
4.3. ግልጋሎት ውሃብቲ ማሕበራዊ ትካላት ----------- 78
4.4. በብብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ ------------------ 80
4.5. መሰል እንትግሃስን ፍትሒ እንትጓደልን ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት ---------------------------- 83
4.6. ግብሪ ------------------------------------------------- 86
መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 90
5. ምዕራፍ 5. ፍቕሪ ሃገር ------------------------------------------ 94
5.1. ፍቕሪ ሃገር ------------------------------------------ 94
5.2. መዕነውትን ኀዳእትን ተግባራት ------------------ 97
5.3. ፖሊስን ስትራቴጂን ልምዓት --------------------100
5.4. ዜግነት ---------------------------------------------- 106
5.5. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ -----------------109
መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------------- 113
6. ምዕራፍ 6. ስምዒት ሓላፍነት -------------------------------117
6.1. ምፍፃም ሓላፍነት ----------------------------------117
6.2. ቃል ኪዳን ------------------------------------------121
6.3. ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪካዊ ሓድግታትን ------124
6.4. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ------------------------------------126
መጠቓለሊ ምዕራፍ ------------------------------------129

7. ምዕራፍ 7. ህርኩት ባህሊ ስራ ------------------------------ 133

7.1. ምዕባይ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ---------------------133

7.2. ከይሰራሕኻ ምንባር ------------------------------- 141

7.3. ክእለትን ሙያዊ ስነ ምግባርን ------------------ 146

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------- 149

8. ምዕራፍ 8. ዓርስኻ ምኽኣል ---------------------------------153

8.1. ባህሊ ዓርሰ ምኽኣል ምዕባይ -------------------- 153

8.2. ንዝበለፀ ውፅኢት ስራሕ ክብሪ ምሃብ ---------- 158

8.3. ዓርሰ እምነት --------------------------------------- 162

መጠቓለሊ ምዕራፍ -------------------------------------------------166

9. ምዕራፍ 9. ባህሊ ምዕቛር --------------------------------------169

9.1. ዓይነታት ምዕቛር -----------------------------------169

9.2. ባህሊ ምዕቛር ------------------------------------------178

9.3. ብትልሚ ምምራሕ ----------------------------------181

መጠቓለሊ ምዕራፍ ----------------------------------------------- 188

10. ምዕራፍ 10. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ -----------------------192

10.1. ኣብ ካባብያዊ ዋኒናት ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር 192

10.2. ተግባራት ማሕበራት ሲቪክ ------------------- 201

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------- 205

11. ምዕራፍ 11. ኣለሻ ፍልጠት --------------------------------209

11.1. ፍልጠት ----------------------------------------------- 209

11.2. ኣድላይነት መረዳእታ ---------------------------- 214

11.3. ድሑራት ኣተሓሳሰባታትን ትምክሕተኛ ኣበሃህላታትን ------------------------------218

11.4. ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ምንባብ ------------------ 222

መጠቓለሊ ምዕራፍ ---------------------------------------------- 227

# ምዕራፍ ሓደ
# ስርዓት ዴሞክራሲ

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ:-**

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ‘ዚ ምስተምሃርኩም:-**

- መሰረታዊ መትከላት ስርዓት ዴሞክራሲ ትፈልጡ፡፡
- ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ውልቀን ጉጅለን ትግንዘቡ፡፡
- ተግባራት ፌዴራላውን ክልላውን መንግስታት ትርድኡ፡፡
- ኣመሓውራ ኣካላት ስልጣን መንግስቲ ትግንዘቡ፡፡
- ረብሓ ፍልልያት ኣከኽኣኢልካ ምንባር ትርድኡ፡፡
- ኢትዮጵያ ንሃገራት ኣፍሪካ ዘወፈየቶ ኣስተዋፅኦ ትፈልጡ፡፡

## 1.1 መትከላት ስርዓት ዴሞክራሲ

### 1.1.1 ነፃ ንሕንሕ ፖለቲካዊ ስልጣን

- ነፃ ንሕንሕ ፖለቲካዊ ስልጣን ማለት እንታይ ማለት’ዩ? ረብሕኡ’ኸ እንታይ’ እዩ? ሓደ መትከል ስርዓት ዴሞክራሲ ምህላው ነፃ ውድድር ፖለቲካዊ ስልጣን እዩ፡፡ ነፃ ውድድር ፖለቲካዊ ስልጣን እንትብሃል ብቐዳምነት ዘመላኽቶ መንግስታዊ ስልጣን ንምሓዝ እንተወሓዱ ክልተን ልዕሊ ክልተን ዝኾኑ ፖለቲካዊ ፓርትታትን (ውድባት) ምስ ዝኾነ ፖለቲካዊ ፓርቲ ዘይወገኑ ውልቀሰባትን ንሕገ መንግስቲ ኣኽቢሮም ንመረፃ ክነሓንሑ ከምዝኽእሉ’ዩ፡፡

እዚ’ውን እቲ ዝመርፅ ህዝቢ ስልጣን ክሕዘሉ ንዝደልዮ ፓርቲ ወይ ውልቀሰብ ብምሉእ ነፃነት ንኽመርፅ ዘኽእሎ ምቹው ኩነታት ምህላዉ ዘመላኽት’ዩ፡፡

ህዝቢ ቅድሚ መረፃ ይኹን ኣብ እዋን መረፃ ንዝደልዮ ፓርቲ ንኽይመርፅ ዘፍርሖን ኣብ ምድማፅ ዘዕንቅፎን ዝኾነ ፀገም ንኸየጋጥሞ ኣድላዪ ጥንቃቐን እኹል

ምድላውን ክግበር ይግብኦ፡፡ ኩሎም ተወዳደርቲ ፓርቲታት ኾነ ውልቀ ሰባት ንዘድምፅ ህዝቢ ቐሪቦም ምዝርራብ ይኽእሉ፡፡ ኮይኑ ግና ባእስን ግርጭትን ዘለዓዕሉ ዘረባታት ምክያድ ፍፁም ክልክል'ዩ፡፡ የግዳስ መረፅቲ ወይ መድመፅቲ ኮኑ ተወዳደርቲ ፓርትታት ነንባዕሎም ምክብባርን እቲ ካሊእ ናይቲ ሓደ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ምኽባርን ምክእኣልን ንከርእዩ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡



## መልመዲ - 1

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃብሎም ፡፡**

1. ነፃ ንሕንሕ ፖለቲካዊ ስልጣን ንስርዓት ዴሞክራሲ ቀንዲ መሰረታዊ መትከል ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?
2. ነፃ ንሕንሕ ፖለቲካዊ ስልጣን ምክያድ ዘድለየሉ ምኽንያት እንታይ 'ዩ? እንታይ ረብሓኽ ኣለዎ?

### 1.1.2 ልዕልነት ሕጊ

- ልዕልነት ሕጊ እንትንብል እንታይ ማለትና'ዩ?
- ልዕልነት ሕጊ እቲ ሓደን ቀንዲን መሰረታዊ መትከል ስርዓት ዴሞክራሲ'ዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?

ልዕልነት ሕጊ እቲ ካሊእ መሰረታዊ መትከል ስርዓት ዴሞክራሲ'ዩ፡፡ እዚ መትከል 'ዚ ስርዓት ዴሞክራሲ ደው ዝብለሉ ዓምዲ'ዩ፡፡ ምኽንያቱ'ውን እዚ መትከል ዝኾነ ኣካል መንግስቲ ዝውስኖ ውሳነ ንሕጊ መሰረት ዝገበረ 'እምበር እቲ ብዓል ስልጣን ብዝደለዮ መልክዕ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ንኽይኽውን ብምግባር ንዜጋታት ሓለዋ ስለዝገብር'ዩ፡፡ እዚ መትከል'ዚ ዝኾነ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምዃኑ የረጋግፅ፡፡ እዚ ማለት ብፆታ፣ ብዘርኢ፣ ብሃፍቲ፣ ብስልጣን ወዘተ ፍልልይ እንተይተገበረ ኩሉ ሰብ ማዕረ ምዃኑ ዘረጋግፅ'ዩ፡፡ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝኾነ በዓል ስልጣን መንግስቲ 'ውን ሓዊሱ ንሕጊ ተገዛእቲ ይኾኑ፡፡



## መልመዲ - 2

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም።***

1. ልዕልነት ሕጊ ዝግለፀሉም ክልተ ኣብነታት ፀሪሒኹም ኣብርሁ።
2. መትከል ልዕልነት ሕጊ ኣብ ተግባር ምውዓሉ ዝህቦ ረብሓ ኣብርሁ።

### 1.1.3 ግልፅነትን ተሓታትነትን

- ግልፅነት ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ተሓታትነት'ከ?

ሳልሳይ መሰረታዊ መትከል ስርዓት ዴሞክራሲ ብህዝቢ ዝተመረፁ ኾነ ብመንግስቲ ዝሸየሙ ሰብ ስልጣን ዝሰርሑዎ ስራሕ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘለዎም ምዃኑ እዩ። ንዝፍፅምዎ ተግባር ተሓተትቲ ምዃኖም የቐምጥ። ዝፍፅምዎ ተግባር ኩሉ ንህዝቢ ግልፂ ክኸውን ኣለዎ። ብመሰረት እዚ መትከል፡-

1ይ ሰበስልጣን ዘሕልፍዎ ውሳነ ኾነ ዝፍፅምዎ ተግባር ኩሉ ንህዝቢ ግልፂ ክኸውን ኣለዎ። ዝተውሃቦም ሓላፍነት ህዝቢ ንምግልጋል ስለዝኾነ ስልጣኖም ንውልቃዊ ረብሕኦም ከውዕልዎ ኣይግባእን። ብስልጣኖም ብዘይኣግባብ ተጠቒሞም እንትርከቡ ብሕጊ ይሕተቱ፣ ብገበን ክኽሰሱን ክቕፅዑን ይኽእሉ።

2ይ ብመሰረት መትከል ግልፅነት፤ ድሕንነት ሃገርን ህዝብን ኣብ ሓደጋ ከውድቑ ይኽእሉ'ዮም ተብሂሎም ብምስጢር ንኽተሓዙ ብሕጊ ካብ ዝተደንገጉ ጉዳያት ወፃኢ፣ እቲ ህዝቢ መንግስቲ ብዛዕባ ዝፍፅሞን ዝትግብሮን ጭቡጥ ኩነታት ሃገሩ መረዳእታን ሓበሬታን ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።

ስለዚ ሰበስልጣን ኾኑ ኩሎም ሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝፍፅምዎ ተግባር ኩሉ ንህዝቢ ግልፂ ክኾነሉ ኣለዎ። ዝውሰኑ ውሳነታት ንምንታይ ከምዝተወሰኑ፣ መን ከምዝወሰኖም ህዝቢ ክፈልጥ ኣለዎ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ብዛዕባ ዝፍፀሙ

ኩሎም ጉዳያት ህዝቢ እኹል ግንዛበ ክህልዎ ይግባእ፡፡ መንግስቲ ብዛዕባ ዝፈፀሞም ተግባራት ንህዝቢ እንተዘየፍሊጡ እቲ ህዝቢ እዞም ተግባራት መንግስቲ ዝረብሕዎ ምኻኖምን ዘይምኻኖምን ንኽይርዳእ ይኽእል፡፡ ስለዚ መንግስቲ ካብ ህዝቢ ዝረኸቦ ውክልና ብቕንዕና እናተግበረ እንተኾነ'ውን፣ መንግስቲ ዝፍፅሞ ዘሎ ተግባር ንህዝቢ ግልፂ ብዘይምኻኑ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ እቲ መንግስቲ እምነት ክስእን ይኽእል፡፡ ብሓፈሻ ኩሎም ዜጋታት ኾላይ ሰበስልጣን ሓዊስካ ንዝፍፅምዎም ተግባራት ግልፅን ተሓተትን ክኾኑ ይግባእ፡፡



## መልመዲ - 3

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃብሎም፡፡***

1. መግለፅታት መትከል ግልፅነትን ተሓታትነትን ዝኾኑ ክልተ ኣብነታት ሃቡ፡፡
2. መትከል ግልፅነትን ተሓታትነትን ኣብ ተግባር ምውዓሉ ዘለዎ ረብሓ እንታ'ዩ?
3. ካብቶም መሰረታዊ መትከላት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሓደ ግልፅነትን ተሓታትነትን ምህላው'ዩ፤ ዝበሃለሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ? ተዛተይሉ፡፡

### 1.1.4 ልዕልነት ድምፂ ኣብዝሓን ድምፂ ውሑዳንን ምኽባር፣

- ልዕልነት ድምፂ ኣብዝሓ ማለት እንታይ ማለት'ዩ?

ካሊእ መሰረታዊ መትከል ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ልዕልነት ድምፂ ኣብዝሓ'ዩ፡፡

መግለፂ ስርዓት ዴሞክራሲ ካብ ዝኾኑ ተግባራት ውሽጢ፡-

- ግልፂ ምይይጥ ምክያድ፣ ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥ፣
- ነፃ ኾይንካ ክትዕ ምክያድ
- ንፀገማት ወይ ፍልልይ ብሰላማዊ መንገዲ ፍታሕ ምሃብ ዝብሉ ምጥቃስ ይከኣል፡፡

- ፀገማት፣ ኣፈላላይ ሕቶታት...ወዘተ እንተጋጥሙ ምይይጥ፣ ዘተን ክትዕን ብምክያድ፤ ኣብ መወዳእታ ድማ ብምርድዳእን ብሰነያን ምፍታሕ መለለዩ ስርዓት ዴሞክራሲ'ዩ፡፡ ፀገማት፣ ፍልልይ...ሙሉእ ንሙሉእ ብምርድዳእን ብስምምዕን ምፍታሕ እንተዘይተኻኢሉ ድምፂ ብምሃብ ኣብ ውሳነ ወይ መደምደምታ ምብፃሕ ይግባእ፡፡ ቕድሚ ብድምፂ ምድምዳም ኣብ ፍልልያት ወይ ፀገማት ሰፊሕን ዓሚቕን ዘተ ይግበር፡፡ ኩሉ ተሳታፊ እቲ ዘተ ብዘይ ፍርሒ፣ ሰጋእ መጋእን ስኽፍታን ዝኣምነሉ ቅኑዕ ዝብሎ ሓሳብ፣ መፍትሒ፣ መልሲ --- ወዘተ ዘቕርብን ደጋጊሙ ብምክታዕ ሓሳቡ ወይ እምነቱ ንኽእምን ይፅዕር፡፡
- በዚ ኣካይዳ'ዚ ናይ ኩሎም ተሳተፍቲ ሓሳብ ብዝግባእ ምስቀረበን ምስተሰምዐን ኩሎም ተሳተፍቲ ናብ ሓደ ሓሳብ ክመፁ እንተዘይክኢሎም ዝቐረቡ ሓሳባት ብድምፂ ንኽውሰኑ ይግበር፡፡ ካብቶም ዝቐረቡ ሓሳባት በዝሒ ደገፍ ድምፂ ዝረኸበ ሓሳብ ይፀድቕ፡፡ ውሑድ ድምፂ ዝረኸበ ሓሳብ ድማ ይወድቕ፡፡ እዚ ኣሰራርሓ እዚ'ዩ እምበኣር መትከል ስርዓት ዴሞክራሲ እንብሎ፡፡

በዚ ኣገባብ'ዚ ኣብ ውሳነ ዝተበፅሐሎም ዛዕባታት ተፈፀምቲ'ዮም፡፡ ሓደ ዛዕባ፣ ሰፊሕ ምይይጥ ተገይርሉ ናብ ድምፂ ቀሪቡ ብዝበዝሕ ተሳታፋይ ተቐባልነት ምስረኸበ ነቲ ሓሳብ ዝደገፍዎ፣ ዘይደገፍዎን ድምፂ ዘይሃቡን ወገናት ነቲ ውሳነ ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ትፅቢት ይግበር፡፡

ኣብ መሰረታዊ መሰላት ዝውሰኑ ውሳነታት ንኣብነት፡- ኣብ ህልውና፣ ድሕንነት፣ ሰብኣዊ ኽብሪ ናይ ሓሳብ፣ እምነት፣ ምዝራብ፣ ምፅሓፍ ወዘተ ነፃነታትን ዝመሳሰሉን ንዘይምትግባር ዝግድቡ ወይ መልኢኻ ንኽይትጥቀም ዝዓግቱ ውሳነታት እምቢ ብምባልን ምቅዋምን ይከኣል'ዩ፡፡ ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ እዙይ ዝተፈቐደ'ዩ፡፡ ዋሕዲ ቑፅሪ ዘለዎ ወይ ነቲ ውሳነ ዘይተቐበለ ወገን መሰረታዊ መሰላቱን ዴሞክራሲያዊ ነፃነታቱን ክግደብዎ ወይ ክስረዝሉ ኣይግባእን፡፡ መሰረታዊ መሰላትን ዴሞክራሲያዊ ነፃነትን እንተዘይተኸቢሮም ዴሞክራሲ ክህሉ ስለዘይኽእል መሰል እቲ ድምፂ ኣብዝሓ ነዚ ከጥፍእ ኣይግባእን፡፡

መሰል ናይዚ ውሑድ ድምፂ ዘለዎ ወገን ምስ ህልውና ዴሞክራሲ ዝተኣሳሰረ ስለዝኾነ ነዚ ብድምፂ ኣብዝሓ ወሲንካ ኣብ ተግባር ምውዓል ንዴሞክራሲ ምጥፋእ ማለት 'ዩ፡፡



## መልመዲ - 4

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ፡፡**

1. መግለፂ መትከል ልዕልነት ድምፂ ኣብዝሓ ብኣብነት ኣብርሁ፡፡
2. መትከል ልዕልነት ድምፂ ኣብዝሓ ኣብ ተግባር ክውዕል ምግባር ዘለዎ ረብሓ እንታይ'ዩ?
3. ካብ መሰረታዊ መትከል ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሓዲኡ ልዕልነት ድምፂ ኣብዝሓ ምኽባር'ዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?

## ቀፂሎም ካብ 1-4 ዝቐረቡ ጉዳያት ርግእ ኢልኩም ኣንብቡዎም

1. ኣብ ውሽጢ ሓደ ትካል ልምዓት መንግስቲ፣ ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ነጊሱ ኣሎ፣ ሰራሕተኛታት ምምሕዳራዊ በደል እናበፅሖም እዩ…ወዘተ ዝብል ሓበሬታ ንኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ስለዝበፅሐ እቲ ኮሚሽን ምርመራ ኣካይዱ፡፡ በቲ ዝተኻየደ ምርመራ ላዕለዋይ ሓላፊ እቲ ትካልን ኣመሓዳሪን ጥፍኣተኛታት ምዃኖም ዘርእዩ እኹላትን ብቑዓትን መረዳእታታት ስለ ዝተረኽብዎም ኣብ ቁፅፅር ክውዕሉ ተገይሩ፡፡

2. ኣብ ውሽጢ ሓደ ቤት ዕዮ መንግስቲ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰብኣዊ መሰላት ሰራሕተኛታት በብግዚኡ ይጥሕሱ እዮም ዝብል ሓበሬታ ንጋዜጠኛታት በፂሑ፡፡ እቶም ጋዜጠኛታት ድማ እቲ ዝበፅሖም ሓበሬታ ክሳብ ክንደይንኡ ሓቂ ምዃኑ ብስልክን ብኣካልን ናብቲ ቤት ዕዮ ብምኻድ ንምፅራይ ዝገበርዎ ፃዕሪ ኣይተሳኸዐሎምን፡፡ ምኽንያቱ'ውን ላዕለዎት ሓለፍቲ እቲ ቤት ዕዮ ንጋዜጠኛታት ንምዝራብ ከምዘይደልዩን እቲ ዛዕባ ንጋዜጠኛታት ፈፂሙ ከምዘይምልከቶምን ስለዝተዛረብዎም እዩ፡፡

.

3. ኣብ ዕለት 5ን 12ን ግንቦት 2000 ዓ.ም ዝተኻየደ መማልኢ መረፃ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ውድባት ተሳቲፎም'ዮም። መድመፂ ህዝቢ'ውን ንዝደልዮን ንዝኣምነሉን ፖለቲካዊ ውድብ ንምድማፅ ነፃ ኾይኑን ብሰላማዊ መንገድን እንተድምፅ ውዒሉ።

4. ነበርቲ ሓደ ቁሸት መስመር መብራህትን ቧንቧ ማይን ንምዝርጋሕ ገንዘብ ኣዋፂኦም!! እቲ ዝተዋህለለ ገንዘብ ግና መስመር መብራህቲ ወይ ቧንቧ ማይ ጥራሕ ንምዝርጋሕ ዝኣክል'ዩ። ስለዚ እቲ ዘሎ መማረፂ ንሓዲኦም መሪፆም ምዝርጋሕ፣ ምኻኑ ኣሚኖም እቲ ካልኣይ ድማ ኣብ ዝቕፅል ዓመት ካሊእ ገንዘብ ተወሳኺ ኣዋፂኦም ንምዝርጋሕ ተኣማመኑ። ኮይኑ ግና ንኣየንኡ ቀዳምነት ንሃብ ኣብ ዝብል ክሳነዩ ኣይከኣሉን። ገሊኦም ነበርቲ ንቧንቧ ማይ ነቕድም እንትብሉ፣ ካልኦት ድማ ንመብራህቲ ነቕድም ብምባሎም ብድምፂ ኣብዝሓ ንምውሳን ተሰማዕምዑ። ብዝተሰማዕምዕሉ መሰረት ካብ 520 ነበርቲ 130 ነበርቲ ጥራሕ ቧንቧ ማይ ምዝርጋሕ ነቐድም ዝበሉ እንትኾኑ፤ እቶም 390 ነበርቲ ድማ መስመር መብራህቲ ክቕድም ብምድላዮም ኣብዚ ዓመት መብራህቲ ንኽዝርግሐሎም ብሰላማዊ መንገዲ ብድምፂ ኣብዝሓ ወሲኖም።



## መልመዲ - 5

***ልዕል ክብል ዘንበብኩምዎም ሕድ ሕድ ጉዳያት ካብዚ ንታሕቲ ቀሪቦም ዘለዉ ሕቶታት መሰረት ብምግባር ተዛተዩሎም፤***

ሀ. ካብ ኣርባዕቲኦም መትከላት ስርዓት ዴሞክራሲ ኣየንኡ ብዝበለፀ ይምልከት?

ለ. እቲ መትከል ብኣግባቡ ተተግቢሩዶ ወይስ ተጣሒሱ?

ሐ. እቲ መትከል ተጣሒሱ ዝብል መልሲ እንተሃልዩ እንታይ ክግበር ነይርዎ?

## 1.2 ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት፤

### 1.2.1 ሰብኣዊ መሰላት ውልቀሰብ፣

- ካብ መንነ ሰብኣዊ መሰላት ውልቀሰብ ዝበሃሉ ንኽልቲኦም ፅርሑ፡፡

**ሀ. ብህይወት ናይ ምንባር መሰል፤**

ሰብ፣ ነቶም ካልኦት መሰላትን ነፃነትን ቅድሚ ምሕታቱ ቀዳምነት ባዕሉ ብህይወት ክነብር ኣለዎ፡፡ ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ቀንድን መሰረታውን መሰል'ዩ ዝበሃል'ውን ነዚ'ዩ፡፡ ወድሰብ ብህይወት ምንባር ዝኽእል ንሓደ ግዘ ድኣ እምበር ከምዝደለዩ ክመፅእን ክኸድን ኣይኽእልን፡፡ ስለዝኾነ ህይወት ሰብ ከምቀሊል ነገር ክረአ ኣይግብኦን፡፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ህይወት ክትክእ ወይ ክህብ ኣይኽእልን፡፡ ንኽትክእ ወይ ንኽህብ ዘይከኣሎ ድማ ክወስድ ኣይግብኦን፡፡ ስለ ዝኾነ ህይወት ሰብ ክቡርን ልዑል ግምት ዝወሃቦን ነገር'ዩ፡፡

እንተኾነ ግና ብሕጊ ዝተኽልከሉ ተግባራት ምፍፃም፣ ብፍላይ ድማ ህይወት ካልኦት ኾነ ኢልካ ምጥፋእ፣ ንሕብረተሰብ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ዘውድቕ ገበን ምፍፃም ወዘተ… ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ዘስእኑ ተግባራት'ዮም፡፡ ምኽንያቱ ብዝፈፀሞ ተግባር ብሕጊ ቅፅዓት ሞት ክፍፀሞ ስለዝከኣል'ዩ፡፡

**ለ. ኣብ ልዕሊ ኣካል ዝኾነ ጉድኣት ንኽይበፅሕ ናይ ምሕላው መሰል፤**

እዚ መሰል እዚ ብህይወት ካብናይ ምንባር መሰል'ዩ ዝፍልፍል፡፡ ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ተኽቢሩ መሰል ድሕንነት ኣካል እንተዘይተሓልዩ ትርጉም የብሉን፡፡ ኣብ ልዕሊ ኣካሉ ዝተፈላለዩ ኢ- ሰብኣዊ ተግባራት እናተፈፀምዎ ምንባር ዝደሊ ሰብ የለን፡፡ ስለዚ ንደቂ ሰባት ስቓይን ጉድኣትን ኣካል ዘይብሉ ህይወት ልክዕ ከም ብህይወት ምንባር ኣድላዪ'ዩ፡፡

**ሐ. ካብ ሕጊ ወፃኢ ዘይምትሓዝ፣ ዘይምኽሳስን ዘይምእሳርን መሰል፡-**

እዚ መሰል ዝኾነ ሰብ ብሕጊ ካብ ዝተደንገገ ስርዓት ወፃኢ ክሲ እንተይቀረቦ ወይ ከይተፈረደ ክተሓዝ ኾነ ክእሰር ከምዘይግባእ ዘርኢ'ዩ፡፡ ብመሰረት

እዚ ዝኾነ ሰብ ብዘይእኹል መረዳእታን ብፅሑፍ ዝተደገፈ ትእዛዝ ቤት ፍርድን ክተሓዝ ኣይግብኦን፡፡



## መልመዲ - 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም፡፡*

1. ሰብኣዊ መሰላት ውልቀሰባት ምኽባር ንወድ ሰብ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ኣድለዪን ጠቓምን እዩ?
2. ሰብኣዊ መሰላት ብኣግባቡ ንክኽበሩልኩም ካባኻትኩም ትፅቢት ዝግበር ብፅሒት እንታይ ‘ዩ?

### 1.2.2 ሰብኣዊ መሰላት ጉጅለ

- ካብ መንጎ ሰብኣዊ መሰላት ጉጅለ ዝበሃሉ ክልተ ፅርሑ?

ሀ. መሰል ማዕርነት፣

መሰል ማዕርነት ካብ ሞንጎ መሰረታዊ መሰላት ሓደ እዩ፡፡ መሰል ማዕርነት ብማዕረ ዓይኒ ክረአ ምግባር‘ዩ፡፡ ዝተፈላለዩ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብሓባር ኣብ ዝነብሩሉ ሃገር፣ ምርግጋፅ መሰል ማዕርነት ሰብኣዊ መሰላት ጉጅለ ንክኽበሩ የገልግል፡፡ እዚ ድማ ንሰላም፣ ንምዕባለን ንህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ምስላጥ ዝለዓለ ኣበርክቶ ኣለዎ፡፡

ለ. ነፃነት ሃይማኖት፣

እምነትን ኣረኣእያን መሰል ነፃነት ሃይማኖት፣ እምነትን ኣረኣእያን ማለት ዝደለኻዮ ወይ ዝመረፅካዮ ሃይማኖት ወይ እምነት ናይ ምሓዝ፣ ምቕባልን ምስዓብን ነፃነት ማለት‘ዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ካብ ድልየቱ ወፃኢ ብዝኾነ መንገዲ ዝኾነ ዓይነት ሃይማኖት ወይ እምነት ንምእማን ኣይግደድን፡፡ ንኣብነት ህፃናት ናብ ሓደ ዝተወሰነ ቤት ትምህርቲ ሃይማኖት ንኸኣትዉ ክግደዱ ኣይግባእን፡፡

መሰል ነፃነት ሃይማኖትን እምነትን፤ ድሕንነትን ሰላም ህዝቢ ፣ ንምኽባር መሰረታዊ መሰላት ካልኦት ሰባት ብዝወፁ ሕግታት ገደብ ክግበረሉ ይኽኣል፡፡



መልመዲ - 7

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም፡፡*

1. ረብሓ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ጉጅለ ኣብርሁ፡፡
2. ኣብ ሰብኣዊ መሰላት ጉጅለ ደረት'ዶ ክግበረሎም ይኽኣል? ንምንታይ?

### 1.2.3. ዴሞክራሲያዊ መሰላት ውልቀ ሰብ

- ዴሞክራሲያዊ መሰላት ውልቀ ሰብ ዝበሃሉ ዕርሑ?

**ሀ. መሰል ኣረኣእያን ሓሳብን ብነፃ ምሓዝን ምግላፅን፤**

መሰል ኣረኣእያን ሓሳብን ብነፃ ምሓዝን ምግላፅን ንህይወትን ሃለዋትን ወድሰብ ምምላእን ንምጉልባት ስብእንኡ ኣድለይትን መሰረታውን ካብ ዝኾኑ መሰላት ሓደ'ዩ፡፡

እዚ መሰል ውልቀ ሓሳብካን ኣረኣእያኻን ንምግላፅ ጥራሕ እንተይኮነስ ንሕና እንደልዮ ዝኾነ መረዳእታ ንምሕታትን ንምርካብን ዘኽእል መሰል'ውን ዘጠቓልል'ዩ፡፡ ስለዚ ዝኾነ ሰብ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ካብ ሃገር ወፃኢ ደረት እንተይተገበሮ ብቓል ኾነ ብፅሑፍ ዝኾነ ዓይነት መረዳእታ፣ ሓበሬታን ሓሳብን ምውህላል ኮነ ምዝርጋሕ ይኽእል ማለት'ዩ፡፡

መሰል ኣረኣእያን ሓሳብ ብነፃ ምሓዝን ምግላፅን ንምሕላው ድሕንነት ሃገር፣ ክብሪ ሰብን ሰናይ ስምን እንትበሃል ሕጋዊ ገደብ ክግበረሉ ይኽኣል፡፡

### ለ. ነፃነት ምዝውዋር፤

እዚ መሰል ኣብ ውሽጢ ዓዲ ንምንቅስቓስ፣ ናብ ወፃኢ ሃገር ምኻድን ካብ ወፃኢ ሃገር ምምላስን፣ ኣብ ዝደለኻዮን ኣብ ዝመረፅካዮን ቦታ ናይ ምንባር መሰል ዝሓቑፈ'ዩ፡፡ ኣብ ሓደ ቦታ ወይ ከባቢ ንኽነብር ዝተገደበ ሰብ ነፃነት ምዝውዋር የብሉን፡፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ዝነብር ሰብ ብወሳናይ መልክዑ እሱር ወይ ካብ እሱር ዘይሐይሽ'ዩ ንምባል ይከኣል፡፡



## መልመዲ - 8

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም፡፡***

1. ምኽባር ዴሞክራሲያዊ መሰላት ውልቀ ሰብ ንወድሰብ ክሳብ ክንደይን ኣድላዪን ጠቓምን ምዃኑ ኣብርሁ፡፡
2. ዴሞክራሲያዊ መሰላት ውልቀ ሰብ ብኣግባቡ ንምጥቃም ካባኻትኩም ትፅቢት ዝግበር እንታይ'ዩ?
3. ኣብ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ውልቀ ሰብ ደረት ክግበርዶ ይከኣል? ንምንታይ?

### 1.2.4 ዴሞክራሲያዊ መሰላት ጉጅለ፡-

- ዴሞክራሲያዊ መሰላት ጉጅለ ዝበሃሉ ዕርሑ፡፡

### ሀ. መሰል ዓርሰ ምሕደራ፣ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን

መሰላት ዜጋታት ምዃኖም ካብ ዝፍለጡን ንህዝብታት ይምልከቱ ተባሂሎም ካብዝግለፁን መሰላት ውሽጢ ናይ ዓርስኻ ዕድል ዓርስኻ ናይ ምውሳን መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሓዲኡ'ዩ፡፡ እዚ መሰል ህዝብታት ብድሌቶም ብሓባር ንኽነብሩ ዘኽእሎም መሰል እዩ፡፡

እዚ መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዓርሶም ንምምሕድዳር፣ ባህሎምን ቋንቋኦምን ንምዕባይን እንተደልዮም ድማ ናይ ባዕሎም ነፃ ምምሕድዳር

ንምምስራት ዘኽእሎም ኩሎም መሰላት ምጥቃም የጠቓልል፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ነዚ ህዝቢ ካብ ዝተረጋገፀሉ ካልኦት መሰላት ብዴሞክራሲያዊ መሰሉ ተጠቒሙ ዝመረፆም ሰበ ስልጣን መንግስቲ ንምቁፅፃርን ኣብ ኣቶም እምነት እንተስእንን ኣየድልዩንን ኣብ ዝብለሉ ግዘ ካብ ስልጣን ኣውሪዱ ብኻልኦት ናይ ምትካእ መሰል'ዩ፡፡ እቲ ህዝቢ ነዚ መሰል ንኽጥቀም ዝእግዶ ነገር ክህሊ የብሉን፡፡

ለ. መሰል ምውዳብ፣ ምእካብ፣ ምክያድ ሰላማዊ ሰልፍን ምቕራብ ጥርዓንን፤

ዴሞክራሲያዊ መሰላት ዜጋታት እንትብሃል ምእካብ፣ ምውዳብን ሰላማዊ ሰልፊ ብምክያድ ተቓውሞኻ ምግላፅን የጠቓልል፡፡

መሰል ምውዳብ፣ ምእካብ፣ ምክያድ ሰላማዊ ሰልፍን ምቕራብ ጥርዓንን፤ ምእንተ ምኽባር ድሕንነት፣ ክብርን ሰናይ ስምን ዜጋታትን፣ ሹናት ንምውላዕ ዝግበሩ ምልዕዓላት ሰብኣዊ ክብሪ ዝነኽኡ ኣብ ኣደባባይ ዝወሃቡ መግለፅታትን ንምኽልኻልን እንትብሃል ሕጋዊ ደረት ክግበረሎም ይከኣል፡፡

እዞኦ ም መሰላት እዚኦም መሰረታውን ልዑል ግምትን ዝወሃቦም መሰላት'ዮም፡፡ ሰባት ንህይወቶም ዘድልዮም ንኽማልኡ ብዝተፈላለዩ ኣንፈታት ተኣኻኺቦምን ተወዲቦምን ሓባራዊ ፀገሞም ብሕብረት ክፈትሑ ይግብኦም፡፡

ዝኾነ ሰብ ብዘይድልየቱ ናይ ዝኾነ ውድብ ኣባል ንክኸውን ምግዳድ ኣይከኣልን፡፡ መሰላትን ነፃነታትን ምእካብ፣ ምውዳብን፣ ምክያድ ሰላማዊ ሰልፍን ንናይ ካልኦት መሰላትን ነፃነታትን ዝዳፍኡ ክኾኑ የብሎምን፡፡ ኣብ ውሽጢ ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታት እዛ ሃገርን ንዝሰፈሩ መሰላት ንምጥሓስን ንምፍራስን ዝግበር ውዳበ ተቐባልነት የብሉን፡፡

ሐ. ልዕልነት ህዝቢ

ልዕልነት ህዝቢ ማለት ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘለዉ ህዝብታት ፍልፍልን ሰብ ዋናን ስልጣን'ዮም ማለት'ዩ፡፡ ስልጣን ህዝቢ ብሕጊ ተሓጊጉ ዝወሃብ እንተይኰነስ ካብ ባዕሉ ካብቲ ህዝቢ ዝፍልፍል'ዩ፡፡ ልዕልነት ህዝቢ ተረጋጊፁ ወይ ልዕልነት ህዝቢ ኣሎ ንምባል እንኽእል ህዝቢ ናይ ባዕሉ ዕድል ባዕሉ ምውሳን እንትኽእል፣

መመሓደርቱን ወከልቱን ምምራፅ እንትኽእል፣ ወከልቱን መመሓደርቱን ኣብ ዝደለዮ ግዘ ከውርድ እንትኽእል'ዩ፡፡ ምርግጋፅ ልፅልነት ህዝቢ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ንምኽባር ኹሎም ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ወሳኒ 'ዩ፡፡




## መልመዲ - 9

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ምኽባር ዴሞክራሲያዊ መሰላት ጉጅለ ንወዲሰብ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ኣድላዪን ጠቓምን ክምዝኾነ ኣብርሁ፡፡
2. ዴሞክራሲያዊ መሰላት ጉጅለ ብኣግባቡ ንምጥቃም ብኣኻትኩም ንኽማላእ ትፅቢት ዝግበር እንታይ'ዩ?
3. ኣብ ልፅሊ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ጉጅለ ደረት ክግበረሎም ይከኣልዶ? ንምንታይ ?

## 1.3 ምክእኣል ፍልልይ

### 1.3.1 ፍልልይካ ብምክእኣል ሓቢርካ ምንባር ዘለዎ ረብሓ



*ስእሊ 1.1. ሰዓብቲ ሃይማኖት ክርስትናን እስልምናን ዝኾኑ መሓዙት ሓቢሮም እንተፅንዑ*

1. ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ብዝግባእ ኣስተባህልዎ፡፡ ኣብ መንጎ እቶም ህፃናት ዝረአዩ እንተንኣሰ ሰለስተ ኣፈላላያት ዘርዝሩ? ዝልለየሉ ኣፈላላያት ኣውፅኡ?
2. እዚ ስእሊ እንታይ የመላኽት? እንታይከ ተዓዚብኩም?

## እቶም ኣርባዕተ መሓዙት

ወልደገብርኤል ተኽታሊ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ እንትኸውን ሄለን ድማ ተኻ ታሊት ሃይማኖት ካቶሊክ'ያ፡፡ ሓሰንን ሃዋን ድማ ኣመንቲ ሃይማኖት እስልምና'ዮም፡፡ እዞም ኣርባዕተ መሓዙት፣ ተምሃሮ 7ይ ክፍሊ እንትኾኑ ኣዝዮም ዝፋተዉ መሓዙት'ዮም፡፡ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ኮነ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ፈፂሞም ኣይፈላለዩን፡፡ ብሓባር የፅንዑ፡፡ ብሓባር ይፃወቱ፡፡ ምሕዝነቶም ኣዝዩ ስጡም ብምኳኑ ንስድረኦም ኣላልዮም ብደረጃ ስድራ'ውን ይጠያየቑ 'ዮም፡፡

እዞም መሓዙት ብትምህርቶም ፅቡቕ ውፅኢት ንምርካብ ልዑል ፃዕሪ ይገብሩ፡፡ ቐዳምን ሰንበትን ትልሚ መፅናዕቲ ኣውፂኦም ኣብ ናይ ሓዲኦም ገዛ እናተራኸቡ ትምህርቶም የፅንዑ፡፡ ወለዶም'ውን እዞም መሓዙት ብሓባር ትምህርቶም ዘፅንዕሉ ዕለት ኣብ ገዝኦም ምኳኑ እንትፈልጡ ቁርሲ፣ ምሳሕ፣ ከምኡ'ውን ሻሂ እናዳለው የተኣናግድዎም፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ከም ልደት፣ ጥምቀት፣ ፋሲካ ዝበሉ በዓላት ሃይማኖት ክርስትያን ሓሰንን ሓዋን መምስ ወለዶም ኮይኖም እንዳ ሄለንን እንዳ ወልደገብርኤልን ብምኻድ እንኳዕ ኣብፀሓኩም ብምባል ሰናይ ትምኒቶም ይገልፅሎም፡፡ ብተመሳሳሊ መልክዕ ድማ ከም ዒድ፣ መወሊድን ዓረፋን ዝበሉ በዓላት ሃይማኖት እስልምና ብዝበፅሐ ቑፅሪ ሄለንን ወለደገብርኤልን መምስ ወለዶም ኮይኖም እንዳ ሓሰንን ሃዋን ከይዶም እንኳዕ ኣብፀሓኩም ብምባል ሰናይ ትምኒቶም ይገልፅሎም፡፡
ልዑል ፍቕሪ ምሕዝነት እዞም ኣርባዕተ ቆልዑ የመና ፅኑዕ ኣብ ልዕሊ ምኳኑን ኣብ ዝኾነ እዋን ከይተፈላለዩ ሓቢሮም ብምውዓሎምን ኣባላት ሓደ ስድራ ይመስሉ፡፡

ወለዶም’ውን ንኹሎም ቆልዑ ከም ናይ ባዕሎም ቆልዑ ብምርኣይ ዕቡቕ ፍቕሪ ይልግስሎምን ክንክን ይገብርሎምን፡፡ እዚ ርክብ እናዓበየ መጺኡ ስድራ እዞም ቆልዑ ኣብ ዕቡቕን ክፉእን ዝጣየቑ፣ ኣብ እዋን ፀገም ዝተሓጋገዙ ዕኑዕ ቤተሰባዊ ዝምድና ዝፈጠሩ ስድራ ኾይኖም፡፡



## መልመዲ - 10

**ብመሰረት ሓብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ**

1. ካብ ተግባር ኣርባዕቲኦም መሓዙት እንታይ ተማሂርኩም?
2. ካብ ስድራ ኣርባዕቲኦም መሓዙት እንታይ ተገንዚብኩም?
3. ከምናይዞም ኣርባዕቲኦም መሓዙት ዝበለ ፍቕሪ ዘለዎም መሓዙት ትፈልጡዶ? ትፈልጡ እንተኾይንኩም ኣሕፂርኩም ብፅሑፍ ግለፁ፡፡

ምክእኣል ኣፈላላይ ሓቢርካ ንምንባር ዘለዎ ረብሓ ልዑል‘ዩ፡፡ ምኽንያቱ ድማ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዘን ንውልቀሰብ ኾነ ንስድራ ኢሉ’ውን ንሕብረተሰብ ሰላምን፣ ፍቕርን ከምኡ’ውን ምትሕልላይ ስለዘዕስል’ዩ፡፡

ስድራ ንኡስ ክፋል ሕብረተሰብ’ዩ፡፡ ኣባላት ሓደ ስድራ ዝተፈላለየ እምነት፣ ኣረኣእያን ዝንባለን ክህልዎም ይኽእል፡፡ እዞም ኣፈላላያት ከምዘለዉ ኮይኖም ብሰላምን ፍቕርን ክነብሩ ዝኽእሉ ኣፈላላዮም ከከኣእሉ እንተለው’ዩ፡፡ ምክእኣል ኣፈላላይ ድማ ኣባላት እዞም ሓደ ስድራ ኣብ ሞንጎኦም ዘለው ኣፈለላያት ብሕውነትን ከምኡ’ውን ብምርድዳእን መንፈስ ኣኽቢሮም ክቕበሉ ይገብሮም፡፡ ኣባላት ስድራ ነንባዕሎም እቲ ሓደ ናይቲ ሓደ ኣፈላላይ ብኽብሪ ምቕባሎም ብሰላምን ብፍቕርን ሓቢሮምን ክነብሩ የኽእሎም፡፡

ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ’ውን ንኣፈላላያትካ ምክእኣል ኣብ መንጎኻ ዘሎ ርክብ ክጉልብትን ሓቢርካ ምስራሕ ክህሉን የኽእል፡፡ ኣብ ውሽጢ ኣባላት ሕብረተሰብ ባእስን ቅርሕንትን ንኸይፍጠር ተቐራሪብካ ንምዝርራብ፣ ንምዝታይን ንምድርዳርን ኢሉ‘ውን ዘይምቅድዳው እንተጋጥም ብሰላማዊ መንገዲ ምፍታሕ ንኽኽእሉ

ይሕግዝ፡፡ ምክእኣል ኣፈላላያት ሕብረተሰብ ኣብ ክሊ ኣፈላላያት ሓድነት ፈጢሩ ብሰላምን ፍቕርን ሓቢሩ ንክነብር የኽእሎ፡፡ ሓድነት ፈጢርካ ብሰላምን ፍቕርን ሓቢርካ ምንባር ምኽኣል ድማ ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ምጣነ-ሃፍታውን ረብሓታት ኣለውዎ፡፡



## መልመዲ - 11

***ኣብዘዎም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡***

1. ኣፈላላያት ምክእኣል ማለት እንታይ ማለት 'ዩ?
2. ምስ ካልኦት ብዙሕ ኣፈላላይ እናሃለወና ብሰላም ሓቢርና ምንባር እንኽእሎ ብኸመይ መንገዲ'ዩ?
3. ብሰላምን ብፍቕርን ሓቢርካ ምንባር እንታይ ረብሓታት ኣለውዎ?

## 1.4 ተግባራት መንግስቲ

### 1.4.1. ተግባራት ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ

- ካብ ሞንጎ ተግባራት ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ እንተነኣሰ ሰለስተ ዕርሑ፡፡

ፌዴራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝፍፅሞም ብዙሓት ተግባራት ኣለውዎ፡፡ እቶም ቀንዲ ድማ ዝስዕቡ'ዮም፡-

ሀ. ንሕገ መንግስቲ ይሕሉን ይከላኸልን፣

ለ. ናይዛ ሃገር ሓፈሻዊ ፣ ፓሊሲ፣ ስትራቴጅን ትልምን ምጣነ ሃፍትን ማሕበራዊን ልምዓትን የውፅእ፣ የፈፅም፣

ሐ. መከላኸልን ድሕንነትን ሃገርን ህዝብን ከምኡ'ውን ሓይሊ ፓሊስ ፌዴራላዊ መንግስቲ ይውድብ፣ ይመርሕ፣

መ. ንብሄራዊ ባንኪ የመሓዳድር፣ ገንዘብ የሕትም፣ ገንዘብ ይልቃሕ፣ ሸርፊ ወፃእን ልውውጥ ገንዘብን ይቆፃፀር፡፡ ክልላት ካብ ናይ

ውሽጢ ፍልፍል ብዛዕባ ዝልቅሕሉ ኩነታት ሕግን መምርሕን የውፅእ፣

ረ. ፓሊሲ ርክብ ወፃኢ ይውስን፣ ነቲ ፖሊሲ'ውን የፈፅም፣ ዓለምለኻዊ ስምምዓት ይፍፅም፣ የፅድቕ፣

ሰ. ግልጋሎታት መጎዓዚ ኣየር፣ ባቡር፣ ባሕሪ፣ ፖስታን ቴሌኮሙኒኬሽንን ብተወሳኺ ድማ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ክልላት ንላዕሊ ዘራኽቡ ዓበይቲ ፅርጊያታት የስፍሕ፣ ይዝርግሕ፣ የመሓዳድር፣ ይቆፃፀር፡፡

ሸ. ብዛዕባ ጉዳያት ናብ ውሽጢ ዓዲ መእተውን ካብ ውሽጢ ዓዲ መውፅእን፣ ብዛዕባ ስደተኛታትን ፖለቲካዊ ዑቑባን ይውስን፡ ይመርሕ፣ (ሕገ መንግስቲ ኢፌዴሪ ዓንቀፅ 51)



## መልመዲ - 12

***ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡***

ካብ ቀንዲ ተግባራት ፌዴራል መንግስቲ እንተነኣሰ ክልተ መሪፅኩም ንምንታይ ተግባራት ፌዴራል መንግስቲ ከምዝኮኑን፤ ተግባራት መንግስታት ክልል ክኾኑ ዘይከኣልሉ ምኽንያት እንታይ ከምዝኾነን ተመያየጥሉ፡፡

## 1.4.2. ተግባራት ክልላዊ መንግስታት

- ካብ ሞንጎ ተግባራት መንግስታት ክልል እንተነኣሰ ሰለስተ ፅርሑ፡፡

መንግስታት ክልል ዝፍፅምዎም ብዙሓት ተግባራት ኣለዉዎም፡፡ እቶም ቀንዲ ድማ ዝስዕቡ'ዮም፡-

ሀ. ንዓርሰ ምምሕዳር ዕላማ ዝገበረ ክልላዊ ምምሕዳር የመሓውሩ፤ ልዕልነት ሕጊ ዝዓሰሎ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ይሃንፁ፤

ለ. ሕገ መንግስቲ ክልልን ካልኦት ሕግታትን የውፅኡ፣ የፈፅሙ፣

ሐ. ፖሊሲ፣ ስትራቴጅን ትልምን ምጣነ-ሃፍቲ፣ ማሕበራዊ ኩነታትን ልምዓትን ክልል የውፅኡ፣ የፈፅሙ፣

መ. ፌዴራል መንግስቲ ብዘውፅኦ ሕጊ መሰረት መሬትን ሃፍቲ ተፈጥሮን የመሓድሩ፣

ረ. ነቲ ክልል ኣብ ዝተወሰነሉ ክሊ ፍልፍል እቶት ግብሪ ብደረጃ ክልል ግብርን ቀረፅን ይውስኑ፣ ይእክቡ፣ በጀት እቲ ክልል የውፅኡ፤ የፈፅሙ፣

ሰ. ምሕዳራን ኩነታት ስራሕን ሰራሕተኛታት እቲ ክልል ምምሕድዳር ብዝምልከትን ሕጊ የውፅኡ፣ የፈፅሙ፣ ኮይኑ ግና ንሓደ መደብ ስራሕ ዘድልዩ መመዘንታት ብርኪ ትምህርቲ፣ ስልጠናን ልምዲ ስራሕን ምስ ሓፈሻዊ መመዘንታት እታ ሃገር ዝተቐራረቡ ምዃኖም ናይ ምርግጋፅ ሓላፍነት ይህልዎም፣

ሸ. ሓይሊ ፖሊስ እቲ ክልል ይውድቡ፣ ይመርሑ፣ ሰላምን ፀጥታን እቲ ክልል ክኸበር ይገብሩ፡፡



መልመዲ - 13

***ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ተመያየጡ፡፡***

ካብ ቀንዲ ተግባራት መንግስቲ ክልል እንተወሓደ ሰለስተ ምረፁ'ሞ ንምንታይ ተግባራት መንግስቲ ክልል ከምዝኾኑ፤ ተግባራት ፌዴራል መንግስቲ ክኾኑ ዘይኽእልሉ ምኽንያት እንታይ ከምዝኾነ ተመያየጡሉ፡፡

## 1.4.3. ምምሕዳር ከተማን ተፀዋዕነትን

- ምምሕዳር ከተማ ማለት እንታይ ማለት'ዩ?

በብክልሉ ዓርሶም ብዓርሶም ዘመሓድሩ ሕጋዊ ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ከተማታት ኣለው፡፡ እዞም ምምሕዳር ከተማታት ተፀዋዕነቶም ንዝመረፆም ህዝቢ ኮይኑ ናይ ዓርሶም ቤት ምኽሪ ኣለዎም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ መፈፀምቲ ስራሕ ዘለውዎም እንትኾን በዞም መፈፀምቲ ስራሕ ዝተመረፁ ከንቲባታት ዕለታዊ ስራሕቲ እዞም ከተማታት ይመርሑ፡፡ ምምሕዳር ከተማታት ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ተፀዋዕነቶም ካብ ዝመረፆም ህዝቢ ብተወሳኺ ነቲ ፌዴራላዊ መንግስቲ'ውን እዩ፡፡

ኣዲስ ኣበባ ማእኸል እቲ ፌዴራላዊ መንግስትን ርእሰ ከተማ ሃገርናን እያ፡፡ ከተማታት ብርክታት ምምሕዳር ኣለውዎም፡፡ ንኣብነት ኣብ ኣዲስ አበባ ብደረጃ ከተማ ቤት ምኽሪ እቲ ከተማ፣ ብትሕቲኡ ቤት ምኽሪ ክፍለ ከተማታት፣ ትሕቲ ኹሉ ድማ ቤት ምኽሪ ጣብያታት ኣለው፡፡ ነዞም ኣብያተ ምኽሪ ዝመርሑ መፈፀምቲ ስራሕ'ውን ኣለዉ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

ምስ መምህርኩም ተዛቲኹም ኣብ እትምስርትዎ ጉጅለ ኮይንኩም ካብዞም ዝስዕቡ መዛተዊ ነጥብታት ብዕፃ ዝበፅሐኩም መሰረት ገይርኩም መብርሂ ኣዳሊኹም ኣቕርቡ፡፡

ሀ. ተግባራት ፌዴራል መንግስቲ


ለ. ተግባራት መንግስታት ክልል

ሐ. ከተማ ኣዲስ ኣበባን ከተማ ድሬዳዋን ተፀዋዕነቶም ንፌዴራል መንግስቲ ብዛዕባ ዝኾነሉ ምኽንያት

## 1.5. ኣካላት ስልጣን ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ፤

- ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ ስእሊ ኣብ ደፍተርኩም ምስ ሰኣልኩም ብመሰረት

ዝተወሃቡ ኣብነታት ኣብ ውሽጢ ሓፁር ብዘለው ምልክታት ሕቶ ዝውክልዎም ኣካላት ስልጣን ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፑብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣንብሩ፡፡




ስእሊ1.2. ኣካላት ስልጣን ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፑብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ

ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰለስተ ኣካላት ስልጣን ኣለውዎ፡፡ ብተመሳሳሊ መንገዲ መንግስታት ክልል'ውን ሰለስተ ኣካላት ስልጣን ኣለውዎም፡፡ ንሳቶም ድማ መውፅኢ ሕጊ፣ መፈፃሚ ሕግን ተርጓሚ ሕግን እዮም፡፡

### 1.5.1. መውፅኢ ሕጊ

መውፅኢ ሕጊ፣ ላዕለዋይ ኣካል ስልጣን ፌዴራል መንግስቲ እንትኸውን ንሱ'ውን ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ፌዴራል መንግስቲ'ዩ፡፡ ቤት ምኽሪ ክልል ድማ ላዕለዋይ ኣካል ስልጣን መንግስቲ ክልል'ዩ፡፡ ብደረጃ ፌዴራል መውፅኢ ሕጊ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ'ዩ፡፡ ኣብ ክልል ድማ መውፅኢ ሕጊ ቤት ምኽሪ ክልል'ዩ፡፡

በዚ መሰረት ተግባራት ኣከላት መውፅኢ ሕጊ ኣብዛ ሃገርን ኣብ ክልላትን ኣብ ተግባር እንትውዕሉ ናይቲ ህዝቢ ሰላምን ፀጥታን ከኽብሩን ከሕልዉን ዝኽእሉ ሕግታት ምውፃእን ምፅዳቕን'ዩ፡፡ እቶም ሕግታት፣ ኣዋጃት፣ ደንብታት፣ መምርሕታት... ወዘተ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

### 1.5.2. መፈፀሚ ሕጊ

ብደረጃ ፌዴራል መንግስቲ መፈፀሚ ሕጊ ቤት ምኽሪ ሚኒስትራት 'ዩ:: ብደረጃ ክልል ድማ መፈፀሚ ሕጊ ምምሕድዳር ክልል (ካቢኔ)'ዩ:: ቀንዲ ተግባራት መፈፀሚ ሕጊ፣ ድማ መውፅኢ ሕጊ ዘውፅኦም ሕግታት ተግባራዊ ክኾኑ ወይ ተተግበርቲ ምግባር'ዩ::

በዚ መሰረት ዝወፁ ሕግታት ብትኽክልን ብኣግባቡን ኣብ ስራሕ ክውዕሉ ይገብር:: እዞም ተግባራት ንምፍፃም ዝተፈላለዩ ኣብያተ ዕዮ ሚኒስትር፣ ሓይሊ ፖሊስ፣ ኣብያተ ዕዮ ዓቃቢ ሕግን ኣብያተ ህንፀትን የመሓውር፣ ኣፈፃፅማ ስርሖም ይከታተል:: ብደረጃ ፌዴራል ቀንዲ መፈፃሚ ኣካል ብቀዳማይ ሚኒስትር ይምራሕ::

### 1.5.3. ተርጓሚ ሕጊ

ብደረጃ ፌዴራል እቲ ተርጓሚ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ፌዴራል ኮይኑ ኣብ ውሽጡ ድማ በብብርኩ ዝተመሓወሩ ኣብያተ ፍርዲ ዝጠመረ'ዩ:: ብደረጃ ክልል ድማ ተርጓሚ ሕጊ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ኮይኑ ኣብ ትሕቲኡ ድማ በብብርኩ ዝተመሓወሩ ኣብያተ ፍርዲ ይጠምር::

እዚ ኣካል'ዚ ብመውፅኢ ሕጊ ኮነ ብተርጓሚ ሕጊ ዝወፁ ሕግታት ብምትርጓም ኣብዛ ሃገር ሰላምን ፀጥታን ንኽዓሰል ዝሕግዝ'ዩ:: ቀንዲ ተግባር ተርጓሚ ሕጊ ብመሰረት ሕጊ ግልጋሎት ዳይነት ምሃብ'ዩ::

ኣብ ላዕሊ ክምዝተገለፀ ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ተግባራት ምውፃእ ሕጊ፣ ምፍፃም ሕግን ምሃብ ዳይነትን ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ይካየድ:: ካብዚ ንላዕሊ'ውን ኣብዚ መቐሎ ስልጣን ሓደ ኣካል ኣብ ናይ ካሊእ ስልጣን ንከየኣቱን ኩሎም ኣብ ናይ ባዕሎም ወሰን ስልጣን ዝተወሃቦም ሓላፍነትን ግቡእን ንኽዋፅኡ ዘግብርን መትከል'ዩ:: ስልጣን መንግስቲ ኣብ ሰለስተ ኣካላት ዝተመቓቐለሉ ቀንዲ ምኽንያት ስልጣን ኣብ ሓደ ኣካል ንኸይእከብ ንምግባርን ምልካውነት ንኸይዓስን ንምክልኻል'ዩ::

እዚ መትከል ኣብያተ ፍርዲ፣ መውፅእቲ ሕጊ ዝኾኑ ኣብያተ ምኽርን ትካላት መፈፀሚ ሕግን ሓዲኦም ኣብ ሕጋዊ ስልጣን እቲ ካልእ ኢዶም እንተየእተው እናተሓላለው ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ዝተውሃቦም ሓላፍነት ንኽፍፅሙ የኽእል፡፡ እዚ'ውን ስልጣን ኣብ ሓደ ኣካል ጥራሕ ንኸይእከብን ምልካውነት ንከይዓስልን ይከላኸል፡፡



## መልመዲ - 14

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ኣብ ውሽጢ ስርዓት ዴሞክራሲ ሰለስተ ኣካላት ስልጣን መንግስቲ ምህላው ንምንታይ ኣድለየ?

# 1.6 ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ

## 1.6.1 ኢትዮጵያ ንሃገራት ኣፍሪካ ዝገበረቶ ኣበርክቶ



*ስእሊ 1.3 ሰራዊት መኸበሪ ሰላም ኢትዮጵያ ዕማሙ እንትፍፅም*

- ኣብ ላዕሊ ካብ ዘለዉ ፎቶግራፋት እንታይ ትግንዘቡ?
- ኢትዮጵያ ንሃገራት ኣፍሪካ ብዛዕባ ዝገበረቶ ኣበርክቶ እትፈልጥዎ ጥቐሱ፡፡

ኢትዮጵያ ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእቲ ንዝወደቑ ሃገራት ኣፍሪካ ካብዚ መግዛእቲ ንኽናገፉ ኣብነት ኾይና'ያ፡፡ ኣፍሪካውያን ነፃነቶም ንምርግጋፅ ዕጥቃዊ ቃልሲ ኣብ ዘካየድሉ እዋን ተቓለስቲ ኣብ ኢትዮጵያ ወታደራዊ ስልጠና ንኽካይዱ ብምግባር ይኹን ደገፍ ሰራዊት ብምሃብ ልዑል ሓገዝ ገይራ'ያ፡፡

ኢትዮጵያ ኣብ ኣፍሪካ ሰላም ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበሩ ምንቅስቓሳት 'ውን ልዑል ግደ እናተፃወተት ትርከብ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ሰራዊት መኸበሪ ሰላም ኢትዮጵያ ደጋፊ ልእኽቶ ውድብ ሕቡራት መንግስታት ብምኳን ኣብ ኮንጎ፣ ሩዋንዳ፣ ቡሩንዲን ላይበሪያን እናፈፀሞ ዝፀንሐን/ዘሎን ዘኹርዕ ተግባር ምጥቃስ ይከኣል፡፡

ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ልእኽቶ ምኽባር ሰላም ምስታፍ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣብ ዝኸዶም ሃገራት ብኩናት ንዝተመዛበሉ ዜጋታት ዳግም እግሪ ብምትካልን ብምሕጋዝን ልዑል ኣበርክቶ እናገበረ ፀኒሑ'ዩ፡፡ እዚ'ውን ኢትዮጵያ እትኾርዐሉ፣ ልእኹቶ ሰላምን ልምዓትን ዝተሓንገጠ ሰራዊት ከምዘለዋ የርኢ፡፡ ብሓፍሽኡ ኢትዮጵያ ኣብ 1950 ታት ኣብ ኮሪያ መኸበሪ ሓይሊ ሰላም ኣዋፊራ ንኢትዮጵያ ጥራሕ እንተይኮነስ ኣፍሪካውያን ዝኾርዕሉ ዘዕግብ ልእኽቶ ተግቢሩ ምምላሱ ይፍለጥ፡፡ እዚ'ውን ንባዕሉ ተቐባልነትን ንምርግጋፅ ሰላም ኣፍሪካ ዘለዋ ተበግሶ ዘርኢ ጭቡጥ ተግባር'ዩ፡፡



## መልመዲ - 15

***ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት በብጉጅለ ተወዲብኩም ንሕድሕድ ሕቶ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ተጠቂምኩም (ካብ ቤተመፅሓፍቲ ፣ ካብ መምህር፣ ካብታሪኽ፣ --- ወዘተ) ካብ ክልተ ገፅ ዘይበለፀ ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡***

1. ሰራዊት ኢትዮጵያ ቅድሚ ሕዚ ንምኽባር ሰላም ካብ ዝወፈረሎም ሃገራት ሓደ ምረፁ'ሞ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምላሽ ዝህብ ፅሑፍ ኣሰናድኡ፡፡
   ሀ. እዋን እቲ ወፍሪ መዓዝ ከምዝነበረ፣
   ለ. ዝፈፀሞም ቀንዲ ተግባራት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ፡፡

# መጠቓለሊ

ስርዓት ዴሞክራሲ ብዙሓት መሰረታዊ መትከላት ኣለውዎ፡፡ እቶም ቀንዲ ድማ ፓለቲካዊ ስልጣን ንምሓዝ ዝካየድ ነፃ ውድድር፣ ልዕልነት ሕግን ግልፅነትን ተሓታትነትን'ዮም፡፡

ኣፈላላያት ምክእኣል ሓቢርካ ንምንባር ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡ ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዘን ወድ ሰብ ኣብ ክሊ ኣፈላላያት ሓድነት ፈጢሩ ብሰላምን ብፍቕርን ሓቢሩ ምንባር ንኽኽእል ይገብር፡፡

ፌዴራል መንግስቲ ዝፍፅሞም ብዙሓት ተግባራት ኣለውዎ፡፡ እቶም ቀንዲ ንሕገ መግስቲ ምሕላውን ምክልኻልን፣ ድሕንነት ሃገርን ህዝብን ምሕላው ከምኡ'ውን መከላኸሊ ሓይሊ ፓሊሲ ብፌዴራላዊ መንግስቲ ምውዳብን ምምራሕን ንብሄራዊ ባንኪ ምምሕዳር፣ ገንዘብ ምሕታም፣ ምልቃሕ፣ ሸርፊ ወፃእን ልውውጥ ገንዘብን ምቁፅፃር፣ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ምውሳን ፣ መጎዓዚ ኣየር፣ ባቡር ባሕሪ፣ ግልጋሎታት ፖስታን ቴሌኮሙኒኬሽንን ምዝርጋሕ፣ ብዛዕባ ናብ ሃገር ምእታውን ካብ ሃገር ምውፃእን፣ ፖለቲካዊ ዕቑባን ዝምልከቱ ጉዳያት ምውሳን'ዮም፡፡

ብሄራዊ መንግስታት ክልል ዝፍፅምዎም ብዙሓት ተግባራት ኣለውዎም፡፡ እቶም ቀንዲ ባዕልኻ ንባዕልኻ ንምምሕዳር ዕላማ ዝገበረ ክልላዊ ምምሕዳር መሓውር፣ ልዕልነት ሕጊ ዝዓሰላሉ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ምህናፅ፣ ሕገ መንግስቲ ክልልን ካልኦት ሕግታትን ምውፃእ፣ ሓይሊ ፖሊስ እቲ ክልል ምውዳብ፣ ምምራሕ፣ ሰላምን ፀጥታን እቲ ክልል ክሕሎ ምግባርን 'ዮም፡፡

ዴሞክራሲያዊ መንግስቲ ሰለስተ ኣካላት ስልጣን ኣለውዎ፡፡ እዚ ብምኳኑ ድማ ፌዴራል መንግስቲ ኾነ መንግስታት ክልል ኩሎም በብደረጃኦም ኣካላት መውፅኢ ሕጊ፣ መፈፀሚ ሕግን ተረጓሚ ሕግን ኣለውዎም፡፡

ኢትዮጵያ ብትኽተሎ ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ፣ ሃገራት ኣፍሪካ ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነፃ ክወፁ ልዑል ፃዕሪ ካብ ምክያድ ንላዕሊ ኣብ ተግባር ምኽባር ሰላም ብንጥፈት ብምስታፍ ልዑል ኣበርክቶ ገይራ'ያ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ፌዴራላዊ፡-** ባዕሎም ንባዕሎም ብዝመሓዳደሩ መንግስታት ክልል ሕብረት ዝተመሓወረ መንግስቲ፡፡

**ዴሞክራሲያዊ፡-** ዝለዓለ ስልጣን መንግስቲ ስልጣን ህዝቢ ዝኾነሉን እቲ ስልጣን ድማ እቲ ህዝቢ ነፃ ኮይኑ ብዝመረፆም ተወከልቱ ኣቢሉ ኣብ ተግባር ዝውዕል'ዩ፡፡

**ሪፐብሊክ፡-** ብመረፃ ህዝቢ ዝተመስረተ መንግስቲ

**ስምምዕነት ፕሮቶኮል፡-** ኣብ መንጎ ሃገራት ዝግበር ስምምዕነት ትምህርቲ፣ ባህሊ፣ ኢኮኖሚ ... ወዘተ'ዩ፡፡

**ሳንሱር፡-** መልእኽትታት ፅሑፍን ኤሌክትሮኒክስን ቅድሚ ናብ ሕትመት ምቕራቦምን ምዝርገሖምን ብመዳይ ፖለቲካን ሞራልን ዘስዕብዎ ፀገም ንኽይህሉ ንምዕራይ ዝግበር ቅድመ ምርመራ ወይ ድማ ቁፅፅር'ዩ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ሕድሕድ ሓሳብ ቅኑዕ እንተኾይኑ “ሓቂ“ ቅኑዕ እንተዘይኮይኑ “ጌጋ” እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ኣብ ስልጣን ዘለዉ መራሕቲ ብመረፃ ክስዓሩ እንተለዉ ብፀጋ ይቕበሉ'ዮም፡፡
2. ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ መሰል ብህይወት ምንባር ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ደረት ኣይግበረሉን፡፡
3. ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ሰባት ንዝደለይዎ ሕጋውን ሰላማውን ዕላማ ምእካብ ይኽእሉ'ዮም፡፡
4. ምክእኣል ኣፈላላያት እቲ ሓደ ናይቲ ካሊእ ኣረኣእያ ብኽብሪ ምቕባል፣ ምትሕልላይን ምትሕብባርን ንክህሉን ሰላምን ፍቕርን ንክዓሰልን፡፡

5. ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ምውሳን፣ ነቲ ፖሊሲ'ውን ምፍፃም፣ ዓለም ለኻ ስምምዓት ምውዕዓልን ምፅዳቕን ተግባር መንግስታት ክልል 'ዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓረጋት ዝሰማዕማዕ ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተዘርዘሩ ሓረጋት ብምምራፅ ኣዛምዱ*

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| ____1. ስርዓት ዴሞክራሲ ዝቐመሉ ዓምዲ፣ | ሀ. ልዕልነት ሕጊ |
| ____2. መሰል ብማሕበር ምዉዳብ፣ | ለ. ሰብኣዊ መሰል ውልቀ ሰብ |
| ____3. መሰል ብሰላማዊ መንገዲ ምእካብ | ሐ. ሰብኣዊ መሰልጉጅለ |
| ____4. መሰል ሃይማኖት | መ. ዴሞክራሲያዊ መሰል ውልቀ ሰብ |
| ____5. መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብሄራትን ብሄረሰባትን | ረ. ዲሞክራሲያዊ መሰል ጉጅለ |
| ____6. ሓሳብ ብነፃ ናይ ምግላፅ መሰል | |
| ____7. ብህይወት ናይ ምንባር መሰል | |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብቕኑዕ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡*

1. ቀንዲ መትከላት ስርዓት ዴሞክራሲ ______፣______ን______ን'ዮም፡፡
2. ሰለስቲኦም ኣካላት ስልጣን መንግስቲ ______፣______ን ______ን'ዮም፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ሰበስልጣን ዝውስንዎ ውሳነ ድልየት ህዝቢ እምበር ናይ ባዕሎም ድልየት ዘንፀባርቕ ክኸውን የብሉን ዝብል መትከል ኣየንኡ'ዩ?

   ሀ. ግልፅነት — ለ. ተሓታትነት

   ሐ. ልዕልነት ሕጊ — መ. ኩሎም መልሲ'ዮም

2. ስልጣንን ተግባርን ፌዴራል መንግስቲ ዘይኮነ ኣየንኡ 'ዩ?

   ሀ. ምሕታም ገንዘብ — ለ. ብሄራዊ ባንክ ምምሕዳር

   ሐ. ግልጋሎት ቴሌክሙኒኬሽን ምዝርጋሕ — መ. ንክልላት ምምራሕ

3. ምክእኣል ኣፈላላያት ንምንታይ ይረብሐ?
   ሀ. ርክብ ሕድሕድ ንምጉልባት
   ለ. ብሓባር ኾይንካ ውፅኢታዊ ስራሕ ንምስራሕ፣
   ሐ. ኣብ ክሊ ኣፈላላይ ሓድነት ፈጢርካ ብሰላም ንምንባር፣
   መ. ዘይምቅድዳው ብሰላማዊ መንገዲ ንምፍታሕ፣
   ረ. ኩሎም መልሲ'ዮም፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃብሎም፡፡*

1. ኣካላት ስልጣን መንግስቲ ሰለስተ ምኻኖም ረብሕኡ እንታይ'ዩ? ብኣብነት ኣብርሁ፡፡
2. ተግባራት ፌዴራል መንግስትን መንግስታት ክልልን ኣነፃፅሩ፡፡

# ምዕራፍ ክልተ
## ልዕልነት ሕጊ

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፤**


**ነዚ ምዕራፍ እዚ ምስተምሃርኩም፡-**

- እንታይነት ሕገ መንግስትን ካልኦት ሕግታትን ትፈልጡ፣
- መግለፅታት ፅላል ሕግን ዘለዎ ረብሓን ትግንዘቡ፣
- ተመረፅቲ ህዝብን መንግስትን ስልጣኖም ብሕጊ ዝተደረተ ምዃኑ ትርድኡ፣

## 2.1. ሕገ መንግስቲ፤

### 2.1.1. እንታይነት ሕገ መንግስቲ ፌዴራል፤

- ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንምንታይ ፌዴራላዊ ሕገ መንግስቲ ተባሂሉ?




*ስእሊ 2.1 ሕገ መንግስቲ ፌዴራል መንግስቲ ንሕገ መንግስታት ክልልን ንኻልኦት ሕግታትን ደንብታትን ኩሎም መበገሲ'ዩ፡፡*

ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ስርዓት ምምሕዳር ፌዴራል መንግስቲ ዝመሓደደሩ ሃገራት ዝምርሕሉ ናይ ኩሎም ሕግታት ላዕለዋይ ሕጊ 'ዩ:: ብስርዓት ፌዴራል ኣብ ዝመሓዳደሩ ሃገራት ካብ ሓደ ንላዕሊ ሕገ-መንግስታት ክህልውዎም ይኽእሉ:: እዚ ማለት ነቲ ፌዴራላዊ መንግስቲ ዝመስረቱ ክልላዊ መንግስታት ነናይ ዓርሶም ሕገ መንግስቲ እንትህልዎም፣ እቲ ማእኸላይ ወይ ፌዴራላዊ መንግስቲ ተባሂሉ ዝፅዋዕ'ውን ናይ ዓርሱ ሕገ መንግስቲ ይህልዎ:: ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ብስምምዕ ነቲ ፌዴራላዊ መንግስቲ ዝመስረቱ ኣባል ክልላት ዝተዳለወን ዝፀደቐን ናይ ሓባሮም ዝኾነ ገዛኢ ሰነድ'ዩ:: ስለዚ ኣብ ውሽጢ እዚ ፌዴራል መንግስቲ ንዘለው ክልላት ላዕለዋይ ሕጊ ኮይኑ የገልግል:: ብዚ መሰረት ንሕገ መንግስቲ ፌደራል ዝፃብኡ ክኾኑ የብሎምን::

ብሓፈሻ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ብስርዓት ፌዴራል ንዝምራሕ ሃገር ቀንዲ መመሓዳደሪ ሕጊ'ዩ:: ስለዝኾነ  እዚ ሕገ መንግስቲ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን መትከላት እቶም ሃገራት ዝግለፀሉ ሃገራዊ መመሓዳደሪ ሰነድ ኮይኑ የገልግል:: እዚ ሕገ መንግስቲ ንኻልኦት ሕግታትን ደንብታትን ኩሎም መበገሲ'ዩ::

ሃገርና ኢትዮጵያ ንስርዓት ፌዴራል ምኽታል ካብ ዝጀመረትሉ ካብ 1987 ዓ.ም ጀሚሩ ብስምምዕ ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝፀደቐ ንስርዓት ፌዴራል ዘንፀባርቕ ሕገ መንግስቲ ኣለዋ:: እዚ ሕገ መንግስቲ'ውን ናይዛ ሃገር ላዕለዋይ ሕጊ ኰይኑ የገልግል:: ክልላት'ውን ናይ ባዕሎም ወድዓዊ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው  ዘሰናድእዎ ኮይኑ ግና ንሕገ መንግስቲ ፌዴራል ዘይፃባእ ነናይ ባዕሎም ሕገ መንግስቲ ኣለዎም::

"እዚ ሕገ መንግስቲ ላዕለዋይ ሕጊ እዛ ሃገር 'ዩ:: ዝኾነ ሕጊ ፣ ልማዳዊ ኣሰራርሓ ከምኡ'ውን ውሳነ ኣካል መንግስቲ ወይ ብዓል ስልጣን ምስዚ ሕገ መንግስቲ ዝፃባእ እንተኾይኑ ተፈፃምነት ኣይህልዎን" /ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ፣ /ዓንቀፅ 9፣ ተ.ቑ.1/



## መልመዲ - 1

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣብ ሃገርና ክንደይ ሕገ መንግስታት ኣለዉ?
2. ኣብ ሃገርና ልዕሊ ሓደ ሕገ መንግስታት እንተሃልዩም ንምንታይ ክህልዉ ከምዝኸኣሉ ኣብርሁ፡፡
3. ካብ ኩሎም ሕገ መንግስታት ላዕለዋይ ዝኾነ ሕጊ ኣየንኡ'ዩ?
4. ኣብ መንጎ ሕገ-መንግስቲ ፌዴራል መንግስትን ሕገ-መንግስታት ክልላትን ኣፈላላያት እንተተፈጢሮም ተቐባልነት ዝህልዎ ኣየንኡ ሕገ መንግስቲ'ዩ? ንምንታይ?

## 2.1.2 ኣድላይነት ሕገ መንግስቲ ፌዴራል

- ረብሓ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ዘርዝሩ፡፡

ሓደ መለለዩ ባህሪ ምምሕዳር ፌዴራላዊ መንግስቲ ኣብ መንጎ ማእኸላይ (ፌዴራል) መንግስትን መንግስታት ክልልን ዘሎ መቐሎ ስልጣን'ዩ ፡፡ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ናይዞም ክልተ ኣካላት (ፌዴራልን ክልላትን) ኣፈላላይ ስልጣን፣ ሓድነትን ርክብን ብግልጺ ፈልዩ የመላኽት፣ የቐምጥ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ኣድላይ ዝኾነሉ እዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ንምምላእ'ዩ፡፡

- ህዝብታት ኣብ ናይ ባዕሎም ዛዕባ ባዕሎም ንኽውስኑ ፣ ባዕሎም ንባዕሎም ንኽመሓድሩ፣
- ግልጋሎት ትካላት ምምሕድዳርን ኣካላት ፍትሕን ኣብ ቀረበኦም ንኽረኽቡ፣
- ህዝብታት ኣብ ዝተፈላለዩ ብርኪ ምምሕዳራት ዘለዎም መሰል ምስታፍን ምውካልን ንምጉልባትን ብደረጃ ክልልን ፌዴራልን ዝህልዎም ውክልናን ተሳትፎን ንምጥንኻርን፣
- ኣብ መንጎ ክልላት ዝተመጣጠነ ዕብየት ክህሉ ንምግባር፣
- ኣብ መንጎ ህዝብታት ኣብ ድልየትን ማዕርነትን ዝተመሰረተ ሓድነት

ንምጉልባት፣

- ኣብ መንጎ ፌዴራል መንግስትን መንግስታት ክልልን ክፍፍል ስልጣንን ሃፍትን ፍትሓውን ሚዛናውን ብዝኾነ ኣገባብ ንምውሳን፣
- ሉኣላውነት ስልጣን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ንምርግጋፅ፣
- ስልጣንን ሓላፍነትን መንግስቲ፣ ምስግጋር ስልጣን፣ መሰላትን ነፃነታትን ዜጋታት፣ ውክልና ህዝብታት ... ወዘተ ንምርግጋፅ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 2

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ፡፡***

1. ኣብ ሃገርና ዘለዉ ክልል መንግስታት ዘማእኸሎም ሓበራዊ ሕገ መንግስቲ እንተዘይህልዎም እንታይ ዓይነት ፀገማት ክፍጠሩ ምኽኣሉ?
2. ሕገ መንግስታት ብብርኪ ክልልን ፌዴራል ምህላዎም ከምፅኦም ዝኽእል ረብሓታት ዘርዝሩ፡፡

## 2.1.3. ፅላል ሕጊ ንዜጋታት ዝህቦ ረብሓ

- ሰባት እንትበኣሱ ወይ በደል እንትበፅሖም ናብ ሕጊ ቦታ ኣባ ፅሑኒ ኢሎም ዝምሕፀኑ ንምንታይ ይመስለኩም?

### ከድርን ብርሃነን

ከድርን ብርሃነን ኣብ ቤት ትምህርቶም ብዝተፈላለየ መንገዲ ግዕዝይና ከምዝፍፀም ብዝግባእ ፈሊጦም ኣለዉ፡፡ ካብኡ ክልቲኦም ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት ትምህርቲ ዝፍፀም ግዕዝይና ከምዘሎ'ኳ ሓበራዊ ኣረዳድኣ እንተሃለዎም ንምቅላዕ ምስ ወሰኑ ኣብ ሓደ ሓባራዊ መደምደምታ ሓሳብ ክበፅሑ ግን ኣይከኣሉን፡፡

ከድር ንዝተፈፀመ ግዕዝይና እንትነቃልዕ ቤት ትምህርትና ፅላል ሕጊ ክገብረልና እንተዘይኪኢሉ ክንጉዳእ ንኽእል ኢና እንትብል፣ ብርሃነ ድማ ንዝተፈፀመ ግዕዝይና ንምቅላዕ ዝኾነ ዓይነት ፅላል ሕጊ ኣየድልን ይብል፡፡ ኣብዚ ንኽልቲኦም ዘካትዕ ሓሳብ ርኢቶ ንኽትህ'ቦም ናይቐረባ መሓዘኦም ንዝኾነት ንኣኸዛ ሓተትዋ፡፡



## መልመዲ - 3

***ብመሰረት እዚ ንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ንስኻትኩም ኣኸዛ እንተትኾኑ እንታይ ዓይነት ሪኢቶን መፍትሒ ሓሳብን ምሃብኩም?
2. ነቲ ዝተፈፀመ ግዕዝይና ብምቅልያም ጉድኣት ንኸይበፅሖም ፅላል ሕጊ ክህብ ዘለዎ ኣካል መን'ዩ?
3. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ንዝረአዩ ፀገማት ግዕዝይና ንዝሕብሩ፣ ንዘቃልዑ ተምሃሮ ቤት ትምህርትኹም ፅላል ሕጊ ከምዝህብን ከምዘይህብን ሓቲትኩም ዝረኸብኩምዎ መልሲ ንመማህርትኹም ኣቕርቡሎም፡፡

ፅላል ሕጊ ማለት ኣብ መንጎ ዜጋታት ኣፈላላይ እንተይገበርካ ንህይወቶምን ንንብረቶምን ሕጋዊ ሓለዋን ውሕስናን ምሃብ ማለት 'ዩ፡፡ ፅላል ሕጊ ሃፍትን ሓይልን ዘለዎም ሰባት ብሓይሊ ገንዘብ ይኹን ብጉልበት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዜጋታት በደል ንኸየብፅሑ ይከላኸል፡፡

ዜጋታት ኩሎም ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብነፃነት ክንቀሳቐሱ ከምኡ'ውን ኣብ ዝመረፅዎን ኣብ ዘንቀድሉን ጉዳይ ምጣነ-ሃፍቲ፣ ፓለቲካን ማሕበራውን ንኽሳተፉ ምሉእ መሰልን ውሕስናን ይህብ፡፡ ልዕልነት ሕጊ ኣብ ሕገ መንግስቲ ንዝተቐመጡ ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት መኽበሪ መሳርሒ ኮይኑ'ውን የገልግል፡፡



## መልመዲ - 4

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም፡፡***

1. ፅላል ሕጊ ማለት እንታይ ማለት'ዩ?
2. ዜጋታት ፅላል ሕጊ ዘድልዮም ንምንታይ 'ዩ?
3. ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ንህፃናት ዝህቦ ፅላል ሕጊ ዘርዝሩ፡፡

## 2.2. ስነምግባር

### 2.2.1. ሕብረተሰብ ካብ ተምሃሮ ዝፅበዮ ስነምግባር

ካብዚ ንታሕቲ ኣብ ዝቐረበ ሰደቓ ተደሪኽኩም ሕብረተሰብ ካባኹም ካብ ተምሃሮ ዝፅበዮ ሰናይ ስነ ምግባር ብዝምልከት (✓) ምልክት ብምግባር ኣመልክቱ፡፡

| ተ.ቑ | ፀጋታት | ሰናይ ስነ ምግባር | ሰናይ ዘይኰነ ስነ ምግባር |
|---|---|---|---|
| 1 | ዓቕሚ ንዘይብሎም ምሕጋዝ፡፡ | | |
| 2 | ንከባቢኻ ብዓርስ ተበግሶ ምፅራይ፡፡ | | |
| 3 | ፀገም ከባቢኻ ብሓባር ንምፍታሕ ፃውዒት እንትቐርብ ቐዲምካ መርኣያ ኮይንካ ምርካብ፡፡ | | |
| 4 | ንዓበይቲ ምኽባር፣ ንኣናእሽተይ ምክንኻን፡፡ | | |
| 5 | ንዝተፀገመ ሰብ ካብ ዘለና ምምቓል፡፡ | | |
| 6 | ኣብ ውሽጢ ኣውቶብስ ቐዳምነት ንድኹማት ዓቕሚ ወንበር ምሃብ፡፡ | | |
| 7 | ትርፊ ሰዓት ኩሉግዜ ኣብ ፀወታ ምሕላፍ፡፡ | | |
| 8 | ንመማህራንካ ምኽባር፡፡ | | |
| 9 | ዘይሕጋዊ ተግባራት ክፍፀሙ እንትትርኢ ዘይምቅዋም፡፡ | | |
| 10 | ኣብ ውሽጢ ዘይሕጋዊ ተግባራት ዘይምእታው፡፡ | | |
| 11 | ኣብ እዋን ፈተና ካብ ካልኦት ዘይምቕዳሕ፡፡ | | |
| 12 | መሰል ካልኦት ሰባት ዘይምንካእ፡፡ | | |

ስነ ምግባር:- ሓደ ሰብ ብመንፅር ዝነብረሉ ከባቢ ክፍፅሞ ዘለዎን ዘይብሉን፣ ፅቡቕን ሕማቕን፣ ቅኑዕ ዝኾነን ዘይኾነን ተግባራት ዝምዝነሉ መትከል'ዩ፡፡

ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ሰናይ ስነ ምግባር ኣብዘይህልወሉ ግዘ ውልቃውነት፣ ስርዓት ኣልቦነት፣ ስርቂ፣ ምውቓዕ ወዘተ እናተጋፍሑ ይኸዱ፡፡ ካብዚ ዝተበገሰ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ክንዲ ምዕባይን ምምዕባልን ብድኽነት ንኽጎሳቘል ምኽንያት ይኸውን፡፡

ካብ ዘለዉና ባህልታት ከም ሓቢርካ ምብላዕ፣ ንዝተፀገመ ምሕጋዝ፣ ንኣረጋውያንን ዓበይትን ምኽባር፣ ኣብ ሓጎስን ሓዘንን ምትሕግጋዝ ዝብሉ ሰናይ ፀጋታት'ዮም፡፡

ምትሕግጋዝ ዝበሃሉ ሕብረተሰብና ተምሃሮ ደቂ ሃገር ተረከብቲ ዜጋታት ምዃኖም ብምግንዛብ ኣብ ዝሰርሕዎም ስራሕትን ዝፍፅምዎም ተግባራትን ኣሰር መርኣያ ሰናይ ስነ ምግባር ዝኾኑ ሰባት ክስዕቡ ይደሊ፡፡ ተምሃሮ ንስራሕ ዘኽብሩ፣ ተኣመንቲ፣ ሓቀኛታት ኣብ ዝነብርሉ ሰፈርን ኣብ ከባቢኦምን ንዝረአዩ ፀገማት ንምፍታሕ ዝፅዕሩ፣ ሓላፍነት ዝቕበሉን ግቡኦም ብኣግባቡ ዝፍፅሙን፣ ንህዝቦምን ሃገሮምን ዝፈትዉ፣ መሰል ካልኦት ዘኽብሩ ወዘተ ዝበሉ ስነ ምግባራት ክህልውዎም ይደሊ፡፡

ስለዚ ተምሃሮ ነዚኦምን ንካልኦትን መግለፂ ሰናይ ስነ ምግባር ዝኾኑ ፀጋታት ክስዕቡን ተኸናኺኖም ከፅንሕዎምን ይግባእ፡፡ ነዚ ተግባር እዚ ምፍፃም ዝኽእሉ ድማ ዜጋታት እዛ ሃገር እምበር ካልኦት ከምዘይ ኮኑ ተምሃሮ ብዝግባእ ክግንዘቡዎ ዝግባእ ጉዳይ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 5

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ከባቢኹም ሰናይ ስነ ምግባር ንዘለዎም ቆልዑ ብዓበይቲ እንትምረቑ ወይ ሰናይ ስነ ምግባር ንዘይብሎምን ካብ ስነ ስርዓት ወፃኢ ንዝኾኑን ድማ ነባሪ እቲ ከባቢ ብኣኣቶም እንትሓዝንን እንትማረርን ሰሚዒኹም'ዶ ትፈልጡ? እስቲ ዝሰማዕኹምዎም ምርቓን መርገምን ምስ ምኽንያቶም ግለፁ፡፡

| ኣብነት ምርጫ | ምኽንያት |
|---|---|
| የዕቢኻ | ዓብይቲ እንትልእኽዎ እሺ ኢሉ ስለ ዝተልኣኸ |
| | |
| | |
| | |
| **መርገም** | **ምኽንያት** |
| ኣብነት፣ብሓፂር ቅረ/አይትዕበ/ | ኣብ መንገዲ እናፀንሐ ንደቂ ኣንስትዮ ቆልው ስለ ዝወቅዕ |
| | |
| | |
| | |
| | |

ሓደ ሓደ ሰባት "ንወለዲ ምምእዛዝ" "ንዓበይቲ ምኽባር" ቀደም ቀርዩ እንትብሉ ይስማዕ ፡፡ ንስኻትኩም'ከ በዚ ሓሳብ ትሰማምዑዶ? ንምንታይ? ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡

## 2.3. ደረት ስልጣን

### 2.3.1. ኣብ ልዕሊ ሰበስልጣን መንግስቲ ኣድላይነት ምቕማጥ ደረት ስልጣን

- ሰበስልጣን መንግስቲ ዝበሃሉ ሰባት ኣይኖት 'ዮም?
- ኣብ ልዕሊ ሰበስልጣን መንግስቲ ምቕማጥ ደረት ስልጣን ንምንታይ የድሊ?

### ዕቡይ

ኣይተ ዕቡይ ሓላፊ ሓደ ቤት ዕዮ'ዮም፡፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት ዕዮ ኣብ ዘለዉ ኩሎም ስራሕቲ ጣልቃ ኣትዮም ብምሕምዛቕ ይፍለጡ፡፡ ኢዶም ዘየኣትውሉ ጉዳይ የለን፡፡ ቁፃር ሰራሕተኛ ክፍፀም ዝእዝዙ፣ ንሓደሽቲ ተቖፀርቲ ፈተና ዘውፅኡ ባዕሎም'ዮም፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት ዕዮ ካብ ዘለዉ ሰራ ሕተኛታት ንብሉፃት ሰራሕተኛታት መሪፁ ንሽልማት ኣብ ዘብቅዕ ኮሚቴ ውሽጢ ኣካቢ 'ዮም፡፡ ንባዕሎም 'ውን ብሉፅ ሰራሕተኛ ተባሂሎም ክልተ ግዘ

ተሸሊሞም'ዮም፡፡ ነቲ ቤት ዕዮ ዘድልዩ ኣቑሑ ዝዕደግሉ ቦታታት ወይ መቕረ ብቲ ኣቑሑ ዝውስኑ፣ ዕርየት ዝተገዝኡ ኣቑሑ ዘረጋግፁ ባዕሎም'ዮም፡፡ ካብዚ ዝተበገሰ ኣብ ውሽጢ እቲ ቤት ዕዮ ብዛዕባ ኣይተ ዕቡይ ክልተ ዓይነት ርኢቶታት ይውሃቡ'ዮም፡፡

እቲ ሓደ ኣይተ ዕቡይ በይኖም እዚ ኩሉ ስራሕ ቤት ዕዮ ብምስርሖም ክምስገኑ ክሽለሙ'ውን ይግባእ ዝብል እንትኸውን፣ እቲ ካሊእ ርኢቶ ድማ ንኣይተ ዕቡይ ደረት ስልጣን ክግበረሎም ይግባእ፣ እንተዘይኮይኑ ፀገማት ምፍጣሮም ኣይቐርን ዝብል'ዩ፡፡



## መልመዲ - 6

***ብመሰረት'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ***

1. ካብዞም ተዋሂቦም ዘለዉ ክልተ ርኢቶታት ንኣየንኡ ሓሳብ ትድግፉ? ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡
2. ኣይተ ዕቡይ ጥፍኣት ፈፂሞምዶ? ብከመይ?
3. ከምዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ንምክልኻል እንታይ እንተተገበረ ይሓሽ ትብሉ?

ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ንምስራሕ፣ ስራሕ ንምምራሕን ንምምሕዳርን ብመንግስቲ ዝተሾሙ፣ ብህዝቢ ዝተመረፁ ሓለፍቲ ስራሕ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ይበሃሉ፡፡ እዞም ሰበ ስልጣን መንግስቲ ዝተወሃቦም ሓላፍነት ብኣግባቡ ንኽፍፅሙ ክዋፅኡ ዘኽእል ብመሰረት ሕግን ደንብን ዝተዘርዘረ እኹል ስልጣን ይወሃቦም'ዩ፡፡ ስለዚ እዞም ሰበ ስልጣን ስልጣን እንተሃለዎም 'ውን ክፍፅምዎ ዝግብኦም ብሕጊ ተወሲኑ ኣብ ክሊ ዝተወሃቦም ደረት ስልጣን ጥራሕ'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና ካብ ዝተወሃቦም ደረት ስልጣን ሓሊፎም እንትርከቡ ተሓተትቲ ይኾኑ፡፡

ንኣብነት ሓደ ብዓል ስልጣን ብዘይትእዛዝ ቤት ፍርዲ ንዜጋታት ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ክውዕሉን ክቕፅዑን ክገብር ኣይኽእልን፡፡ እዚ እንተገይሩ ደረት ስልጣን ሓሊፉ ማለት'ዩ፡፡

ኣብ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ደረት ስልጣን ምግባር ዘድለየሉ ምኽንያት:-

- ዴሞክራስያውን ሰብኣውን መሰላት ዜጋታት ንኸይጠሓሱ፣
- ልዕልነት ሕጊ ንክይሸርሸር፣
- ስርዓት ግልፅነትን ተሓታትነትን ንምዕሳል፣
- ሕብረተሰብ ግቡእ ግልጋሎት ንኽረክብ፣
- ኣድሎኣዊ ኣሰራርሓታት፣ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝፍፀሙ ተግባራትን ስርዓት ኣልቦነት ንምክልኻል ወዘተ እዮም፡፡



## መልመዲ - 7

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃብሎም፡፡*

1. መደባት ትምህርቲ ንምምራሕ ብመንግስቲ ዝተሾሙ ሓለፍቲ ስራሕ ቤት ትምህርትኹም እንመን' ዮም?
2. እዞም ሓለፍቲ ካብ ዘለውዎም ስልጣንን ተግባርን ክልቲኦም ዕርሑ፡፡
3. ሓደ ብዓል ስልጣን መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ስልጣኑን ሓላፍነቱን ብሕጊ ደረት እንተዘይተገይርሉ ክበፅሑ ዝኽእሉ ሰለስተ ፀገማት ዕርሑ፡፡

# 2.4. ምስጢር

## 2.4.1. ምስጢር ስድራ ቤት

- "ምስጢር ገዛና ከይወፅእ" እንትበሃል ሰሚዒኹም'ዶ ትፈልጡ? ሰሚዒኹም እንተኾይንኩም ብኣብነት ክተብርሁ ፈትኑ፡፡

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብቲ ሰደቓ ንዘለው ዛዕባታት ብምምርማር መልሲ ሃብሎም፡፡

1ይ ካብ መንጎ እዞም ቐሪቦም ዘለዉ ኣርባዕተ ዛዕባታት ምስጢር ስድራ ቤት ዝኾኑ ፍለዩ፣

2ይ ምስጢር ስድራ ቤት ዝኾንሉ ምኽንያት ኣብርሁ፣

3ይ እዚ ምስጢር ስድራ እንተወፂኡ ክበፅሕ ዝኽእል ጉድኣት ዘርዝሩ፣

4ይ ካብ መንጎ እዞም ቐሪቦም ዘለዉ ኣርባዕተ ዛዕባታት ምስጢር ስድራ ቤት ክኾኑ ዘይኽእሉ ፈሊኹም ምኽንያትኩም ኣቕርቡ፡፡

| | | | |
|---|---|---|---|
| 1 | ብመስኮት ንደገ እናረአየት እናሃለወት ሃንደበት ብደገ ዝተደርበየ እምኒ ጠጠው ንዝበለት ናይ ካሊእ ሰብ መኪና መስትያት እንትሰበር ርእያ፡፡ ነዚ ተግባር ብዘይካ ንሳ ካሊእ ሰብ ዝረአየ የለን፡፡ | 2 | ወዲ 14 ዓመት ዝኾነ ቆልዓ ሽንቱ ክቆፃፀር ስለዘይኽእል ኣብ ዓራቱ ይሸይን፣ እዚ ጉዳይ ምስጢር ስድራ ቤት ኾይኑ ተዓቂቡ፡፡ |
| 3 | ኣብ መንጎ ወለዲ ከቢድ ዘይምርድዳእ ስለዝተፈጠረ ትምህርታ ክትመሃር ኣይከኣለትን፡፡ትትክዝ፣ሓልሓሊፋ'ውን ትበኪ፡፡ ኩነታታ ዘሕሰቦም ናይ ቀረባ መሓዙታን መምህራን እንታይ ከምዘጋጠማ ደጋጊሞም ስለዝሓተትዋ ብዛዕባእቲ ዘጋጠማ ጉዳይ ነጊራቶም፡፡ | 4 | ሓደ ስድራ ብዕፃ ሎቶሪ ብር ፍርቂ ሚልዮን በፂሒዎ፡፡ እዚ ጉዳይ ምስጢር ኮይኑ በቲ ስድራ ቤት ተዓቂቡ፡፡ |

ብዙሓት ስድራታት ብዛዕባ ዕለታዊ ናብርኦም ፣ ብዛዕባ ኣተዓባብያ ደቆምን፣ ባህርይን፣ ኩነታት ትምህርቶም፣ ብዛዕባ ስራሕ ፣ ብዛዕባ ማሕበራውን ፖለቲካ ውን ተሳትፎ … ወዘተ ይዝትዩን ይመኻኸሩን፡፡ ሓልሓሊፉ ኣብ መንጎ ኣባላት ስድራ፣ (ሰብኣይን ሰበይትን፣ ሓፍትን ሓውን፣ ወዘተ) ዘይምርድዳእን ግርጭትን ክረአዩ ይኽእሉ፡፡ እሞ እዞም ኣብ ውሽጢ ስድራ ዘጋጥሙ ጉዳያት ንኻልኦት ምዝራብ ዘየድልን መነወርን ተግባር 'ዩ፡፡

ምስጢር ስድራ ብኣባላት'ቲ ስድራ ጥራሕ ተዓቂቡ ዝፀንሕ ንቅሳነት ስድራ፣ ድሕንነትን ዕብየትን ኣድለይቲ ዝኾኑ ጉዳያት ኩሎም ይሕዝ፡፡ ምስጢር ስድራ ንኻልኦት ሰባት ዘይጠቅም እንተወፂኡ ግና ኣብ ልዕሊ እቲ ስድራ ጉድኣት ወይ ፀገም ከብፅሕ ዝኽእል ጉዳይ ክኸውን ይኽእል፡፡

ምዕቃብ ምስጢር ስድራ መግለፂ ባህርይ ሓደ ፅቡቕ ዜጋ'ዩ ፡፡ እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ባህርያት ክምዕብሉ ዝግብኦም ኣብ ውሽጢ ናብራ ሓደ ስድራ'ዩ፡፡ ምስጢር ስድራ ምሕላው ዝኸኣለ መንእሰይ ንድሓር ብብርኪ ሃገርን ቤት ዕዮን ዝፈልጠ ኾነ ብዝኾነ ኣጋጣሚ ዝረኸቦ ምስጢር ናይ ምሕላው ባህርይ ይህልዎ፡፡ በዚ'ውን እሙንን ሓቀኛን ዜጋ ይኸውን፡፡

ኮይኑ ግና ሓደ ሓደ ግዘ ምስጢር ዘይኮኑ ነገራት ምስጢር'ዮም ተባሂሎም ኣብ ውሽጢ ስድራ ተዓቂቦም ዝፀንሕሉ ኩነታት 'ውን ኣሎ፡፡ ንኣብነት፣ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሑ ተግባራት ምዕማፅ፣ ፀገም ኣካልን ኣእምሮን ዘለዎም ህፃናት፣ ግቡእ ብዘይኮነ ኣቀፃፅዓ ንዝተጎድአ ህፃን ምሕባእ ... ወዘተ ምስጢር ተባሂሎም ክዕቀቡ ይረአ፡፡ ከምዚኦም ዝበሉ ጉዳያት ምስጢር ኮይኖም ምዕቃቦም ኣግባብ ካብ ዘይምኻኑ ንላዕሊ ተግባር ገበን ዝኾነሉ ኩነታት'ውን ኣሎ፡፡ ስለዚ ኣባላት ስድራ ምስጢር ስድራ ዝኾኑ ጉዳያትን ምስጢር ስድራ ዘይኮኑ ጉዳያትን ፈልዮም ክርድኡ ክኽእሉ አለዎም፡፡



## መልመዲ - 8

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃብሎም፡፡*

1. ምስጢር ስድራ ማለት እንታይ ማለት 'ዩ?
2. ምስጢር ስድራ ክሕሉ ዘለዎ መን'ዩ?
3. ምስጢር ምሕላው ንምንታይ የድሊ?

### 2.4.2 ምስጢር ስድራ ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣት

- ምስጢር ስድራ ዘይምሕላው እንታይ ጉድኣት የስዕብ?
- ብምኽንያት ምስጢር ስድራ ዘይምሕላው ፀገም ዝበፅሖም ስድራታት ትፈልጡ'ዶ? እትፈልጥዎም እንተሃልዮም እቲ ዝተፈጠረ ፀገም ንመሓዙትኩም ንገርዎም፡፡

## እቲ መፍትሕ

እንዳ ኣብረሀት ገዝኦም ምስ ቆለፉ ነቲ መፍትሕ ኣብ ደገኣፍ ገዝኦም ኣብ ዝተቐመጠ መጉእ ኣብ ትሕቲኡ ሸጕጠምዎ ይኸዱ፡፡ ቐዲሙ ናብ ገዛ ዝመፀ ኣባል ስድራ ነቲ መፍትሕ ኣብ ትሕቲ'ቲ መጉእ ተሸኩዑ እዩ ዝረኽቦ፡፡ ንነዊሕ እዋን እዚ ምስጢር ካብ ውሽጢ ኣባላት ስድራ ወፃኢ ካሊእ ዝኾነ ሰብ ዝፈልጦ ኣይነበረን፡፡

ኮይኑ ግና ሓደ መዓልቲ ኣብረሀት ምስጢር'ቲ መፍትሕ ዝቕመጠሉ ቦታ ንመሓዙታ እንትትዛረብ ኣብ እዝኒ ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ለያቡ በፅሐ። ኣብ ካሊእ መዓልቲ ድማ ምሉእ ንብረት ገዝኦም ተሰሪቑ። ብሰንኪ'ዚ ኣብ ልዕሊ እቲ ስድራ ልዑል ጉድኣት በፅሐ። ብደረጃ ስድራ ክትግበሩ ዝተሓሰቡ ትልምታት ኩሎም ከንቱ ኮይኖም ቐረዩ። እዚ ጉድኣት ዝበፅሐ ምስጢር "እቲ መፍትሕ" ስለዝተፈለጠ ምኽኑ ነቲ ጉዳይ ዝተኻተተሉ ሓይልታት ፀጥታ ኣረጋጊፆም።



## መልመዲ - 9

***ኣብ ሳዕሲ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም።***

1. ምስጢር እቲ መፍትሕ ከመይ ክወፅእ ክኢሉ?
2. ንቅድሚት ክወፁ ዘይግብኦም ካልኦት ተመሳሰልቲ ምስጢራት ፀገም ከየብፅሑ ኣብ ውሽጢ ስድራ እንታይ ክግበር ኣለዎ?
3. እቲ ፀገም ንኽፍጠር ምኽንያት ዝኾኑ እንመን'ዮም?



## መልመዲ - 10

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃብሎም።***

1. ምስጢር ስድራ ዝበሃሉ ከመይ ዝበሉ ጉዳያት'ዮም?
2. ምስጢር ስድራ ብዘይምዕቃቡ ወይ ካብ ስድራ ወፃኢ ንደገ ብምውፅኡ ክፍጠር ይኽእል'ዩ ኢልኩም እትግምትዎ ፀገም ዘርዝሩ።

## 2.5. ግዕዝይና፤

### 2.5.1. ግዕዝይና ኣብ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት፣

- ኣብ ከባቢ'ኹም ኣብ ዝርከቡ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ክፍፀሙ ዝኽእሉ ተግባራት ግዕዝይና ግለፁ፡፡
- ናይ ባዕል'ኹም ወይ ናይ ቤተሰብኩም ጉዳይ ንኽተፈፅሙ

ናብ ሓደ ቤት ፅዮ ከይድኩም ስንፈለል ኢልኩምዶ ትፈልጡ? እንተገጢ ምኩም እቲ ኩነታት ንመሓዝትኩም ኣውግዕዎም፡፡

## እቲ ኮሚቴ

ሓደ ዘይመንግስታዊ ትካል ዕድሚኦም ልዕሊ 16 ዓመት ንዝኾኑ ክልተ ተምሃሮ ኣብ እዋን ክረምታዊ ዕረፍቶም ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ብግዝያውነት ተቑፂሮም ንኽሰርሑ ነቲ ቤት ትምህርቲ ዕድል ሂቡ፡፡ ብመሰረት እቲ ዝወፀ ረቛሒ ነቲ ዝተብሃለ ስራሕ ንምስራሕ ዝምረፁ ተምሃሮ፣ ተምሃሮ 9ይ ክፍሊ ኾይኖም ኣብቲ ዓመት ዝረኸብዎ ማእኸላይ ውፅኢት ትምህርቲ 85%ን ልዕሊኡን ዝኾነን ኣብ ክፍሊ ዝወፅዎ ደረጃ ድማ ካብ 1ይ-3ይ ክኾኑ ኣለዎም፡፡

እቲ ቤት ትምህርቲ'ውን ነዚ ዕድል እዚ ዝረኽቡ ተምሃሮ ኣወዳዲሩ ዝመርፅ ኮሚቴ ኣቑሙ፡፡ ኾይኑ ግን እቲ ኮሚቴ ምልክታ እንተየውፀአ በዚ ዝስዕብ ዝርዝር መሰረት ሓሙሽተ ተምሃሮ ጥራሕ ንውድድር ኣቕረበ፤

| ተ.ቑ | ሙሉእ ስም | ደረጃ ት/ቲ ክፍሊ | ዕድመ | ብልጫ (ፀብለልታ) | ውፅኢት 8ይ ክፍሊ |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ብርሃነ ተመስገን | 9 | 16 | 1ይ | 90% |
| 2 | ትርሓስ ሃፍቱ | 10 | 17 | 5ይ | 88% |
| 3 | ተኽሉ ሓጎስ | 9 | 17 | 1ይ | 92% |
| 4 | ሓሰን መሓመድ | 10 | 15 | 1ይ | 94% |
| 5 | ገ/ማርያም ሕሸ | 9 | 15 | 4ይ | 86% |

እቲ ኮሚቴ ኣብ ላዕሊ ብዝቐረበ ዝርዝር መሰረት ካብ ሓሙሽተ ተምሃሮ ካብ ኣባላት ኮሚቴ ንሓዲኦም ኳሊ ንዝኾነት ንተምሃሪት ትርሓስ ሃፍቱን ንሓደ ኣባል ኮሚቴ ወዲ ሓዉ ዝኾነ ተምሃራይ ገ/ማርያም ሕሸን መሪፁ ስም ዝርዝሮም ነቲ ትካል ኣሕለፈ፡፡ እቶም ተምሃሮ'ውን ተቖፂሮም ምስራሕ ጀሚሮ ም፡፡ ናይቲ ቤት ትምህርቲ ተወካሊ ተምሃሮ ግና ነቲ ዝተኻየደ ውድድር መረፃ ካብ መፈለምትኡ ጀሚሩ ፀገም ኣሰራርሓ ዘለዎ ምኳኑ ብትረት ብምክትዑ ነቲ ጉዳይ ዘፃሪ ኮሚቴ ክቐውም ተገይሩ ፡፡ እቲ ኮሚቴ ድማ ነቲ ጉዳይ እናመርመሮ ይርከብ፡፡



## መልመዲ - 11

***ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ብመሰረት እቲ ምንባብ ግዕዝይና ተፈፂሙ/ኣይተፈፀመን?
2. ግዕዝይና ተፈፂሙ እንተኾይኑ እንታይ ዓይነት ግዕዝይና'ዩ ተፈፂሙ?
3. ግዕዝይና ዝፈፀሙ እንመን'ዮም?
4. በቲ ዝተፈፀመ ግዕዝይና ተጎዳኢቲ ዝኾኑ'ኸ እንመን 'ዮም?
5. እቲ ቅኑዕ ኣሰራርሓ ከመይ ክፍፀም ነይርዎ ትብሉ?

ግዕዝይና ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ክረአ ዝኽእል ገበን 'ዩ፡፡ ግዕዝይና ብህዝብን መንግስትን ንዝተወሃበካ ሓላፍነትን ኣብ ዝተመደብካሉ ስራሕ መንግስትን ብዘይኣግባብ ንውልቅኻ ወይ ንኻሊእ ሰብን ወገንካን ወይ ንረብሓ ጉቦ ምቕባል፣ ስልጣንካ ብዘይ ኣግባብ ምጥቃም፣ ንብረት መንግስትን ህዝብን ኣብረብሓኻ ምውዓልን ብዝምድና ምስራሕን ዝበሉ የጠቓልል፡፡ እዞም ተግባራት ግዕዝይና ኣብ ውሽጢ መንግስታውን ዘይመንግስታዊን ትካላት ክፈፀሙ ዝኽእሉ ዘይሕጋዊ ተግባራት 'ዮም፡፡

ግዕዝይና ንኽፍፀም ምኽንያት ካብ መንጎ ዝኾኑ ነጥብታት ገሊኦም ንፁራት ዝኾኑ ሕግታትን መምርሕታት ኣሰራርሓን ዘይምህላው ይርከብዎም፡፡ ንኣብነት

ዝኾነ ግልጋሎት ክረክብ ናብ ሓደ ቤት ፅዮ ዝኸይድ ሰብ ጉዳዩ ንኽፈፅም ደንቢ ኣሰራርሓ እቲ ቤት ፅዮን ጉዳዩ ዝፍፅመሉ ፍሉይ ክፍልን ብዝግባእ እንተዘይፈሊጡ ዝደልዮ ግልጋሎት ንኽረክብ ይፅገም፡፡ ስለዝኾነ ላዕልን ታሕትን ካብ ዝብልን ዝንገላታዕን ኢሉ ብሕጋዊ መንገዲ ክረኽቦ ዝግባእ ግልጋሎት ዘይሕጋዊ ክፍሊት ክኸፍል ወይ ንሰራሕተኛታት ወሃብቲ ግልጋሎት ጉቦ ንምሃብ ይግደድ፡፡ ሓድ ሓደ ሻዕ ግልፂ ዝኾነ መምርሕን ኣሰራርሓን እንተሃለወ'ውን ሓደሓደ ሰራሕተኛታት ኮነ ኢሎም ንሰብ ጉዳይ ብምጉልእላእ ወይ ጉዳዮም ብምጉታት ተገልገልቲ ጉቦ ንኽህብዎም ዝገበር ኩነታት እንትፈጥሩ ይረአ፡፡

ሓድ ሓደ ሻዕ ንስራሕ መንግስቲ ብዝተመደበ መኪና ስራሕቲ ውልቀ ንግዲ እንትካየድ ፣ ንስራሕ መንግስቲ ብዝተውሃበ ፣ ኣቑሑ ቢሮ መንግስቲ ንውልቀ ስራሕኻ ምውዓልን ካልኦት ዘይግቡእ ስራሕ ምስራሕን እንትፍፀሙ ይረአ፡፡ እዚኦም ኩሎም ተግባራት ግዕዝይና 'ዮም፡፡ ንህዝቢ ዝተመደበን ብስም ህዝቢ ዝተረኽበን ገንዘብን ንብረትን ንልምዓት ኣብ ክንዲ ምውዓል ንውልቀ ረብሓ ምውዓል ኣብ ሓድ ሓደ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብተደጋጋሚ ዝረአዩ ተግባራት ግዕዝይና'ዮም፡፡

ብዝምድናን ወገንነትን ምስራሕ ካሊእ መንገዲ መፈፀሚ ግዕዝይና'ዩ፡፡ እዚ ዓይነት ግዕዝይና ሌላን ጉሌላን ብምፍፃም፣ ብመውስቦ፣ ብዝምድና ወዘተ ንዘይግባእ ሰብ ክጥቀም ብምግባርን ንኻሊእ ሰብ ድማ ብምጉዳእን ዝፍፀም ተግባር'ዩ:: ንኣብነት ስራሕ ንምቑፃር ዝወሃብ ፈተና ነቲ ተፈታናይ ወይ ንዘመዱ ኣቐዲምካ ብምዝራብ ነቲ መደብ ስራሕ ዘይምጥን ሰብ ክሓልፍ ብምግባር ፣ ክሓልፍ ዝግብኦ ድማ ዝወድቀሉን ዝጉደአሉን ኣድላዊ ኣሰራርሓ ሓደ መልክዕ ግዕዝይና'ዩ፡



## መልመዲ - 12

***እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።***

1. ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ዝፍፀሙ ተግባራት ግዕዝይና እትብልዎም ዘርዝሩ።
2. ብጉጅለ ኮይንኩም ካብዞም ተዘርዚሮም ዘለዉ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ሓዲኦም መሪፅኩም ኣብቲ ቤት ዕዮ ግዕዝይና እንትፍፀም ዘርኢ ድራማ ኣቕርቡ።
    1. ሆስፒታል
    2. ቤት ትምህርቲ
    3. ሓይሊ መብራህቲ
    4. ቤት ፅሕፈት ጣብያ ወይ ከባቢያዊ ምምሕድዳር

# መጠቓለሊ

ንዕብየትን ድሕንነትን ሓንቲ ሃገር ልዕልነት ሕጊ ክረጋገፅ ምግባር ወሳኒ'ዩ:: ልዕልነት ሕጊ ንኽረጋገፅ ድማ ልዕሊ ኹሎም ሕግታት ሕጊ ዝኾነ ሕገ መንግስቲ ብዝግባእ ክኽበር ኣለዎ:: ሕገ መንግስቲ ልዕሊ ኩሎም ሕግታት ብምዃኑ ንኻልኦት ሕግታት መበገሲ ሕጊ'ዩ:: ብስርዓት ምምሕድዳር ፌዴራል ዝምርሑ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት ረብሓኦምን መሰሎምን ተኸቢሮሎም፣ ተኸኣኢሎምን ተፋቒሮምን ንኽነብሩ ብሓባር ዝምርሕሉ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል የድልዮም:: ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ'ውን ነዚ ኣረጋጊፁ ኣሎ::

ኣብ መንጎ ዜጋታት ኣፈላላይ እንተይተገበረ ንህይወቶም፣ ንሃፍቶም ንመሰሎምን ንዙርያ መለሽ ድሕንነቶምን ሕጋዊ ሓለዋ ወይ ውሕስና ክህልዎም ይግባእ:: እዚ ድማ ፅላል ሕጊ ይበሃል::

ሕብረተሰብና ካብ መናእሰይ ተምሃሮ ሰናይ ስነምግባር ትፅቢት ይገብር:: ካብዞም ትፅቢት ዝግበሩ ሰናይ ስነምግባራት ገሊኦም ድማ ስራሕ ምፍታውን ምኽባርን፣ ኣብ ከባቢ ንዝፍጠሩ ፀገማት መፍትሒ ንምድላይ ቅድሚት ተረኺብካ መርኣያ ምዃን፣ ከባቢኻ ብዓርሰ ተበግሶ ምፅራይ፣ ንሽማግለታት ምሕጋዝ ፣ ዘለካ ንፅጉማት ምምቓል፣ ትሕትና፣ ተኣማኒ ምዃን ዝብሉ ባህርያት ይርከብዎም::

ሰበስልጣን ኣብ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ዘለዉ ተግባራት ንምፍፃም፣ ክፍፀሙ ንምግባርን ንምምራሕን ብመንግስቲ ዝሸየሙ ወይ ብህዝቢ ዝምረፁ ሓለፍቲ ስራሕ 'ዮም:: እዞም ሰበስልጣን ወሃብቲ ውሳነ ብምዃኖም ካብ ዝተወሃቦም ስልጣንን ሓላፍነትን ወፃኢ ንኽይሰርሑን በደል ንኽይፍፅሙን ዝተወሃቦም ስልጣን ብሕጊ ደረት ተገይርሉ'ዩ::

ኣብ ውሽጢ ኣባላት ስድራ ጥራሕ ተሓልዩ ዝፀንሕ ምስጢር፣ ምስጢር ስድራ ተባሂሉ ይፍለጥ:: እዚ ምስጢር ካብ ውሽጢ ኣባላት ስድራ እንተወፂኡ ኣብ ልዕሊ እቲ ስድራ ወይ ኣባል እቲ ስድራ ጉድኣት ከብፅሕ ይክእል::

ካሊእ ንልዕልነት ሕጊ ዘይምኽባር ምኽንያት ዝኸውን ግዕዝይና'ዩ፡፡ ዝተመደብካሉ ስራሕን ሓላፍነትን መንግስቲ ብዘይግቡእ ምጥቃም፣ ንባዕልኻ ወይ ንኻሊእ ሰብ ወይ ጉጅለ ክጥቀምን ክትጠቅምን ምሕታት፣ ብላዕ ወይ ጉቦ ምቕባል፣ ብስልጣን ምሽቃጥ፣ ምስራቕ፣ ብዝምድና ምስራሕን ካልኦት ተመሳሰልቲ ተግባራት ምፍፃምን፣ ተግባራት ግዕዝይና'ዮም፡፡ ኣሰራርሓታት ግልፂ ብዘይምግባር ንሰብ ጉዳይ ምጉልእላእ፣ ምስጢር ምውፃእን ምብኻንን ፣ ብዝምድናን ብፍልጦን ብምስራሕ ግዕዝይና፣ ክፍፀም ይኽእል፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ሕገ መንግስቲ ፌዴራል፡-** ብምምሕድዳር ፌዴራል ዝምርሑ ዝተፈላለዩ ማሕበረሰባት፣ ረብሓኦምን መሰሎምን ተኸቢሩ፣ ተኸኣኢሎምን ተኸባቢሮም ንኽነብሩ ብሓባር ዝምርሕሉ ሕገ መንግስቲ'ዩ፡፡

**ዕላል ሕጊ፡-** ኣብ መንጎ ዜጋታት ኣፈላላይ እንተይተገበረ ንህይወቶም፣ ንንብረቶም፣ ንመሰሎምን ንዝኾነ ድሕንነቶምን ዝግበር ሕጋዊ ሓለዋ ወይ ውሕስና 'ዩ፡፡

**ሰብ ስልጣን መንግስቲ፡-** ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ስራሕ መንግስቲ ንኽፍፅሙ፣ ንኽፈፅሙን ንኽመርሑን ብመንግስቲ ዝሸየሙ ወይም ዝምረፁ ሓለፍቲ ስራሕ'ዮም፡፡

**መንግስታዊ ትካላት ፡-** ብበጀት መንግስቲ ዝመሓደሩ ስራሕ መንግስቲ ንምፍፃም ዝቖሙ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ'ዮም፡፡

**ዘይመንግስታዊ ትካላት፡-** ብረዲኤት ወይ ብውህብቶ ብዝርከብ ገንዘብ ዝመሓዳደሩ፣ ህዝቢ ንምግልጋል ዝቖሙ ዘይመትረፍትን ብመንግስቲ ዘይምርሑን ትካላት'ዩም፡፡

**ደረት ስልጣን፡-** ስልጣንን ሓላፍነትን ዝሕብር ብሕጊ ዝተደገፈ ክሊ ወይ ወሰን ሓላፍነት ስልጣን 'ዩ፡፡

**ምስጢር ስድራ፡-** ብኣባላት ስድራ ጥራሕ ተፈሊጡ ምስጢነቱ ንኹሉሻዕ ተሓልዩ ዝፀንሕ ኣገደሲ ጉዳይ'ዩ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ትኽክል እንተኾይኖም "ሓቂ" ትኽክል እንተዘይ ኮይኖም ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሲ ሃቡ፡፡

1. ሕገ መንግስታት ክልል ብዝኾነ ዓይነት መንገዲ ምስ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ኣይፃብኡን፡፡
2. ኣብ ልዕሊ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ደረት ስልጣን እንተተገይርሎም ንዜጋታት ፅላል ሕጊ ምግባር ኣየድልን፡፡
3. ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሰበስልጣን ንዝፍፅምዎ ተግባር ምትሕልላፍ ሕጊ ብሕጊ ክሕተቱ ኣይኽእሉን፡፡

II. *ኣብ ሪጋ “ሀ” ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ካብ ሪጋ “ለ” ዝመሳሰልዎም እናደለኹም ኣዛምዱ፣*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ዝወዓሉ ሰባት ዝቐረበሎም ክስን ኣብ ቀይዲ ዝወዓልሉ ምኽንያትን ብዝርድኦም ቋንቋ ክንገሮም መሰል ኣለዎም፣ | ሀ. መሰል ፅላል ሕጊ ህፃናት |
| 2. ዝተወሃበካ ስራሕ ንኽትፍፅምን ንኽተፈፅምን ብሕጊ ዝተውሃበ ሓላፍነት | ለ. መሰል ፅላል ሕጊ ደቂ ኣንስተዮ |
| 3. ኣብ ልዕሊ ትምህርቱ፣ ጥዕናኡን ደሕንነቱን ጉድኣት ዘብፅሑ ስራሕቲ ንኽሰርሕ ዘይ ምግዳድ ወይ ከይሰርሕ ናይ ምሕላው | ሐ. መሰል ፅላል ሕጊ ኣብ ቀይዲ ዝወዓሉ ሰባት |
| 4. ሰነድ ሓሰት ብምቕራብ ካብ ቤት ፅዮ ዘይግበኣካ ክፍሊት ምቕባል | መ. ደረት ስልጣን |
| 5. ንደቂ ኣንስተዮ ዝውፅዑ ወይ ኣብ ልዕሊ ኣካለን ወይ ኣእምሮኣን ጉድኣት ዘስዕቡ ሕግታት፣ ባህልታትን ልምድታትን | ረ. ግዕዝይና |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብቕኑዕ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡*

1. ዜጋታት ንንብረቶም፣ ንመሰሎምን ብሰላም ናብ ዝደለይዎ ቦታ ንኽዘዋወሩን ________________ ሕጊ የድልዮም፡፡
2. ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ ካብ ዝተወሃቦም ስልጣን ወፃኢ ሓሊፎም ንኽይሰርሑ ________________ ምግባር ኣድላዪ'ዩ፡፡
3. ____________፣ ______________ን ________ ሕብረተሰብ ካብ ተምሃሮ ንኽማልኡ ትፅቢት ዝገብረሎም መግለፅታት ሰናይ ስነ ምግባር'ዮም፡፡

## IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ቅኑዕ መልሲ ምረፅሎም

1. ትኽክለኛ ቅደም ስዓብ ዝሓዘ ኣየንኡ'ዩ?
   ሀ. ደንቢ ቤት ትምህርቲ ➔ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ➔ ሕገ መንግስቲ ክልል ➔ መምርሒ ቢሮ ትምህርቲ
   ለ. መምርሒ ቢሮ ትምህርቲ ➔ሕገ መንግስቲ ክልል ➔ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ➔ ደንቢ ቤት ትምህርቲ
   ሐ. ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ➔ ሕገ መንግስቲ ክልል ➔ መምርሒ ቢሮ ትምህርቲ ➔ ደንቢ ቤት ትምህርቲ
   መ. ደንቢ ቤት ትምህርቲ ➔ ሕገ መንግስቲ ክልል ➔ መምርሒ ቢሮ ትምህርቲ ➔ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል
2. ካብዞም ዝስዕቡ ምስጢር ስድራ ዘይኮነ ኣየንኡ'ዩ?
   ሀ. ምስጢር ሰብኣይን ሰበይትን፣
   ሐ. ምስጢር መሓዛን ውልቀን
   ለ. ምስጢር ሓውን ሓፍትን
   መ. ምስጢር ኣቦን እኖን
3. ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ዘይግበር ስነ-ምግባር ኣየንኡ'ዩ?
   ሀ. ኣብ ልምዓት ከባቢ ምስታፍ
   ሐ. ከባቢኻ ሓቢርካ ምፅራይ
   ለ. ኣብ ማእኸል መንገዲ ጠጠው ኢልካ
   መ. ንምንኣስካ ምሕጋዝ ምውጋዕ

## V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብሓፂሩ መልሱ፡፡

1. ብምምሕዳር ፌዴራል ዝምርሑ ማሕበረሰባት ንምንታይ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል የድልዮም?
2. ሕገ መንግስቲ ፌዴራልን ክልልን ዝዛመድሉም መንገድታት ግለፁ፡፡
3. ኣብ ልዕሊ ሰበ ስልጣን ደረት ስልጣን ምግባር ንምንታይ ኣድለየ?
4. ምስጢር ስድራ ዝኾኑ ካብ ምስጢር ስድራ ዘይኮኑ ከመይ ምፍላይ ይከኣል?
5. ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ግዕዝይና ካብ ዝፍፀመሉም መንገድታት ክልተ ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ሰለስተ
## ማዕርነት

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ ፤-**

**ተምሃሮ ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፡-**

- መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ትፈልጡ፡፡
- ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ዝኾነ ኩነታት ማዕረ ምኳኖም ትርድኡ፡፡
- መሰል ማዕረ ተረባሕነት ጉዱኣት ኣካል ትግንዘቡ፡፡

### 3.1 መሰል ማዕርነትን ማዕረ ተረባሕነትን፣

- ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ማዕርነቶም ተሓልዩ ክነብሩ ምኽኣሎም እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

### ዘተ ትርሓስን ሓጎስን

ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኩሎም ዜጋታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ምኳኖም ደንጊጉ'ዩ፡፡ ከምኡ'ውን ፍሉይ ደገፍ ንዘድልዮም ኣካላት ሕብረተሰብ ዝተፈለየ ሓገዝን ደገፍን ንኽግበረሎም ዘኽእሉ ድንጋገታት ኣለዉ፡፡ እዚ ጉዳይ ብዝምልከት ተምሃሮ 7ይ ክፍሊ ዝኾኑ ትርሓስን ሓጎስን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ብመልክዕ ክትዕ ሪኢቶኦም በብተራ ከምዝስዕብ ገሊያም ነይሮም፡፡

ሓጎስ፡- ሕገ መንግስትና ኩሎም ዜጋታት ማዕረ ምኳኖም ስለዘረጋገፀ፣ እቲ ሓደ ምስቲ ካሊእ ከይተበላላፅና ማዕረ ክንረአ ኣለና፡፡ ምኽንያቱ'ውን ነቲ ሓደ ፍሉይ ደገፍ ተገይሩ ነቲ ካሊእ እንተተኸልኪሉ ኣድልዎ ኣሎ ማለት'ዩ፡፡ እዚ ድማ መትከል እዚ ሕገ መንግስቲ ዝፃባእ'ዩ፡፡ ካብዚ ዝተበገሰ ነዚ ሓሳብ ኣይቅበሎን እንትብል ገሊፁ፡፡

ትርሓስ፧- ኣብዚ ሕገ መንግስቲ ማዕርነት ኩሎም ሰባት ምድንጋጉ ይፍለጥ፡፡ እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ግና ብጎዳእቲ ተግባራት፣ ብታሪኽ፣ ብፆታን ብኻልኦት ምኽንያታትን ዝተፈጠሩ መጉዳእትታትን ኣድልዎታትን ንምምዕርራይ እንትብሃል ፍሉይ ደገፍ ምግባር ግቡእ'ዩ፡፡ እዚ ድማ መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሓይነትን ብዝለዓለ ኣብ ተግባር ንምውዓል ይሕግዝ ብምባል ኣብርሁት፡፡



## መልመዲ - 1

***ብመሰረት ሓብ ላዕሲ ዝቐረበ ዘተ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም፡፡***

1. ካብ ውሽጢ መካትዒ ሓሳባት ሓጐስን ትርሓስን ነየንኡ ትድግፍ? ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡
2. ኣብ ውሽጢ እዚ ሕገ መንግስቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓንቀፃት ንደቂ ኣንስትዮ፣ ንጉዱኣት ኣካልን ንሓድሓደ ክልላትን ፍሉይ ደገፍ ክግበር ከምዝግባእ ተደንጊጉ ኣሎ፡፡ እዚ ድንጋገ ብመንፅር መሰል ማዕርነት ከመይ ትርኢዎ?

መሰል ማዕርነት እንትብሃል ሰብኣዊ መሰላት ወድሰብ ብዘይሓንቲ ቅድመ፣ ኩነት ብተግባር ክኽበሩ ከምዝግብኦም ዘመላኽት ሓሳብ'ዩ ፡፡ካብዚ ብተወሳኺ ዴሞክራሲያዊ መሰላት ውልቀሰባት ኮነ ጉጅለታት ኣብ ውሽጢ እዚ ሕገ መንግስቲ ብመሰረት ዝተነፀርዎ ከይተሸራረፋ ክትግበሩ ከምዝግብኦም የመላኽት፡፡

ኣብ ውሽጢ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዝኾነ ሰብ ክኽበርሉ ዝግብኡ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ብዘየሻሚ መንገዲ ተነፂሮም ይርከቡ፡፡ እዚ ድማ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ካብዞም መሰላት ማዕርነት ተረባሕቲ እናኾኑ ከምዝርከቡ የርኢ፡፡

ዝኾነ ዜጋ ተመሳሳሊ መሰል፣ ዕድልን ረብሓን እንትረክብን ማዕረ ሓለዋ እንት ግበረሉን መሰል ማዕረ ተረባሓይነቱ ብተግባር ይግለፅ ፡፡ ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እንትረአን ኣብዛ ሃገር ዝርከቡ ሃፍትታት ብማዕርነት ክርባሕ እንትኽእልን መሰል ማዕረ ተረባሓይነት ብተግባር ይግለፅ፡፡ ሕገ መንግስቲ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ  ምጣነ ሃፍታዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን መሰላት ውልቀሰባትን  ጉጅለታትን ከምኡ'ውን መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብዝርዝር ደንጊጉ'ዩ፡፡ እዚ ድማ መሰል ማዕረ ተረባሓይነት ኣብ ሃገርና ውሕስና ምርካቡ የመላኽት፡፡



## መልመዲ - 2

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም፡፡***

1. ኣብ ከባቢ ኹም መሰላት ማዕርነት ክሳብ ክንደይ ኣብ ተግባር እናወዓሉ ይርከቡ?
2. ኣብቲ  ሕገ መንግስቲ  ዓንቀፅ 25 ዝተደንገገ ብጥንቃቐ ብምንባብ እንታይነት መሰል ማዕርነት ኣብርሁ፡፡
3. ኣድላይነት ምኽባር መሰል ማዕረ ተረባሓይነት ኣብርሁ፡፡

### 3.1.1 መግለፅታት መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሓትነትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን



ስእሊ 3.1. ስእሊ ብሄራት ፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ

- ካብዚ ስእሊ እንታይ ተገንዚብኩም?
- ሃገርና ኢትዮጵያ ሙዚየም ህዝብታት 'ያ እንትብሃል እንታይ ማለት ይመስለኩም?

## "ህዝብታት ሄሴ"

ህዝብታት ሂሴ ኣብ ውሽጢ ሓደ ምምሕድዳር ዞባ ይርከቡ፡፡ ኣባላት ብሄረሰብ ሂሴ'ውን ኣብ ውሽጢ እቲ ዞባ ዝርከቡ ሰለስተ ተዳቦውቲ ወረዳታት ብስፍሓት ይነብሩ፡፡ ኣባላት ብሄረሰብ ሂሴ ናይ ባዕልቶም ቋንቋ፣ ባህልን ታሪኽን ኣለዎም፡፡ ኣብ ሓደ እዋን ኣባላት ብሄረሰብ ሂሴ ተኣኪቦም ኣብ ሓደ ዞባ ተጠርኒፎም ባዕሎም ንባዕሎም ናይ ምምሕድዳር መሰል ማዕርነቶም ምዋቃም ንኽኽእሉ ብተወከልቶም ገይሮም ንቤት ምኽሪ እቲ ክልል ሕቶኦም ኣቕረቡ፡፡

ኣብቲ ቤት ምኽሪ ተወካሊት እቲ ብሄረሰብ ዝኾና ወ/ሮ ሃዋዴ "ንሕና ኣብ ስርዓት ፌዴራል ብዴሞክራሲ ኢና እንምራሕ፤ ስለዚ መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብሕገመንግስቲ ተረጋጊፁልና'ዩ፡፡ ኣብ ከባቢና ስሉጥ ልምዓት ንምርግጋፅ ተወዲብና ክንንቀሳቐስ ኣለና" ብምባል ሓሳበን ንቤት ምኽሪ ገለፃ፡፡ ሓደ ኣባል ቤት ምኽሪ ግና "ሓዱሽ ዞባ ኮይንኩም እንትትምስረቱ ካብ ካልኦት ተፈሊኹም ምንባር እንተኸበደኩምን ነበረቲ ከባቢኹም ምኽኒት እናኣለሹ እንተተዋቅዕኹምንከ?" እንትብሉ ሕቶ ሓዘል ሓሳብ ሃቡ፡፡

ካሊእ ኣብቲ ቤት ምኽሪ ተወካሊ ኣባል ብሄረሰብ ሂሴ ዝኾኑ ኣይተ ሑሴን "መሰል ዓርሰ" ውሳነ መሰል ህዝብታትን 'ዩ፡፡ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከቡ ህዝብታት መሰል ማዕርነቶም እንተተኸቢርሎም እንተተፈሊጥሎምን ሓቢሮምን ተሓባቢሮምን ምንባር ይመርፁ'ምበር ፀላእቲ ክኾኑ ስለዘይኽእሉ መዋቃዕቲ ክበፅሓና'ዩ ኢልና ክንፈርሕ ኣይግባእን፡፡" ብምባል ሪኢቶኦም ገለፁ፡፡

ብሄረሰብ ሂሴ ብተወከልቱ ዘቕረቦ ሕቶ ብቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ልዑል ድምፂ ረኺቡ ምስፀደቐ ንቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ተልኣኸ፡፡ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን 'ውን ነቲ ጉዳይ ብመንፅር ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ምስ መርመረ ተቐቢሉ ናይ መወዳእታ ውሳነ ሃበ፡፡



## መልመዲ - 3

**ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተዛተዩ፡፡**

1. ምርግጋፅ መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝህቦ ረብሓ እንታይ'ዩ?
2. ህዝቢ ሄሴ ዘ'ቕረቦ ሕቶ መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብኸመይ ኣገባብ ተግባራዊ ኮይኑ?
3. ሓቢርካን ተሓባቢርካን ንምንባር ክኸበሩ ዝግብኦም መሰላት ዘርዝሩ፡፡

ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዝለዓለ ቦታ ካብ መንጎ ዝተውሃቦም መሰላት ገሊኦም መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እቶም ቀንዲ'ዮም፡፡ ካብ መንጎ እዞም ዝተረጋገፁ መሰላት እዚኦም ናይ ባዕልኻ ነፃ መንግስቲ ክሳብ ምምስራት ዝበፅሕ መሰል ዓርሰ ውሳነ ሓዲኡ'ዩ፡፡

ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሉዓላዊ ስልጣኖም መሰረት ብምግባር መንግስቲ ፌዴራል መስሪቶም'ዮም፡፡ ኣመሓውራ ስርዓት ፌዴራል ጋህዲ ብምግባር 'ውን ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ሓድነት ፈጢሮም'ዮም፡፡ ነዚ'ውን ሰነድ ቃልኪዳን ሓባር ዝኾነ ሕገ መንግስቲ ኣፅዲቖም'ዮም፡፡ መሰላት ማዕርነቶም ስለዝተረጋገፀሎም ኢትዮጵያ ብሓባር፤ ዝነብሩላን ዝርብሑላን ሃገር ኮይና ኣላ፡፡

ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታን ባዕሎም ንባዕሎም ካብ ምምሕድዳሮም ብተወሳኺ ኣብ መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ኣብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽንን ተመጣጣኒ ውክልና ክህልዎም ምግባሩ ካሊእ መግለፂ መሰል ማዕርነት 'ዩ፡፡



## መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም።*

1. ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባዕሎም ንባዕሎም ምምሕድዳሮም ዝህቦም ረብሓ ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ኢትዮጵያ መሰላት ማዕርነትን ማዕረ ተረባሓይነትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከመይ ከምዝተረጋገፁ ግለፁ፡፡

## 3.2. ኣድላይነት ምኽባር ማዕርነት ቋንቋ፣ ሃይማኖትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታት ብሄር፣ ብሄራሰባትን ህዝብታትን፣

- ኣብ ሓንቲ ሃገር ዘይምርግጋእን ዕግርግርን ከልዕሉ ዝኽእሉ ኩነታት እንታይ ይመስሉኹም?

ኣብ ሕሉፍ ነዊሕ ዘበን ታሪኽ ሃገርና ብምኽንያት ኣገዛዝኣ ዝተፈላለዩ ጨቆንቲ መንግስታት፤ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ታሪኾም፣ ቋንቋኦምን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታቶምን ተንዒቖምን ተረሲዖምን ፀኒሖ'ዮም፡፡ በዞም ምኽንያታት እዚኦም ሰላም ሃገርና ተዘሪጉ፣ ልምዓታን ዕብየታን ተንቲቱ ፀኒሑ'ዩ፡፡ ብምኽንያት ቅኑዓት ዘይኮኑ ፅዕንቶታት መንነት ህዝብታት ተዋሪዱ ፀኒሑ'ዩ፡፡ ብዙሓት ዜጋታት'ውን በቶም ጨቆንቲ መንግስታት ኢ-ዴሞክራሲያዊ ተግባራት ተፈፂምዎምን መሰሎም ተረጊፆምን'ዮም፡፡ ነዚ መርኣያ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣብ ታሪኽ ሃገርና ካብ ዝተፈፀሙ ተግባራት “ቐይሕ ራዕዲ” ተባሂሉ ዝፍለጥ ብዘበን ደርግ ዝተፈፀመ ጨፍጫፍ ሓደ 'ዩ፡፡

ኣብ ኢትዮጵያ ልዕሊ 80 ዝኾኑ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን ቋንቋታት ይርከቡ፡፡ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ኩሎም ማዕረ'ዮም ፡፡ ብዙሓት ቋንቋታትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ኣብ ዘለዋ ሃገር ናይዞም መሰላት እዚኦም ማዕርነት ክኽበር ምግባር ዘላቒ ሰላም ንምርግጋፅ፣ ዕብየትን ልምዓትን ንምስላጥ ኣዝዩ ኣድላ'ዪ እዩ፡፡



## መልመዲ - 5


ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም።

1. መሰላት ብሄራት ፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብዝተማልአ መልክዑ ምርግጋፅ ዝህቦ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡
2. መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘይምኽባር እንታይ ጉድኣት ክስዕብ ይኽእል?
3. “ቐይሕ ራዕዲ” ብዛዕባ ዝተብሃለ ግፍዓውን መስካሕክሕን ጨፍጫፍ መፅሓፍ ደሊኹም ወይ ናይ ታሪኽ መምህርኩም ዓዲምኩም ሕቶ ብምቕራብ ተዛተይሉ፡፡ ካብኡ ድማ ዘለኩም ርኢቶ ንመሓዙትኩም ግለፅሎም::

## 3.3 ማዕርነት ፆታ

### 3.3.1 መሰል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ





*ስእሊ 3.2. ጓል ኣንስተይትን ወዲ ተባዕታይን ኣብ ስራሕ ምርምር ተዋፊሮም እንትሰርሑ ዘርኢ*

- ካብ ስእሊ 3.2. እንታይ ተገንዚብኩም?

“ኣብ ድሕሪ ዓበይቲ ስራሕቲ ንፋዓት ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋ” ብዝብል ርእሰ ጉዳይ ሓደ መድረኽ ዘተ ተኻይዱ ነይሩ፡፡ ፅሚቕ እቲ ዘተ ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ወፂኡ ይርከብ፡፡ ብፍላይ ሰለስተ ተዛረብቲ ኣብቲ ዘተ ዘቕረብኦም ፍረ ሓሳባት እዞም ዝስዕቡ'ዮም፡፡

1ይ - ተዛራቢት፡ "እዛ ዓለም ምልክዕቲ ንኽትከውን ደቂ ኣንስትዮ ምኽንያት'የን፡፡ ዕላዊ ተገይሩ ኣይዝረብን እምበር ኣብ ድሕሪ ሕድሕድ ስራሕን ውፅኢትን ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ኣለና፣ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ተኳዒዝና ኢና፡፡ እናተኻዓዝና'ውን ኣለና፡፡" ብምባል ደቂ ኣነስትዮ ዓበይቲ ስራሕቲ ምስረሐንን እናሰርሓ ከምዘለዋን ኣገንዚበን።

2ይ - ተዛራቢት፡ "ደቂ ኣንስትዮ ብቕዓትን ክእለትን ከምዘለወን ዘካትዕ ኣይኮነን፡፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ብደረጃ ዓለምለኸ ውፅኢታውነተን ኣርእየን እየን፡፡ ብፍላይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ብቕዓት ደቂ ኣንስትዮ ብዝለዓለ ብርኪ እናተረአየ ዝመፀሉ ግዘ 'ዩ፡፡ በብእዋኑ ዝወፁ ሓደሽቲ ሕግታትን ፖሊስታትን ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ንዝረአዩ ኣፈላላያት እናፀበቡ መፂኦም 'ዮም ፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ብቕዓተንን ክእለተንን ንምጉልባት ኮነ ንባዕልተን ንምልዋጥ፤ ምምሃር፣ ካልኦት ብቑዓት ክገብሩወን ዝኽእሉ፣ መንገድታት ምኽታል ይግበአን፡ ፡" እንትብላ ኣብሪህን፡፡

3ይ - ተዛራቢት፡ "ዓባይ እትበሃል ሰበይቲ ራእይ ዘለዋ፣ ንዕላማኣ መስዋእትነት ንምኽፋል ቆራፅ ዝኾነት፣ ብባህሪኣ ትሕትነት ዘለዋን ተኣማኒትን'ያ" እንትብላ ገሊፀን፡፡

ፍልፍል ፡ ኣዲስ ዘመን ፣ መጋቢት 13- 2000 ዓ.ም ፣ ገፅ 13፣

ንምምሃር ብዝጥዕም መንገዲ ተመዓራርዩ ዝተወሰደ፡፡



## መልመዲ - 6

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃቡሎም፡፡**

1. "እዛ ዓለም ምልክዕቲ ንኽትከውን ደቂ ኣንስትዮ ምኽንያት'የን፡፡" ዝብል ኣበሃህላ ከመይ ተረዲእኹምዎ? ኣብሪህኹም ግለፁ፡፡
2. ብዘይ ማዕረ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ውፅኢታዊ ልምዓት ምርግጋፅ ዝከኣል'ዶ ይመስለኩም? ንምንታይ?
3. ኣብ ከባቢኹም ዓበይቲ ተግባራት ዝፈፀማን መርኣያ ዝኾናን ደቂ ኣንስትዮ ትፈልጡዶ? ንመሓዙትትኩም ንገርዎም፡፡

**ኳል ኣንስተይቲ ምስ ወዲ ተባዕታይ ማዕረ ምስራሕ ፣ ምምሃዝን ምምራሕን ትኽእል 'ያ፡፡**

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ምስ ደቂ ተባትዕትዮ ማዕረ'የን፡፡ ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ ምምስራት ሓዳር፣ ኣብ ምምራሕ ህይወት ሓዳርን ስድራን፣ ኣብ ኣመሓድራን ኣጠቓቕማን ንብረት፣ ኣብ ስራሕን ኣብ ካልኦት መሰላትን ማዕርነተን ተረጋጊፁለን'ዩ፡፡



## መልመዲ - 7

***ኣብ ዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መሰረት ገይርኩም ተዛተዩ፡፡***

1. ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ብቕዓት ኣእምሮ ኣለወን ኣብ ዝብል ሓሳብ ዘለኩም ሪኢቶ እንታይ'ዩ?
2. ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ንክኽበር ካብ ሕድሕድኩም እንታይ ትፅቢት ይግበር?

## መግለፅታት መሰል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ፣

- መሰል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ብምንታይ ብምንታይ ይግለፁ?

ኣብ ሓደ ወረዳ ነባሪ ዝኾነ መንእሰይ ብርሃኑ ተስፋይ ምስ ኳል እቲ ከባቢ ዝኾነት ፅብቕቲ ቆልዓ ሓዳር ንምግባር ብምድላዩ ንስድራ ቤት እታ ቆልዓ ሽማግለታት ሊኢኹ ይሓትት ፡፡ ስድራ እታ ቆልዓ ዝቐረበሎም ሕቶ ሓዳር ቅቡል ገይሮም ፍቓደኛታት ንክኾኑ ድልየት እንተርአዩ'ውን እታ ቆልዓ ግና ፍቓደኛ ክትከውን ኣይከኣለትን፡፡ እታ ቆልዓ ኣብዚ ዕድሜኣ ኣብ ክንዲ ሓዳር ምግባር ንትምህርታ ቐዳምነት ከምትህብ ብምግላፅ በቲ ዝቐረበ ሕቶ ሓዳር ከምዘይትሰማማዕ ገለፀት፡፡ ስድርኣ'ውን ረብሓ ትምህርቲ ካብ ኳሎም ብምርድኦም ሓሳቦም ቀይሮም፡፡ ብናይ ኳሎም ሓሳብ ተሰማምዑ፡፡ ሽማግለታት'ውን ፍቓደኛታት ዘይምኳኖም ንመንእሰይ ብርሃኑ ገሊፆምሉ እዮም፡፡

መንእሰይ ብርሃኑ ግና ውሳነን መተሓሳሰብን ስድራ እታ ቆልዓ ንጉዒ ብምግዳፍ ምስ ሓሙሽተ መሓዙቱ ኮይኑ ነታ ቆልዓ ዘሪፎም ወሰድዋ፡፡ ኣብቲ እዋን ፖሊስ ነዚ ጉዳይ ይከታተሎ ስለዝነበረ መንእሰይ ብርሃኑ ነቲ ተግባር ኣብ ዝፈፀመሉ ዕለት ምስ ተሓባበርቱ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፖሊስ ክኣትዉ ገበረ፡፡ ፖሊስ'ውን ግቡእ ምፅራይ ድሕሪ ምግባር እዚ ጉዳይ ንዓቃቢ ሕጊ ኣቕረበ፡፡ ዓቃቢ ሕጊ'ውን ኣብ ገበን ምዝራፍ ተጠርጢሩ ኣብ ዘተትሓዘ መንእሰይ ብርሃኑ ክሲ ብምምስራት ንቤት ፍርዲ ኣቕረቦ፡፡

እቲ ቤት ፍርዲ'ውን ነቲ ጉዳይ ምስ መርመረ ሕጊ መቕፅዒ ገበን ጠቒሱ መንእሰይ ብርሃኑ ጥፍኣተኛ ምዃኑ ብምርግጋፁ ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ፅኑዕ ማእሰርቲ ፈረደሉ፡፡ ተሓባበርቱ'ውን ከም መጠን ጥፍኣቶም ተቐፅዑ፡፡ እታ ቆልዓ'ውን ብሕጊ መሰላ ስለዝተኸበረላ ትምህርታ ብሰላም ተማሂራ ክትውድእ ከኣለት፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣትያ ትምህርታ ኣብ ምክትታል ትርከብ፡፡



## መልመዲ - 8

***ስዒቦም ኣብ ዝቐረቡ ሕቶታት ተዛተዩሎም፡፡***

1. ካብቲ ዝቐረበ ምንባብ እንታይ ተረዲእኹም?
2. ኣብ መንእሰይ ብርሃኑ ዝተበየነ ውሳነ ጥፍኣተኛነት ግቡእ'ዩ'ዶ ትብሉ? ንምንታይ?
3. ሓደጋ ፈተነ ምዕማፅ ዝገጠማ ሓንቲ መንእሰይ ናብ ናይ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን መምህራ መፂኣ ብዛዕባ መሰላ እንትትሓትት እንታይ ዓይነት ምኽሪ ክትረክብ ዝግብኣ ይመስለኩም?
4. መሰል ምምሃር ደቂ ኣንስትዮ ብኣጉልን ጎዳእትን ልማዳዊ ተግባራት ከይዕንቀፍ እንታይ ክግበር ኣለዎ ትብሉ?

ኣብ ዝሓለፉ ዘበናት ንመሰል ደቂ ኣንስትዮ ካብ መሰል ደቂ ተባዕትዮ ዘናእሰ፣ ብዙሓት ልማዳዊ ተግባራትን ኣሰራርሓታትን ኣብ ሃገርና ዓሲሎም ፀኒሖም'ዮም፡፡ ሕዚ ብተነፃፃሪ መልክዑ ለውጢ እናተረኣየ እንተኾነ'ውን ገና ክስርሑ ዝግብኦም ብዙሓት ተግባራት ኣለው፡፡ ሎሚ እንተኾነ'ውን ንደቂ ኣንስትዮ ዘናእሱ፣ ንመሰለን ዝፈታተኑን ኣብ ትሕቲ ፅዕንቶ ንክኾና ዝገብሩ ተግባራትን ኣሰራርሓታትን ሙሉእ ንሙሉእ ኣይተወገዱን፡፡ ስለዚ ብቐፃልነት ነዞም ድሑራት ኣተሓሳስባ ታትን ተግባራትን ብምቅላስ ንማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ምኽባርን ክኽበር ምግባርን ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ክኸውን ይግብኦ፡፡

## ንጓል ኣንስተይቲ ምስትምሃር ንሕብረተሰብ ምስትምሃር'ዩ፡፡

ብመሰረት ድንጋገ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሓዳር ፣ ኣብ ምጥራይ ንብረት፣ ወነንቲ መሬት ኣብ ምዃን ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ኣብ ምርካብን ብኻልኦት መዳያትን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ብታሕተዋይነት ዘይምርኣይ ካብ ፅዕንቶ ጎዳኢ ባህሊ ናይ ምንጋፍ ፣ ካብ ዝጭቁኑ ሕግታትን ልምድታትን ሓለዋ ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን፡፡



## መልመዲ - 9

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም፡፡***

1. ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ዝኾናሉም ጉዳያት ዘርዚርኩም ኣብርሁ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሑ ጎዳእቲ ተግባራትን ዝዝረቡ መነወርቲ ኣበሃህላታትን ኣብ ደፍተርኩም ፀሓፉ፡፡
3. ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝበፅሑ ጉዳእቲ ተግባራትን ኣሰራርሓታትን ንምክልኻል ካባኻትኩም እንታይ እንታይ ተግባራት ትፅቢት ይግበሩ? ብዝርዝር ኣረድኡ፡፡

## 3.4 መሰል ጉዱኣት ኣካል




*ስእሊ 3.3. ኣብ ዝተፈላለዩ ሙያታት ዝተዋፈሩ ጉዱኣት ኣካል*

- ኣብ ላዕሊ ካብ ዘሎ ስእሊ እንታይ ትግንዘቡ?

## ሓበን “ሰገን”

“ሰገን” ማለት ካብ ዕድመ ህፃንነት ዝወፀ ንዕድመ መንእሰይ ዘይበፅሐ ኣብ ሞንጎ ዘሎ መግለፂ ዕድመ ቆልዓ'ዩ፡፡

ሓበን ወዲ 12 ዓመት ሰገን'ዩ፡፡ ምስ እንኡ ድማ ይነብር ፡፡ ኣቦኡ ዝሞትዎ ብህፃኑ እናሃለወ ነበረ፡፡ መሓዙቱ “ሓበን ሰገን” እናበሉ ብሳጉኡ ይፅውዕዎ ነበሩ፡፡ ሓበን ዝብል ስም ቀጢን ብምኳኑ ብወላዲቱ ዝወፀሉ ስም'ዩ፡፡

“ሓበን ሰገን” ተምሃራይ 1ይ ክፍሊ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ሓለፍቲ መንገዲ ዝኾኑ ሰባት ካብ ቤት ትምህርቲ እንትምለስ ኣዕሽዮም ሰሪቖም ናብ ርሑቕ ቦታ ወሰድዎ፡፡ ንኽልቲኣን ኣዒንቱ ብምዕዋር ንተግባር ልመና ክጥቀምሉ ጀመሩ፡፡ ፎቖዶ ቁሸትን ኣብያተ ክርስትያናትን እናዞረ ለሚኑ ዝረኸቦ ገንዘብ ንዘመሓድርዎ የረክቦም ነበረ፡፡ ናብርኡ የመና ዝኸፍኣን መጨነቓይን ኾነ፡፡ ኣብ ከምዚ ዝበለ ኩነታት እናሃለወ ሓደ መዓልቲ ሞሊቑ ጠፊኡ መንገዲ ንኽሕ ብርሉ እናሓተተ ብደገፍ ቅኑዓት ሰባት ናብ እንኡ በፅሐ፡፡ ንእንኡ እንትረኽባ ብምኽንያት ሓዘን ሓሚቓን ሓሚማን ፀንሓቶ፡፡ ናብርኣ ትሑትን ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ኮይኑ ፀንሖ፡፡ 'ኣብ ልዕሊ ሕፈሰን ሰሙን ፅግዕ' ከም ዝበሃል ፀገም ተደራረቦ፡፡

ሓበን ግና ብዝበፅሖ ፀገምን ብሕመቕ እንኡን ተስፋ እንተይቆረፀ ትምህርቱ ንኽመሃር ወሰነ፡፡ በዚ መሰረት ኣብ ቀረብኡ ናብ ዝርከብ ሓደ ቤት ትምህርቲ ብምኻድ ትምህርቱ ንኽቕፅል ክፍቀደሉ ኣመልከተ፡፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ግና ንሓበን ተቐቢሉ ምትእንጋድ ከምዘይኽእል ኣፍለጠ፡፡

ሓበን ተስፋ እንተይቆረፀ ፃዕሩ ብምቕፃል ኣብ ከባቢኡ ናብ ዝርከብ ትካል ተኸራኻሪ መሰል ጉዱኣት ኣካል ብምኻድ ንጉዳዩ ኣብርሀ፡፡

እቲ ትካል ድማ ጉዱት ኣካል ከምዝኾነ ሰብ ሙሉእ መሰል ስለዘለዎም ንሓበን ኣድላይ ደገፍ ከምዝገብረሉን ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣትዩ ንኽመሃር ፃዕሪ ከምዝገብርን ገለፀሉ፡፡ በዚ መሰረት እቲ ትካል ምስ ቢሮ ትምህርቲ እቲ ከባቢ ኮይኑ ሓበን መሰሉ ንኽኽበረሉን ንኽመሃር ኩነታት ክመዓራረየሉን ገበረ፡፡ ሓበን 'ውን ብዝገጠምዎ ፈተናታት ኩሎም ከይተሰኰነ መሰሉ ንኽኽበረሉ ፃዕሪ ብምግባሩ ንምህሮኡ ብዝግባእ እናተምሃረ ይርከብ፡፡



## መልመዲ - 10

***ብመሰረት እዚ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም።***

1. "ንሓብን ሰገን" ዝገጠምዎ ፀገማት ኣብ ህይወቱን ትምህርቱን ዝፈጠርሉ ዕንቅፋታት ብምዝርዛር ግለፁ፡፡
2. ሓበን ትምህርቱ ንኽቕፅል ኣብ ጎኑ ኮይኑ ዘተባብዖ ትካል ግዲኡ ክሳብ ክንደይ ዘተግበረ ይመስለኩም?
3. እቲ ቤት ትምህርቲ ፈለማ ንሓበን ንዘይምቕባል ዝወሰኖ ውሳነ ከመይ ክቕየር ዝኸኣለ ይመስለኩም?
4. ንስኻትኩምከ ኣብ ከባቢኹም ከም ሓበን ንዝበሉ ጉዱኣት ኣካል ንምሕጋዝ ኸትፈፅምዎም ትፅቢት ዝግበርልኩም ተግባራት እንታይ እዮም?

ጉድኣት ኣካል ከምዝኾነ ዜጋ መሰላቶም ክኽበርሎምን እኹል ደገፍ ክግበርሎምን ይግባእ፡፡ መሰላቶም ብዝተማልአ ኣገባብ ክኽበር ኣለዎ፡፡

መንግስቲ'ውን ጉዱኣት ኣካልን ጉዱኣት ኣእምሮን እግሪ ንምትካልን ንምሕጋዝን ዓቕሚ ሃገር ብዝኽእሎ መጠን ክንክን ክገብረሎም ይግባእ፡፡ መሰላቶም እንድሕር ተሓልዮምሎም ከዓ ንሃገር ዝረብሕ ውፅኢታዊ ስራሕ ምስራሕ ይኽእሉ 'ዮም፡፡

## 3.4.1 ሳዕቤን መሰል ጉዱኣት ኣካል ዘይምኽባር

- መሰል ጉድኣት ኣካል ብኣግባቡ ዘይምኽባር እንታይ ጉድኣታት የስዕብ?

ጉዱኣት ኣካል ሙሉእ ኣካላት ከምዘለዎም ሰባት ሙሉእ ክብሪ ዘለዎምን ኣብ ዝኾነ ዘፈር ህይወት ውፅኢታዊ ተግባር ክፍፅሙ ዝኽእሉን'ዮም፡፡ ብመሰረት'ዚ ኣብ ሃገርና ብዛዕባ ጉድኣት ኣካል ዘሎ ኣተሓሳስባ ለውጥታት እናተረኣዩ እንተኾነ እኳ ኣብ ጉዱኣት ኣካል ዝበፅሕ አድልዎን ማሕበራዊ ምግላልን ገና ኣይተወገደን፡፡

ትሑት ግንዛበ ዘለዎም ሰባት ጉዱእ ኣካል ምኳን ምስ ሕማቕ ዕድልን መርገምን እንተተኣሳሰርዎ ይርኣዩ፡፡ ካብዚ ዝተበገሰ ጉዱኣት ኣካል ንኢኮኖሚያዊ ፀገማትን ንማሕበራዊ መድልዎታትን ዝተቓልዑ'ዮም፡፡ ሓድ ሓዲኦም ብስድርኦም'ውን ከይተረፈ በደል ይበፅሖም'ዩ፡፡ ንኣብነት ናብ ቤት ትምህርቲ ንኽይኸዱ ካብ ምኽልካል ክሳብ ሰብ ንኽይሪኦም ኣብ ውሽጢ ገዛ ምሕባእ ይኸዱ፡፡ ብዘይካ ካልኦት ፀገማት እውን በዝሑም ውሑዳት ዘይበሃል ጉዱኣት ኣካል ዕድል ትምህርቲ ንኽይረኽቡ ገይርዎም'ዩ፡፡

ንጉዱኣት ኣካል ምግላል ኮነ ካብ ማሕበራዊ ርክባት ክርሕቑ ምግባር ንስድራ ኮነ ንሃገር ብዝለዓለ ኩነታት ይጎድእ፡፡ ንሱ'ውን ውህሉል ክእለቶምን ተውህበኦምን ኣብ ክንዲ ምጥቃም ናይ ምፍራይ ዓቕሞም ኣብ ረብሓ ንኽይውዕል ይገብር፡፡ እዚ ድማ ዕብየት ሃገር ንድሕሪት ዝጎትት ተግባር'ዩ፡፡ ብተወሳኺ ድኽነት ንኽሰፍሕ ብምግባር ንህዝቢ ይጎድእ፡፡

መሰላት ጉዱኣት ኣካል ዘይምኽባር ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ዝተሓላለኹ ፀገማት ዝፈጥር'ዩ፡፡ ብምኳኑ'ውን ስድራ ይኹን ማሕበረሰብ ንጉዱኣት ኣካል ግቡእ ደገፍ ክገብረሎም ይግባእ፡፡ ኩሉ ዜጋ ንጉዱኣት ኣካል ናይ ምክንኻንን ሓለዋ ናይ ምግባርን ሓላፍነቱ ክዋፃእ ይግብኦ፡፡



## መልመዲ - 11

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃብሎም።***

1. ንጉዱኣት ኣካል ምግላል ዘስዕብዎ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፀገማት እንታይ ክኾኑ ይኽእሉ?
2. ንጉዱኣት ኣካል ክግበርሎም ዝግብኦ ደገፋት ብዝርዝር ግለፁ።
3. መሰል ጉዱኣት ኣካል ወገናትና ንክኽበር ናታትኩም ሓላፍነትን ብፅሒትን እንታይ ክኸውን ይኽእል?
4. ንመሰላት ጉዱኣት ኣካል ምኽባር ዝህቦ ረብሓ ኣብርሁ።

## 3.5 ረብሓ ምኽባር ማዕርነት ሃይማኖት፣


- ምኽባር መሰል ማዕርነት ሃይማኖት እንታይ ረብሓ የረጋግፅ?

መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ክኽበር ምግባሩ ኣብ ሓንቲ ሃገር ስርዓት ዴሞክራሲ ንምጥንኻር፣ ሰላም ንምዕሳል ዕብየትን ልምዓትን ንምስላጥ ይጠቅም። ካብዚ ብተወሳኺ ዝኾነ ዜጋ ዝደለዮ ሃይማኖት ናይ ምእማን መሰሉን ነፃነቱን እንድሕር ተኸቢሩሉ ንሃገሩ ዘለዎ ፍቅሪን ስምዒትን እናዓበየ ይመፅእ። ንሃገሩ ዘለዎ ፍቕሪ እንትዓቢ ድማ ሃገሩ ንኽልምዕን ድሕንነት ሃገሩ ንምርግጋፅን ዘይተሓለለ ፃዕሪ ይገብር። ሃገር እትህነፅ ድማ መሰላት ማዕርነት ዜጋታት ከይተሸራረፉ ምሉእ ንምሉእ ብኹሉ ዜጋ እንትፍለጡን፣ እንትኽበሩን ጥራሕ 'ዩ።

ዝኾነ ሰብ ሃይማኖቱ ብሰላማዊ መንገዲ ብምስባኽን ብምስትምሃርን ሰዓባይ ምፍራይ ይኽእል'ዩ። ካብዚ ወፃኢ ንዝኾነ ኣማኒ ሃይማኖት ብግዲ ሃይማኖቱ ንኽቕይር ዝግበር ፈተነ ግና መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ምፅባእን ምድፋእን ይኸውን። እዚ ድማ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ምፅባእ'ዩ። እዚ ድማ ንናይ ህዝቢ ሰላም ይዘርግ። ተስፋ ዕብየትን ልምዓትን የፀልምት። ኣብ መንጎ ህዝብታት ምትእምማን ንኽይህሉ ይገብር።

ምኽባር ማዕርነት ሃይማኖት ንልምዓትን ምዕባለን ሓደ ህዝቢ ወይ ሃገር ወሳኒ'ዩ፡፡ ማዕርነት ኩሎም ሃይማኖታት ኣብ ቅድሚ ሕጊ እንተተረጋጊፁ ሰላማዊ ናብራ ይዓስል፣ ምትሕልላይን ምድግጋፍን ይህሉ፣ ንሓባራዊ ድልየትን ረብሓን ብሓባር ንምስራሕ ጥጡሕ ኩነታት ይፍጠር፡፡ ከምዚ ዝበለ ጥጡሕ ኩነታት እንትህሉ ድማ ህዝብታት ኣብ ማዕርነት ዝተሰረተ ፅኑዕ ሓድነት ክህልዎም ብምግባር ሓባራዊ ፀጋታቶም ከዕብዩ የኽእል፡፡

ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ፣ ዝኾነ ሰብ ዝመሰሎ ሃይማኖት ክሕዝ ይፈቅድ፡፡ ነዚ ነፃነት ብሓይሊ ኮነ ብኻሊእ ኩነታት ብምግዳድ ምግዳብ ከምዘይከኣል'ውን ተደንጊጉ'ዩ ፡፡ ኮይኑ ግና ብመሰረት ዓንቀፅ 27/5 ን ዓንቀፅ 90/2 መሰላት ሃይማኖት ክድረትሉ ዝኽእልሉ ኩነታት ተነፂሮም'ዮም፡፡ ብመሰረት እዚ ንድሕንነት፣ ሰላም፣ ጥዕናን ትምህርትን፤ ንሞራል ህዝብን ንመሰላት ካልኦት ዜጋታት ዝጎድእ ኩነታት እንትፍጠር፤ ነፃነት ምስጓም እምነት ክግደብ ይኽእል፡፡



*3.4 ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሬ.ኢ.ማዕርነት ሃይማኖት ተረጋጊፁ እዩ፡፡*



## መልመዲ - 12

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተዛተዩሎም።***

1. ዝኾነ ሰብ ንዝመሰሎ ሃይማኖት ክስዕብ ምፍቃድ እንታይ ረብሓታት ኣለዉ?
2. ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ነፃነታት ሃይማኖት ክግደቡ ዘግብሩ ምኽንያታት እንታይ ከምዝኾኑ ኣብርሁ፡፡
3. ስሩዕ ትምህርቲ ዝህቡ ትካላት ካብ ዕዕንቶ ሃይማኖታዊ ትምህርቲ ነፃ ክኾኑ ይግብኦም ዝብል ሓሳብ ከመይ ትሪኢዎ?
4. መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ክረጋገፅ ምግባር ዝህቦ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡
5. ማዕርነት ሃይማኖት ኣብዘይተረጋገፀሉ ኩነታት እንታይ ፀገማት ይፍጠሩ?

## መጠቓለሊ

ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ወድሰብ ከይተሸራረፉ ክኽበሩ ኣለዎም፡፡ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ተመሳሳላይ ረብሓ ክረጋገፀሎምን ክረኽቡን ይግባእ ፡፡ መሰላት ማዕርነቶም እንትረጋግፁሎም ካብ ሃፍቲ ሃገሮም ሚዛናዊ ረብሓ ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ሃገርና፣ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ መሰል ማዕርነትን ማዕረ ተረባሓይነትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣረጋጊፁ'ዩ፡፡

በዚ'ውን ብሄራት፣ ብሄራሰባትን ህዝብታትን ባዕሎም ንባዕሎም ናይ ምምሕዳር ክሳብ ናይ ባዕሎም ነፃ መንግስቲ ክምስርቱ ዘኽእል ሙሉእ መሰሎም ተኸቢርሎም'ዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፉ ፓለቲካዊ ስርዓታት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ተረሲያምን ተንዒቖምን ዝፀንሑ ምኻኖም ይፍለጥ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና ማዕርነት ታሪኾም፣ ሃይማኖቶምን ካልኦት መግለፅታት ባህሎምን በዚ ሕገመንግስቲ ተረጋጊፁ 'ዩ፡፡ እዚ ድማ ንልምዓት፣ ዕብየትን ምዕባለን እዛ ሃገር ዝህልዎ ኣበርክቶ ልዑል ምኻኑ ኣየጠራጥርን፡፡

ኣብ ዝኾነ መዳይ መሰል ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ እየን፡፡ ብብቕዓት ኣእምሮአን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ኣይትሕታን፡፡ ደቂኣንስትዮ ከም ደቂተባዕትዮ ማዕረ ሰሪሐን ማዕረ ውፅኢት ምምዝጋብ፣ ምምሃርን ምምራሕን ይኽእላ እየን፡፡ ስለዚ ድሑራትን ዝተዛብዑን ኣረኣእያታት ብምቕላስ መሰል ደቂኣንስትዮ ምኽባርን ክኽበር ምግባርን ንወለዶ ኢሉ'ውን ንሃገር ኣዕር'ዩ ይረብሕ፡፡

መሰል ጉዱኣት ኣካል ምኽባር ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡ ግቡእ ደገፍ እንተተገይርሎም ከምዝኾነ ሰብ ሃገር ንምልማዕን ዕብየት ህዝብታት ንምስላጥን ዝለዓለ እጃም ክፃወቱ ይኽእሉ'ዮም፡፡ ስለዝኾነ'ውን ስድራ ኾነ ዝኾነ ማሕበረሰብ ግቡእ ደገፍ ክገብረሎም ይግባእ፡፡ መንግስቲ'ውን ዓቕሚ እዛ ሃገር ብዝፈቕዶ መጠን ንጉዱኣት ኣካል ክንክን ብምግባር ደገፉ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ይግብኦ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ሉኣላውነት፡-** ብዓል ዋንነት ልዑል ስልጣን፣ ናይ መወዳእታ ናይ ፖለቲካ ውሳነ ወሃባይነት ስልጣን፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ሰብ ዋና እዚ ስልጣን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን'ዮም፡፡

**ራእይ፡-** ሓደ ሰብ ኣብ ህይወቱ ዝሕዞ ዕላማ፣ ክበፅሖ ዝሓስቦን ክዕውቶ ዘለዎን ሽቶ፣

**ነውሪ፡-** መሕፈሪ፣ ክዝረብን ክስራሕን ዘይግብእ ተግባር፣ ዘይረብሕ፣

**ብይን፡-** ውሳነ ቤት ፍርዲ፣ ሕጋዊ ውሳነ፣

**ጠዋሪ፡-** ሓላፍነት ወሲዱ ንዓቕመ-ድኹም ሰብ ኣብ ገዝኡ ዘንብር ወይ ዝሕግዝ ዘመሓድር፡፡

**ምቁርማድ፡-** ምፅጋም፣ ምጉስቛል፣ ምስቓይ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ዝሓዙዎ ሓሳብ ቅኑዕ እንተኾይኑ "ሓቂ" ቅኑዕ እንተዘይኾይኑ "ጌጋ" ብምባል መልሲ ሃቡ፡፡*

1. መሰላት ማዕርነት ብተግባር ካብ ዝተረጋገፅሉም ሰነዳት ሓዲኡ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ'ዩ፡፡
2. ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ካብ መንጎ ዝተነፀሩ መሰላት ማዕርነት ገሊኦም መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን መሰረታዊ መሰላት 'ዮም፡፡
3. ኣብ ናይ ሕሉፍ ነዊሕ ዘበን ታሪኽ ኢትዮጵያ ህዝባታታ ባህሎምን ቋንቛኦምን ስለዝተኸበሩ ሃገርና ምዕብልቲ ኮይና ፀኒሓ እያ፡፡
4. ኣብ ምንቅስቓስ ልምዓት ኢትዮጵያ እጃም ደቂኣንስትዮ ምስ እጃም ደቂ ተባዕትዮ እንተትነፃፀር ትሑት'ዩ፡፡
5. ጉድኣት ኣካልን ኣእምሮን ብምኽንያት ሕማቕ ዕድልን መርገምን ዝመፅ እ'ዩ፡፡

II. ኣብትሕቲ “ሀ” ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብትሕቲ “ለ” ካብ ዝተዘርዘሩ ዝስማምዕዎም እናመረፅኩም ኣዛምዱ፡-

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. መሰል ዓርሰ ምምሕድዳር፣ | ሀ. ሓበራዊ ሓላፍነት ህዝብን መንግስትን |
| 2. ቐይሕ ራዕዲ | ለ. ጎዳእትን ዱሑራትን ተግባራት |
| 3. ምዕማፅን መርዓ ትሕቲ ዕድመን | ሐ. ሉኣላዊ ስልጣን ህዝብታት |
| 4. ምክንኻን ጉዱኣት ኣካል | መ. ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ዝተፈፀመ መስካሕኽሒ ቅትለት |

III. ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብቕኑዕ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡

1. ሃገርና ኢትዮጵያ ________________ ሓድነት ህዝብታት’ያ፡፡
2. ኩሎም ኢትዮጵውያን ማዕረ ምኽኖም ዝተጋገፅሉ ሰነድ ______________ ይበሃል፡፡

IV. ነዞም ዝስዕቡ ምሉእሓሳባት ኣምቢብኩም ቅኑዕ መልሲ ምረፁ፡፡

1. መሰል ማዕርነት ዘይኮነ ኣየንኡ’ዩ?
   ሀ. ሰብኣዊ መሰላትን ነፃነታትን፣
   ለ. ኣብ ውሽጢ ሕገ መንግስቲ ዝተነፀሩ መሰላት ዴሞክራሲ ፣
   ሐ. ኣብ ውሽጢ እዛ ሃገር ዝርከቡ ሃፍትታት ሚዛናዊ ብዝኾነ ኣገባብ ምጥቃም
   መ. መልሲ ኣይተውሃበን፡፡
2. ኣብ መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘይጥመር ኣየንኡ መሰል’ዩ?
   ሀ. ሉኣላዊ ስልጣን ዓርሰ ምምሕዳር፣
   ለ. ኣብ ኣብያተ ምኽሪ ተወከልቲ ህዝብን ፌዴሬሽንን ተመጣጣናይ ውክልና ምርካብ፣
   ሐ. ናይ ካልኦት ባህልን ቋንቋን ምውራድን ምንኣስን፣
   መ. ተኸኣኢልካን ተኸባቢርካን ብሓባርን ብሓድነትን ምንባር፣

3. ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕረ ካብ ዝኾንሎም መዳያት ህይወትን ናብራን ካብ ዝዕርሑ ገሊኦም፣
   ሀ. ኣብ ሓዳርን ህይወት ስድራን፣
   ለ. ኣብ ኣጠቓቕማ ንብረትን ኣብ ስራሕን፣
   ሐ. ኣብ ንብረት ምውራስን ምምሕልላፍን፣
   መ. ኩሎም ትኽክል'ዮም፡፡
4. ካብዞም ዝስዕቡ ብቕዓትን ክእለትን ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ቅኑዕ ዘይኮነ ኣየንኡ'ዩ?
   ሀ. ክሳብ ሎሚ ዝተፈፀሙ ዓበይቲ ስራሕቲ ብደቂተባዕትዮ ጥራሕ ዝተሰርሑ 'ዮም፡፡
   ለ. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኣዋህባ ውሳነን ኣብ ኣመራርሓን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ብቕዓት ኣለወን፡፡
   ሐ. ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን፡፡
   መ. ደቂ ኣንስትዮ ብብቕዓት ትምህርተን ካብ ደቂ ተባዕትዮ ኣይትሕታን፡፡
5. ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ጉዱኣት ኣካል፡-
   ሀ. ግቡእ ክብርን ክንክንን ብዘማልአ ኩነታት እናረኸቡ እዮም፡፡
   ለ. ንነዊሕ ግዘ ማሕበራዊ ምግላልን ኣድልዎን እናተገበሮም ፀኒሖም እዮም፡፡
   ሐ. ብዝሖም ውሑዳት ስለዝኾኑ ደገፍ ኣየድልዮምን፡፡
   መ. ዕድል ትምህርቲ ብዝለዓለ ኩነታት ረኺቦም'ዮም፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃብሎም፡፡*

1. ኣድላይነት ምኽባር መሰል ማዕርነት ግለፁ፡፡
2. "ብዘይ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ልምዓት ምርግጋፅ ኣይከኣልን" እንትብሃል እንታይ ንምባል ከምዝተደለየ ኣብርሁ፡፡
3. ንጉዱኣት ኣካል ክግበርሎም ዝግብኡ ክንክናት ብዝርዝር ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ፍትሓውነት

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፣**

**ነዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፡-**

- ኣብ መንጎ ዜጋታት ኣድልዎ ዘይብሉ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ክህሉ ክምዝግባእ ትፈልጡ?
- ክይዲ ኣወሃህባ ፍርዲ ኣካላት ፍትሒ ትግንዘቡ፡፡
- እንታይነት ፍትሓዊ ዝርገሐ ግልጋሎት ትርድኡ፡፡

## 4.1 ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ምህላው፤

- ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ኣሰራርሓ ኣድልዎ ይገልፁ እትብልዎም ተግባራት ንመማህርትኹም ግለፁ፡፡

### ጣብያታት ሓየት

ኣብ ሓደ እዋን ጣብያታት ሓየት ብናይ ከባቢኦም ህዝቢ ፍትዋት ነበሩ፡፡ ነዚ ዕቡቕ ስምን ክብርን ካብ ዘብቅዕዎም ተግባራት እቶም ቀንዲ ጣብያታት ሓየት ነቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ማእኸል ንግዲ፣ እደ ጥበባትን ማእኸል ትምህርትን ኮይኖም ምግልጋሎም ነበረ፡፡ መብዛሕትኦም ሽማግለታት ተዳቦውቲ ከባቢታት ንነበርቲ ጣብያታት ሓየት ዕቡቕን ዘይርሳዕን ዝኸሪ ኣለዎም፡፡ ብምኽንያት እዚ ድማ "ምንባርስ ኣብ ሓየት" ክሳብ ምባል ተበፂሖ ነበረ፡፡

ኮይኑ ግና ጣብያታት ሓየት ንዝሓለፉ ዓሰርተ ዓማውቲ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ቀደም ዝነበሮም ማእኸልነት፣ ክብርን ተፈላጥነትን ምጣነ-ሃፍትን ባህልን ስኣኑ፡፡ ሰሪሕኻ ንምንባር እኳ ዘፍርሖ ከባቢታት ክሳብ ዝበሃሉ ኮይኖም፡፡ ካብዚ ክልተ ዓመታት ናብዚ ግና ጣብያታት ሓያት ዳግም ምልዓዓል ጀሚሮም ኣለዉ ፡፡

ነዚ ምኽንያቱ ድማ ብልዑል ፃዕሪ ነበርቲ ኣብ ዝተወሰኑ ጣብያታት ዝተወጠኑ ጉባኤታት ምኽክርን ዘተን ማሕበረሰብ ብቐዳምነት ይፅርሑ፡፡ ንምድኻም ፅቡቕ ምንቅስቓስ ጣብያታቶምን ንምዝራግ ሰላሞምን ምኽንያታት ኣብ ዝኾኑ ዛዕባታት እቲ ህዝቢ ብግልፂ ተዛትዩ መንቀሊ ፀገሙ እንታይ ከምዝኾነ ንምፍላይ ከኣለ፡፡ እዞም ቀንዲ መንቀልታት ‘ውን ኣብ እቲ ሕብረተሰብ ብዝለዓለ ብርኪ ሱር ሰዲዶም ዝፀንሑ ኣሰራርሓታት ኣድልዎን ጉድለታት ፍትሕን ምዃኖም ተረጋጊፁ፡፡ ኣብ ምይይጦም ከምቶም ዝሓለፉ ፀገማት ዳግም ንኸይረአዩ ዝተፈላለዩ ተግባራት ንምፍፃም ተሰማምዑ፡፡

ንምዕሳል ሰላም ቀንዲ ሜላ ተገይሩ ዝተወሰደ ድማ ካብ ስድራ ክሳብ ትካላት መንግስቲ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ዘጎልብቱ ተግባራት ምፍፃምሞ ምዃኑ ተኣሚነሉ፣ ንተግባራውነቱ ድማ ካብ ሽማግለታት ዓዲ፣ ካብ ደቂ ኣንስትዮ፣ ካብ መናእሰይ፣ ካብ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ካብ መራሕቲ ሃይማኖትን ዓሌትን ዝተወፃፅኡ ኣካላት ዘለውዎ ኮሚቴ ተጣይሹ፡፡

ተግባርን ሓላፍነትን እቲ ኮሚቴ ካብ ዝኾኑ ገሊኦም ድማ መድረኻት ዕርቅን ይቕሬታን ምክያድ’ን ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣስተምህሮታት ሰላምን ፍትሕን ምስፍሕፋሕ ብቐዳምነት ይጥቀሱ፡፡ ብተወሳኺ’ድማ ኣብ ምምሕዳር ህዝብን ስድራን፣ ኣብ ምምቓል መሬት፣ ኣጠቓቕማ ሃፍቲ ወዘተ ኣድልዎ ምውጋድ፣ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ዝነግሰሉ መንገድታት ምምችቻው ተግባራት እቲ ኮሚቴ እዮም፡፡

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ተግባራት ትልሚ ወፂኢዎም ኣብ ተግባር ምውዓል ምስ ጀመሩ ኣብ ጣብያታት ሓየት ኩነታት ሰላም ካብ እዋን ናብ እዋን ርኡይ ምምሕያሽ ተርአየ፡፡ በዚ ምኽንያት’ዚ ቅድም እንትብል ስኢኖምዎ ዝነበሩ ምእኹልነት ንግዲ፣ ጥበብን ትምህርትን ዳግም መሊሶም ክቆፃፀርዎ ከኣሉ፡፡ ብምኽንያት እቲ ዝተፈጠረ ሰላምን ምርግጋእን ነበርቲ ጣብያታት ሓየት ጥራሕ እንተይኮነስ ጎረባብቲ ህዝብታት’ውን ተረባሕቲ ምዃን ጀመሩ፡፡ በዚ ዝተኻየደ ናይ ምትዕርራይ ተግባር’ውን ህዝብታት ሓየት ጎረባብቶምን ካብ ዳልዋ ዝፀረየን

ፍትሓዉን ኣሰራርሓ ምርግጋፅ ንዕብየትን ምዕሳል ሰላምን ዘለዎ ረብሓ በዝግባእ ተገንዘቡ፡፡



## መልመዲ - 1

***ብመሰረት ሓብ ላዕሊ ዘሎ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ጣብያታት ሓየት ንውድቀት ዘሳጥሕዎም ፀገማት ዘርዝሩ፡፡
2. ካብ ኣድልዎ ዝፀረየን ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ንምዕሳልን ብነበርቲ እቲ ጣብያ ዝተፈፀሙ ተግባራት ዘርዝሩ፡፡ ኣብዚ ከይዲ እዚ የመና ዘርብሕ'ዩ እትብልዎ ተግባር ኣየንኡ'ዩ?
3. ካብ ኣደልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ምህላው ዘለዎ ሃገራዊ ረብሓ ግለፁ፡፡

ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ምርግጋፅ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ክግለፅ ይከኣል፡፡ ንዜጋታት ብማዕረ ምትእንጋድ ወይ ምግልጋልን መሰል ሰባት ምኽባርን ቐንዲ መግለፂ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ'ዩ፡፡ ሰበ ስልጣንን ሰራሕተኛታትን መንግስቲ ዝተወሃቦም ሓላፍነት ብቐንዕናን ሓቀኛነትን ተግባራዊ እንትገብሩ ከምኡ'ውን ካብ ኣድልዎ ብዝፀረየ ኣገባብ ንሕብረተሰብ እንተገልግሉ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ይዓስል፡፡ ብሓፈሻ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣሰራርሓ ምርግጋፅ ማለት እቲ ሕብረተሰብ ኣድልዎ ዘይፍፀሞ ኣድላዊ ኣሰራርሓ ዝፀልእን ብግልፂ ዝቃወምን ኮይኑ ማለት'ዩ፡፡

ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ምርግጋፅ ብዙሓት ረብሓታት ኣለውዎ፣ ካብዚኣቶም እቶም ቀንዲ ዝስዕቡ እዮም፡፡

ሀ. ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ የጠንክር:- ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣስራርሓ ምዕሳል፣ መሰል ማዕርነት ዜጋታት ብምርግጋፅ ስርዓት ዴሞክራሲ ንኸጥንክር ይገብር፡፡ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣሰራርሓን ዴሞክራስን ብብዙሕ መንገዲ ዝተኣሳሰሩ መሰረተ ሓሳባት'ዮም፡፡ ሓደ ሃገር

ዴሞክራሲያዊ'ዩ ካብ መንነ ዘብልዎ ነጥብታት ገሊኦም መንግስታዊ ምምሕዳር ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ኣብ ተግባር እንተውዕል'ዩ፡፡

ለ. ዘላቒ ሰላም የዕስል:- ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ምርግጋፅ፣ ንህዝብታት ዘይምቅድዳውን ምግርጫውን ምኽንያት ክኾኑ ንዝኽእሉ ጉዳያት ብምክልኻልን ብምውጋድን ርክብ ሕብረተሰብ ጥዑይን ቀፃልነት ዘለዎን ክኸውን ይገብር፡፡ ዜጋታት ንሕጊ ተገዛእቲ ንክኾኑን ንኻልኦት ዝጐድኡ ተግባራት ንኸይፍፅሙን መከላኸሊ መሳርሒ ብምዃን የገልግል፡፡ ብምዃኑ'ውን ኣብታ ሃገር ዘላቒ ሰላም ንምዕሳል ልዑል እጃም ይፃወት፡፡

ሐ. ስሉጥ ልምዓት የረጋግፅ:- ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ዜጋታት ዓቕሞም ኣብ ዝምጥኖምን ኣብ ዝመርፅዎን ዓውደ ስራሕ ንኽዋፈሩ ብምግባር መሰሎም ንኽረጋገፀሎም ይገብር፡፡ ካብዚ ዝተልዓለ ንሓባራዊ ምንቅስቓስ ልምዓት ሃገር ብንጥፈት ናይ ምስታፍ መሰሎም ንክኽበረሎም ስለዝገብር ኣብ ዕብየትን ልምዓትን ሃገር ልዑል ኣስተዋፅኦ ናይ ምግባር ስምዒቶም ዝለዓለ ይኸውን፡፡



## መልመዲ - 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ንምርግጋፅ ስሉጥ ልምዓት ዘለዎ ኣስተዋፅኦ እንታይ 'ዩ?
2. ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተነፀሩ ነጥብታት ብተወሳኺ ምዕሳል ስርዓት ዴሞክራስን ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓን ዘለዎም ምትእስሳር ዘርዝሩ፡፡
3. ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓን ሰላምን ዘለዎም ምትእስሳር ኣብርሁ፡፡

## 4.2. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ዘስዕብዎም ፀገማት

- ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ከስዕብዎም ይኽእሉ እዮም እትብልዎም ፀገማት ዘርዝሩ፡፡

### ሳዕቤን ኣድላዊ ኣሰራርሓ

ንብዙሕ ዘበናት ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ዝመሓደሩ ሓሙሽተ ብሄረሰባት ነበሩ፡፡ እዞም ብሄረሰባት ዋላ'ኳ ኣብ ትሕቲ ሓደ ምምሕድዳር እንተነበሩ ኣብ መንጎኦም ፍቕርን ሰላምን ኣይነበሮምን፡፡ ካብቶም ሓሙሽተ ብሄረሰባት ኣብቶም ክልተ እዚ ኢልካ ክትገልፆ ዘይትኽእል ግፍዕን በደልን ይበፅሖም ነይሩ፡፡ ብተወሳኺ ብብዙሕ መዳይ ተገሊሎምን ተወፂዮምን ፀኒሖም'ዮም፡፡

ኣብ ልዕሊ ሃገር ንዘጋጥሙ ተፈጥሮኣዊ ኮነ ሰብ ስራሕ ፀገማት ከምቀንዲ ምኽንያት ገይርካ ዝውሰዱ እዞም መከረኛ ክልተ ብሄረሰባት ነበሩ፡፡ ንኣብነት ሕፅረት ዝናብን ድርቅን እንተጋጥም፣ ሕማም ለበዳ እንትኣቱ፣ ወዘተ. "እዞም ርጉማትን ርኹሳትን ብዝፈፀምዎ ሓጢያት'ዩ እዚ ኹሉ ቁጠዐ ዝበፅሐ" እናበልካ ብኣኣቶም ምምኽናይ ዝተለመደ ነበረ፡፡

ካብዚ ዝተበገሰ ከምዚ ዝበሉ ፀገማት ብዘጋጠሙ ቑፅሪ ኣብ ልዕሊ ክልቲኦም ብሄረሰባት ዝበፅሕ መከራ የመና መስካሕኽሒ ነበረ፡፡ ገዝኦም ይቃፀል፣ ንብረቶም 'ውን ይዝረፍ፡፡ ካብ ዝነበርሉ ከባቢ'ውን ይመዛበሉ፡፡ ምስ እዞም ክልተ ብሄረሰባት ምውሳብ ኮነ ብሓደ ምብላዕን ምስታይን ከምሓጢያት ይቑፀር ነበረ፡፡

ኣብ ልዕሊ እዞም ብሄረሰባት ዝፍፀሙ ከም'ዞም ኣብ ላዕሊ ዝተሓበሩ መስካሕኽሒቲ ተግባራት በብቑሩብ እናነከዩ እንተመፀ'ውን ካብ ዝኾነ ፖለቲካውን ኢኮኖሚያውን ተሳትፎ ግና ዝተገለሉ ነበሩ፡፡ እዞም ክልተ ብሄረሰባት ኣብ ዝነብርሉ ከባቢታት ዝኾነ ዓይነት ማሕበራዊ ግልጋሎትን መሓውራት መሰረት ልምዓትን ኣይተዘርግሕሎምን፡፡

ክልቲኦም ብሂረሰባት ኣብ ልዕሊኦም ንዝበፅሕ በደል ንምቅዋም ዝተፈላለዩ ሜላታት ይጥቀሙ ነበሩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ዝነብሩሉም ከባቢታት ዝርከቡ ተፈጥሮኣዊ ሃፍትታት ኣይከናኸኑን፡፡ ንዝነብርሉ ከባቢ ኮነ ሃገር ስምዒት ዋንነትን ተገዳስነትን ኣይነበሮምን፡፡ ዱር የብርሱን የቃፅሉን፡፡ ንእንስሳ ዘገዳም ብምጥፋእ'ውን ዝወዳደሮም ኣይነበረን፡፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ካብ ወፃኢ ንዝመፅእ ወራሪ ሓይሊ እንትተሓባበሩን እንትሕግዙን ፀኒሖም 'ዮም፡፡

ካብ ቐረባ እዋናት ናብዚ ድማ በዞም ክልተ ብሂረሰባት ዝካየዱ ተቓውሞታት የመና እናኸፍኡን እናጠንከሩን ምምፃእ ጀሚሮም ኣለዉ፡፡ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ካብ ምዕማፅ ሓሊፎም ዝተወደበ ዕጥቃዊ ቃልሲ ምክያድ ጀሚሮምዎ፡፡ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ኣካል'ውን ነቲ ዓመፅ ንምቁፅፃር ዝወሰዶም ስጉምትታት ሓይሊ ዝረብሕ ውፅኢት ኣየምፅኡን፡፡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት፣ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ብሰላም ምንቅስቓስ ኣፀጋሚ እናኾነ መፀ፡፡ ምንቅስቓስ ንግዲ ኣብ ሓደጋ ብምውዳቑ ዝለዓለ ኢኮኖሚያዊ ፀገም ተርኣየ፡፡ ቐደሙ'ውን ብዙሕ ዘየዕግብ ዝነበረ ኩነታት ፀጥታን ሰላምን መሊኡ ብምጥፍኡ ስደትን ምምዝባልን ህዝቢ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኸ መፀ፡፡



## መልመዲ - 3

***ብመሰረት እዚ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ካብቲ ምንባብ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ዝገልፁ ተግባራት ዘርዝሩ፡፡
2. ክልቲኦም ብሂረሰባት ምስ ባዕዳውያን ወረርቲ ምትሕብባሮም ትኽክል'ዶ ትብሉ? ንምንታይ? እዚ ምስ ባዕዳውያን ወረርቲ ናይ ምትሕብባር ተግባር ንኸፍዕሙ ዘገደዶም ምኽንያት'ከ እንታይ ክኸውን ይኽእል?
3. ክልቲኦም ብሂረሰባት ንኸባቢኦም ኮነ ንሃገሮም ስምዒት ዋንነትን ተገዳስነትን ዘይነበሮም ንምንታይ'ዩ?

ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ካብዘስዕብዎም ፀገማት ገሊኦም እዞም ዝስዕቡ ብቐንድነት ይፅርሑ፡፡

ሀ. ዜጋታት ንስራሕ ዝህልዎም ስምዒት ዓርሰ ተበግሶ ምጥፋእን ናይ እንታይ ኣእተወኒ ስምዒት ምስፋሕን፡- ኣብ ዝኾነ ከባብን ብርክን ዝፍፀሙ ተግባራት ኣድልዎ ዝተፈላለዩ ፀገማት የስዕቡ'ዮም፡፡ ንኣብነት ሃገራዊ ስምዒት ዜጋታት የዳኽም፣ ንንብረት ህዝቢ ምግዳስን ንዝነብሩላ ሃገርን ከባብን ግቡእ ክንክንን ጥንቃቐን ናይ ምፍፃም ስምዒት ስለ ዝጠፍእ ንዝበፅሑ መጥቃዕትታትን ጉድኣታትን ግዲ ኣይህልዎምን፡፡ ኣድላዊ ኣሰራርሓ ስምዒት ተበግሶ ስራሕ ዜጋታት ብምጉዳእ ኣተሓሳስባ እንታይ ኣእተወኒ የስፋሕ፡፡

ለ. ንዓመፅ ምልዕዓልን ምዝራግ ሰላምን ምርግጋእን፡- ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ካብ ዘስዕብዎም ሓደጋታት ገሊኦም ህዝቢ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ንኽዕምፅ ምኽንያት ክኾኑ ምኽኣሎም'ዩ፡፡ ዓመፅ ብምስፋሕ ሕግን ስርዓትን ክሽርሽር ብምግባር ሰላምን ምርግጋእን ንኽይህሉ ይገብር፡፡ ውዒሉ ሓዲሩ ድማ ንሃገር ክሳብ ምብታን ዘበፅሕ ሓደጋ ከስዕብ ይኽእል፡፡



## መልመጂ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ከባቢኹም ከነ ብደረጃ ሃገር ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ንምክልኻል ክግበሩ ኣለዎም እትብልዎም ተግባራት ዘርዝሩ፡፡

2. ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተፀርሑ ነጥብታት ብተወሳኺ ብምኽንያት ምዕሳል ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ብደረጃ ሃገር ከስዕብዎም ዝኽእሉ መሰረታዊ ፀገማት ዘርዝሩ፡፡

# 4.3 ግልጋሎት ውሃብቲ ማሕበራዊ ትካላት

## 4.3.1 ፍትሓዊ ዝርገሐ ትካላት ውሃብቲ ማሕበራዊ ግልጋሎት

- ትካላት ወሃብቲ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝበሃሉ ኣየንኦም 'ዮም?
- ፍትሓዊ ዝርገሐ ትካላት ወሃብቲ ማሕበራዊ ግልጋሎት ማለት እንታይ ማለት'ዩ?

### ግዝኣት ካኖ

ዓዲ እምባን ዓዲ ገረብን ካኖ ኣብ እትበሃል ሃገር ዝርከቡ ጎረባብቲ ክልላት'ዮም፡፡ ክልቲኦም ክልላት ብብዙሕ ነገር ይመሳሰሉ'ዮም፡፡ ብፅቡቕ ምድራዊ ኣቀማምጠኦምን ብኩነታት ኣየሮምን ተመሳሳልነት ኣለዎም፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ'ውን ተቐራራባይ ቁፅሪ በዝሒ ህዝቢ ኣለዎም፡፡ እዞም ክልተ ክልላት ዘመሳስሎም ነገር ብዙሕ ብምኻኑ እቲ ሓደ ክልል ካብቲ ካልእ ንምፍላይ የፀግም ነይሩ፡፡ ኮይኑ ግና ካብ ቐረባ ዓማውቲ ናብዚ ናይዞም ክልተ ክልላት ኣፈላላይ እናጎልሀ ምምፃእ ጀሚሩ ኣሎ፡፡ ንኣፈላላዮም ምኽንያት ዝኾነ'ውን ዘይምምጥጣን ዝርገሐ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት'ዩ፡፡ እዚ ኣፈላላይ ካብዚ ቀፂሉ ዘሎ መረዳእታ ብቐሊሉ ምርዳእ ይከኣል፡፡

| ስም ክልላት | በዝሒ ህዝቢ | ኣብያተ ፅሕፈት ጣብያታት | ኣብያተ ትምህርቲ | ትካላት ጥዕና | ትካላት ሕርሻ |
|---|---|---|---|---|---|
| ዓዲ እምባ | 80.000 | 25 | 46 | 26 | 18 |
| ዓዲ ገረብ | 75.000 | 12 | 14 | 10 | 2 |



## መልመዲ - 5

**ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሰደቓ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ነዚ ከምዚ ዝበለ ኣፈላላይ ዝርገሐ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት መበገሲ ምኽንያት እዮም እትብልዎም ነጥብታት ዘርዝሩ፡፡
2. ፍትሓዊ ዘይኮነ ዝርገሐ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ከመይ ክመዓራረ ከምዝኽእል ተዛተይሉ፡፡
3. ዝርገሐ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ዘይምምጥጣን ከስዕቦ ዝኽእል ጉድኣት ዘርዝሩ፡፡

ማሕበራዊ ትካላት ንህልውና ሓደ ሕብረተሰብ ኣድለይቲ ካብ መንጎ ዝበሃሉ መሰረታዊ ድልየታት ብቐዳምነት ዝፅርሑ'ዮም፡፡ ስለዚ ዜጋታት ካብቶም ትካላት ግቡእ ግልጋሎት ንኽረኽቡ ዝርገሐ እቶም ትካላት ፍትሓዊ ምግባር የድሊ፡፡

ፍትሓዊ ዝርገሐ ማሕበራዊ ትካላት ማለት ካብ ቦታ ናብ ቦታ ኣፈላላይ እንተይተገብረ እቶም ትካላት ኣብ ኩሎም ቦታታት ብዝተመጣጠነ ኣገባብ ምህላው ማለት'ዩ፡፡ ስለዚ ዝርገሐኦም ኣብቲ ሓደ ከባቢ ዝተማልኡ ኣብ ካልኦት ከባቢታት ድማ ዘይተማልኡ ወይ ኣብ ሓደ ከባቢ ውሑዳት ኣብ ካሊእ ከባቢ ድማ የመና ብዙሓት ክኾኑ የብሎምን::

ኣብ ዝሓለፉ ዘበናት ኣብ ሃገርና ዝነበረ ዝርገሐ ማሕበራዊ ትካላት ካብ ከባቢ ናብ ከባቢ፣ ኣብ ገፀርን ኣብ ከተማን ልዑል ኣፈላላይ ይረአዩ ነይሮም፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ግና እዚ ዝተዛበዐ ዝርገሐ ንምምዕርራይ ከቢድ ፃዕሪ እናተኻየደ ይርከብ፡፡ ኾይኑ ግና ዝርገሐ እዞም ማሕበራዊ ትካላት ብዝተማልአ ኣገባብ ፍትሓውነቱ ኣብ ምርግጋፅ ከይዲ ዜጋታት ግቡእ ደገፍን ምሉእ ተሳትፎን ንኽገብሩ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡



## መልመዲ - 6

***ነዞም ዝሰዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝረአ ዝርገሐ ማሕበራዊ ትካላት ዝተዛበዐ እንተኾይኑ ክረአዩ ይኽእሉ'ዮም እትብልዎም ጉድኣታት ዘርዝሩ፡፡
2. ሓላፍነት ምምዕርራይ ዝርገሐ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ናይ መን'ዩ?
3. ፍትሓውነት ዝርገሐ ትካላት ወሃብቲ ማሕበራዊ ግልጋሎት ንምርግጋፅ የድልዩ'ዮም እትብልዎም ጉዳያት ፅርሑ፡፡

# 4.4 በብብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ

## 4.4.1 ኣድላይነት ፍትሓዊ ኣሰራርሓ በቢከባቢኡ ዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ፣

- ስም ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ ዘርዝሩ፡፡
- ናይ እዞም ኣካላት ፍትሒ ኣሰራርሓ ፍትሓዊ ምኳን ንምንታይ ይጠቅም?

### ረብሓ ባህላዊ ኣካላት ፍትሒ

ሕድሕድ ሕብረተሰብ ናይ ባዕሉ ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ትካላት መረጋገፂ ፍትሒ ክህልውዎ ይኽእሉ፡፡ እዞም ትካላት ፍትሒ ባህላውን ዘበናውን ተባሂሎም ይፅውዑ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሃገርና ብዙሓት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣለዉ፡፡ እዞም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ካብ ቀደም ጀሚሩ ነናይባዕሎም ባህላዊ ትካላት ኣለይቲ ጎንፅን መረጋገፂ ፍትሕን ኣለውዎም፡፡

ናይዞም ትካላት ኣሰያይማ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክፈላለ እንተኽኣለ እኳ ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ንዘጋጥሙ ምግሃስ መሰላትን በደላትን መፍትሒ ኣብ ምሃብ፣ ሰላምን ፀጥታን ንምዕሳል ልዑል እጃም ኣለዎም፡፡ "መንገዲ ዓዲ ምስ ወዲ

ዓዲ” ከም ዝበሃል እዞም ባህላዊ ትካላት ፍትሒ ብመሰረት ባህልን ልምድን እቲ ከባቢ ነቲ ሕብረተሰብ ፍትሒ ኣብ ምርግጋፅ ይርከቡ፡፡ በዚ መሰረት ኣብዚ ሕዚ እዋን ባህላዊ ኣካላት ፍትሒ ዘለዎም ተቐባልነት ካብ እዋን ናብ እዋን እና ዓበየ ይርከብ፡፡



*4.1-ባህላዊ ትካላት ፍትሒ ኣብ ስራሕ እናሃለዉ*

ኮይኑ ግና ኣብ ሓድሓደ ባህላዊ ትካላት ፍትሒ ዝረአዩ ኣሰራርሓታት ምስ ዘበናዊ ኣሰራርሓ ፍትሒ ክሳነ ምግባር ግቡእ'ዩ፡፡ ንኣብነት ብመንፅር ፆታ ምስ ሓዳር ብዝተኣሳሰሩ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ንዝበፅሖ በደላት ፍትሓዊ ፍርዲ ዘይምሃብ፣ ሓልሓሊፉ መዝነትን ሃፍትን ወይ ተሰማዕነት ኣለዎ ተባሂሉ ንዝግመት ወገን ናይ ምድላው ዝንባለ ኣብ ሓድሓደ ባህላዊ ኣካላት ወሃብቲ ፍትሒ እንትንፀባረቑ ይስተብሃል፡፡ ብተወሳኺ'ውን ዝተበደለ ሰብ ክንዲ እቲ ዝበፅሖ መጠን በደል ግቡእ ፍትሒ ክረክብ ዘይምግባር ዝበሉ ግጉያት ኣሰራርሓታት ክመሓየሹ ዝግበኦም 'ዮም፡፡



## መልመዲ - 7

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣብ ውሽጢ እትነብርሉ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ባህላዊ ኣካላት ፍትሒ ዘርዝሩ፡፡
2. ባህላዊ ኣካላት ፍትሒ ዘለውዎም ጥንኩርን ድኹምን ጎንታት ብምልላይ ፅብፃብ ኣቕርቡ፡፡

ኣብ ከባቢ ዝርከቡ ትካላት ፍትሒ፣ ኣብ ምርግጋፅ ፍትሒ ልዑል ረብሓ ኣለዎም፡፡ ካብዞም ረብሓታት ገሊኦም እዞም ዝስዕቡ ምፅራሕ ይከኣል፡፡

ሀ. ቅኑዕን ካብ ወገናውነት ዝፀረየ ዳይነት ክህሉ ምግባር፡- ቀዳማይ ተግባር ኣካላት ፍትሒ ኣብ ሕብረተሰብ ዝፍጠሩ ፍትሒ ተንከፍ ኣብ ዝኾኑ ጉዳያት ፍትሓዊ ውሳነታት ምምሕልላፍ'ዩ፡፡ ነዚ ምፍፃም ዝከኣል ድማ ቅኑዕን ካብ ወገናውነት ዝፀረየን ዳይነት ምሃብ እንትከኣል ጥራሕ'ዩ፡፡ ኣብ ከይዲ ኣወሃህባ ውሳነ'ውን ዳያኑ ውሳነ እንተመሓላልፉ ብንፁህ ሕሊናን ብመሰረት ሕግን ደንብን ክኸውን ይግብኦ፡፡

ለ. ምዕሳል ዘላቒ ሰላምን ምርግጋፅ ስሉጥ ልምዓትን፡- ፍትሓዊ ኣሰራርሓ መሳርሒ ምኽባር መሰላት ማዕርነት'ዩ፡፡ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ምግሃስ መሰላትን በደላትን ብምውጋድ ሰላምን ፀጥታን የዕስል፡፡ ምዕሳል ሰላምን ፀጥታን ድማ ዕብየት ሃገር ንኽሳለጥ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ፡፡ ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት፣ ውሕስና ህይወትን ንብረትን ክኽበር ብምግባር ዜጋታት ኣብ መደባት ልምዓት ብንጥፈት ንኽሳተፉ ዕድል ይህብ፡፡

ብምኽንያት'ዚ ዕብየት ሃገር ንኽሰልጥ ልዑል ኣስተዋፅኦ ይገብር፡፡ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ፤ሃፍቲ ሃገር ካብ ብኽነትን ስርቅን ብምክልኻል ማሕበራዊ ትካላትንመሰረት ልምዓታትን ክዝርግሑ ኣብ ምግባር ዝህልዎ ብፅሒት ልዑል'ዩ፡፡



## መልመዲ - 8

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣካላት ፍትሒ በብብርኩ ምጥያሾም እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
2. ትካላት ፍትሒ ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ንከይኽተሉ ዝገብርዎም ምኽንያታት ዘርዝሩ፡፡

# 4.5. መሰል እንትግሃስን ፍትሒ እንትጓደልን ክውሰዱ ዝግብኦም ስጉምትታት

## 4.5.1 ስጉምትታት ምኽባር መሰላትን ምዕሳል ፍትሕን

- መሰላት እንትግሃሱን ፍትሒ እንትጎድልን ንምኽባር መሰል እንታይ ዓይነት ስጉምትታት ክውሰዱ ይግብኦም ትብሉ?

## እጃም ዜጋታት ኣብ ምኽባር መሰላትን ምዕሳል ፍትሕን

መሰላት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናትን ቦታታትን ብዘተፈላለዩ ምኽንያታት ክግሃሱ ይኽእሉ፡፡ ፍትሒ ንምዕሳል ትካላት ፍትሒ በብ ብርኩ ምምሕዋሮምን ሕግን ደንብን ምህላዉን ጥራሕ እኹል ኣይኮነን፡፡ ብርግፅ እዚኦም ንምዕሳል ፍትሒ ዘድልዩ መሰረታዊ ጉዳያት'ዮም፡፡

ኮይኑ ግና ፍትሒ ብዘላቕነት ንምዕሳል ካብ ዜጋታት ትፅቢት ዝግበረሎም ብዙሓት ሓላፍነታት ኣለዉ፡፡ ሕድሕድ ዜጋ ከምቲ ውልቀ መሰሉ ኽኽበረሉ ዝደሊ መሰል ካልኦት ሰባት ክኽብር ይግብኦ፡፡ "ኣብ ባዕልኻ ክፍፀም ዘይትደልዮ ኣብ ካልኦት ኣይትፈፅም" ዝብል ወርቃዊ ኣበሃህላ ኣብዚ ምዝካር ግቡእ ይኸውን፡፡

ኮይኑ ግና ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ተግባራት ምግሃስ መሰልን ምጉዳል ፍትሕን ክጋጥሙ ይኽእሉ፡፡ ከምዚ ዝበለ ጉዳይ እንትጋጥም ዜጋታት ንዝምልከቶም ኣካላት ፍትሒ ናይ ምቕራብ መሰል ከምዘለዎም ክግንዘቡ ይግባእ፡፡ ነዚ ድማ ብኽልተ መንገዲ ምግላፅ ይከኣል፡፡ እቲ ሓደ ኣብ ልዕለኻ ንዝበፅሐ ምግሃስ መሰል ዝምልከቶም ኣካላት ፍትሒ ኽፈልጥዎ ምግባር'ዩ፡፡ "ሓባኢ'ያ ቁስሉስ ሓባኢ ፈውሱ" ከም ዝበሃል ዜጋታት ኣብ ትካላት መንግስቲ ብሰበ ስልጣንን ብውልቀሰባትን ዝበፅሖም በደላት ንዝምልከቶም ኣካላት ፍትሒ እንተዘየቕሪቦም ፍታሕ ኣይረኽቡን::

እቲ ካልኣይ ኣብ ልዕልኻ ዝበፅሐ ምግሃስ መሰልን በደልን ጥራሕ እንተይኾነስ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት ዝፍፀሙ ምግሃስ መሰላት ወይ ጉድለታት ፍትሒ ንዝምልከቶም ኣካላት ፍትሒ ናይ ምቕራብ ልምዲ ክምዕብሉ ይግባእ፡፡



## መልመጂ - 9

**ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ፅሑፍ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ነዚ ፅሑፍ መሰረት ብምግባር ኣብ ከይዲ ምኽባር ፍትሒ ክትግበሩ ዝግብኦም ሓላፍነት ዜጋታት ዘርዝሩ፡፡
2. ብዓቕምኹም ኣብ ከይዲ ምኽባር ፍትሒ ክትፍፅምዎ ዝግብኣኩም ብፅሒት ግለፁ፡፡

- መሰል እንትሃሱን ሕጊ እንትጓደልን ዝስዕቡ ሕጋዊ ስጉምትታት ምፍፃም ኣገዳሲ እዩ፡፡

### ሀ) መሰልካ ክኽበር ናይ ምግባር ነፃነትካ ምጥቃም፡-

ዝኾነ ዜጋ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታትን ምግሃስ መሰላትን ንዝምልከቶ ኣካል ክፈልጦ ብምግባር ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሐ በደል ክእረም ወይ ስጉምቲ መአረምታ ክውሰድ ናይ ምግባር ነፃነት ኣለዎ፡፡ ዝኾነ ሰብ ናይ ባዕሉ መሰል ባዕሉ እንተዘየኽቢሩ ካሊእ ኣካል ክኽብረሉ ኣይኽእልን፡፡

### ለ) ምቕራብ ክሲ፡-

ዜጋታት ብዓርሶምን ብኻልኦት ኣካላትን መሰሎም እንተዘይተኽቢርሎም፣ ዝበፅሖም ምግሃስ መሰል ንዝምልከቶ ኣካል ፍትሒ ምቕራብ ይግብኦም፡፡ ኮይኑ ግና ብርክን ዓይነትን ነቶም ዘጋጠሙ ጉዳያት ምጥሓስ መሰል ዝምልከቱ ኣካላት ፍትሒ ክከም ኩነታቱ እቶም ጉዳያትን ክፈላለ ይኽእል፡፡ ብተወሳኺ ኩሎም ዘጋጥሙ ጉዳያት ምጥሓስ መሰል ንላዕለዎት መንግስታዊ ኣካላት ፍትሒ ቅድሚ ምቕራቦም ብከባቢያዊ ትካላት ፍትሒ ክረአዩ ብምግባር ፍታሕ ምድላይ ኣገዳሲ'ዩ፡፡

## ሐ) ምጥቃም መሰል ይግባእኒ፣

መብዛሕትኡ፣ ግዘ ብዝተውሃበ ውሳነ ፍትሐ ቤት ፍርዲ እንተዘይረዊና ይግበእኒ ምባል ልሙድ ኣሰራርሓ'ዩ፡፡ ኣብ ሓደ ብርኪ ቤት ፍርዲ ንኣብነት ቤት ፍርዲ ወረዳ ብዝሃቦ ውሳነ ዘይረወየ ብዓል ጉዳይ ብልዕሊኡ ንዘርከብ ብርኪ ቤት ፍርዲ ጉዳዩ ናይ ምቕራብ መሰል ኣለዎ፡፡ እዚ ድማ መሰል ይግበእኒ ይበሃል፡፡

ስለዝኾነ ይግበእኒ ማለት ሓደ ብዓል ጉዳይ ንፈለማ እዋን ጉዳይ ዝቐረበሉ ቤት ፍርዲ ዝሃቦ ውሳነ ብምቅዋም ብልዕሊኡ ንዘሎ ብርኪ ቤት ፍርዲ ጉዳዩ ዳግም ንኽረአየሉ ናይ ምሕታት መሰል ዝገልፅ'ዩ ፡፡ ይግበእኒ ዝሓትት ወገን ፍርዲ ዝተፈረ'ዶ ሰብ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ እቲ ዝተወሃበ ውሳነ ተመጣጣኒ ኣይኾነን፣ ብመንፅር ዝበፅሓኒ በደል ግቡእ ካሕሳ ኣይረኸብኩን ብምባል እቲ ዝተፈረደሉ እንተኾነ'ውን ቅርታ ከቕርብ ይኽእል'ዩ፡፡ እቲ ይግበእኒ ዝቐረበሉ ቤት ፍርዲ ነቲ ጉዳይ ብዝግባእ ድሕሪ ምምርማር ነቲ ቀዳማይ ውሳነ ከፅድቕ፣ ሙሉእ ንሙሉእ ክስዕሮ ወይ ከመሓይሾ ይኽእል'ዩ፡፡



### መልመዲ - 10

*ኣብ ዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተዛተዩ፡፡*

1. ሰባት ወይ ሰብ ጉዳይ ንምንታይ ስርዓት ይግበእኒ ይጥቀሙ?
2. ኣብ ከባቢኹም ናብ ዘለዉ ትካላት ፍትሒ በብጉጅለ ኮይንኩም ብምኻድ ወይ ብምሕታት ስርዓት ይግበእኒ መሰል ኣብ ምኽባርን ፍትሒ ኣብ ምዕሳልን ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ብዝምልከት ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

# 4.6. ግብሪ

## 4.6.1 መሰልን ግቡእን ከፈልቲ ግብርን ሓላፍነት ሕብረተሰብን

- ረብሓ ወይ ኣድላይነት ግብሪ ዘርዝሩ፡፡
- ከፈልቲ ግብሪ እንታይ መሰል ኣለዎም? ግቡኦምከ እንታይ 'ዩ?




*ስእሊ 4.2 ዝኾነ ዜጋ ካብዝረኽቦ እቶት ግብሪ ናይምኽፋል ግቡእ ኣለዎ፡፡*

## ዘተ ማሕበረሰብ

ነበርቲ ጣብያ ሓዱሽ ከተማ ሎሚ ኣብ ዘካየድዎ ዘተ ጠመተ ዝሃብዎ ኣብ ዙርያ ኣተኣኻኽባ ግብሪ'ዩ፡፡ ነቲ መግለፂ ዝሃቡ ድማ ካብ ቤት ፅዮ ኣካቢ ግብሪ ዝተወከሉ ወ/ት ሰምሃልን ኣይተ ሓጐስን 'ዮም፡፡ ኣቦ መንበር እቲ ጣብያ ነቶም ኣጋይሽ ምስቶም ተኣከብቲ ምስ ኣላለይዎም እቲ ዘተ ብመግለፂ እቶም ሰብ ሙያ ተጀመረ፡፡ ከይዱ እቲ ምይይጥ ሕፅር ብዝበለ መልክዑ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ቐሪቡ ኣሎ፡፡

ኣይተ ሓጎስ :- "ድሓንዶ ሓዲራትኩም ኣሓተይን ኣሕዋተይን? ንሕና ሎሚ ኣብዚ ዝተረኽብናሉ ብዛዕባ እዋናዊ ዛዕባ ዝኾነ ኣተኣኻኽባ ግብሪ ዘተ ንምግባር'ዩ፡፡ ኣብ ዝሓለፈ ብዛዕባ ትርጉምን ኣድላይነት ምኽፋል ግብሪ ምዝታይና ትዝክሩ ኢኹም፡፡ ከም እትፈልጥዎ ምኽፋል ግብሪ ንሃገርና ሓዱሽ ነገር ኣይኮነን፡፡ ምኽፋል ግብሪ ካብ ቀደም ጀሚሩ ዝነበረ፣ ዜጋታት ካብ ዝረኽብዎ እቶት ብሕጊ ብዝተወሰነ መሰረት ንመንግስቶም ዝኸፍልዎ ገንዘብ 'ዩ፡፡

ካብ እዋን ናብ እዋን እቲ ሕብረተሰብ ግብሪ ንልምዓት፣ ንዕብየት፣ ንምዕባለ ዝኸፈል ምዃኑ እናተረደኦ ምምፃእ ጀሚሩ ኣሎ፡፡ ስለዚ ምኽፋል ግብሪ ካብ ኣታዊኻ ንዕብየትን ንልምዓትን ሃገር ዝኸፈል ገንዘብ ምዃኑ ብምግንዛብ ካባና ትፅቢት ዝግበረልና ግብሪ ኣብ እዋኑ ናይ ምኽፋል ግቡእ ኣለና ፡፡" ብምባል መእተዊ ዘረባ ምስ ገበሩ ፣ ምይይጥ እቲ ዕለት ኣብ ከይዲ ምኽፋል ግብሪ ግቡኣት ከፈልቲ ግብሪ ጠመተ ከምዝገብር ኣብሪሆም፡፡

ሕቶ ካብ ተሳታፊ ፡- "ሕዚ ዝተወሃበና መብርሂ ብግልፂ ተረዲኦዮ ኣለኹ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ከይዲ ኣከፋፍላ ግብሪ ሓላፍነትን መሰልን ዜጋታት እንታይ እንታይ ከም ዝኾኑ ክበርሁልና ይደሊ'የ፡፡ ኣብዙይን ኣብ ካልኦት ግቡኣትን መሰላት ከፈልቲ ግብሪ ዝምልከቱ ሕቶታትን ሰፊሕ ዘተ ተኻየደ ፡፡ ካብቶም ዝተወሃቡ መብርህታት ገሊኦም ወ/ት ሰምሃል ኣብ ምኽፋል ግብሪ ዜጋታት ዝለዎም መሰልን ከማልእዎም ዝግባእ ግቡኣትን መሰረት ገይረን ዝሃብኦ መብርሂ ብዝስዕብ ኣገባብ ቐሪቡ ኣሎ፡፡

ሀ. ግቡኣት ከፈልቲ ግብሪ ፡-

- ምኽፋል ግብሪ ግቡእኻ ምዃኑ ምፍላጥን ብእዋኑን ብምሉእ ድልየትን ምኽፋል፣
- ንምእካብ ግብሪ ኣድላይቲ ዝበሃሉ መረዳእታታት ግብሪ ንዝውስን ኣካል መንግስቲ ብቐንዕና ምሃብ፣
- ግብሪ ዘይተኸፈሎ ኣቕሓ ወይ ንብረት ዘይምሻጥ ወይ ዘይምግዛእ፣ ስርዓት ኣከፋፍላ ግብሪ ካብ ምዕንቃፍ ምእርናብ ዝብሉ ብቐንድነት ዝተፀርሑ ነጥብታት ነይሮም፡፡

ለ. መሰላት ከፈልቲ ግብሪ፣

- ዝተወሰነሎም መጠን ግብሪ ናይ ምሕታት፣ ምዕራይ፣ ቅሬታ እንተሃልዎም ቅሬታኻ ናይ ምቕራብ፣
- ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎት ብማዕረ ምጥቃም፣
- ካብ ግብሪ ዝእከብ ገንዘብ ንምንታይ ተግባር ከምዝውዕል ናይ ምሕታትን ናይ ምፍላጥን ዝብሉ ዝዕርሑ'ዮም፡፡

ሐ. ግቡኣት ሕብረተሰብ ኣብ ምኽፋል ግብሪ፣

- ግብሪ ብኣግባቡ ምኽፋል፣
- ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ዝኣትዉን ግብሪ ዘይተኸፈለሎምን ንብረታት ዘይምሻጥ ፣ ዘይምዕዳግ፣ ዘይሕጋዊ ንግዲ ንዘሳልጡ ኣካላት ምቅዋም፣
- ግብሪ ንዘጭበርብሩን ንዘይኸፍሉን ምቅላዕ፣ ምቅዋም፣ ንምእካብ ግብሪ ዝሕግዙ ብቑዓት መረዳእታታት ምሃብ፡ ዝብሉ ብወ/ት ሰምሃል ካብ ዝተወሃቡ መብርህታት እቶም ቀንዲ ነጥብታት'ዮም፡፡

በዚ መሰረት ነበርቲ ጣብያታት ሓዱሽ ከተማ ግብሪ ብእዋኑ ምኽፋል መሰረት ዕብየት ሕብረተሰብን ሃገርን ምዃኑ ብዝምልከት ዝነበሮም ግንዛበ ዝበለፀ ማዕቢሉ፡፡ ብዛዕባ እንታይነትን ኣድላይነትን ምኽፋል ግብሪ ዕምቆት ዘለዎ ግንዛበ ብምርካቦም ድማ ግቡኦም ብኣግባቡ ከተግብሩ ጀመሩ፡፡ በዚ ሰናይ ተግባሮም ድማ ተሸለምቲ ብምዃን ንኻልኦት ብኣብነት ዝዕርሑ ኾኑ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

1. "መንግስቲ ካብ ህዝቢ ብመጠን ኣታዊኡ ዝኣከቦ ግብሪ ተመሊሱ ንግልጋሎት ህዝቢ ብምውዓል ኩሎም ዜጋታቱ ከምዝርብሑ ይገብር" ኣብ ዝብል ኣበሃህላ ትሰማምዑዶ? ከመይ? ብጉጅለ ተዛቲኹም መደምደ ምታኹም ንክፍልኹም ኣቕርቡ፡፡
2. ስዒቡ ንዝቐረበ ሓሳብ ብምርዳእን ንኻልኦት ሰባት ብምሕታት ኣብ ታሕቲ ንዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡

ወ/ሮ ራውዳ ኣብ ዓመት ብር ኣርባዓ ሽሕ ግብሪ ይኸፍላ፡፡ ኣይተ ግርማይ ኣብቲ ዓመት ዝኸፈልዎ መጠን ግብሪ ብር ሰለስተ ሽሕ እንትኸውን ኣይተ ሹሻይ ዝኸፈልዎ ድማ ብር ሓደ ሽሕ'ዩ፡፡ ኣይተ ደረጀ ግና ዝኾነ ዓይነት ግብሪ ኣይከፈሉን፡፡ የግዳስ ብመንግስቲ ይሕገዙ ወይ ይድጎሙ፡፡ እዚ ኩነታት ኣከፋፍላ ግብሪ ኣግባብነት ዘለዎ'ዩ ብምባል ሰብ ሞያ ሪኢቶ ሂቦም ኣለዉ፡፡

ሀ. ኣብቲ ኣተኣኻኽባ ግብሪ ዝተወሃበ ሪኢቶ ሰብ ሞያ ትኽክል ድዩ? ንምንታይ?

ለ. ዜጋታት ካብ መንግስቲ ዝረኽብዎም ግልጋሎታት ብመጠን ዝኸፍልዎ ግብሪ ክፍላለዶ ኣለዎ? ንምንታይ?

## መጠቓለሊ

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናትን ቦታታትን ዝፍፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ሰላምን ዕብየትን ሃገር ልዑል ጉድኣት የብፅሑ'ዮም፡፡ ስለዚ ኣብቲ ሕብረተሰብ ካብ ኣሰራርሓ ኣድልዎ ዝፀረየን ፍትሓዊን ስርዓት ምስፋን ዘኽእሉ ተግባራት ምፍፃም ይግባእ፡፡ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየን ፍትሓዊ ዝኾነን ኣሰራርሓ ፤ ንምጉልባት ስርዓት ዴሞክራሲ ፣ ንምርግጋፅ ዘላቒ ሰላምን ስሉጥ ልምዓትን ልዑል ኣስተዋፅኦ ኣለዎ፡፡

ካብ ኣድልዎ ዝፀረየን ፍትሓውን ስርዓት ዝርገሐ ማሕበራዊ ትካላት ፍትሓዊ ንክኾውን ይገብሮ፡፡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ዘላቒ ሰላምን ካብ ወገናውነት ዝፀረየን ስርዓት ዳይነት ንምዕሳልን በብብርኩ ዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ ፍትሓውነቶም ምጥንኻር የድሊ፡፡ ካብዚ ንላዕሊ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ንኽጉልብት ዜጋታት ስርዓታት ኣሰራርሓ ፍትሒ ክኽብሩ ይግብኦም፡፡ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ስርዓት ዝዓሰለ ሕብረተሰብ ዜጋታቱ ግብሪ ንምንታይን ንመንን ከምዝኽፈል ብዝግባእ ይፈልጡን ይርድኡን'ዮም፡፡ በዚ መሰረት ካብኣቶም ትፅቢት ዝግበር ግቡእ ምኽፋል ግብሪ ኣብ እዋኑ ተግባራዊ ይገብሩ፡፡ በዚ ዝፍፅምዎ ሰናይ ተግባር'ውን ንልምዓትን ዕብየትን ሃገር ካብኣቶም ዝድለ ኣስተዋፅኦ ይፍፅሙ፡፡

## ኣገደስቲ ቓላት

ግብሪ /ቐረፅ፡- ካብ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ንግዲ፣ ዝእከብ ገንዘብ፡፡

ድጎማ፡- ጉድለት በጀት ንምምላእ ዝግበር ደገፍ ገንዘብ፡፡

ጉባኤ፡- ብዙሕ ሰብ ዝሳተፈሉ መድረኽ ዘተ፡፡

ስሉጥ ልምዓት፡- ንናብራ ሕብረተሰብ ዝልውጥን ዕብየት ሃገር ዘሳልጥን ዝተፈላለዩ ተግባራት ፡፡

ንሕጊ ተገዛኢ ምኳን፡- ሕብረተሰብ ዝተቐበሎም ፣ ኣብ ስራሕ ዘለዉ ሕግታት፣ ደንብታትን ኣሰራርሓታትን ምኽባርን ተገዛኢ ምኳንን፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ዝሓዝዎ ሓሳብ ልክዕ ንዝኾነ "ሓቂ" ልክዕ ንዘይኮነ "ጌጋ" ብምባል መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ዝርገሐ ግልጋሎት ውሃብቲ ማሕበራዊ ትካላት ፍትሓውነቶም ምርግጋፅ ኣይከኣልን፡፡
2. ኣብ ሃገርና ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ዝነበረ ዝርገሐ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ፍትሓውነት ዝጎደሎ ነይሩ፡፡
3. ብምኽንያት ኣሰራርሓ ኣድልዎ ዝፍጠሩ ፀገማት ብዙሕ ጎዳእነት የብሎምን፡፡
4. ኣካላት ፍትሒ በብ ብርኩ ምምሕዋሮም ብዙሓት ረብሓታት ኣለዎ፡፡
5. ግብሪ ምኽፋል መሰልን ግቡእን ዜጋታት'ዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተዘርዘሩ ዝሰማምዑዎም ሓረጋት እናመረፅኩም ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ___1. ምኽንያት ምስኣን ስምዒት ተበግሶ | ሀ. ግብሪ ኣብ እዋኑ ምኽፋል |
| ___2. ግቡእ ከፈልቲ ግብሪ | ለ.ግብሪ |
| ___3. ኣብ ውሳነ ቤት ፍርዲ ቅርታ ምቕራብ | ሐ. ይግበኣኒ |
| ___4. መሰረት ዕብየት | መ. ምጉዳል ፍትሒ |
| ___5. ላዕለዋይ ኣካል ፍትሒ | ረ. ጣብያ |
| | ሰ. ጠቅላሊ ቤት ፍርዲ |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ቅኑዕ ብዝኾነ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡*

1. ሕጋዊ መንገድታት መኽበሪ መሰል ዜጋታት ______________ ን ______________ን'ዮም፡፡
2. ኣብ ሃገር ዘሎ ዝርገሐ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት______________ ክኸውን ይግባእ፡፡

3. ኣብ ሕብረተሰብ ንዝፍጠሩ ፀገማት ፍትሒ ፍታሕ ዝህቡ ኣካላት ፍትሒ _______________ ን _______________ን ብዝብል ኣብ ክልተ ተመቒሎም ይግለፁ ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብ ዝተውሃብዎም መማረፂ መልስታት ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ካብዞም ዝስዕቡ ተግባራት ሓዲኡ ፍትሓውነት ትካላት ዝግለፀሉ'ዩ፡፡
   ሀ. ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዘለዎም ዝርገሐ ብምምጥጣን፣
   ለ. ማዕረ ግልጋሎት ናይ ምርካብ መሰሎም ክኽበር ብምግባር፣
   ሐ. ንሓለፍትን ንሰብ ሃፍትን ቐዳምነት ብምሃብ፣
   መ. "ሀ" "ለ" ን መልሲ 'ዮም፡፡

2. ካብዞም ዝስዕቡ ዜጋታት ፍትሒ ንኽኽብሩ እንትብሉ ኣብ ተግባር ከውዕልዎ ዘይግባእ ነየንኡ 'ዩ?
   ሀ. ምኽሳስ ወይ ክሲ ምቕራብ — ሐ. ብሓይልኻ ምጥቃም
   ለ. ይግበኣኒ ምቕራብ — መ. ኩሎም መልሲ 'ዮም

3. ካብዞም ዝስዕቡ ኣካላት፣ ምሃብ ውሳነ ፍትሒ ቐዳማይ ብፅሒቱ ኣይኮነን?
   ሀ. ምምሕዳር ጣብያ — ሐ. ጣብያ ፖሊስ
   ለ. ቤት ፍርዲ — መ. ትካል ትምህርቲ

4. ትካላት ፍትሒ በብ ብርኩ ምጥያሾም እንታይ ዓይነት ረብሓ ኣለዎም?
   ሀ. ገንዘብን ጉልበትን ይቑጥብ — ሐ. ፍትሒ ኣብ ቐረባኻ ንኽትረክብ ይገብር
   ለ. ግዘ ይቑጥብ — መ. ኩሎም መልሲ 'ዮም፡፡

5. ውፅኢት ኣሰራርሓታት ኣድልዎ ዘይኮነ ኣየንኡ'ዩ?
   ሀ. ስምዒት ተበግሶ ምጉዳል — ለ. ተስፋ ምቑራፅ
   ሐ. ምዕሳል ሰላምን ምርግጋእን — መ. ምልሕላሕ ርክብ ሕድሕድ

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ካብ ኣዳልዎ ዝፀረየ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ንምዕሳል ሓላፍነታት ዜጋታት 'ዮም እትብልዎም ሓሳባት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብዞም ተዘርዚሮም ዘለዉ ትካላት ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ዘስዕብዎም ፀገማት ዘርዝሩ፡፡

   ሀ. ኣብ ቤት ትምህርቲ    ለ. ኣብ ስድራ ቤት

   ሐ. ኣብ ጣብያ    መ. ኣብ ኣብያተ ፍርዲ

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## ፍቕሪ ሃገር

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፡-**

**ነዚ ምዕራፍ ምስ ተምሃርኩም፡-**

- ሓቀኛ ታሪኽን ባህልን ህዝብን ሃገርን ብዝግባእ ብምግንዛብ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ተኅልብቱ፡፡
- ደሕንነት ሓባር ከናግዑ ዝኽእሉ መዕነውትን ኅዳእትን ልምድታት ትዋግኡ፡፡

## 5.1 ፍቕሪ ሃገር

### 5.1.1. መግለፅታት ሓድሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር

- መግለፅታት ስሚዒት ፍቕሪ ሃገር ክኾኑ ካብ ዝኽእሉ ገሊኦም ዘርዝሩ፡፡

### ታሪኽ ሃገር

ተምሃሮ 7ይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ብሩህ ተስፋ ብዛዕባ ታሪኽ ሃገሮም መብርሂ ንኽህብዎም ንሓደ ምሁር ታሪኽ ዓዲሞም፡፡ እዞም ምሁር ታሪኽ መብርሂ ንኽህብሉ ዝተውሃቦም ርእሲ "ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ምጉልባት" ዝብል'ዩ፡፡ እዞም ምሁር ገለፅኦም ምስ ወድኡ ተምሃሮ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ኣቕሪቦምሎም፡፡ እቶም ዝቐረቡ ሕቶታትን ዝተውሃቦም መልስታትን ድማ ዝስዕብ ይመስል፡፡

ሕቶ፤ ንኽሓትት ዝተውሃበኒ ዕድል የመስግን፡፡ ንምንታይ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ከመይ ኢልና ኢና ሓዱሽን ኣረጊትን ኢልና ክንመቕሎ እንኽእል?

መልሲ፤ እዚ ሕቶ እዚ መሰረታዊ ሕቶ'ዩ፡፡ ቅድሚ ሎሚ ኣብ ዝነበሩ ስርዓታት ክምዕብል ዝድለ ዝነበረ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ብቐንድነት

ንታሪኽ፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ኣረኣእያን ስነ ልቦናን ህዝብታት ማእኸል ዝገበር ኣይነበረን፡፡ የግዳስ ኣብ ብዙሓት ኣጋጣሚታት ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገር እናተብሃለ እንትግለፅ ዝነበረ ተፈጥሮኣዊ ኣቀማምጣ ገፀ ምድሪ እዛ ሃገር ማለት'ውን ሩባታት፣ ጎቦታት፣ እፀዋት ወዘተ'ዩም ነይሮም፡፡ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ክምዕብል ኣለዎ ዝበሃል ዘሎ ነዚ ንሓደ ኣንፈት ጥራሕ ዘንፀባርቕ ኣረኣእያ ብምእራም ንብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘማእኸለ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር'ዩ፡፡

ሕቶ፣ ነብስ ወከፍ ዜጋ ነዚ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ከመይ 'ገይሩ'ዩ ብተግባር ክገልፆ ዘለዎ?

መልሲ፣ እዚ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ክምዕብል ዝግብኦ ፈለማ ንስድራኻ ምፍታውን ምኽባርን እንትህሉ'ዩ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ድማ ታሪኽ ከባብን ሃገርን ብዝግባእ ምፍላጥን ምኽባርን ካብ ኩሎም ዜጋታት ትፅቢት ይግበር፡፡ ታሪኽ ሃገር፤ ታሪኽ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን'ዩ፡፡ ፍቕሪ ሃገር ዝግለፅ ነብሰ ወከፍ ዜጋ ብዓቕሙ ንህዝቢ ዝረብሑን መርኣያ ክኾኑ ዝኽእሉን ተግባራት እንትፍፅም'ውን እዩ፡፡ ባህሉን ታሪኹን ዘኽብር ዜጋ ናይ ካልኦት ወገናቱ ቋንቋ፣ ባህልን ታሪኽን የኽብር'ዩ፡፡

ሕቶ፣ ኣብ ዘሓለፉ ዘበናት ዝተዛብዑ ታሪኽ ህዝብታት ከመይ ምምዕርራይ ንኽእል?

መልሲ፤ ቅድም ኢሎም ኣብ ዝነበሩ ስርዓታት ዝነበሩ መራሕቲ መንግስታት ቐዳምነት ዝህብዎ ዝነበሩ ንናይ ውልቆም ክብሪ፣ ዝናን ስልጣንን እምበር ንታሪኽ ህዝቢ ኣይነበረን፡፡ ኣብ ስርዓት ኣገዛዝኣ እዞም ነገስታት ፍልፍል ስልጣን ህዝቢ እንተይኮነስ ብሓረግ ዘርኢ ዝርከብ ተገይሩ'ዩ ይእመን ነይሩ፡፡ ቐፂሉ ዝመፀ ወታደራዊ ኣገዛዝኣ (ደርግ) ድማ ታሪኽ ህዝብታት ንጎኒ ገዲፉ ትኹረት ዝህበሉ ዝነበረ ንመሬት፣ ንጎቦታት፣ ሸንጥሮታት ወዘተ ጥራሕ ነይሩ፡፡ ስለዝኾነ'ውን ኣብዞም

ስርዓታት ዝተፅሓፉ ዝበዝሑ ታሪኻት ንታሪኽ ህዝብታት ኣማእኺልካ ዝተፀሓፉ ኣይነበሩን፡፡ እዚ ፀገም ዝርአ ኣብቶም ብፅሑፍ ዝቐረቡ ታሪኻት ጥራሕ እንተይኮነስ ብኣፍ ይዝረቡ ኣብዝነበሩ ኣፈ-ታሪካት'ውን እዩ፡፡ ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ከይዲ ህንፀት ሓዱሽ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ግና ቅኑዕ ታሪኽ ህዝብታት እንትፀሓፍ ጌጋታት እናተኣረሙን እናተስተኻኸሉን ክኸዱ'ዮም፡፡ እዚ ኣብ ተግባር እንትውዕል ሓዱሽን ንህዝቢ ማእኸል ዝገበረነ ታሪኽ ምፅሓፍ ጥራሕ እንተይዥነስ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ኣብ ውሽጢ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክሰረፅ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 1

***ኣብ ላዕሊ ዝተወሃበ መብርሂ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. እቶም ምሁር ታሪኽ ኣብ መብርሂኦም ዝፀርሕዎ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ብዋናነት ዝግለፅ ኣብ ከመይ ዝበሉ ተግባራት'ዩ?
2. ኣድልዎ ዘይብሉ ታሪኽ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብትኽክል ዝፀሓፍ ከመይ'ዩ?

መግለፂ ስምዒት እቲ ሓዱሽ ፍቕሪ ሃገር ካብ ዝኾኑ ገሊኦም ንሕግን ደንብን ተገዛኢ ምዃን፣ መሰል ካልኦት ሰባት ምኽባር፣ ሓላፍነትካ ብብቕዓት ምትግባርን መርኣያ ክትኮነሎም ዝኽእል ተግባራት ምፍፃምን እቶም ቀንዲ'ዮም፡፡

ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ናይ ባዕሎም ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፣ ታሪኽ፣ ስነ-ልቦናን ኣተሓሳስባን ኣለዎም፡፡ ኣብ ታሪኽ ህዝብታት ኅሊሁ ክረአ ዝግብኦ ታሪኽ መራሕቲ ወይ ታሪኽ ስልጣን ናይ ዝዓተረ ፓርቲ እንተይኮነስ ናይቲ ህዝቢ ታሪኽ ክኸውን ይግብኦ፡፡ ሓድ ሓደ ታሪኻት ተዛቢያም እንትፀሓፉን እንትንገሩን ብሸለልትነት ክሕለፉ የብሎምን፡፡ ዝተዛብዑ ታሪኻት እንትንገሩ

እቲ ጌጋ ፊት ንፊት ብምንጋር ኮነ ብመረዳእታ ደገፍካ ብፅሑፍ ምእራም ሃገረይ እፎቱ'የ፣ ካብ ዝብል ዜጋ ትፅቢት ይግበር፡፡ እዚ ድማ ንመግለፂ ስምዒት ሓዱሽ ፍቕሪ ሃገር ሓደ መንገዲ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገር እንትለዓል ብቐንድነት ክሕሰቡ ዘለዎም መሰረታዊ ጉዳያት እንታይ'ዮም?
2. ዝተዛብዑ ታሪኻት ተፃሒፎም እንትንረክብ ወይ ድማ ብቃል እንትዝረቡ እንትንሰምዕ ሃገሩ ከምዝፎቱ ዜጋ መጠን እንታይ ክንገብር ኣለና?

# 5.2 መፅነውትን ጎዳእትን ተግባራት

## 5.2.1 ኣብ ከባቢና ዝረኣዩ መፅነውትን ጎዳእትን ተግባራት



*ስእሊ 5.1 መፅነውትን ጎዳእትን ተግባራት ምቅዋም ሃገሩ ካብዝፎቱ ኩሉ ዜጋ ትፅቢት ይግበር*

- እዞም ስእልታት እንታይ መልእኽቲ የሕልፉ?
- ኣብቶም ስእልታት ዝተገለፁ ዓይነት ተግባራት ዝፍፅሙ መናእሰይ ኣብ ከባቢኹም ኣለውዶ? እንተሃሊኦም ኣብ ከመይ ዝበሉ ጎዳእቲ ተግባራት ዝተዋፈሩ 'ዮም?

# ኣውጫጭ

ኣብ ሓደ ቁሸት ነቲ ህዝቢ ዘፀገሙ ሰለስተ ሰረቕቲ ነበሩ፡፡ እዞም ሰረቕቲ ንብረት ነበርቲ ብምውራር፣ ንብረት ሕብረተሰብ እቲ ከባቢ ብምብልሻው፣ ህዝቢ ዘማለልስ መኸይን ጠጠው ኣቢልካ ንብረት መንገደኛታት ብምኽታር ንደቂ ኣንስትዮ ብምዕማፅን ካልኦት ብዙሓት በደላት ኣብ ልዕሊ እቲ ሕብረተሰብ ኣብፂሖም'ዮም፡፡ ንኣብነት ዝተዘርገሐ ቡንቧ ማይ ካብ ውሽጢ መሬት ኲዒቶም እናውፅኡ ሰሪቖም፣ ገመዳት መብራህትን ስልክን እናቆረፁ ብምውሳድ ኣብ ልዕሊ ሃፍቲ ሃገር ልዑል ገበን ፈፂሞም'ዮም፡፡

ናይዞም ሰረቕቲ መፅነዋይ ተግባር ዝመረሮም ነበርቲ እቲ ከባቢ ተደጋጋ ምሽጥራዊ ኣኼባ ብምግባር ነዞም ለያቡ ንምቅላዕ ይውስኑ፡፡ እዚ ምስጢር ንኽሕሎ'ዉን እቲ ህዝቢ ቃል ኣተወ፡፡ ነዚ ምስጢር ዘውፀአ ሰብ ከቢድ መቅፃዕቲ ከምዝፅበዮ እቲ ሕብረተሰብ ብሓደ ድምፂ ወሰነ፡፡

እቲ ኣኼባ ኣብ ዝካየደሉ ዕለት እቶም ሰረቕቲ ከምዝኾነ ነባሪ እቲ ከባቢ ይፀውዑ'ዶ ኣይፀውዑ ኣብ ዝብል ዛዕባ እቶም ነበርቲ ተዛትዮም ዝተፈላለዩ ሓሳባት ኣውፂኦምን ኣወሪዶምን'ዮም፡፡ ካብቶም ነበርቲ ገሊኦም "እቶም ሰረቕቲ ብኣካል ኣብ ዝተረኽብሉ ኣኼባ እንተኣቃሊዕናዮም ፅባሕ ንዓና'ውን ከጥቁዑና ስለዝኽእሉ ንሳቶም ኣብ ዘይርከብሉ ኣኼባ እንተነቃልዖም ይሓይሽ ዝብል ሓሳብ ሃቡ፡፡ ገሊኦም ነበርቲ ድማ ዕኑዕ መርገፂ ብምሓዝ "እቶም ሰረቕቲ ኣብቲ ኣኼባ ተረኺቦም ኣብ ልዕሊ እዚ ሕብረተሰብ ዘብፅሕዎ በደል ብዝርዝር ይነገሮም፡፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ህዝቢ ዘብፅሕዎ በደል እንተኣሚኖምን ንዝበደልዎ ሕብረተሰብ ብዕሊ ይቕሬታ ብምሕታት ናብ ሰላማዊ ናብራ ዝምለሱ እንተኾይኖምን ዘወሰድዎ ንብረት ንባዓል ዋንኡ ዝምለሱ እንተኾይኖምን ምሕረት ክግበርሎም ይግባእ፡፡ በዚ ክፉእ ተግባር ሌብነቶም ክንቅፅል ኢና ኢሎም እንተወሲኖም ግና ንሕጊ ኣሕሊፍና ክንህቦም ኢና" ብምባል ሓሳብ ኣቕረቡ፡፡ ዝተወሰኑ ነበርቲ እቲ ኸባቢ ከዓ "ናይ ህዝቢ ሓበራዊ መገልገሊ ንብረት እናዕነውን ንህዝቢ እናወረሩን ምስ ዝፀንሑ ሰረቕቲ ምድርዳር ስለዘይግባእ እቶም ሰረቕቲ ኣብ ኣኼባና ንኽርከቡ ምስገበርና ኩርንኩሪት ኣሲርና ንሕጊ ክነቕርቦም ኣለና "ዝብል ቅዋም ሓዙ፡፡



## መልመጂ - 3

***ነቲ ምንባብ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. እቶም ሰረ'ቕቲ ኣብ ልዕሊ ሓበራዊ መገልገሊ ንብረት ሕብረተሰብ ዝፈፀምዎ ተግባር ስርቅን ዕንወትን ንህዝብን መንግስትን ክኅድእ ዝኸኣለ ብከመይ'ዩ?
2. ህዝቢ'ቲ ከባቢ ነቶም ሰረ'ቕቲ ንምቅላዕ ኣብ ዘ'ቕረቦም ሰለስተ መፍትሒ ሓሳባት በብጉጅለ ኮይንኩም ተመያየጥሎም? ኣየናይ ሓሳብ ይሓይሽ ትብሉ? ንምንታይ?
3. ኣብ ሓበራዊ መገልገልቲ ንብረታት ሓድሓደ ጉድኣት እንተብፅሑ እናረአና "ንዓይ ኣይምልከተንን" ኢልካ ምሕላፍ እንታይ ዓይነት ኣሉታዊ ሳዕቤን ክስዕብ ይኽእል? በብጉጅለ ከይንኩም ተዛተይሉ፡፡

ኣብ ከባቢና ንዝረአዩ ኅዳእትን መዕነውትን ተግባራት ምቅዋምን ኢሉ'ውን ሓቢርካ ምውጋድን ካብ ነብስ ወከፍ ዜጋ ትፅቢት ዝግበር ተግባር'ዩ፡፡ ሓበራዊ መገልጋልቲ ንብረታት ብሓድ ሓደ ሸለልተኛታት ውልቀ ሰባትን መዕነውትን እንትበላሸውን እንትዓንውን እናረአየ፤ "እንታይ ኣእተወኒ" ዝብል ሰብ እቲ ጉድኣት ዘይሩ ዘይሩ ኣብ ባዕሉ ምብፅሑ ኣይቐርን፡፡ ምኽንያቱ በቶም ንብረታት ዝግልገል ባዕሉ እቲ ሕብረተሰብ ስለዝኾነ ናይቲ ሓበራዊ መገልገሊ ንብረት ምዕናው ጉድኣቱ ዘይሩዘይሩ ንኹሉ ምብፅሑ ኣይቐርን፡፡ ስለዚ ነዞም ከምዚ ዝበሉ መዕነውትን ኅዳእትን ተግባራት ብሓባር ምክል'ኻል ካብ ነብስወከፍ ዜጋ ትፅቢት ዝግበረሉ ተግባር'ዩ፡፡




## መልመዲ - 4

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ካብ መፅነውትን ኅዳእትን ተግባራት ዝፀረየ ከባቢ ብኸመይ ምፍጣር ይከኣል? በቢጉጅለ ኰይንኩም ተዛተይሉ?
2. "ኣብ ከባቢየይ ንዝረአዩ መፅነውትን ኅዳእትን ተግባራት ጠጠው ንኽብል ናሃተይ ብፅሒት" ብዝብል ርእሲ ሓፂር ፅሑፍ ኣሰናዲኢኹም ንደቂ ክፍልኹም ኣንብብሎም፡፡

# 5.3. ፖሊስን ስትራቴጂን ልምዓት


## 5.3.1 ልምዓት ሃገርና ንምስላጥ ዝወፁ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ድኽነት ኣብ ምቅላስ ዘለዎም ግደ



*5.2. ነጢፍካ ምስራሕ ክትምስገን ይገብር*



*5.3. ጠንኪርካ ብምስራሕ ድኽነት ምውጋድ ይካኣል*



ስእሊ5.2. ንዕብየት ኩሉ ብዓቕሙ ኣስተዋፅኦ ክገብር ኣለዎ፡፡

- እቶም ስእልታት ብሓባር ከሕልፍዎ ዝተደለየ መልእኽቲ እንታይ'ዩ?
- መግለፂ ድኽነት ሓንቲ ሃገር ክኾኑ ዝኽእሉ ነገራት እንታይ'ዮም?

## መናእሰይ ሓዱሽ ቁሽት፣

በዝሐም ሰላሳ ዝኾኑ መናእሰይ ቀዱሽ ቁሽት ንብዙሕ ዓመታት ስራሕ ኣይነበሮምን፡፡ ብዘይ ስራሕ ኮፍ ኢሎሞ ብምፅንሖም ዕድመ ንእስነቶም እናባኽኑ ዘለው እዞም መናእሰይ መንግስቲ ዘመዓራረየሎም ዕድል ተጠቒሞም ንባዕሎም ካብ ድኽነትን ምፍታሕ ስራሕን ንምንጋፍ ምእካብን ምውዳብን ከምዝግብኦም ተስማሚዖም፡፡ ብመሰረት ስምምዕነቶም ሓደ ማሕበር መሰሪቶም፡፡ ስሙ ድማ "እምቢ ንድኽነት" ኢሎም ሰየምዎ፡፡ ብስም ማሕበሮም'ውን ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከብ ትካል ልቓሕ፣ ገንዘብ ብምልቓሕ ንኣባላቶም ኣብ ሰለስተ ዘፈር ስራሕ መዲቦም ምንቅስቓስ ስርሖም ብፅቡቕ መንፈስ ጀመርዎ፡፡

ኣባላት እቲ ሓደ ጉጅለ ክሰርሕዎ ዝተመደቡ ስራሕ ናይቲ ከባቢ ነባሪ ህዝቢ ወርሓዊ ክፍሊት ግልጋሎት ስልኪ፣ ማይን መብራህትን ኣኪብካ ብምኽፋል ማሕበሮም ተመጣጣናይ ኣታዊ ግልጋሎት ክረክብ ምግባር'ዩ፡፡

ኣባላት እቲ ካልኣይ ጉጅለ ድማ ካብ መንበሪ ነበርቲ እቲ ከባቢ ደረቕ ጉሓፍ እናኣከቡ ብምእላይ ማሕበሮም ወርሓዊ ክፍሊት ግልጋሎት ክረክብ ምግባር'ዩ፡፡ ኣባላት እቲ ሳልሳይ ጉጅለ ከዓ ኣብ ከባቢ እቲ ሕብረተሰብ ዝርከብ ማእኸል ዕዳጋ

ብምፅራይን ፀጥትኡ ክሕሎ ኣብ ምግባርን ስራሕቲ ተዋፊሩ፡፡

ኣባላት “ማሕበር እምቢ ንድኽነት” ሓዱሽ ቁሽት ኣብ ዝሓፀረ ግዘ ብዘርአይዎ ልዑል ምንቅስቓስ ስራሕን ብዘምፅእዎ ውፅኢትን ካብ ሰለስተ ዝተፈላለዩ ትካላት ካብ ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ጣብያ ከባቢኦምን ተሸለምቲ ንምኳን በቒዖም'ዮም፡፡ በዚ'ውን ኣብመነባብሮ እቶም መናእሰይ ልዑል ለውጢ ክረአ ክኢሉ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 5

**ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. እቶም መናእሰይ በቲ ቅድሚ ተወዲቦም ስራሕ ምጅማሮም ዝነብርዎ ኩነታት እንተዝኽቕፅሉ ውፅኢቱ እንታይ ክኸውን ምኽኣለ?
2. ናይዞም መናእሰይ ንስራሕ ዘለዎም ተበግሶን ምህዞ ስረሖምን ከመይ ትሪኢዎ? ኣብ ከባቢኹምከ ነዚ ዝመስል ስራሕ ዝሰርሑን ውፅኢት ዘመዝገቡን መናእሰይ ኣለዉ'ዶ? እንተሃልዮምከ ኣብ ከመይ ዝበለ ዓይነት ዘፈር ስራሕ'ዮም ተዋፊሮም?
3. ብዙሓት መናእሰይ ስራሕ ምርካብ ከምዘይከኣል ብምግላፅ እንተማርሩ ይስማዕ፡፡ ከምዚኦም ዝበሉ መናእሰይ እንትገጥምኹም እንታይ መልሲ ትህብዎም? በብጉጅለኹም ተዛተይሉ፡፡

ሃገርና ኢትዮጵያ ድኻታት ካብ ዝበሃሉ ሃገራት ሓንቲ'ያ፡፡ ካብዚ ዓዘቕቲ ድኽነት ንሓደን ንመወዳእታን ግዘ ንኽትውፅእ ሓቀኛ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዘለዎን ብስራሕ ዝኣምንን ወለዶ ክህነፅ ይግብኦ፡፡

ምስሊ ድኽነት እዛ ሃገር ንኽልወጥ መንግስቲ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ሓንፂፁ ኣብ ምንቅስቓስ ይርከብ፡፡ እቶም ዝተሓንፀፁ ፖሊስታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ናብ ተግባር ብምልዋጥ'ውን መንግስትን ህዝብን ዝግባእ ፃዕሪ ብምግባሮም ኢኮኖሚ ሃገርና ንተኸታተልቲ ዓመታት ኣብ

ዝሓሸ ብርኪ ዕብየት ይርከብ፡፡ ብፍላይ ድማ ኣካል ስትራቴጂ ትልሚ ኢኮኖሚ ዝኾነ ዘፈር ሕርሻ ዘመዝገቦ ውፅኢት ብመርአያነት ዝፅራሕ'ዩ፡፡

ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፈር ሕርሻን ካልኦት ዘፈራት ምጣነ ሃፍትን ተዋፊሮም ርኡይ ውፅኢትን ዘመዝገቡ ሓረስቶትን ኢንቨስተራትን ዝተፈላለዩ ሽልማታት ረኺቦምዮም፡፡

ብመሰረት ሃገርና እትምረሓሉ ፖሊስን ስትራቴጂን ልምዓት ንድኽነት ተቓሊስና ንሓዋሩ ንምውጋድ ነብስ ወከፍ ዜጋ ብፅሒቱ ከወፊ ልዑል ትፅቢት ይግበር ኣሎ፡፡ እዛ ሃገር እትምርሓሎም ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ብዝግባእ መርሚርካ ምርዳእ፣ ንተግባራውነቶም'ውን ጠንኪርካ ምስራሕ የድሊ፡፡ እቶም ፖሊስታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ድኽመት እንተሃልዩዎም'ውን ንኽመሓየሹን ንኽእረሙን ሪኢቶ ምሃብ ሃገረይ እፎቱ'የ ናይ ዝብል ዜጋ ነብስ ወከፍ ግቡእ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 6

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. መንግስቲ ካብ ዝሓንፀም ቸንዲ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ልምዓት ንዝተወሰኑ ብምዝርዛር ብዛዕባ ዘመዝገብዎም ጭቡጥ ውፅኢታት ብጉጅለ ኮይንኩም ተዛተይሎም፡፡

2. ካብ ሃገርና ድኽነት ንምውጋድ ካብ ነብስ ወከፍ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

## 5.3.2 ሓባራዊ ፀገማት ንምውጋድ ግደ ሰናይ ድሌት

- ሓባራዊ ፀገማት ዝበሃሉ እንታይ እንታይ'ዮም?

### ቅድሚት እየ ኣነ

ከውግድ ፀገሙ፣ ስቓዩ ወገነይ
ቅድመ ግንባር'የ  ከወፊ ብዓቕመይ
ክቐውም ዋርድያ ንከባቢ ሰላም
ወገነይ ይሕለፈሉ ብናተይ ፍልጠት ድኻም
ፀገምና ክጠፍእ ክዓስል ምዕባለ
ኣጆኻ በሉኒ ክሰርሕ ጠንኪረ
ቃለይ ንኽተግበር ኮይነልኹም ድልዊ
ድኽነት ኣጥፊአ ንህዝበይ ከርዊ፡፡



### መልመዲ - 7

***ኣብ ላዕሊ ዘሎ ግጥሚ መበገሲ ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።***

1. እቲ ግጥሚ ከሕልፎ ዝደለየ ቀንዲ መልእኽቲ እንታይ'ዩ?
2. ኣብቲ ግጥሚ "ኣነ" እናበለ ዝገልፅ ብዓል ታሪኽ እንታይ ዓይነት ግልጋሎት ሰናይ ድልየት ንምውፋይ'ዩ ቃል ዝኣተወ?
3. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ኣባል ዝኾንኩምሉ ግልጋሎት ሰናይ ድልየት እንተሃልዩ ብዛዕባ ዝህቦ ግልጋሎት ተዛተይሉ፡፡ ናይቲ ዝወሃብ ግልጋሎት ጥንኩርን ድኹምን ጎኒ እንታይ'ዩ?

ልምዓት ንምስላጥ መንግስቲ ዝሕንፅዎም ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ብግልጋሎት ሰናይ ድልየት ዜጋታት ክሕገዝ ይግብኦ፡፡ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ዝረአዩ ፀገማት ክፍትሖ ዝኽእሉ ብፃዕሪ መንግስቲ ጥራሕ እንተይኮነስ  እቲ ህዝቢ ባዕሉ ብሰናይ ድልየቱ ፍልጠቱ፣ ገንዘቡ፣ ግዚኡን ጉልበቱን ንሓባራዊ ዕብየትን ልምዓትን ከወፊ

እንተኸእል'ዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሓደ ሰፈር ሓደጋ ባርዕ ሓዊ እንተለዓል መኪና መከላኸሊ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ ክሳብ ዝመፅእ ኣይትፅበን፡፡ ህዝቢ እቲ ከባቢ ብዝኸኣሎ ኩሉ ብዝፈልጠ ሜላ ተረባሪቡ ነቲ ሓደጋ ባርዕ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ክውዕሎ ይግበኦ፡፡ እቲ ሓደጋ ባርዕ ሓዊ ብዘብፀሖ ዕንወት ዝተጠቕዑ ነበርቲ እንተሃለዉ'ውን' ቀፃልነት ዘለዎ ደገፍ መትከሊ እግሪ ክሳብ ዝርከብ ስልጡን እዋናውን ሓገዝ ዝገብረሎም ህዝቢ እቲ ከባቢ'ዩ፡፡ ከምዚኦም ዝበሉ ሓበራዊ ፀገማት ባዕሉ እቲ ሕብረተሰብ ተሓጋጊዙ ምውጋድ እንተዘይኪኢሉ ደገፍ መንግስቲ ጥራሕ ትፅቢት ምግባር ንባዕሉ መፍትሒ ኣይኸውንን፡፡

ብደረጃ ውልቀ ሰብ' እንተኾነ'ውን ግልጋሎት ሰናይ ድልየት ምውፋይ ካብ ነብስ ወከፍ ዜጋ ትፅቢት ይግበር፡፡ ብዝተጠናኸረ ኩነታት ግልጋሎት ሰናይ ድልየት ንምውፋይ ኣብ ቀረባና ምስ ዝርከቡ ትካላት ምስራሕ ይከኣል'ዩ፡፡ ንኣብነት፤ ኣብ ማሕበር ቀይሕ መስቀል ኣባል ብምዃን እቲ ማሕበር ካብ ዝፍፅሞም ተግባራት ውሽጢ ዝተወሰኑ መሪፅካ ብቐንዕናን ብተበግሶን ብምግልጋል ነቲ ሕብረተሰብ ልዑል ረብሓ ዘለዎ ተግባር ምፍፃም ይከኣል፡፡



## መልመዲ - 8

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ከባቢኹም ግልጋሎት ሰናይ ድልየት ዝህቡ ትካላት እንተሃልዩም ብምዝርዛር ዓይነት ዝህብዎ ግልጋሎት ግለፁ፡፡
2. ሕብረተሰብ ከባቢኹም ብሰናይ ድልየት ዝፈፀሞም ተግባራት ብዝምልከት ንመሓዙትኩም ንገርዎም፡፡
3. ንስኻትኩም ኣብ ናይ ከባቢኹም ተግባራት ግልጋሎት ሰናይ ድልየት ተሳቲፍኩምዶ ትፈልጡ? እንተዘይተሳቲፉኩምከ ንምንታይ? ተዛተይሉ፡፡

# 5.4 ዜግነት

## 5.4.1.መሰልን ግቡእን ዜጋታት

"ሃገረይ ንዓይ እንታይ ገይራትለይ ምባል ጥራሕ እተይኮነስ ፤ኣነኸ ንሃገረይ እንታይ ገይረላ ኢልኩም ሕተቱ፡፡"

(ፕሬዚዳንት ኣሜሪካ ጆን ኤፍ ኬኔዲ)

- ኣበሃህላ ጆን ኤፍ ኬኔዲ እንታይ መልእኽቲ የመሓላልፍ?

## ርእይቶ ተሳተፍቲ

ኣቤል፣ ስላስ፣ ሓረጎትን ዝናሽን ኣብ ቤት ትምህርቶም ኣባላት ኮሚቴ ክለብ ትምህርቲ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን'ዮም፡፡ ቅድሚ ክልተ መዓልቲ መሰልን ግቡእን ዜጋታት" ብዝብል ርእሲ መደብ ክትዕ ኣዳሊዮም ነይሮም፡፡ ኣብቲ ዕለት ዝተኻየደ ክትዕ ብዝምልከት ኣባላት እቲ ኮሚቴ ብፅሑፍ ዝበፅሖም ርኢቶ ተሳተፍቲ ብሓባር እናንበቡ'ዮም፡፡

ካብ ሓደ ተምሃራይ ዝተልኣኸ ርእይቶ ከምዝስዕብ ይብል፤ "...ነቲ ክትዕ ኣዕርየ ፈትየዮ፡፡ ዜግነታዊ ግቡእና ክንዋፃእ ዝግበእና ኣብ ዝተረጋገዐ ግዜ ጥራሕ እንተይኮነስ ሃገር ኣብ ውሽጢ ፀገም ክትኣቱ እንተላ'ውን ክኸውን ከምዝግባእ ይኣምን'የ፡፡ ሕድሕድ ዜጋ መሰሉ ንክኸበረሉ ምሕታት ጥራሕ እንተይዝነስ ግቡኡ'ውን ተግባራዊ ክገብር ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ኣብ ከባቢና ሓደ ፀገም እንትረአ ተሓጋጊዝና ነቲ ፀገም ምውጋድ ይግበአና፡፡ ነዚ ርእይቶ ዝፀሓፈኩዎ ኣብ ከይዲ እቲ ክትዕ እዞም ነጥብታት ስለዘይተልዓሉ'ዩ፡፡

እቲ ካልኣይ ርእይቶ ድማ ከምዚ ይብል፤ "ትማሊ ዝተኻየደ ውዕውዕ ክትዕ ጅማሮኡ ፅቡቕን ዘተባብዕን'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና እቶም ተኻታዕቲ ከልዕልዎም ዝግባእ ብዙሓት ነጥብታት ዘልዐሉ ኣይመስለንን፡፡ ንኣብነት፤ ሓድ ሓደ ሰባት ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ እናሃፍተሙ ኣነ ጥራሕ ዜግነታዊ ግቡኣይ ክፍፅም ኣለኒ ኢለ እንተሓሰብኩ እንታይ ትርጉም ይህልዎ? ስለዚ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ንምህፍታም ንዝፅዕር ሰብ ብግልፂ ምቅላዕን ካብ ጌግኡ ክእረም ምግባርን ናይ ኩላትና ሓላፍነት ክኸውን ከምዘለዎ እኣምን።

እቲ ሳልሳይ ርእይቶ ዝስዕብ'ዩ:: "ሓደ ሰብ ፅቡቕን ቅኑዕን ዜግነታዊ ግቡኡ እንትፍፅም ብዙሕ ግዜ እንትምስገን ኣይረአን:: ጌጋ ሰሪሑ እንትርከብ ግና ግቡኡ ኣይፈፀመን ተባሂሉ እንትንቀፍ ይረአ:: እዚ ንምንታይ ይኸውን? የመስግን ክብል ሓሳቡ፣ ዛዘመ::

ኣባላት ኮሚቴ መተሓባበርቲ ክትዕ ነዚኣቶምን ካልኦትን ብዙሓት ርእይቶታት ድሕሪ ምንባቦም ነቶም ዝተልኣኹሎም ርእይቶታት ጠሚሮም ኣብ ዝቐፅል መደብ ክትዕ ከምዘቕርቡ ብምስምማዕ ተፈላሊዮም::



## መልመዲ - 9

***ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ብምግባር ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተዛተዩ::***

1. እቲ ናይ መጀመርታ ወሃቢ ርኢቶ ከምዝበሎ ዜግነታዊ ግቡእና ክነተግብር ዘለና መዓዝዩ? ተወሰኸቲ ኣብነታት እናፀራሕኹም ብጉጅለ ኮይንኩም ተዛተዩ::
2. እቲ ካልኣይ ወሃቢ ሪኢቶ ከምዝፀረሖ ብዙሓት ሰባትንሕጊ ብምኽባር ዜግነታዊ ግብኦም እንተኽብሩ ሓድ ሓደ ሰባት ዘይሕጋዊ ተግባር ብምፍፃም ናብራኦም ምምሕያሾም ኣግባብ ድዩ?
3. ዜግነታዊ መሰሉን ግቡኡን ዝፍፅም ሰብ ከመይ ክምስገን ከምዝግብኦን ግቡኡ ዘይፍፅም እንተኾይኑ ድማ ከመይ ክእረም ከምዝግብኦን ብኣብነታት እናደገፍኩም ብጉጅለ ተዛተይሉ?

ነብስ ወከፍ ዜጋ ሰብኣዊ ፍጡር ብምኳኑ ጥራሕ ክኽበርሉ ዝግብኡ መሰላት ኣለውዎ:: ንኣብነት፣ ኩሎም ዜጋታት ኣብ ሃገሮም ብነፃነት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎም:: ዝኾነ ዜጋ ካብ ሕጊ ወፃኢ ክእሰርን ክኸሰስን ኣይግብኦን:: ናይ ሃይማኖትን እምነትን ነፃነቱ ይኽበርሉ::

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ሃገርና እናሰጐመቶ ኣብ እትርከብ ኣገባብ ምምሕዳር ስርዓት ዴሞክራሲ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ብኣግባቡ ዝተኸበሩ'ዮም፡፡ ንኣብነት ሓሳብካ ብነፃነት ምግላፅ፣ ዝኾነ ኣረኣእያ ብነፃነት ምስጓም ፣ ምእካብ፣ ሰላማዊ ሰልፊ ምኽያድ፣ መሰል ዓርሰ ምምሕድዳርን ብቐንድነት ዝፅርሑ መሰላት እዮም፡፡ ኮይኑ ግና ዜጋታት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላቶም ምኽባሩ ጥራሕ እንተይኮነስ ግቡኦም ንኽፍፅሙ'ውን ትፅቢት ይግበረሎም፡፡ ዝኾነ ዜጋ ሰብኣዊ ኾነ ዴሞክራሲያዊ መሰላቱ ክኽበርሉ ብዝደልዮ መጠን ንሱ'ውን መሰል ካልኦት ንኽኽብር ግቡእ ኣለዎ፡፡ ንኣብነት ሓደ ቆልዓ ንወለዱ፣ ንመፅበይቱ ወይ ንካልኦት ዝሕግዝዎ ሰባት ዓቕሞም ክንዲ ዝፈቕዶ መሰረታዊ ድልየታቱ ንኽማልእሉ ምሕታት መሰሉ እንትኸውን፤ ንሱ ድማ ኣብ ውሽጢ ስድርኡ ዝወሃቦ ሓላፍነት ንኽፍፅም ግቡኡ'ዩ፡፡

ነብስወከፍ ዜጋ ብመሰሉ ተጠቒሙ ኣብ ከባቢኡ ኣብ ዝፍፀሙ ማሕበራዊ ጉዳያት ብንጥፈት ክሳተፍ ይግብኦ፡፡ ንሓባራዊ ንብረት ግቡእ ክንክን ምፍፃምን እዛ ሃገር ካብኡ እትደልዮ ኩሉ ምምላእን ናይ ሓላፍነቱ ሓደ ክፋል'ዩ፡፡

ብመንፅር እዚ ንመፈፀሚ ትልምታት ልምዓት ከባቢ ደገፍ ክግበር ንመንግስቲ ምሕታት መሰል ዜጋታት እንትኸውን ዜጋታት ድማ ብፅሒቶም ከወፍዩ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡ ንኣብነት ኣብ ጎኒ ሓይልታት ፀጥታ ብምዃን ሰላምን ድሕንነትን ከባቢ ብዘተኣማምን ኩነት ንኽሕሎ ነብስወከፍ ሰብ ብፅሒትን ሓላፍነትን ኣለዎ፡፡



## መልመዲ - 10

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ዜጋታት ንመሰሎም ጥራሕ ጠመተ ሂቦም ግቡኦም እንተዘይፈፂሞም እንታይ ዓይነት ኩነታት ክስዕብ ይኽእል?
2. ብዜግነተይ ንኽማልኡለይ ክሓቶም ዘለኒ መሰላትን ክፍፅሞም ዝግቡኡኒ ግቡኣትን'ዮም እትብልዎም ሰለስተ ዝኾኑ ነጥብታት ዘርዝሩ፡፡

# 5.5. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ

## 5.5.1. ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ ኣብ ታሪኽ ዝሓለፎም ከይድታት



*ስእሊ 5.5 ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ መግለፂ ሉኣላውነትና እያ*

- እዚ ስእሊ ንዓኻትኩም ዘሕልፎ መልእኽቲ እንታይ'ዩ?

### ተስፋይ በርሀን ኣያ ሓለፎምን

ኣያ ሓለፎም እንዳ ጡረታ እናተብሃለ ኣብ ዝዕዋዕ ቁሸት ነባሪ እንትኾኑ ብወግዒ ክእለቶም ብታሪኾም ፈላጥነቶምን ነባሪ እቲ ከባቢ ኩሉ ኣዝዩ ይፈትዎም'ዩ፡፡ ስድራ ተስፋይ በርሀን ኣያ ሓለፎምን ጎረባብቲ ብምዃኖም ተስፋይ በርሀ ኩሉሻዕ ንኣያ ሓለፎም ንምርካብ ዕድል ኣለዎ፡፡ ክልቲኦም እንትራኸቡ ዘውግዕዎ ወግዒ ቁም ነገር'ዩ፡፡ ተስፋይ በርሀን ኣያ ሓለፎምን ካብቶም ዘውግዕዎም ወግዕታት ብዛዕባ ሰንደቕ ዕላማ ዝገበርዎ ዘተ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

ተስፋይ በርሀ :- ኣያ ሓለፎም ሰንደቕ ዕላማ ሃገርና ካብ ቀደሙ ጀሚሩ ከምዚ ናይ ሎሚ ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕንዶ' ነይሩ?

ኣያ ሓለፎም:- እቶም ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕን ሕብርታት ነዊሕ ታሪኽ ዘለዎም እንተኾኑ'ውን ኣብ ጉዕዞ ነዊሕ ታሪኽ ሃገርና ግና ሓድ ሓደ ሻዕ እዞም ሕብርታትን ኣቀማምጣኦምን ይቀያየሩ ነይሮም'ዮም፡፡

ተስፋይ በርሀ:- እቶም ዝተቐያየሩ፣ ሕብረታት እቲ ሰንደቕ ዕላማ ጥራሕ ድዮም ወይስ እቲ ኣርማ'ውን ተቐይሩ'ዩ፡፡

ኣያ ሓለፎም:- እወ! እቲ ኣርማ'ውን እናተቐያየር'ዩ ፀኒሑ። ንኣብነት ናይዚ ቐረባ እዋን ክጠቕሰልካ ብዘበን ሃፀይ ሃይለስላሰ ኣብቲ ሰንደቕ ዕላማ ዝነበረ ኣርማ ኣብ ማእገሩ ሰንደቕ ዕላማ ዝተሸከመ ኣንበሳ ነይሩ። ትርጉም እቲ ኣርማ ፍልፍል ስልጣን ናይዞም ነገስታት ካብ ነገደ ሰለሞን ምኻኑ ንምግላፅ'ዩ። ብዘበን ኣገዛዝን ደርግ ድማ ኣንበሳ ዝነበረ ኣርማ ተላዒሉ ንፍልስፍና ዴስነት ዘርኢ ኣርማ ኣብቲ ሰንደቕ ዕላማ ተለጢፉ። መንግስቲ ደርግ ካብ ስልጣን ተወጊዱ መንግስቲ ኢህወዴግ ነዛ ሃገር ምምራሕ ካብ ዝጅምር ንድሓር ድማ ንማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘንፀባርቕ ኣርማ ኮኸብ ብሃገራዊ ኣርማነት ፀዲቑ።

ተስፋይ በርሀ:- ኣያ ሓለፎም፣ ብዛዕባ ሰንደቕ ዕላማና ዝርዝር መብርሂ ስለዝሃብኩኒ የመስግን።

ኣያ ሓለፎም:- ሕራይ በል ተስፋይ፤ ተወሳኺ መብርሂ እንተደሊኻ ድማ ንመምህር ትምህርቲ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን እንተሓቲትካ ብዝግባእ ከብርሁልካ'ዮም።



## መልመዲ - 11

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ካብ ዘተ ተስፋይ በርሀን ካብ ኣያ ሓለፎምን እንታይ ተረዲእኹም?
2. ሕብርታትን ኣርማን ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን ኣብ ከይዲ ታሪኽ ነዊሕ ዘበናት ክቀያየሩ ዝተገበረሉ ምኽንያት ንምታይ ይመስለኩም?
3. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን ኣርማን ዘይፈላለይሉ ምኽንያት እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ተዛተይሉ?

ሕብረ ቀለማት ሰንደቕ ዕላማ ሃገርና እዞም ሎሚ እንፈልጦም ሰለስተ ሕብርታት ማለት'ውን ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕን ጥራሕ ኣይነበሩን። ተመራመርቲ ታሪኽ ከምዘረጋገፅዎ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘበናት መራሕቲ ስልጣን እንትሕዙ ዝተፈላለየ ሕብረ ቀለማት ዘለዎም ባንዴራታት የምበልብሉ ነይሮም እዮም።

ንኣብነት ኣብ ዘበን ንግስነት ዳግማዊ ሃፀይ ቴዎድሮስ ዝምብልበል ዝነበረ ሰንደቅ ዕላማ ድሙቕ ቐይሕ፣ ፃዕዳን ሰማያውን ሕብሪ ዝነበሮ እንትኸውን፣ ብዘበን ሃፀይ ዮሃንስ ድማ ቆፅለዋይ ብጫን ቀይሕን ሕብረታት ዘለዎ ሰንደቕ ዕላማ ይምብልበል ከምዝነበረ ሓድሓደ መረዳእታታት ታሪኽ ይሕብሩ፡፡

ዳግማዊ ሃፀይ ምኒልክ 25 ጥቅምቲ 1882 ዓ.ም ንጉሰ ነገስት ተባሂሎም ዘውዲ ድሕሪ ምድፍኦም ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕን ሕብረ-ቀለማት እቲ ባንዴራ ኮይኖም ቀጺሎም፡፡ ኣብ ዘበን ንግስቲ ነገስታት ዘውዲቱ'ውን ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕን ሕብርታት ዘለዎ ሰንደቕ ዕላማ ብሰፊሑ ይምብልበል ነይሩ፡፡

ሕብረ ቀለማትን ኣቀማምጣን ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ እንታይ ክመስል ከምዝግብኦ ንፈለማ እዋን ብሕጊ ተደንጊጉ ክወፅእ ዝኸኣለ ኣብ ዘበነ መንግስቲ ሃፀይ ሃይለስላሰ ኣብ 1948 ዓ/ም ተመሓይሹ ኣብ ዝወፀ ሕገ መንግስቲ እዩ፡፡

ቅድም ክብል ዝተፀርሑ ነገስታት ኣብ ልዕሊ እቲ ሰንደቕ ዕላማ “ሞኣ ኣንበሳ ዘእምነገደ ይሁዳ ወይድማ“ ሰዓራይ ኣንበሳ ነገድ ይሁዳ' ዝብል ሓረግ ዘርኣና ንዝብልዎ ዝውክለሎም ኣርማ ነይርዎም፡፡ ከምኡ'ውን ብዘበነ ደርጊ ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕን ሕብርታት ሰንደቕ ዕላማ ከምዘለዉዎ እንትቕፅሉ'ውን እቲ ኣርማ ግና ናይቲ እዋን ፍልስፍና ዴስነት ንኽውክል ስለዝተደለየ እቲ ምስሊ ኣንበሳ ብኻሊእ ኣርማ ተተኪኡ'ዩ፡፡

ሕዚ ሒዝናዮ ኣብ ዘለና ስርዓት ዴሞክራሲ ድማ ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕን ሕብረ-ቀለማት ከምዘለዉ ኮይኖም ማዕረ ንውሓት ብዘለዎም ሕንፃፃት ዝተስኣለ ኣርማ ኮኸብን ዘብርሆም ጨራታትን ማዕርነት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምዘንፀባርቕ ተገይሩ ዝተሰናደአ'ዩ፡፡



## መልመዲ - 12

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተዛተዩ፡፡**

1. ካብ ዘበን ሃፀይ ሃይለስላሰ ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ኣብ ዝነበሩ ሰለስተ ስርዓታት ኣብ ልዕሊ ሰንደቕ ዕላማና ዝነበረ ሃገራዊ ኣርማ ብከመይ ይለዋወጥ ከምዝነበረ ምስ መምህርኩም ኮይንኩም ተዛተይሉ፡፡
2. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ ኢትዮጵያ ካብ ቀደም ጀሚሩ ቆፅለዋይ፣ ብጫን ቀይሕን ሕብረ-ቀለማት ነይሮምዎ ኢሉ ንዝካታዕ ሰብ እንታይ መልሲ ትህብዎ?

## መጠቓለሊ

መግለፂ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ብቐንድነት ማእኸል ዝገብሮ ታሪኻትን ባህልታትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እንትኸውን ምኽባር ህዝብን ምፍታው ሃገርን ዝግለፅ ድማ ንሕግን ደንብን ተገዛኢ ብምኳን'ዩ፡፡ ናይ ባዕልና መሰል ንኽሕሎ ክንዲ እቲ እንደልዮ ናይ ካልኦት መሰል ኸንሕሉ ይግባእ፡፡ ንሃገሩ ዝፎቱ ሰብ ዝተወሃቦ ሓላፍነት ብብቕዓት ይፍፅም፣ ኣብ ከባቢ ዝነብረሉ ዘሎ ሕብረተሰብ'ውን ንዘሎ ነባሪ መርኣያ ዝኾኑ ተግባራት ይፍፅም፡፡
ቅኑዓት ታሪኻትን ባህልታትን ሃገሩን ህዝቡን ምግንዛብ፣ ዝተዛብዑን ዘይተዛብዑን ታሪኻት'ውን ምምዕርራይ ብፅሒት ነፍስ ወከፍ ዜጋ'ዩ፡፡

ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዝጅምር ንከባቢኻ ብዝግባእ ብምፍላጥን ሓበራዊ መገልገሊ መሳርሕታት ብጥንቃቐ ብምሓዝን ብምክንኻንን'ዩ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ'ውን ልምዓት ሃገርና ንምስላጥ ዝወፁ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ድኽነት ኣብ ምውጋእ ዘለዎም እጃም ዝለዓለ እንትኾነ'ውን ብተሳትፎ ሰናይ ድልየት እንተዘይተሓጊዞም እቲ ዝድለ ውፅኢት ንኽይምዝገብ ይኽእል፡፡ ነዚ ውፅኢታዊ ተግባር ንምፍፃም ድማ ኩሎም ዜጋታት መሰሎምን ግቡኦምን ብዝግባእ ክግንዘቡ ይግባእ፡፡ ብሄራዊ ባንዴራና ንሃገርናን ንህዝብናን ዘለና ፍቕርን ክብርን መግለፂ ጥራሕ እንተይኮነ ናይ ነዊሕ ዘበን ታሪኽና ምስክርን ምልክትን ስለዝኾነ ግቡእ ክብሪ ክወሃቦ ይግባእ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ፖሊሲን ስትራቴጂን** :- ንውፅኢታውነት ኣፈፃፅማ ልምዓት ሃገር መንግስቲ ዘውፅኦ ሕጊ፣ ዝድንግጎ ደንብን መምርሕን፡፡

**ኣውጫጭ**:- ሓደ ማሕበረሰብ ገበነኛታት ወይ ጥፍኣተኛታት ካብ ማእኸሉ ኣቃሊዑ ንፍርዲ የቕርበሉ ዝነበረ ነበር ባህላዊ ስርዓት እዩ፡፡

- **ሉኣላዊ መንግስቲ**:- ክብሪ ዶቡ ብደረጃ ዓለምለኸ ዝተኸበረሉ ነፃ መንግስቲ፡፡

# መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ቅኑዕ ሓሳብ ዝኮነ "ሓቂ" ቅኑዕ ንዘይኮነ "ጌጋ" ኢልኩም መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ታሪኽ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከይዛባዕ ኣብ ምግባር ነፍስ ወከፍ ዜጋ ብፅሒት ኣለዎ፡፡
2. ንሕግን ደንብን ተገዛኢ ንምኳን ነፍስ ወከፍ ዜጋ ፍልጠት ሕጊ ኣየድልዮን፡፡
3. ንመሰልና ቅድሚ ምሕታትና ግቡኡና ምፍፃምና ምርግጋፅ ግቡእ 'ዩ፡፡
4. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማና ምስክር ነፃነትናን ነዊሕ ታሪኽናን'ዩ፡፡
5. ነፍስ ወከፍ ዜጋ ዓቕሙን ፍልጠቱን ብዝፈቕዶ ንሕብረተሰቡ መርኣያነት ዘለዎ ተግባር ክፍፅም ይግባእ፡፡
6. ኣብ ሃገርና ዝተዛብዑ ታሪኻት ምቅናዕ ብፅሒት ምሁራት ታሪኽ ጥራሕ ክኸውን ይግበኦ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓረጋት ዝሰማምዕዎም ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዘለው ሓረጋት ብምውሳድ ኣዛምድዎም፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ____1. ብነፃነት ሓሳብካ ምግላፅ | ሀ. ምሕላው ምስጢር |
| ____2. መሰልን ግቡእን ምፍላጥ | ለ. ጎዳኢ ተግባር |
| ____3. ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት | ሐ. መዕነዋይ ተግባር |
| ____4. ካብ መግለፅታት ተኣማንነት ሓደ | መ. መርኣያነት ዘለዎ ተግባር |
| ____5. ዓርስኻ ንባዕዲ ወልፊ ተገዛኢ ምግባር | ረ. ሜላታት መወገዲ ድኽነት |
| ____6. ፅቡቕ ምስሊ ሃገር ምብልሻው | ሰ. ዴሞክራሲያዊ መሰል |
| ____7. ሓበራዊ መገልገሊ ምክንኻን | ሸ. ሓላፍነት ዜጋታት |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብቕኑዕ ቃል/ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ድኽነት ካብ ሃገርና ንኽውገድ፣ ነፍስወከፍ ዜጋ ንተግባራውነት መንግስቲ ዘውፀኦም ________________ን_______________ብዕሊቱ ክፍፅም ይግብኦ፡፡
2. ብዓርሰ ድሌት ዝፍፀም ተግባር ______________________________ ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. *መግለፂ ሓድሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ካብ ዝኾኑ*
   - *ሀ.* ዝተዛብዑን ዘይተዛብዑን ታሪኻት ፈሊኻ ምርዳእ፡፡
   - *ለ.* ንሕግን ደንብን ተገዛኢ ምዃን፡፡
   - *ሐ.* መርኣያነት ዘለዎ ተግባር ምፍፃም፡፡
   - *መ.* ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ
2. *መዕነውትን ጎዳእትን ተግባራት ምክልኻል ዘድለየሉ ምኽንያት*
   - *ሀ.* ውልቀ ሓላፍነት ነፍስወከፍ ዜጋ ስለዝኾነ
   - *ለ.* ሓበራዊ ሓላፍነት ሕብረተሰብ ስለዝኾነ
   - *ሐ.* ብዕሊት መክበሪ ሕጊ ጥራሕ ስለዝኾነ
   - *መ.* ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡
3. ንልምዓት ሃገርና ዝተሓንፀፁ *ፓሊሲታትን ስትራቴጂታትን*
   - *ሀ.* ኣብ ተግባር ዝውዕሉ ብፃዕሪ *መንግስቲ* ጥራሕ'ዩ፡፡
   - *ለ.* ምሕንፃፆም ጥራሕ ንውዕኢታውነቶም እኹል'ዩ፡፡
   - *ሐ.* ክመሓየሹ ኣይግብኦምን፡፡
   - *መ.* ንተግባራውነቶም ሓበራዊ ፃዕሪ *መንግስትን ዜጋታትን* ወሳኒ'ዩ ፡፡
4. *መሰልን ግቡእን ዜጋታት ብዝምልከት ትኽክለኛ ሓሳብ ዝሓዘ* ኣየናይ 'ዩ ?
   - *ሀ.* መሰል ዜጋታት ብሕገ መንግስቲ ተረጋጊፁ፡፡
   - *ለ.* መሰልን ግቡን ዜጋታት ብተግባር ክፍተን ኣለዎ፡፡

ሐ. ኲሉ መሰሉን ግቡኣን ክፉልተ ክግበር ኣለዎ፡፡

መ. ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ሓበራዊ መገልገሊ መሳርሕታት ብጉድለት ጥንቃቐ እንተተበላሸዉ ኣብ ልዕሊ ሕብረተሰብ እንታይ ፀገም ክስዕብ ይኽእል? ብኣብነት ኣብርህ፡፡
2. መንግስቲ ንዝሕንፅዮም ስራሕቲ ልምዓት ምርግጋፅ ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ዜጋታት ከመይ ክሕግዝ ይኽእል?

# ምዕራፍ ሽዱሽተ

## ስምዒት ሓላፍነት

**ዕላማታት ት/ቲ እዚ ምዕራፍ:-**
**ነዚ ምዕራፍ'ዚ ምስተምሃርኩም**

- ዝተፈላለዩ ዓይነታትን ብርክታትን ሓላፍነት ትፈልጡ፡፡
- ሃፍቲ ተፈጥሮን ታሪካዊ ሓድግታትን ናይ ምክንኻን ሓላፍነትኩም ትርድኡ፡፡
- ዓርስኹም ካብ ሕማም ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ከመይ ከምትሕልው ግንዛበ ትወስዱ፡፡

## 6.1 ምፍፃም ሓላፍነት

### 6.1.1. ዓይነታትን ብርክታትን ሓላፍነት



*ስእሊ.6.1 ኣብ 12 ሕዳር መዓልቲ ባህላዊ ወፍሪ ፅሬት እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሓበራዊ ስምዒት ሓላፍነት ኮይኑ ጓሓፍ እንተወግድ*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተረዲእኹም?

# ተዘክሮ

ኣነ ኣብ ቤት ፅሕፈት በዓል ስልጣን ጉምሩክ እሰርሕ ነይረ፡፡ ሓደ እዋን ሓደ ባራቶሎ ዝበሃል ጣልያናዊ ዝነበሮ ናይ 30 ሚልዮን ናይ ግብሪ ዕዳ ክስርዘሉ ደልዩ ይመፀኒ፡፡ እዚኣ እንተገይርካለይ ሰለስተ ሚልዮን ብር፣ ገልባጢት መኪና፣ ከምኡውን ቪላ ገዛ ክህበካ ተዳልየ ኣለኹ ይብለኒ፡፡ ኣነ ድማ ክፍሊት ግብሪ ኣብ ዕብየት ምጣነ-ሃፍቲ ሃገርና ዝለዓለ እጃም ስለዘለዎ ብዝኾነ መልክዑ ክሕግዘካ ኣይክእልን፡፡ እዚ ድማ ሕጊ ዓደይ እዩ በልኩዎ፡፡

እዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ንክኣምነሉ ሓደ ዓብይ በዓል ስልጣን ኣማላዲ ይሰደለይ፡፡ ነቲ ዝተልኣኸ ሰብ ድማ "ተማሂርና ዓዲ ዝኣክል ንሽጥ ዲኻ እትብለኒ" ዘለኻ ኢለ መለስኩሉ፡፡ ንሱ ድማ "ምስ ነቀፅካ ክትተርፍ ኢኻ" መንግስቲ እንትኾነ ከም ኣረጊት ሰፍኢ ክድርብየካ እዩ" እንትብል ብሕርቃን መለሰለይ፡፡ ኣነ ከዓ ግዲ የብልካን፣ ናይ ዓደይ ረድኤት ይኣክለኒ ኢለ መለስኩሉ፡፡

እቲ ጉዳይ ሱር እናሰደደ ብምኻድ እቲ ጣልያናዊ መካየዲ ሥራሕ ኣብቲ ኩባንያ ብፅሒት ንዝነበረን ንልእልቲ ተናኘወርቅ የመልክት፡፡ እተን ልዕልቲ ድማ ሓሚመ ኢልካ ኣብ ሆስፒታል ደቅስሞ ጃንሆይ ክሪኡካ ክገብር እየ ኢለን መኺረንኦ ፡፡ ባራቶሎ እውን ከምቲ ንሰን ዝበልኦ ኣብ ሆስፒታል ደቂሱ፡፡

ልእልቲ ተናኘወርቅ ብዝኣተወኦ ቃል ጃንሆይ ከይዶም ክሪእዎ ገይረን፡፡ ጃንሆይ ድማ "ብመኪና ሓደጋ ድዩ ከምዚ ኮይንካ" ኢሎም ሓተትዎ፡፡ ባራቶሎ ንዓይ ዝጎድኣኒ መኪና ከይኮነ ቤት ፅሕፈት ኣታዊ ውሽጢ ዓዲ እዩ ኢሉ መለሰሎም፡፡ ጃንሆይ ከዓ እቲ ጉዳይ ንዓና ግደፎ ሕዚ ተሓኪምካ ጥራሕ ውፃእ ኢለሙዎ ከይዶም፡፡ ኣብ1965 ዓ.ም ፍርቂ ዓመት "ከቢድ ምስጢር" ዝብል ወረቀት በፂሑኒ፡፡ ባራቶሎ ክሳብ ሎሚ ዘለዎ ዕዳ ተሰሪዙ ኣሎ ይብል፡፡

ድሕሪ ቁሩብ እዋን መስከረም 2/1967 ዓ/ም ጃንሆይ ካብ ስልጣን ወሪዶም፡፡ ናብ ቢሮይ እንዳኸድኩ ባራቶሎ ረኺበዮ፡፡ ደብዳበ ኣይበፅሓካንድዩ? ኢሉኒ፡፡

ከምዘይበፅሓኒ ነጊረዮ፡፡ ኮይኑ ግን ፈታዊ ዓዲ ንዝኾነ ሓደ በዓል ስልጣን ሚኒስቴር ገንዘብ ዘሕረቐኒ ጉዳይ ገለፅኩሉም፡፡ ንሶምውን ንሓሳበይ ደጊፎምዎ፡፡ በዚ መሰረት ክሲ ተጀሚሩ ድሕሪ ብዙሕ ድካም እቲ ሃፍታም ጣልያናዊ በዓል ትካል እቲ ዘለዎ ዕዳ ክኸፍል ተወሲንዎ፡፡

(ገቢ ለልማት ካብ ቁፅሪ 4 ጥሪ 2ሺሕ ዓ.ም መፅሄት ዝተወሰደ)



## መልመዲ - 1

***ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ጉቦን መማለድን ባራቶሎ ዘይተቐበሉ በዓል ስልጣን ተግባር እንታይ የርኢ?
2. ንልምዓት ሃገሩን ንዕቤየት ህዝቡን ዝሰርሐ ዜጋ ካብዚ ታሪኽ እንታይ ይመሃር?
3. ጉድኣት ጉቦን ምምላድን ብዓይኒ ሓበራዊ ረብሓ ኣብርሁ፡፡

መሰረታዊ ሽቶ ምፍፃም ሓላፍነት ልምዓትን ምዕባለ ሃገርን እዩ፡፡ ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ስራሕ መሰረት ሰላምን ዕብየትን እዩ፡፡ እቲ ማሕበረሰብ እውን ሓላፍነት ስራሕ ናይ ምኽባልን ብዘዕግብ ኩነት ናይ ምፍፃምን ዜግነታዊ ግቡእ ኣለዎ፡፡ ምኽባል ሓላፍነት ሓደ ተግባር ንምፍፃም ከምዝሓሰበ ዘርእይ እንትኸውን ምፍፃም ሓላፍነት ድማ ውፅኢታዊ ምዃን የርኢ፡፡

ሓላፍነት ብውልቀን ብሓባርን ዝፍፀም ናይ ተግባር ፍፃመ እዩ፡፡ ውልቃዊ ሓላፍነት ሕድሕድ ሰብ ክዋፅኦ ዝግባእ ሓላፍነት የርኢ፡፡ ውልቃዊ ሓላፍነት ካብ ሕድሕድ ሰብ ከም ዕድሚኡ ፣ ክእለቱ፣ ዘለዎ ስልጣን፣ ወዘተ ትፅቢት ዝግበረሉ ሕጋዉን ሞራላዉን ግቡእ እዩ፡ እቲ ውልቀሰብ እዚ ሓላፍነት እንተዘይተዋፂኡ ንባዕሉ ካብ ምጉድኡ ንላዕሊ ንሕብረተሰብ ይኹን ንሃገር ክጎድእ ይኽእል እዩ፡፡

ብካሊእ ገፅ ድማ ሰባት ንምችው ሓባራዊ ናብራ ኣብ ዝጥቀሙሎም ጉዳያት ዝወሰድዎ ስጉምቲ ሓበራዊ ሓላፍነት ይበሃል፡፡ ንኣብነት ዶብ ሃገር ምሕላው፣ ንብረት መንግስትን ህዝብን ካብ ብኽነትን ጥፍኣትን ምክልኻል፣ ምውጋእ ራዕዲ፣ ምክልካል ገበንን ዝመሳሰሉን ሰናይ ተግባራት ኩሎም ውልቃዊ ጥራሕ ዘይኮኑስ ሓበራዊ ሓላፍነታት እዮም፡፡

ሓላፍነት ሓደ ሕጋዊ ተግባር ብስርዓት ናይ ምፍፃም ግቡእ እንትኸውን ዓይነታትን ብርክታትን ኣለውዎ፡፡ ኣብ ላዕሊ ከምዝተሓበረ ሰባት ከም ዓይነት ሙይኦምን ብርኪ ትምህርቶምን ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሓላፍነት ቦታታት ይዋፈሩ፡፡ ከከም ዝተዋፈርሉ ዓይነት ሙያ እውን እቲ ዘለዎም ሓላፍነት ይፈላለ እዩ፡፡ ንኣብነት ሕድሕድ ዜጋ ህልውናን ዕብየትን ሃገሩ ይምልከቶ እዩ፡፡ ኮይኑ ግና ትልምታትን ሕግታትን ብግ ቡእ ኣብ ስራሕ ክውዕሉ ኣብ ምግባር መዳይ፣ ህልውናን ዕብየትን ሃገር ኣብ ምርግጋፅ ቀዳማይ ሚኒስቴር እታ ሃገር ዝለዓለ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

ብካሊእ መዳይ ድማ ሓደ ዶክተር ሙያዊ ሞራላዊ ብዝኾነ ኣካይዳ ሕሙማት ንምሕጋዝ ካብቲ ሓጋዚ ሓኪም ዝለዓለ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር እውን ብዝሓሸ መልክዑ ክፍፀም ካብቲ ናይ ምምሕዳር ፀሓፊ ዛይዳ ናይቲ ርእስ መምህር ሓላፍነት ርኡይ እዩ፡፡ ኮይኑ ግን ኣብ ዝኾነ ይኹን ዓዉደ ስራሕ ውፅኢት ንምምፃእ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ሓላፍነት ብዓይነቶምን ብርክታቶምን ኣድለይቲ እዮም፡፡



## መልመዲ - 2

***ነዞም ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ሓላፍነት እንታይ ማለት እዩ?
2. ሓበራዊ ረብሓ ዘለዎም ጉዳያት ብሓባር ምፍፃም እንታይ ዓይነት ሓላፍነት እዩ?
3. ዓይነትን ብርክን ሓላፍነት እንትበሃል እንታይ ንምርኣይ እዩ?
4. ምቕባል ሓላፍነትን ምፍፃም ሓላፍነትን ኣፈላላዮም እንታይ እዩ?
5. ውልቃዊ ሓላፍነቱ ዘይዋፃእ ሰብ ንመን ይጐድእ?

## 6.2. ቃል ኪዳን

- ቃል ኪዳን እንታይ እዩ?

### መካተቻ ቃል ኪዳን

ወርሒ መስከረም ኩሉሻዕ መስኮት ብሩህ ራእይ እዩ። ኣብያተ ትምህርቲ ብሙሉእ ሓይልን ምድላውን ስርሐን ዝጅምራ ኣብ መፈለምታ እዚ ወርሒ እንትኾውን እዚ ስርዓት ኣጀማምራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምብራኽ ፀሓይ ፍሉይ ዝኾነ መዓርግ ኣለዎ። ኩሎም ተምሃሮ ሓሊፎምዎም ንዝመፁ ክፍልታት ሽግ ሓደራን ቃልኪዳንን የቐብልዎም። ንሳቶምውን ከምኡ ካብቶም ብልዕሊኦም ዘለዉ ክፍልታት ይቕበሉ።

ብመሰረት ስምምዕ ፓርላማ ተምሃሮ ፣ ተምሃሮን ምምሕዳር ቤት ትምህርትን በብክፍሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት ትምህርቲ ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ተወሲኖም እዮ'ም። ዝፍፀሙ ተግባራት በብብርኪ ክፍልታት ከምዚ ዝሰዕብ ተገሊፆም ኣለዉ።

7ይ ክፍሊ - ዓመት ሙሉእ ፅሬት ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ

8ይ ክፍሊ - ክንክን ቦታታት ዕምበባን ሳዕርን

9ይ ክፍሊ- ምቁፅፃር ኣጠቓቕማ ማይን ፅርየት ከባቢ ሽቓቕን

10ይ ክፍሊ - ንክለባት ንቀይሕ መስቀልን ሰናይ ተግባራትን ሓገዝ ፍልፍል እቶት ምትእኽኻብ (ካብተኽልታት ገደና ቤት ትምህርቲ ፣ ምንቕስቃስ ስፖርት ፣ ተዋስኦ ወዘተ)

11ይ ክፍሊ - ኣብ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ምንቕስቃስ ስፖርት ዝግበረሎምን መዕረፊ ቦታታትን ምኽላልን ምምልኻዕን መስርዕን መመሓላለፍን መንገዲታት ቀለም ምልኻይ

12ይ ክፍሊ- ዝተሰበሩ ዴስክታትን ወናብርን ምስ በዓል ሙያ ኮይንካ ምፅጋን፣ ዝተቀደዱ መፃሕፍቲ ምጥራዝ ተኽልታት ዝኽሪ ምትካልን ምሉእ ዓመት ክንክን ምግባርን እዮም።

ኩሎም ክፍልታት ዝተረከብዎ ሓላፍነት ብዕውትነት ንምፍፃም ቃልኪዳን ይኣትዉ፡፡ ምስ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ጕናጕኒ እቲ ዝኣተዉዎ ቃልኪዳን ብውፅኢት ንምዝዛም ድሕሪ መስከረም ሕውነታዊ ንሕንሕን ምንቕስቃስን ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ይምዕብል፡፡ እቲ ዝተወሃቦ ሓደራ ብመሰረት ዝኣተዎ ቃልኪዳን ብዘዕግብ ውፅኢት ዝፈፀመ ክፍሊ ድማ ሽልማት ጋሻን ፅዋዕን ይወሃቦ፡፡

ኣብ ቤት ትምህርቲ ምብራቕ ፀሓይ ዝነፍስ ኣየር ፅሩይን ንኽትዘናገዐሉ ዝስሕብን እዩ፡፡ እዚ ድማ እቲ ቀፅሪ ብፅርየት ዝተትሓዘን ብተኽልታት ዝለምለመን ብምኳኑ እዩ፡፡ ዝተሳባበሩ ወናብር፣ ዝተባላሸው መለጠፊ ምልክታታት ቀለሞም ዝሃሰሱ መንደቓት ኣይረኣዩን፡፡ ተምሃሮ ኩሎም ክፍልታት ብመሰረት ዝተቐበልዎ ሓደራ “ናተይ ንብረትን ሃፍትን እዩ” ብዝብል ስምዒት ሓላፍነት ቃልኪዳኖም ንምሕላው ይሰርሑ፡፡ ኣብቲ ቀፅሪ ቤት ትምህርቲ ብመስርዕ ተተኺሎም ፅላል ብምኳንን ኩነታት ኣየር እቲ ከባቢ ብምስትኽኻልን ዘገልግሉ ተኽልታት ነቲ ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ፅባቐ ሂቦምዎ እዮም፡፡

ኣብ ቤት ትምህርቲ ምብራቕ ፀሓይ ዝፍፀም ካሊእ ዝለዓለ ተግባር እውን ኣሎ፡፡ ብክለባት ቀይሕ መስቀልን ሰናይ ተግባራትን መሪሕነት ኣብ ዓመት ክልተ ግዘ ኣብቲ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ናይ ዝነበሩ ሽማግለታትን ኣረግቶትን መንበሪ ገዛ ይፅገን፡፡ እቲ ሰፈሮም እውን ፅርየት ይካየደሉ፡፡ ንፅጉማት ሓገዝ ይግበር፡፡ ካብዚ ዝተልዓለ ሓድሓደ ሰባት ሓገዝን ጠመተን ንኽረኽቡ ንክለባት ተምሃሮ ዘመልክቱሉ እዋን ኣሎ፡፡ መዳውብቲ እቲ ቤት ትምህርቲ ኾኑ መንግድታት ብፃህያይን ጎሓፍን ተባላሽዮም ኣይረኣዩን፡፡ እቶም ተምሃሮ ሎሚ ብቅንዕናን ብተኣማንነትን ዝፍፅምዎ ብፅሒት ስራሕ ድምር ውፅኢቱ ሓደራ ናይ ምኽባርን ቃልኪዳን ናይ ዘይምዕባርን ክቡር ተግባር ኮይኑ ክምስገኑ ገይርዎም እዩ፡፡ ምእንትʼዚ ድማ ቤት ትምህርቲ ምብራቕ ፀሓይ ለውጥን ውፅኢትን ዝርኣየላ ብምኳና መካተቻ ቃልኪዳን እናተብሃለት ትፅዋዕ፡፡



## መልመዲ - 3

***ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መሠረት ብምግባር እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።***

1. ሓደራን ቃልኪዳንን ዘለዎም ምትእስሳር ግለፁ፡፡
2. ተምሃሮ ቤት ትምህርቲ ምብራቕ ፀሓይ ውልቃዉን ሓበራዉን ሓላፍነቶም ዝፈፀሙ ከመይ ገይሮም እዮም?
3. ብቅንዕናን ብስምዒት ሓላፍነትን በቶም ተምሃሮ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ውፅኢት ዘስዓቦ ረብሓ ዘርዝሩ?

ቃልኪዳን ማለት ምኽባር ሓደራን ምፍፃም ሓላፍነትን እዩ፡፡ ምፍፃም ቃልኪዳን መለከዒ ውልቃዊ ክብርን ጥንካረ መንፈስን እዩ፡፡

ተምሃሮ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቃል ኪዳን ካብ መንን ዝኣትውሎም ኩነታት ገሊኦም ሰዓት ምኽባር፣ ዕዮ ገዛ ምስራሕ፣ ንሕግን ስርዓትን እቲ ቤት ትምህርቲ ተገዛኢ ምዃን ከምኡውን ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ተሳትፎ ስራሕ ምግባርን ዝብሉ ይርከብዎም፡፡ ትምህርቲ ብዝምልከት ዘዕገብ ውፅኢት ንምምፃእ ንባዕሎም፣ ንስድራኦምን ነቲ ቤት ትምህርትን ቃል ኪዳን ዝኣተዉ ተምሃሮ ብንፍዓትን ስምዒት ሓላፍነትን ይመሃሩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ዓመት ብውፅኢቶምን ብስነ ምግባሮምን ዝተመስገኑን ተሸለምትን ይኾኑ፡፡ ንካልኦት'ዉን መርኣያ ይኾኑ፡፡ መኸበርቲ ቃልኪዳን መናእሰይ ኣብቲ ናይቲ ከባቢ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ብምውዳብ ከከም ዓቕሞም ፀገም ሕብረተሰብ ንምእላይ ቃልኪዳን ይኣትዉ፡፡ እዚ'ውን ሓደራን ሓላፍነትን ምቕባል እዩ፡፡ በዚ መሰረት ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ልምዓት፣ ዕርየትን ትምህርታዊ ምንቕስቓሳትን ብምግባር ንሓበራዊ ረብሓ ዝውዕሉ ውፅኢታት የመዝግቡ፡፡ እዚ ዘመላኽቶ ዝኣተዉዎ ቃልኪዳን ምኽባሮምን ብውፅኢታዊ ስራሕ ምርግጋፆምን እዩ፡፡

መናእሰይ ሓይልታት ተረከብቲ ሃገር ብምዃኖም ዝወሃቦም ሓደራ ብዓቕሞም፣ ብኽንዕናን ሓቂ ብምስራሕን ሓላፍነት ምውፃእ ክምዝኽእሉ ዘረጋግፁ ኣብ ከባቢኦም ብዘርእይዎ ናይ ተግባር ተሳትፎ እዩ፡፡ እዚውን ኣብ ከባቢኻ ስራሕ ምልምማድ ደረጅኡ ሓልዩ እናዓበየ ብምኻድ ከቢድ ሓላፍነትን ሓደራን ናይ ምውፃእ ብቕዓት የሰጉም እዩ፡፡ ስለዚ ንስኻትኩም እውን እቲ ሕብረተሰብ ንሓበራዊ ረብሓን ህልውናን ኣብ ዝውዕሉ ጉዳያት ምምላእ ንዝግበር ፃውዒትን ሕቶን ዜግነታዊ ግብረ መልሲ ብምሃብ ሓላፍነትኩም ምውፃእ ይግበአኩም፡፡



## መልመዲ - 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ዕንዓትን ዕላማን ጥንካረ መንፈስን ሰባት ብምንታይ ይዕቀን?
2. ሓደ መንእሰይ ንዕብየት ከባቢኡ ብኽንዕና ንምፍፃም ዘርእዮ ተሳትፎ እንታይ ክኸውን ኣለዎ?
3. ሓደ ተምሃሪ ንባዕሉ ዝኣትዎ ቃልኪዳን እንታይ እዩ?

## 6.3. ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪካዊ ሓድግታትን

- ኣብ ከባቢኩም ዝርከቡ ሃፍቲታት ተፈጥሮን ታሪካዊ ሓድግታትን ዘርዝሩ፡፡





*6.2. ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ክንክን ክግበረሎም ይግባእ*

ሃፍትታት ተፈጥሮ ዝበሃሉ ብተፈጥሮ ዝዕደሎምን ንዝተፈላለዩ ረብሓታት ዘውዕሎምን ፀጋታት እዮም፡፡ ታሪኻዊ ሓድግታት ድማ ወድሰብ ኣብ ከይዲ ናብርኡ ዘፍረዮምን ዝፈጠሮምን ውፅኢት ባህላዊ ምዕባለታቱ እዮም፡፡ ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን መፍለዩ እቲ ዝርከበሉ ሕብረተሰብ እዮም፡፡

መንነት ሓደ ህዝቢ ዝገልፁ እዚኦም ሃፍትታትን ሓድግታትን ንጥፋኣትን ንብኽነትን እናተቃልዑ ይርከቡ፡፡ ሃፍትታትን ሓድግታትን ካብ ጥፍኣትን ካብ ብኽነትን ክዕቀቡ ኣለዎም፡፡ በብእዋኑ እንናዓበየ ብዝመፀ ወሰኽ በዝሒ ህዝብን ምግፋሕ ከተማታትን ምኽንያት ንመስርሒ ገዛውትን ኣቕሑትን ከምኡውን ንዕንፀይቲ ነዳዲ እንዳተብሃለ ኣድዋራት ኣብ ዘስግእ ብርኪ በፂሖም ኣለዉ፡፡ ብተወሳኺ ንውልቃዊ ረብሓ እንናተብሃለ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ ኣገባብ ምቅታል ኣራዊት ምጥፋእ ሃፍትታት ተፈጥሮን ምስራቕን ምሻጥን ሓድጊታት ብገፊሑ ዝርኣዩ ፀገማትና እዮም፡፡ ንጥፍኣት፣ ብኽነትን ሰርቅን ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ቀንዲ ምኽንያታት፣

1. ዘይምምሃርን ምትሓት ግንዛበን
2. ድኽነትን ትሑት መነባብሮን
3. ሃገራዊ ስምዒትን ምንኣስን ምቕዳም ውልቃዊ ረብሓን እዮም፡፡

እዞም ሕማቓት ተግባራት ክጠፍኡ ዝኽእሉ ብዋናነት ብትምህርቲ ኣቢልካ ለውጢ ኣተሓሳስባ ብምምፃእ እዩ፡፡ ነዚውን ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ መዳይ ምምዕባል ግንዛበ ሓያል ስራሕቲ ይፅበዮም እዩ፡፡ ምስዚ ጐናጐኒ መራኸቢ ማዕኸናት ኣገዳስነት እቲ ጉዳይ ነቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምፍላጥን ዝምልከቶም ትካላት እውን ሃገራዊ ሓላፍነቶም ኣብ ምውፃእን ብዕሒቶም ምውፋይ ይግበኦም፡፡

እቲ ሓለዋን ክንክንን ሓላፍነት መንግስቲ ወይ ሓላፍነት ሓደ ወገን ጥራሕ ጌርካ ምውሳድ ኣይግባእን፡፡ እቲ ጉዳይ ሃገራዊ ብምኳኑ ናይ ኩሉ ምርብራብ ይሓትት፡፡ ህልውና ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ምሕላው፣ ናይ ባዕልካ ክብርን ረብሓን፣ ከምኡውን ታሪኽ ምሕላው ምኳኑ ብምግንዛብ፣ ሓድግታትን ንብረታትን ምሕላው ዜግነታዊ ግቡእ ኩሉ ምኳኑ ክፍለጥ ኣለዎ፡፡



## መልመጂ - 5

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. መራኸቢ ማዕኸናት ኣብ ሓለዋ ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ትፅቢት ዝገበረሎም ስራሕቲ እንታይ እዩ?
2. ምኽንያት ብኽነት ወይ ጥፍኣት ሃፍትታት ተፈጥሮን ሓድግታትን እንታይ እዩ?
3. ኣብ ምሕላው ሃፍትታት ተፈጥሮን ሓድግታትን ዜጋታት እንታይ እጃም ኣለዎም?

## 6.4. ኤች.ኣይ.ቪ. /ኤድስ



ሓገዝ ኣብ ዝደልየሉ ዕድመይ ብኤድስ ውሉደይ ስኢነ፣ ናይ ወላደይ ውላድ ሓቓፊ ንልመና በቒዐ

*ስእሊ 6.3 ወለዶም ብኤች ኣይቪ ኤድስ ብምማቶም ናይ ውላደን ውላድ ሓቑፈን ኣብ ምልማን ዝርከባ ወላዲት*

- ኣብቲ ስእሊ ዝርኣያ ወላዲት ኤች /ኣይቪ ኤድስ ዝጎድኣን ብኸመይ እዩ?
- ናይዞም ህፃናት ዕድል ቀፃሊ ሂወቱ እንታይ ክኸውን ይኽእል?
- ንዓርስኻ ካብ ኤች ኣይቪ/ ኤድስ ምሕላው ረብሕኡ ንመን እዩ?

ኤች. ኣይ. ቪ/ኤድስ ዕድመ፣ ፆታ፣ ዓሌትን ቀለም ከምኡ'ውን ደረጃ ትምህርቲ ከይፈለየ ንኹሉ ዘጥቅዕ ሕማም እዩ፡፡ ምግፋሕ እዚ ሕማም ኣብ ዜጋታትና ኮነ ኣብ ሃገርና ከቢድ ሓደጋ እናስዐበ እዩ፡፡ ብምኽኒኡ እውን ኩሉ ሰብ እዚ ፍታሕ ዘይተረኽበሉ ሕማም ንምክልኻልን ንምጥፋእን ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ብምስታፍ ሓላፍነቱ ንኽዋፃእ ትፅቢት ይግበረሉ፡፡

እዚ ማሕበራዊ ቅልውላው ኣብ ምፍጣር ዘሎ ሕማም ውሉድ ብዘይ ወላዲ፣ ወላዲ ብዘይ ሓጋዚ እናትረፈ ምኽኑ ብዕሊ ዝፍለጥ እዩ፡፡ እዚውን ኣብ ሰላምን ራህዋን ማሕበራዊ ናብራ ዘፍርሕ ፅልዋ ኣሕዲሩ እዩ፡፡ ብዘይ ኣካቢ ዝተበተኑ ሕፃናት ንልመና ኢዶም ዝዝርግሑ ኣረግቶት ምርኣይ ዝተለመደን እናወሰኸ ኣብ ምኻድ ዘሎን ተርእዮ እዩ፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን ኤች. ኣይ.ቪ/ ኤድስ ብዝበለፀ ኣብ ምጥቃዕ ዝርከብ ንመንእሰይ ክፋል ሕብረተሰብ እዩ፡፡ ተረካቢ ሃገር ዝኾነ መንእሰይ ወለዶ ብዚ ሕማም እዚ ምጥቃዕ ማለት ምንካይ መፍረያይ ሓይሊ ምግዳድ ድኽነትን ምድኻም ኩነታት ምጣነ ሃፍትን የስዕብ፡፡ እዚ ዘደናግፅ ኩነታት ኣብ ሃገርና እንዳተርኣየ እዩ፡፡ ሰብ ዝተፈላለዩ ሙያታትን ፍልጠታትን ዝኾኑ ዜጋታት ብኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ እንትጥቅዑ ሃገር እናተሓሰየት ትከይድ፡፡

ዘተኣማምን ሜላ መከላኸሊ ኤች ኣይቪ /ኤድስ ቅድሚ መርዓ ወሲባዊ ርክብ ዘይምፍፃም እዩ፡፡ መርዓ'ውን ናይ ኤች.ኣይ.ቪ ምርመራ ጌርካ ጥዕናኻ ምስተረጋገፀ ምግባር ይግባእ፡፡ ብካልኣይ ብርኪ ድማ ምስ ናይ ካሊእ ሰብ ደም ምንም ዓይነት ምንኽኻእ ከይህሉ ጥንቃቐ ምግባር እዩ፡፡ ነዚ እውን ዝኾነ ይኹን ሰብ ዝተጠቐመሎም በላሕቲ መሳርሒታት (ላማ፣ መቁረፂ ፅፍሪ፣ መመወፅ ወይ ብሩሽ ስኒ፣ መርፍእ ወዘተ) ዘይምጥቃም እዩ፡፡

ካብዚ ሕማም'ዚ ባዕልኻ ምሕላው መማራፂ ዘይብሉ ተግባር እዩ፡፡ እዚውን ንምንባር ባዕልኻን ካልኦትን ሓላፍነት ናይ ምውፃእ ክቡር ብፅሒት ዜግነት እዩ፡፡ ብዙይ መዳይ ብሃንደበትን ብዘይምፍላጥን በቲ ሕማም ዝተጠቕዑ ዜጋታት ኣካል ሕብረተሰብ ብምኻኖም ግቡእ ሓገዝን ክንክንን ክግበረሎም ይግባእ፡፡ በቲ ሕማም እንትታሓዙ'ውን እዞም ወገናትና ብሙይኦምን ብጉልበቶምን ንዕብየት

ሃገር እጃሞም እናወፈዩ ስለዝኾኑ ደገፍ ሞራልን ናውትን ምግባር ካብ ኩሉ ዜጋ ትፅቢት ዝግበረሉ እዩ፡፡



## መልመዲ - 6

***ኣብዚዎም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡***

1. ብምኽንያት ኤች. ኣይ.ቪ/ኤድስ ሙሁራትን ሰብ ሞያን ምሟት ብደረጃ ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት እንታይ እዩ?
2. እቲ መንእሰይ ዝኾነ ክፋል ሕብረተሰብ ካብዚ ቀዛፊ ሕማም ንምርሓቕ እንታይ ክገብር ኣለዎ?

# መጠቓለሊ

ስምዒት ሓላፍነት ብፅሒት ዜግነቱ ብዝግባእ ናይ ዝፈልጥ ሰብ ተግባርን ፀባይን እዩ፡፡ ምውፃእ ሓላፍነት ብቅንዕናን ብተኣማንነትን ውልቃዊ ኮነ ሓበራዊ ተግባራት ብምፍፃም ብተግባር ዝግለፅ ቁምነገር እዩ፡፡ ዝተፈላለዩ ክእለት ሙያታትን ብርኪ ትምህርትን ከምዘሎ ኩሉ ዓይነትን ብርክን ሓላፍነት እውን ዝተፈላለዩ እዮም፡፡ ኮይኑ ግን ኣብ ዝኾነ ይኹን ብርኪ ሓላፍነት ዘሎ ዜጋ ስርሑ ብብቕዓትን ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገድን እንድሕር ፈፂሙ ነቲ ሕብረተሰብ ዝህቦ ረብሓ ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ፡፡

ንዓርስኻን ንሕብረተሰብን ቃል ኪዳን ምእታው፣ ሓደ ተግባር ንምፍፃም ወይ ንዘይምፍፃም ውሳነኻ ምግላፅ እዩ፡፡ ቃል ኪዳን ናይ ቃል መተኣማመኒ ክኸውን ከሎ ውፅኢቱ ድማ ጭቡጥ ተግባር እዩ፡፡ ስለዚ ኩሉ ሰብ ከከም ሙይኡን ክእለቱን ማሕበራዊ ለውጢ ንምምፃእ ቃል ኪዳን ክኣቱን ብተግባር ክትርጉምን ይግባእ፡፡

ብካሊእ ገፅ ሓደ ዜጋ ታሪኽን ሃፍትን ሃገሩ መሊኡ ምእንታን ክፈልጥ እኹል ትምህርቲ ክረክብ ኣለዎ፡፡ ብምኳኑ እውን ኩሉ ሰብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝፅንሓሉ ሂወቱ ሃፍትን ታሪኽን ሃገሩ ብዝግባእ ብምምሃርን ብምፍላጥን ካብ ጥፍኣት ንኽድሕኑ እጃሙ ከወፊ ኣለዎ፡፡ ሃፍትታት ተፈጥሮ መሰረት ናብራን ህይወትን፣ ታሪኻዊ ሓድግታት ድማ መግለፂ መንነት ዝኾኑ ፀጋታት እዮም፡፡ እዞም ሃፍትታት ሃገር ምፍላጥ "ናተይ" ብዝብል ስምዒት ምሕላውን ምክንኻንን፣ ኣረኣእያ ካልኦት ሰባት'ውን ብምልዋጥ ካብ ጥፍኣት ክዕቀቡ ምግባር ናይ ዜግነት መሰልን ግቡእን እዩ፡፡

ካብዚ ንላዕሊ ጥንቃቐን ሓለዋን ዘድልዮ ድማ ጥዕና ዘለዎ ህልውና ዜጋታት እዩ፡፡ ሰብ ንተፈጥሮ ብምልማዕን ብምልዋጥን ታሪኽ ክሰርሕ ዝኽእል ፅቡቕ ቅዋምን

ብዚ ሐዚ እዋን ፈታኒ ፀገም ወድሰብ ኮይኑ ዝተረኸበ ኤች.ኣይ.ቪ. /ኤድስ እንዳተራብሐን ፀገም እንዳብፀሐን ብምኳኑ በዚ ፀገም'ዚ ተጠቃዒ ንዘይምኳን ዝለዓለ ጥንቃቐ ምግባር የድሊ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ስምዒት ሓላፍነት:-** ዜግነታዊ፣ ሙያዊ፣ ማሕበራዊ ወዘተ ሓላፍነታት ንምውፃእ ዘለዓዕል ድልየት

**ምፍፃም ሓላፍነት:-** ዜግነታዊ፣ ሙያዊ ፣ማሕበራዊ ወዘተ ሓላፍነታት ውፅኢታዊ ብዝኾነ ፍፃመ ስራሕ ምግላፅ

**ተዘክሮ:-** ዝሓለፈ ፍፃመ፣ ታሪክ ወዘተ ምዝካር

**ግቡእ ዜግነት:-** ተወላዲ ሓደ ሃገርን ዕብየትን ህላወን ሃገሩ ዝፍፅሞ ናይ ግዴታ ወይ ድልየት ውፅኢታዊ ተግባር፡፡

**ብኽነት:-** ጥፍኣት

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ዝሓዝዎ ሓሳብ ልክዕ እንተኾይኑ "ሓቂ" ልክዕ እንተዘይኮይኑ "ጌጋ" ብምባል መልሱ፡፡*

1. ስምዒት ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ብፅሒት ስርሑ ብግቡእ ይፍፅም፡፡
2. ሓላፍነት ዓይነትን ብርክን የብሉን፡፡
3. ቃል ኪዳን ዝኣተወ ሰብ ኣቐዲሙ ዓቕሙን ክእለቱን ክፈልጥ ኣለዎ፡፡
4. ጥፍኣት ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ክሕሉ ዘለዎ መንግስቲ ጥራሕ እዩ፡፡
5. ንዓርስኻ ካብ ኤች. ኣይ. ቪ/ኤድስ ምሕላው ምስ ምውፃእ ሓላፍነት ርክብ የብሉን፡፡

II. ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ዝሰማማዕ ካብ "ለ" መሪፅኩም ኣዛምዱ።

| ሀ | ለ |
|---|---|
| _____1. ኤች ኣይቪ/ኤድስ ዘስዕቦ ፀገም | ሀ. ንሓበራዊ ረብሓ ሓበራዊ ስራሕ |
| _____2. ምፍፃም ሓላፍነት | ለ. ዝተዛረቦ ዝኽሕድ |
| _____3. ሓቀኛነት | ሐ. ወርቂ፣ ነዳዲ፣ ማይ |
| _____4. ሃፍቲታት ተፈጥሮ | መ. ሕክምና፣ ውትድርና፣ ግብርና፣ ዋርድያነት |
| _____5. ኣሉ በሃሊ | ረ. ውፅኢት ዘለዎ ስራሕ ምፍፃም |
| _____6. ዓይነትን ብርክታትን ሓላፍነት | ሰ. ፅቡቕ ግልጋሎት ምሃብ ወይ/ድማ ግቡእ ውፅኢት ምርኣይ |
| _____7. ሓበራዊ ሓላፍነት | ሸ. ምጣነ ሃፍታዊ ቅልውላው |

III. ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ግቡእ ብዝኾነ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ።

1. ምፍፃም ሓላፍነት _______________ምኽባር እዩ።
2. ንዓርስኻ ካብ ኤች. ኣይ. ቪ. ኤድስ ምሕላው _______ ምፍፃም እዩ።
3. መግለፂ መንነትካ ዝኾነን ካብ ወለዶ ዝተመሓላለፈን ሃፍቲ ________ ተባሂሉ ይፍለጥ።

IV. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብቶም ዝተውሃቡ መማረፂታት ሓሪኩም መልሱ።

1. ሓበራዊ ሓላፍነት ምፍፃም
   - ሀ. ሥራሕ የጓትት
   - ለ. ዘዕግብ ውፅኢት የብሉን
   - ሐ. ንብዙሓት ረብሓ ይህብ
   - መ. ግዜ የባኽን።

2. ዜጋታት ኩሎም ሓላፍነት እንተሃለዎም'ውን

ሀ. ከከም ፍልጠቶምን ክእለቶምን ይፋላለ እዩ::

ለ. ሓላፍነታት ኩሎም ማዕረ እዮም::

ሐ. ሓላፍነት ዕድመ ይውስን እዩ::

መ. ዘይምልከቶም ዜጋታት ኣለዉ::

3. ኣብ ከባቢ ቤት ትምህርቲ ምኽባር ቃል ኪዳን________ማለት'ዩ::

ሀ. ንሓገዝ ቤት ትምህርቲ ናይ ትምኒት ቃል ምሃብ

ለ. ካብ ምምሃር ወፃኢ ተሳትፎ ዘይምግባር

ሐ. ኣብ ትምህርቲ ውፅኢታዊ ምዃንን ኣብ ክለባት ምስታፍን

መ. ዓርሰ እምነት ምዕባይ

ረ. ሐ'ን መ'ን

4. ታሪኻዊ ሓድግታት

ሀ. መግለፂ መንነት እዮም

ለ. ንመዘናግዒ ኣየገልግሉን

ሐ. መረዳእታ ታሪኽ የብሎምን

መ. ፍልፍል እቶት ኣይኮኑን

5. ንጥፍኣት ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪካዊ ሓድግታትን ምኽንያት ዝኾነ ______________ እዩ::

ሀ. ምትሓት ግንዛበን ስምዒት ሓላፍነትን

ለ. ምስፍሕፋሕ ቱሪዝም

ሐ. ብሞያ ሓለዋ ዘይምስልጣን

መ. ምውሓድ ፓርክን ሙዚየምን

V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብሓፂሩ መልሱ::

1. ኣድላይነት ምውፃእ ሓላፍነትን ረብሓኡን እንታይ እዩ?
2. ምልማዕ ሃፍትታት ተፈጥሮን ምሕላው ሓድግታትን ናይ መን እጃም እዩ? ብኸመይ?
3. መበገሲ ብኽነት ሃፍቲታት ተፈጥሮን ታሪካዊ ሓድግታትን እንታይ እንታይ እዮም?

# ምዕራፍ ሸውዓተ

## ህርኩት ባህሊ ስራሕ

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ:-**

**እዚ ምዕራፍ 'ዚ ምስተምሃርኩም**

- ዝኾነ ይኹን ዘፈር ስራሕ ክንዓቕ ከምዘይብሉ ትግንዘቡ፡፡
- ክቡርነት ሥራሕን ግዘን ትርድኡ፡፡
- ስነ ምግባር ሙያ፣ መሰረት ውፅኢታውነትን ዕብየትን ምዃኑ ትርድኡ፡፡

## 7.1 ምዕባይ ህርኩት ባህሊ ስራሕ

### 7.1.1. ሓደ ዓውዲ ስራሕ ካብ ካሊእ ዘይትሕት ምዃኑ ምእማን

- ሓደ ዓይነት ስራሕ ካብ ካሊእ ዘይትሕት ምዃኑ ብኣብነት ግለፁ፡፡
- "ዝኾነ ይኹን ስራሕ ንኹሉ ብማዕረ ክነኽብር ኣለና" ክበሃል ከሎ እንታይ ንምባል እዩ?

### ጥበብ ዕንፀይቲ

ሓየሎምን ሓገዞምን ኣብ ደቡባዊ ዞባ ክልል ትግራይ ኣብ ከተማ ማይጨው ዝነብሩ ተምሃሮ 7ይ ክፍሊ እዮም፡፡ እዞም ኣዕርኽቲ እዚኦም ሰፈሮም ጥቓ ንጥቓ ስለዝኾነ እንዳተራኸቡ ትምህርቶም ብሓደ የዕንዑ እዮም፡፡ ሓበራዊ ስምምዕነት ብምፍጣር ኣብ እዋን ዕረፍቲ ፀወታ ይፃወቱ፡፡ ብዛዕባ ቀፃላይ ዕላማኦም እውን ይመያየጡ፡፡ ሓየሎም ንቐፃሊ ብኢደ ጥበብ፣ ሓገዞም ድማ ብምርምር ተኽልታት ሰብ ሙያ ናይ ምዃን ትምኒት ኣለዎም፡፡

ሓገዞም ኩሉግዘ ናብ መንበሪ ገዛ እንዳ ሓየሎም ንመፅናዕቲ እንትኸይድ ፍሉይ ሓጎስ ካብ ዝህብዎ ተርእዮታት ሓደ ኣቦን ኣደን ሓየሎም ብዝለዓለ ጥንቃቐን ጥበብን ብሓባር ዝሰርሑዎም ውፅኢታት ዕንፀይቲ ነይሮም፡፡

ኣቡኡ ንሓየሎም ዕንፀይትታት እናለስለሱ እንተቐርቡ ኣዲኡ ድማ ብመሳርሒ እንዳተሓገዛ ብምንዳል ቅርፂ ዝተደለዩ ኣቑሑ ዕቡቕ ገይረን የውፅኣ ነይረን፡፡

ሓገዞም ኣብ እዋን ዕረፍቱ ወለዲ ዓርኹ ብምንኣድ ባኣኣቶም ተሰሪሖም ኣብ ሹቅ መሸጢ ቅርፃ ቅርፂ ዝተሰቐሉ ኣቑሑ እንዳተዘዋወረ ይርኢ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ዑደቱ ንዓይኑ ካብ ሞንጎ ዝሰሓቡ ባህላዊ ኣቑሑ መሳርሒ ሙዚቃ ማለት’ውን ክራር፣ ጭራዋጣ፣ በገና ዝኣመሰሉ እንትኾኑ ካብ ታሪኻዊ ሓድግታት ድማ ቤተመንግስቲ ፋሲለደስ፣ ሓወልቲ ኣክሱምን ካልኦትን ይርከብዎም፡፡

ሓገዞም ኣብ ትምህርቲ ሕብረተሰብ ዝተምሃሮ እዚኦም ሓድግታት ታሪኽ ብምዝካር ንቑፃላይ እዚ ጥበብ ንምምሃር ድልየት ሓደሮ፡፡ ካብዚ ዝተልዓለ እውን ንኣቦ ሓየሎም ብዛዕባ'ዚ ጥበብ ንክምህርዎ ብዝሓተቶም መሰረት ንባዕሉ ጥራሕ ከይኮነ ሓየሎምን ካልኦት ኣዕርኽቱን እውን ወሲኾም ንክምህሩዎም ድልየት ከምዘለዎም ገለፀሎም፡፡ ሓገዞም፣ ስራሕቲ ዕንፀይቲ ትሑት ሙያ እዩ ኢሉ ከይነዓቐ ንኽስልጥን ዓርሱ ብምድላዉ ወላዲ ሓየሎም ንጥንኩር መንፈሱ ንኢዶምዎ፡፡

ሓገዞምን ካልኦት ኣዕርኽቱን እቲ ስልጠና ወዲኦም ምስ ስድራ ሓየሎም ብምኧን ኢንድስትሪ ኢደ ጥበብ ዕንፀይቲ ንምግፋሕ ትልሚ ኣውፂኦም ዝለዓለ ምንቅስቓስ ጌይሮም፡፡ ካብ ትሑት ስራሕ ዝተልዓለ በዓል ሓገዞም ድሕሪ ዓመታት ንነበርቲ እቲ ከባቢ ብዘመናዊ ጥበብ ዕንፀይቲ ምስልጣን ጀሚሮም፡፡ ኢንድስትሪ ጥበብ ዕንፀይቲ እውን ኣብቲ ዞባ ክጋፋሕ ክኢሉ፡፡



## መልመዲ - 1

***ብመሰረት'ቲ ምንባብ ነዞም ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ሓገዞም ናብ ሥራሕ ጥበብ ዕንፀይቲ ከመይ ክኣቱ ክኢሉ?
2. ወላዲ ሓየሎም ንሓገዞም ዝነኣድዎ ብምንታይ ምክንያት ነይሩ?
3. ካብቲ ታሪክ ሓደ ዓይነት ስራሕ ብሰብኣይ ኮነ ብሰበይቲ ክስራሕ ምኽኣሉ ዘገንዝብ ሙሉእ ሓሳብ ኣየናይ እዩ? ኣብ ደፍተርኩም ፅሒፍኩም ንመምህርኩም ኣንብቡሎም፡፡

ሓደ ዓይነት ስራሕ ካብ ካሊእ ዘይትሕት ምዃኑ ምእማን ክንብል ከለና ናይ ዝኾነ ይኹን ስራሕ ዕላማን ሽቶን ዓርስኻ ካብ ምኽኣል ሓሊፉ ልምዓት ሃገር ኣብ ምስላጥ ብዕሒት ዘለዎ ምዃኑ ንምግንዛብ እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ናይ ሓደ ዘፈር ስራሕ ድልየት እንዳሃለዎ ብሃንደበት ይኹን ካብ ስልጠና ብዝረኸቦ ክእለት ኣብ ካሊእ ስራሕ ክዋፈር ይኽእል እዩ፡፡ በዚ ኩነታት ሰራሕተኛታት ብዝግባእ ስርሖም ኣኽቢሮም እንድሕር ሰሪሖም ንባዕሎም ካብ ምጥቃም ሓሊፎም ሃገርን ወገንን ብማዕረ ዝረብሕ ተግባር ፈፂሞም ማለት እዩ፡፡

ስለዚ ሕድሕድ ዜጋ ንስራሕ ዓብይ ወይድማ ንኡሽተይ ኢሉ ኣፈላላይ ከይገበረ ስራሕ ብምኽባርን ግዘ ብግቡእ ብምጥቃምን ሀገርን ወገንን ዝፅበይዎ እጃም ልምዓት ከወፍይ ኣለዎ፡፡



መልመዲ - 2

*ነዞም ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ብምንባብ ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ናይ ስራሕ ዓበይ/ንኡሽተይ የብሉን ዝብሃል ንምንታይ ይመስለኩም?
2. ኩሉ ዓይነት ስራሕ ንልምዓት ሃገር እጃም ዘለዎ ምዃኑ ብምንታይ ይግለፅ?
3. “ናይ ስራሕ ዓብይ/ንኡሽተይ የብሉን ክበሃል ከሎ ኣፈላላይ ስራሕ የለን ማለት ኣይኮነን” እዚ ሓሳብ ኣልዒልኩም ኣብ ክፍሊ ብጉጅለ ተመያየጥሉ፡፡

## 7.1.2 ርክብ ግዘ ስራሕን ግዘ ልምዓትን



*ስእሊ 7 -1 ዝተበልዐ መሬት ብተኽልታት ናይ ምሽፋን ተግባር*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተገንዚብኩም? ቅድሚ ሕዚ ኣብ ምትካል ፈልሲ ተሳቲፍኩም እንድሕር ነይርኩም እቲ ከይዱ ንደቂ ክፍልኹም ንገርዎም፡፡
- ተኸሊ ተኺልካ ዝርከቡ ቀንዲ ረብሓታት ግለፁ፡፡

## ጣብያ ጎቦ

ጣብያ ጎቦ ኣብ ክልል ቤንሻንጉል ጉሙዝ ዞባ መተከል ንከተማ ቻግኒ መዳውብቲ ኮይኑ ዝርከብ እምባ ዝበዝሖ ናይ ገጠር ቁሸት ነይሩ፡፡

እዚ ጣብያ ብዝርግሐ ዱር ካብ ዝፍለጡ ልሙዕ ከባቢታት እቲ ዞባ ሓደ ስለዝ ነበረ እቲ ነባራይ ሕፀረት ዝናብ ኣጋጢሞዎ ኣይፈልጥን፡፡ እዚ ልምላመ ግና ከምዘለ ክቅፅል ኣይከኣለን፡፡

መብዛሕትኦም ነበርቲ እቲ ከባቢ ልሙዕነት ጣቢኦም ከምዘሎ ንምዕቃብ ፃዕሪ እኳ እንተገበሩ ነቲ ከባቢ ዘይግደሱ ዝተወሰኑ ውልቀሰባት በብእዋኑ ኣእዋም ብምቁራፆም እቲ ዱር ካብ እዋን ናብ እዋን እንዳተመናመነ፣ እቲ ዝነበረ ልምላመ እንዳነከየ እቲ ልሙዕ ሓመድ'ውን ብማይ እንዳተሓፀበ ከይዱ፡፡

ቅድሚ 30 ዓመት ልሙዕ መሬትን ፅቡቕ ዱርን ጣብያ ጎቦ ዝፈልጥ ሰብ ሎሚ ተመሊሱ ነቲ ከባቢ ክርኢ ከሎ እሳተ ጎመራ ዘቃፀሎ ስጋብ ዝመስል ዱራት ባዲሞምን ናይቲ ከባቢ ፅባቐ ተደይኑ ምርኣዩ ኣዝዩ ከሕዝኖ ይኽእል፡፡

እዚ ኩነታት በዚ ከይቕፅል ንምግባር ህፁፅ ስጉምቲ ኣድላይ ምዃኑ ብምእማን እቲ ነባሪ ንመንግስቲ ኣፍለጠ፡፡ በዚ መሰረት ጣብያ ጎቦ ዳግማይ ብኣእዋም ንምሽፋን ምችው ኣብ ንዝኾኑ ከባቢታት ፈልሲ ጣቢያ ክጣየሽ ተገበረ፡፡

ህዝቢ እቲ ጣብያ ተወዲቡ ዝስርሓሉ ትልሚ ግዘ ብምድላውን ዓርሱ ንተግባራዊነት እቲ ትልሚ ትልሚ ብምድላው ምስ መንግስቲ ብሓባር ብበዓል ሙያ እና ተሓገዘ ምትካል ፈልሲ ኣካይዱ፡፡ ልምላመ ጣብያ ጎቦ ናብ ዝነበሮ ንምምላስ እቲ ህዝቢ ብድልየትን ብትረትን ምንቕስቃስ ገይሩ፡፡ እዋን ዝናብ ከይሓለፈ ናይቲ እምባ ጫፍን እግርን ብተኽልታት ተሸፈኑ፡፡

እቶም ፈልስታት ሱር ክሳብ ዝሰዱ እውን በብተራ ብምሕላውን ብምክንኻንን ኩሉ ብቲ ዝተውሃቦ ድልድል ተራ መሰረት ብዕሊቱ ተዋፂኡ፡፡

ሎሚ ዘበን ዝኾነ በቲ ቁሽት ዝሓልፍ ሰብ ልምላመ ጣብያ ኀቦ ብርሑቕ ክርኢ ይክእል፡፡ ኣበቲ እምባ ርእስን እግርን ዝበቖሉ ኣእዋሞን ቁጥቋጣትን፣ ብእግሪ እቲ ኀቦ ዝፈሰሰ ፍልፍል ማይን ኣብ ሜዳታት እቲ ከባቢ ዝቦቖሉ ተክልታትን ንሰብ ኮነ ንእንስሳ ዝስማምዑ ክኾኑ ጀሚሮም፡፡



## መልመዲ - 3

***ብመሰረት እቲ ምንባብ ስዒቦም ዘለው ሕቶታት መልሱ።***

1. ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝቐረበ ታሪኽ ተደሪኽኹም ግዘ ፣ስራሕን ልምዓትን ዘሎዎም ርክብ ብምንታይ ከምዝተገለፀ ብጉጅለ ኮይንኩም ተመያየጡ፡፡
2. ነበርቲ ጣብያ ኀቦ ዝነበሮም ከቢድ ፀገም ከመይ ተፈቲሑ?
3. ልሙዕነት ከባቢ ዓቂብካ ንምዕናሕ ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ምስ ግዘ ብምትሕሓዝ ግለፁ፡፡

ርክብ ግዘ፣ ስራሕን ልምዓትን ብትልምን ብዕላማን እንተተመሪሑ ዘዕግብ ውፅኢት የስዕብ፡፡ ግዘ ደቂ ሰብ ብተፈጥሮ ዝተዓደሉዎን ገንዘብ ዘይኽፍልሉን ሃፍቲ እንተኸውን ብዘይ ኣድልዎ ንኹሎም ደቂ ሰባት ብማዕረ ዘገልግልን ዘየቋርፅ ፍሰት ዕድመ ልክዕን እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ ብዘይምንም ከልካሊ ካብ ዝእዝዞም ነፃ ዝኾኑ ሃፍትታት ውሽጢ ሓደ ግዘ እንተኸውን ኩሉ ከምዝደለዮ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣብ ኢድ ዘሎ ሃፍቲ እዩ፡፡ ሰብ ከከም ኩነታት ከባቢኡን ከከም ወርሓቱን ግዘ ብምምቃል ንስራሕ፣ ንዕረፍትን ንድቃስን ብዝብል ይጥቀም፡፡

"ዕብየት ሓደ ሃገር ዝውሰን እቲ ህዝቢ ንግዘ ብዝህቦ ግምትን ኣጠቓቕምኡን እዩ" ዝብል ኣበሃህላ ፈላጣት ኣሎ፡፡ እዚ ብርግፅ ንኩሉ ከረዳድእ ዝኽእል ሓሳብ እዩ፡፡ ክቡርነት ግዘ ዝተረድኣ ሕብረተሰብ ግዘ ተጠቂሙ ዓርሱ ከመሓይሽን ሃገር ከልምዕን እኩል ዓቕሚ ይህልዎ፡፡



## መልመዲ - 4

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ሓደ ተምሃራይ ትልሚ ግዘ ከውፅእ ኣለዎ ዝበሃል ንምንታይ እዩ?
2. ርክብ  ግዘን ልምዓት ሃገርን ከመይ ይግለፅ?
3. ሓደ ዜጋ ግዘ ብግቡእ እንተዘይተጠቒሙ ልምዓት ሃገር  ዝጎድእ ብኸመይ እዩ?

### 7.1.3. ውልቃውን ሓበራውን ስራሕቲ ኣብ ኩሉ ቦታ ብእዋኑን ብፅርየትን ምፍፃም



*ስእሊ 7.2. ስራሕ ብሓባር ምስራሕ ውፅኢታዊ ይገብር*

- ኣብቲ ስእሊ ዝርኣዩ ሰባት እንታይ ይሰርሑ ኣለዉ?
- ውልቃዊ ፃዕሪ ስራሕ ኣብ ሓበራዊ ውፅኢት እንታይ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ?

## ስራሕን ግዘን

ወይዘሮ ኪዳን ርእሰ መምህር 1ይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ሓየሎም እንትኾና ብስራሕ ምምሕዳርን ብኣጠቓቕማ ግዘን ክብሪ ዝረኸባ እየን፡፡ ኣብ ስራሕቲ ውልቀን ጉጅለን እምነት ዘለወን እተን ርእሰ መምህር ምስ ካልኦት መምህራንን ሰራሕተኛታትን ብምኻኑ ኣብቲ  ቤት ትምህርቲ ለውጢ ንምምፃእ ጠንኪረን

ኣብ ምስራሕ ይርከባ፡፡ ንኣጠቓቕማ ግዘ ዓብይ ጠመተ ስለዝህባ ሓደ ስራሕ ካብ ዝተተለመሉ ግዘ ቅድም ኢልካ ምዝዛም ናይቲ ቤት ትምህርቲ ጥንኩር ባህልን መፍለጥን ካብ ዝኾውን ፀኒሑ እዩ፡፡ ብመሰረት ቀለንተን እቲ  ቤት ትምህርቲ በዓል ትምህርቲ ቀዳማይ መንፈቕ ዓመት ዝኸበረሉ እዋኑ ስለዝበፅሐ ኩሉ ሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ስራሕቲ ተወፊቡ ምንቕስቓስ ጀሚሩ ኣሎ፡፡ ክለባት ስፖርት፣ ድራማ፣ ስነ ፅሑፍ፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ሙዚቃ፣ ሽልማት ወዘተ ኩለን ጉጅለታት ስራሕ እቲ በዓል ንምፅምባል ምድላው እናገበራ እየን፡፡

ኣብቲ እዋን ጎረባብቲ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ፍሉጣት ሰባት፣ተወካልቲ ማሕበራት መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ከምዝርከቡ ትፅቢት ይግበር፡፡ መምህር ኪዳን ብሓባር ዝተበፅሓሎም ውፅኢታትን ዝተረፍ ስራሕትን ንምግምጋም ኣኼባ ኣብ ዝፀውዓሉ እዋን ዘረጋገፀኦ እዚ ዝስዕብ ነይሩ፡፡ እዚውን ብውልቀ ዝተውሃበና ሓላፍነት ምፍፃም ማለት ሓበራዊ ስራሕ ብእዋኑን ምፍፃም መሰረት ምዃኑ እዩ፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ተምሃሮን መምሃራንን ቤት ትምህርቲ ሓየሎም ኣብቲ ዝወፀ ቀለንተን ተደሪኾም ነቲ ምድላው ብፅቡቕ ኩነታት ንምኽባር ኣብ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ይርከቡ፡፡



## መልመዲ - 5

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ውልቃዊ ስራሕ ኣብ ሓበራዊ ስራሕ ዘለዎ ፅልዋ እንታይ እዩ?
2. ውልቃዊ ኮነ ሓበራዊ ሥራሕ ብእዋኑን ብፅርየትን ምፍፃም እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
3. ተምሃሮ ብሓባር ክሰርሕዎም ዝኽእሉ ስራሕቲ እንታይ እንታይ እዮም? ክልተ ኣብነት ሃቡ፡፡

ውልቃዊን ሓበራዊን ስራሕቲ ኣብ ኩሉ ቦታ ብእዋኑን ብፅርየትን ምፍፃም ማለት ሓላፍነትካ ምውፃእ ማለት እዩ፡፡ ውፅኢት ዝኾነ ዓይነት ስራሕ ዝዕቀን ብፅርየት ስራሕ ጥራሕ ከይኮነስ ብዝተተለመሉ ግዘ ምውዳኡ እውን እዩ፡፡ ኣብ ከይዲ ስራሕ ውልቃዊ ስራሕ ኣብ ውፅኢት ሓባራዊ ስራሕ ዓብይ እጃም

ዘለዎ እንትኸውን ውልቃዊ ኮነ ሓበራዊ ስራሕ ብእዋኑን ብፅርየትን ምስራሕ ኣብ ልምዓት ዓዲ ዓብዩ እጃም ኣለዎ፡፡ ስራሕ ብውልቀ ኮነ ብሓባር ብእዋኑን ብፅርየትን እንትስራሕ እንተሎ መነባብሮ እቲ በዓል ሙያ ይኹን መነባብሮ ሓፋሽ ይመሓየሽ፡፡ ግዘ ብግቡእ ብምጥቃም ስራሕኻ ብእዋኑን ብፅርየትን ናይ ምፍፃም ካሊእ ረብሓ ንልምዓት ዓድን ንዕብየት ኢኮኖምን ዝፃወቶ ርኡይ ግደ እዩ፡፡ ስራሕ ንቁሕ ተሳትፎ ኩሉ ዝሓተት ማሕበራዊ ምንቅስቓስ ስለዝኾነ ውልቃዊን ሓበራዊን ስራሕቲ ኣብ ኩሉ ስራሕ ቦታ ብእዋኑ ምፍፃም ፅርየት ንዘለዎ ውፅኢት የብቅዕ፡፡ ስራሕ ብመጠን ኮነ ብፅርየት ናይ ምፍፃም ውፅኢት ዝምዘን እቲ ምህርቲ ንምፍራይ ብዝወደኦ ግዘ ብዝተረኸበ መጠን ምህርትን እዩ፡፡ ሓደ ስራሕ ካብ ዝተተለመሉ ግዘ ብዝነኣሰ ምፍፃም ማለት ባዕልካ ንኻሊእ ተወሳኺ ስራሕ ምድላው ማለት ስለዝኾነ ውፅኢታውነት ስራሕ ምዕባይ እዩ፡፡ ቅድም ኢሉ ከምዝተሓበረ ብውልቀ ኮነ ብሓባር ዝስራሕ ስራሕ ውፅኢታዊ እዩ ንምባል ብእዋኑን ብፅርየትን ዝተረኸበ ምህርቲ ክህሉ ይግባእ፡፡ እዚ ተግባራዊን ንክኸውን ሕድሕድ ሰራሕተኛ ንስርሑ ግቡእ ጠመተ ክህቦ ይግባእ እዚ ድማ ንልማዕትን ዕብየትን ሃገር መሰረት ይኸውን እዩ፡፡



## መልመዲ - 6

***ነዞም ቀፂሎም ዘለው ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ሓደ ስራሕ ውፅኢታዊ እዩ ዝበሃል ብምንታይ ምኽንያት እዩ?
2. መዐቀኒ ውፅኢታውነት ስራሕ ኣብ ዝነኣሰ ግዘ ፅርየት ዘለዎ ምህርቲ ምፍፃም እዩ ዝተብሃለ ንምንታይ ይመስለኩም?

## 7.2 ክይሰራሕኻ ምንባር

### 7.2.1 ክይሰርሖ ምንባር ኣንፃር ምጣነ ሃፍቲ፣ ልምዓትን ዕብየትን እዩ።

ነውሪ እዩ ነውሪ ናይ ልምዓት ፀላኢ
ኩሉ ግዘ ፀያፍ ክይሰራሕኻ ብልዒ

- እንተይሰራሕኻ ብልዒ ፀያፍ እዩ ዝተብሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? እቶም ምክንያታት ግለፆም፡፡
- ብመሰረት እቲ ግጥሚ ፀላኢ ልምዓት ዝተብሃለ መን እዩ?

## እታ ሃካይ ቆልዓ

ኣብርሀት ስራሕ ዝበሃል ነገር ስለዘይትፎቱ ክይሰርሐት ክትነብር እትደሊ ሃካይ ቆልዓ እያ፡፡ እዚ ታህኺት ኣብ ውሽጢ ገዛ ይኹን ኣብ ቤት ትምህርቲ እናገደደ ብምምፅኡ ስድራኣን ቤት ትምህርታን ኣዝዩ ኣተሓሳሲቡዎም፡፡ ዘይሰርሕ ሰብ በቲ ሕብረተሰብ ዝተኾነነን ፅግዕተኛ ካልኦት ብምኳን ንልምዓትን ዕብየትን ሃገር ዕንቅፋት ኮይኑ ስለዝሕሰብ ካብዚ ዓንቃፊ ፀባይ ንክትርሕቕ ወላዲኣ ብርቱዕ ፃዕሪ ገበሩ፡፡

ኣብርሀት ስራሕ ካብ ዘይምፍታዋ ዝተልዓለ ተጠቃዒት ወልፊ ሓደገኛ መድሓኒታትን ጎዳእቲ ልምድታትን ክይትከውን እውን መፍትሒ ዝብልዎም ነገራት ምሕሳብ ጀመሩ፡፡ በዚ እውን ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ መረብኦም ኣብ ዘጣየሽዎ ስራሕ መፍረ ደርሁ ኣብርሀት ቀስ ብቐስ ንምስሓብ ዝገበርዎ ፃዕሪ ሰሚሩሎም፡፡

ሓደ ንጉሆ ቀዳም ኣብርሀት ፀዊያም እተን ደርሁ ዘውደቕኦም እንቋቑሖታት ክትእክብን ክትቆፅርን ሓላፍነት ሂቦምዋ፡፡ ንሳ'ውን ጋእ ጋእ እንዳበለት ዝተበሃለቶ ገይራ፡፡ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ዝተብሃለቶ ስራሕ ብዝበለፀ ብምልዕዓል ፈፂማ፡፡ ኣብርሀት ትማሊን ሎሚን ዝሰርሓቶ ስራሕ ዕቡቕ ስምዒት ከምዝፈጠረላ

ኣስተውዒላ፡፡ ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ጎስጓስ ከየድለያ ባዕላ ናይተን ደርሁ እንቋቁሖ ምስኣከበት መሕደሪኣን'ውን ኣዕርያ፡፡

ካብኡ ድማ ንኣቦኣ ፀዊዓ እዋን መፅናዕትን ምዝንጋዕን ብምሽንሻን ፕሮግራም ንኸውፅኡላ ሓተተቶም፡፡ ኣብቲ ፕሮግራም ስራሕ ብፍላይ ንደርሁ ማይን እኽልን ምሃብ እቲ እንቋቁሖ ደማሙ ከይበልዕኦ ምእካብ፣ ጨጫሕቲ ደርሁ ምሑቓፍ ፣ሓደሽቲ ጨቓውቲ ምስተጫጭሖ ምክንኻን፣ ንነጋዶ እንቋቑሖ ቆፂርካ ምርካብን እቲ ሒሳብ ገቢጥካ ንወላዲኣ ምፍላጥን ከም መዘናግዒ ቆፂራቶ፡፡

ኣቦኣን ኣዲኣን ብለውጢ ውላዶም ዓብዩ ሓጎስ ተሰሚዕዎም፡፡ ኣብርሀት ኣብ ስራሕ ክንደይ ዝኣክል ናይ መንፈስ ነፃነትን ስምዒት ዓርሰ እምነትን ከምዝፈጥር ብጭቡጥ እናረጋገፀት መፂኣ፡፡ ካብ እዋን ናብ እዋን ካብ ፅልኢት ስራሕ ፀባያ ባዕላ ብምእላይ ንፍዕቲ ተምሃሪትን ህርኩቲ ሰራሕተኛን ንምኧን ከኣለት፡፡ ኣብ ሓፂር እዋን ብዘምፅኣቶ ለውጢ ፀባይ ስድርኣ ጥራሕ ከይኮኑ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣዕርክታን መምህራናን እውን ኣዝዮም ንኢዶምዋ፡፡



## መልመዲ - 7

***ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣብርሀት ስምዒት ዓርሰ እምነት ክተማዕብል ዝኸኣለት ከመይ እዩ?
2. ኣብርሀት ካብ ፅልኢት ስራሕ ፀባያ ንክትድሕን ዝሓገዝዋ ኩነታት ፀሓፉ፡፡
3. "እንተይ ሰርሖ ምንባር ኣንፃር ልምዓትን ዕብየትን እዩ፡፡" ዝብል መመያየጢ ሓሳብ ሒዝኩም ሓደ በዓል ሙያ ብምእንጋድ ምምይጥ ግበሩ፡፡

እንተይሰርሖ ምንባር ኣንፃር ኢኮኖሚያዊ ልምዓትን ዕብየትን ምኧኑ ንምጉላህ ብዙሓት ሰባት "ዘይሰርሕ ኣይብላዕ" ዝብል ጥንኩር ኣበሃህላ ክብሉ ይስማዕ፡፡ እዚ ሓቂን እማንን እዩ፡፡ ንምስራሕ ዘኽእል ዓቕሚ እናሃለዎ ዘይሰርሕ ሰብ ክበልዕ የብሉን፡፡ ስራሕ ጥንኩር መንፈስን ዝሓሸ ሂወትን ንኽህልወካ ውሕስና ዝህብ ካብ ምኧኑ ንላዕሊ ናይ ደቂሰብ ኣእምሮ ኮነ ኣካል ክድንፍዕ ዝኽእል ኣእዳው ንስራሕ

ክዝርግሑ ከለዉ እዩ፡፡ ሰብ ብዝሰርሖ መጠን ናይ ባዕሉ ኮነ ሂወት ካልኦት ሰባት ንምልዋጥ ዓቕሚ ይረክብ፡፡ ከይሰራሕኻ ምንባር ዝጎድእ ንባዕልኻ ጥራሕ ከይኮነ ቤተሰብ፣ ሕብረተሰብን ሃገርን እውን እዩ፡፡ እንተይሰርሑ ምብላዕ ብምፍንፋን ኩሎም ዜጋታት ናብርኦም ብስራሕ ንምልዋጥ ጠንኪሮም እንትሰርሑ መነባብሮ ሕብረተሰብ ናብ ዝሓሸ ብርኪ የሰጋግር፡፡ እዚ ከይዲ ጥንኩር ባህሊ ስራሕ ዘተኣማምን መሰረት ንኽህልዎ ይገብር፡፡ ሕብረተሰብ ብስራሕ ዓብዩ ማለት ድማ ዕብየትን ልምዓትን ሃገር ብዘተኣማምን ኩነታት ተረጋጊፁ ማለት እዩ፡፡



## መልመዲ - 8

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ናይ ውልቀሰባት ጠንኪሮም ምስራሕ ምስ ልምዓት ሕብረተሰብን ሃገርን ዘተኣሳሰረሎም ኩነታት ኣብርሁ፡፡
2. ምስ መምህርኩም ተዛራሪብኩም ከይሰራሕካ ምንባር ምፅያፍ ብዝምልከት ኣብ ቤት ትምህርትኹም ሓደ መድረኽ ብምድላው ተምሃሮን መምህራንን ብሓባር ንኽመያየጥሉ ግበሩ፡፡

### 7.2.2. ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ዝተደንገገ ምጣነ- ሃፍታዊ መሰላት

- ኣብቲ ሕገ መንግስቲ ምጣነ- ሃፍታዊ መሰላት ምእታው ንምንታይ ኣድልዩ?

## ህርኩቲ መርብሒት እንስሳ

ወይዘሮ ሃዋ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ ምንግስቲ ዓፋር ካብ ዝርከቡ ብህርኩት ስራሕተኛነት ንሽልማት ሜዳልያ ካብ ዝበቕዑ ኣርባሕቲ እንስሳ ሓንቲ እያ፡፡ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኣብ ምርባሕ እንስሳ ጥራሕ ተዋፊራ ዝፀንሐት እዛ ሰበይቲ ብዛዕባ ግብርና ብጣቢያ ልምዓት ሰራሕተኛታት ተማሂራ ዕቡቕ ግንዛበ ድሕሪ ምርካባ ካብ ምርባሕ ከፍቲ ብተወሳኺ ሓደ ሄክታር መሬት ወሲዳ ብምልማዕ ፅቡቕ ምህርቲ ንምፍራይ ኪኢላ እያ፡፡ ኣብቲ ዝተውሃባ መሬት

ዝተፈላለዩ ተኽልታትን ምህርቲ ፍረምረን ከምኡውን ቀለብ ከፍቲ ንምእካብ ኪኢላ፡፡ እዚውን ፅቡቕ ፍልፍል እቶት ኮይኑላ፡፡ ምስዚ ስርሓ ጎናጎኒ ናብ ንግዲ ዓለም ንምእታው ብዝሓዘቶ ትልሚ ነዚ ግልጋሎት ዝውዕል በዓል ክልተ ክፍሊ ገዛ ኣብ ከተማ ኣሳይታ ኣብ ምስራሕ ትርከብ፡፡

ፍልፍል፡- ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን 8 የካቲት 2000ዓ.ም



## መልመዲ - 9

***ብመሰረት'ዚ ምንባብ ነዞም ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ወይዘሮ ሃዋ ሕዚ ንእትርከበሉ ዝተመሓየሸ ሂወት ዘብፅሓ እንታይ እዩ?
2. ከም በዓል ወይዘሮ ሃዋ ዓይነት ጥንኩር ስራሕተኛታት ንሽልማት ምብቃዕ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊት ሪፑብሊክ ኢትዮጵያ ዝተደንገገ ምጣነ-ሃፍታዊ ዕላማታት ቀንዲ ጠመትኦም መሰረታዊ ድሌታት ህዝብታት ኣብ ማዕርነት ተደሪኽካ ምምላእን ዕብየት ሃገርን ዝተመሓየሸ መነባብሮ ህዝብን ምርግጋፅን እዩ፡፡ ስለዝኾነውን ሃገርና እተሰጉሞ ልምዓትን ምጣነ ሃፍትን ተንከፍ ዕላማ ሕብረተሰብ በብብርኩ ተረባሒ ዝኾነሉ፣ ካብ ተመፅዋትነት ዝናገፈሉን ስሉጥ ዕብየት ምጣነ-ሃፍቲ ብምርግጋፅ ኣብ ሃገርና ምዕቡል ነፃ ዕዳጋ ዝዓስለሉ ስርዓት ምህናፅ እዩ፡፡

ነፃ ስርዓት ምጣነ -ሃፍቲ ማለት ዜጋታት ኣብ ምንቅስቓስ ምጣነ-ሃፍቲ ሃገሮም ኣብ ዝደልይዎ ዘፈር ስራሕ ዝዋፈርሉን ኣብ ድልየት ሕብረተሰብን ቀረብ ምህርትን ዝተመሰረተ ስርዓት ዕዳጋ እዩ፡፡ ኣብ ሕገ መንግስት ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ብግልፂ ከምዝተቀመጠ ዕብየትን መሰረታዊ ድሌታትን ዜጋታት ብማዕርነት ንኽማልኡ ኣብቲ ሕገ መንግስቲ ዝተደንገገ መሰላት ምጣነ-ሃፍቲ ክረጋገፁ ይግባእ፡፡

ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ. ኣብ ዓንቀፅ 41 ኣብ ትሕቲ “መሰላት ምጣነ-ሃፍቲ፣ ማሕበራውን ባህልን” እዞም ዝስዕቡ መሰላት ምጣነ-ሃፍቲ ደንጊጉ ኣሎ፡፡

- ዝኾነ ይኹን ኢትዮጵያዊ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝኾነ ምንቅስቓስ ምጣነ-ሃፍቲ፣ ናይ ምውፋርን ንመተሓዳደሪኡ ዝመረፆ ስራሕ ናይ ምስራሕን መሰል ኣለዎ፡፡
- ኩሉ ኢትዮጵያዊ መተሓዳደሪኡን ስርሑን ሙይኡን ናይ ምምራፅ መሰል ኣለዎ።
- መንግስቲ ስራሕ ንዝሰኣኑን ንፅጉማትን ስራሕ ንምፍጣር ዘኽእል ፖሊሲ ይኸተል፡፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዘካይዶም ዘፈራት ስራሕ ዕድል ስራሕ ንምፍጠር መርሃ-ግብሪ ስራሕ የውፅእን ፕሮጀክትታት የዳሉን፡፡
- መንግስቲ ዜጋታት ተረባሕቲ፣ ስራሕ ናይ ምርካብ ዕድሎም እናሰፍሐ ክኸድ ንምግባር ኣድለይቲ ስጉምቲታት ይወስድ፡፡

እዞም ምጣነ ሃፍታዊ መሰላት ተግባራዊ ንምግባር ምጣነ-ሃፍቲ ግብርና ማእኸል ዝገበረ ምንቅስቃስ ልምዓት ኣብ ምክያድ እንትኸውን ኣብ ካልኦት ዘፈራት ስራሕ'ውን ዝለዓለ ምርብራብ እንዳተገበረ ይርከብ፡፡

ኣብ ላዕሊ ዝተፀርሑ መሰላት ምጣነ-ሃፍቲ ብግልፂ ብምቕማጥ ንውፅኢታውነቶም ሓገዝ ካብ ምግባር ሓሊፉ እስካብ ሐዚ መነባበሮ ሓረስታይ ገፀር፣ ኣርባሒ እንስሳን ህይወት ሰራሕተኛታትን ንኽመሓየሽ ዝተፈላለዩ ስጉምትታት ተወሲዶም እዮም፡፡ ንሓረስቶት ንኣርባሕቲ እንስሳን ንኢንቨስተራትን ንምብርትታዕ ዝተፈላለዩ ሽልማታት ተዋሂቦም እዮም፡፡ እዞም ሽልማታት ካልኦት ሓረስቶት ኣርባሕቲ እንስሳን ኢንቨስተራትን ንተመሳሳሊ ውፅኢትን ንኽበቅዑ በርቲዖም ክሰርሑ ኣብ ምግባር ዝለዓለ እጃም ይህልዎም'ዩ፡፡



## መልመዲ - 10

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መሰረት ጌርኩም ተመያየጡ፡፡**

1. ኣብ ሃገርና ስሉጥ ዕብየት ክመፅእ ዝኽእል ብከመይ እዩ?
2. ምጣነ ሃፍታዊ ዕብየት ሃገርና ኣብ ምርግጋፅ ካብ ሕድሕድ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

# 7.3. ክእለትን ሙያዊ ስነ ምግባርን

## 7.3.1 ምዕባይ ክእለትን ሙያዊ ስነ ምግባር ምስ ምዕባይ ምህርቲ ዘለዎ ዝምድና፣

- ሙያ እንታይ እዩ? ስነ ምግባር ሙያ'ኸ?

### ፋብሪካ ሳሙና ሽብጢ

ኣበባ እትሰርሓሉ ፋብሪካ ሳሙና ሽብጢ ኣብ ከተማ ናዝሬት ንህዝቢ ዓብዩ ግልጋሎት ካብ ዝህባ ፋብሪካታት እቲ ፈላሚ እዩ፡፡ ኣበባ ኣብዚ ፋብሪካ ካብ እትቁፀር 16 ዓመት ዘሕለፈት እንትትከውን ህርኩትን ፈታዊት ስራሕን ምኻና ኣሸንኳይዶ እቲ ሰራሕተኛ እቲ ተረባሒ ሕብረተሰብ እውን ይፈልጦ እዩ፡፡ ሰራሕተኛታት እቲ ፋብሪካ መፍረያይነቶም ብምውሳኽ እቶት'ቲ ፋብሪካ ብዕፅፊ ንምዕባይ ብሓባር ኣብዝወሰኑሉ እዋን ነቲ ሓሳብ ካብ ዘደገፉ ሰራሕተኛታት ውሽጢ ኣበባ ሓንቲ ነይራ፡፡

ሓላፊት ክፍሊ መሸጣ ምህርቲ ዝኾነት ኣበባ ፅቡቕ ስነ ምግባር ብምዕጣቕ ብኣጠቓቕማ ግዘ፣ ኣብ ምትእንጋድ ዓማዊል፣ ምስ ኩሉ ተረዳዲእኻ ኣብ ምስራሕ ምስግንቲ ሰራሕተኛ እያ፡፡ ኣብዚ ፋብሪካ ስራሕ ዝጀመረት ሰራሕተኛ ፅርየት እቲ ቢሮ ብምኻን እንትኸውን ፍልጠታ ብምዕባይ ካብ ኮሌጅ ንግዲ ኣዲስ ኣበባ ብኣመራርሓ ስራሕ ንግዲ ዲፕሎማ ካብ ትረክብ ናብዚ ሓላፍነት ቦታ በቒዓ እያ፡፡ ድኻምን ትህኺትን ዘይትፈልጥ ኣበባ ብትምህርቲ ዝረኸበቶ ሙያን ክእለትን ብልምዲ ብምርጓድ እቲ ፋብሪካ ብውሽጢ ኮነ ብደገ ዘለዎ ምንቅስቃስ ንግዲ ኣብ ፅቡቕ ኩነታት ንክርከብን መፍረያይነቱ ክብ ክብልን ዓብይ እጃም ተፃዊታ እያ፡፡ ኣበባ ኣብ ኣመራርሓ ሙያዊ ማሕበር እቲ ፋብሪካ ኣባል ኮይና ክትሰርሕ ብሙሉእ ድምፂ ምስ ተመረፀት ድሕሪ ምምራፃ ናይቲ ፋብሪካ ኣማራርሓ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ክእለት ስራሕን ስነ ምግባር ሙያን ተዓጢቖም ነቲ ተረባሒ ህዝቢ ብቅንዕናን ብእምነትን ከገልግሉ ኣብ ምምሃር ትርከብ፡፡



# መልመዲ - 11

ነዞም ቀጺሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ።

1. ምኽንያት ውፅኢታውነት ምህርቲ ፋብሪካ ሳሙና ሽብጢ እንታይ እዩ?
2. ኣበባ ኣብ ዝለዓለ ሓላፍነት ዘብፅሓ ስነ ምግባር ሙያ ፀሓፉ፡፡
3. ንህዝቢ ዘገልግል ሓደ በዓል ሙያ ስነ ምግባር ሙያ ዘድልዮ ንምንታይ እዩ?

ክእለትን ስነምግባርን ሙያ ምዕባይ መሰረት መፍረያይነት እዩ፡፡ ከምዝፍለጥ ሙያተኛ ሓደ ስራሕ ንምፍፃም ብተሞክሮ ነዊሕ እዋን ወይ ብስልጠና ዝርከብ ክእለት እንትኾውን፡ ስነ ምግባር ሙያ ድማ እቲ ሙያ ካብቲ በዓል ሙያ ዝድለ ባህርይን ዝንባለን እዩ፡፡

ሰባት ከከም ድሌቶምን ዝንባለኦምን ኣብ ዝተፈላለየ ሙያ ይዋፈሩ፡፡ እዞም ሰብ ሙያታት ከከምዝተዋፈሩሉ ዘፈር ሰራሕ እቲ ሙያ ዝሓቶም ስነ ምግባራት ኣለው፡፡

ስነ ምግባር ሙያ ማለት ሕድሕድ በዓል ሙያ እቲ ተረባሒ ንምግልጋል ቀዲሙ ክሕዞ ዘለዎ ባህርይ ኣወሃህባ ግልጋሎት  እዩ፡፡ ንኣብነት ካብ መምህራን ዝሕሎ ስነ ምግባር ሙያ ኣሎ፡፡ ከምኡውን ካብ ክኢላታት ጥዕና ዝሕሎ ስነምግባር ሙያ ኣሎ፡፡

ኮይኑ ግና ቅንዕና፣ ተኣማንነት፣ ሕርኩትነት፣ ስዓትን ቆፀሮ ምክባርን ኣብ ኩሉ ሙያተኛ ክህልዉ ዝግብኦ መግለፅታት ፅቡቕ ስነ ምግባር እዮም፡፡ ሙያን ስነ ምግባርን ዘይፈላለዩ መረጋገፅቲ  ብቕዓት ሙያ እዮም፡፡ ስራሕ ሙያን ስነምግባር ሙያን ብምጥዕዓም እንተዘይተሰሪሑ ውፅኢታዊ ክኾውን ኣይኽእልን፡፡



## መልመዲ - 12

***ነዞም ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣብ ኩሎም ሰብ ሙያታት ክህልዉ ዝግብኦ መግለፅታት ፅቡቕ ስነምግባር ፀሓፍ፡፡
2. ሓደ ስራሕ ውፅኢታዊ ንምግባር ክእለት ሙያ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን ዝተብሃለ ንምንታይ እዩ?

## መጠቓለሊ

ህርኩት ባህሊ ስራሕ ክጉልብት ዝኽእል መምርሒ ሂወቱ ጠንኪርካ ምስራሕ ዝገበረ ሕብረተሰብን ሰራሕተኛን ክህሉ ከሎ ጥራሕ እዩ፡፡ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ማለት ሕድሕድ ዜጋ ብውልቀ ኮነ ብሓባር ዝተውሃቦ ሓላፍነት ብዓይነትን ብፅርየትን ንምፅባይ ናይ ስራሕ ግዚኡ ብግቡእ ተጠቒሙ ጠንኪሩ ምስራሕ ማለት እዩ፡፡ ፅላማታት ምጣነ ሃፍቲ ሕገ መንግስቲ ፌዴሪ.ኢ. ጠመትኦም ተረባሓይነት ኩሎም ዜጋታት ምርግጋፅ እዩ፡፡ ልምዓትን ዕብየትን ሃገር እንትረጋገፅ ኩሎም ዜጋታት ዝተመሓየሸ ብርኪ መነባብሮ ይህልዎም፡፡ እዚ ዕብየትን ልምዓትን ሃገር ንምህናፅ ሕድሕድ ዜጋ ህርኩት ባህሪ ስራሕ ክህልዎ ይግባእ፡፡

ምህርትን መፍረያይነትን ከየዕበኻ ዕብየት ይመፅእ ኢልካ ምምናይ ካብ ሕልሚ ዘይሓልፍ ኣተሓሳስባ'ዩ፡፡ ኣብ ኩሎም ዘፈር ስራሕቲ ዝተዋፈሩ ሰራሕተኛታት ስነ ምግባር ሙያ ተዓጢቖም ባህሊ ስርሖም እንተዕብዩ ልምዓት ሃገር ይረጋገፅ፡፡

ካብዙይ ንላዕሊ ኩሎም ዜጋታት ስራሕ ከይንዓቑ ብምስራሕ፣ እንተይሰርሑ ምንባር ዝብል ኣበሃህላ ብምፍንፋንን ሓደ ስራሕ ካብ ካሊእ ዘይትሕት ምዃኑ ብምርዳእን ኣብ ዝኾነ ስራሕ እንድሕር ተረባሪቦም ሃገሮም ናብ ዝሓሸ ብርኪ ከም ዘብፅሑ ዘጠራጥር የብሉን፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ኣንፃር፡-** ፀላኢ፣ ተቓዋሚ፣ ተቀናቓኒ

**ግዳይ፡-** ጉዳእ፣ ተጠቃዒ

**ሰጋእ መጋእ፡-** ምውልዋል

**ባዲሙ፡-** በሪሱ፣ ጠፊኡ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. ነዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ብምንባብ ነቲ ልክዕ ዝኮነ "ሓቂ " ነቲ ልክዕ ዘይኮነ ድማ "ጌጋ" እንዳበልኩም መልሱ፡፡

1. ንዓማዊል ዝተማልአ ግልጋሎት ንምሃብ ክእለት ሙያ በይኑ እኹል እዩ፡፡
2. ልምዓት ሃገር ዋኒን ውሑዳት ውልቀ ሰባትን መራሕትን ጌርካ ምውሳድ ጌጋ እዩ፡፡
3. ካብ መግለፂታት ስነ ምግባር ሙያ ሓደ ግዘ ብግቡእ ምጥቃም እዩ፡፡
4. ስነ ምግባራት ሙያ ኩሎም ተመሳሰልቲ እዮም፡፡
5. ውልቃዊ ውፅኢት ስራሕ ኣብ ሓበራዊ ስራሕ ልምዓት ዘይናዓኞ ፅልዋ ኣሎዎ፡፡

II. ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝርከቡ ቃላት ወይ ምሉእ ሓሳባት ኣብ "ለ" ካብ ዘለዉ መግረፂታት ዝሰማመዕዎም ሪእኹም ኣዛምዱ፡፡

| ሀ | ለ |
|---|---|
| _____1. ከይሰራሕኻ ምንባር | ሀ. ንኩሎም ዜጋታት ብማዕርነት ተጠቀምቲ ናይ ምግባር ኣንፈት |
| _____2. ስነ ምግባር ሙያ | ለ. ግዘ ብግቡእ ሸንሺንካ ንምጥቃም የክእል |
| _____3. ትልሚ ስራሕ | ሐ. ፅያፍን ባህሪ ተፀባይነትን |
| _____4. ምጣነ ሃፍቲ ተንከፍ ዕላማታት | መ. ብማዕርነት ስራሕ ምእማን |
| _____5. ስራሕ ዘይምንዓኞ | ሪ. ሕድሕድ ሰራሕተኛ ክህልዎ ዝግባእ ባህርይ |
| | ሰ. ሓበራዊ ስራሕ |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ትክክል ብትብልዎ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1 ______________ኩሎም ዜጋታት ሃገር ተረባሕቲ ልምዓት ምግባር እዩ፡፡

2. ሕድሕድ በዓል ሙያ ክሕዞ ዝግባእ ባህሪ ስራሕ_____________ይባሃል፡፡

3. ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ ብዝተምሃርኩምዎ መሰረት መነወሪ ተግባርን ሓደ ምስሊ ማሕበራዊ ፀገም ዝተብሃለ ______________እዩ፡፡

4. ሃገር እትለምፅ ኩሎም ዜጋታት ህርኩት ______________ እንትህልዎም እዩ፡፡

5. ሓደ ሰራሕተኛ ካብ ካልኦት ብዝላዓለ ብርኪ ውፅኢታዊ እንትኾን ካብ መንግስቲ ኮነ ካብ ቤት ፅዮኡ ዝወሃቦ መተባብዒ __________ይብሃል፡፡

IV. *ስዒቦም ንዝርከቡ ሕቶታት መማራፂ መልሲ ተዋሂቦም ኣለዉ፡፡ መልሲ እዩ እትብልዎ ብምሕራይ መልሱ፡፡*

1. ካብዞም ቀፂሎም ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት ንሓደ በዓል ሙያ ኣድላዪ ዝኾነ፡-
   - ሀ. ሙይኡን ስልጣኑን መሰረት ብምግባር ንባዕሉ ምጥቃም
   - ለ. ኣብ ስራሕቲ ቤት ፅሕፈት ጥራሕ ምውፋር
   - ሐ. ብቕዓትን ስነ-ምግባርን ሙያ ምዕጣቕ
   - መ. ስራሕ ምምራፅ

2. ንልምዓት ሃገርን ንዕብየት ኢኮኖሚን ዓንቀፍቲ ካብ ሞንጎ ዝኾኑ፡-
   - ሀ. ክይሰራሕኻ ምንባር
   - ለ. ልመና ከም ፍልፍል እቶት ምውሳድ
   - ሐ. ግቡእ ኣጠቃቕማ ግዘ ዘይምህላው
   - መ. ኩሎም መልሲታት እዮም

3. ካብዞም ቀፂሎም ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት ብዛዕባ ፌዴራሊ ምጣነሃፍቲ ተንከፍ መሰላት ሓቂ ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ዜጋታት ኣብ ዝኾነ ይኹን ምንቅስቃስ ምጣነሃፍቲ ንኸሳተፉ ኩነታት ምምችቻው

   ለ. ስራሕ ንዘይብሎም ስራሕ ንምፍጣር ዘኽእል ፖሊሲ ምውፃእ

   ሐ. ንኩሉ ኢትዮጵያዊ ስርሑን ሙይኡን ምምራፅ ዘኽእሎ መሰል ምሃብ

   መ. ዜጋታት ኣብ ስራሕ መንግስቲ ጥራሕ ጠመተ ክህቡ ምግባር

4. ህርኩት ባህሊ ስራሕ ምህናፅ ዘይጥምቶ ነጥቢ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ከይሰራሕካ ናይ ካልኦት ተፀባይ ከይንካ ምንባር

   ለ. ብፅሒት ስራሕ ምውፃእን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ባህሊ ምዕባይን

   ሐ. ዓማዊል ብግቡእ ተቐቢልካ ናይ ምትእንጋድ ብቕዓት

   መ. ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ግብርና ኮነ ምርባሕ እንስሳ ብማዕረ ክሳተፉ ምግባር

5. ካብዞም ስዒቦም ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት ብዛዕባ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ሓቂ ዝኾነ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ስራሕ ካብ ዝተተለመሉ ብዝተሓተ ግዘ ምውዳእ

   ለ. ስራሕ ዓብይንኣሽተይ ኢልካ ዘይምንዓቕ

   ሐ. ልመናን ከይሰራሕኻ ምብላዕን ምኹናንን ጠንኪርካ ምስራሕን

   መ. ኩሎም መልስታት እዮም፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ህርኩት ባህሊ ስራሕ ከመይ ምምዕባል ይከኣል?
2. ግዘ ብግቡእ ዘይምጥቃም ኣብ ልምዓት ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት እንታይ እዩ?
3. ልመናን እንተይ ሰራሕኻ ምብላዕን ንምትራፍ እንታይ እንታይ ስጉምትታት ክዉሰዱ ኣለዎም ትብሉ?

# ምዕራፍ ሸሞንተ

## ዓርስኻ ምኽኣል

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፡-**
**ነዚ ምዕራፍ እዚ ምስተምሃርኩም፡-**

- ሕማቕ መልክዓት ተፀባይነት ትግንዘቡ፡፡
- ረብሓ ክእለትካ ምፍላጥ ትርድኡ፡፡
- ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ክብሪ ምሃብን ካብ ካልኦት ምምሃርን ንዓርሰ እምነት ዘለዎ ረብሓ ትግንዘቡ፡፡

## 8.1. ባህሊ ዓርሰ ምኽኣል ምዕባይ

### 8.1.1. ተፀባይነት ምውጋድ




*እሊ 8.1 ዓርስኻ ናይ ምክኣል ተግባር*



*ስእሊ 8.2 ፅግዕተኛታት ምዕዋት*

- ካብቶም ክልተ ስእልታት ዓርስኻ ናይ ምኽኣል ፃዕሪ ዝርአ ኣበየናይ እዩ?
- ፅግዕተኛነት ከመይ ይውገድ?

# ቆርበት ብርሕሱ ቆልዓ ብንኡሱ

ወይዘሮ ለተብርሃንን ኣይተ ሓለፎምን ኣብ መቐበሊ ጋሻ (ሳሎን) ከፍ ኢሎም ሻሂ እናሰተዩ ዜና ይሰምዑ ነይሮም፡፡ ኣይተ ሓለፎም ዝፈልጥዎ ሰብ ሃንደበት ኣብቲ ቴሌቪዥን ርእዮም፡፡“ ለተብርሃን እዚ ሰብ ሃይለ ይበሃል መተዓብይተይ እዩ” ኢሎም፡፡ ሽዑ ንሽዑ እታ መንበቢት ዜና ኣቶ ሃይለ መስርሒ መንበሪ ገዛ ዝሽውን ቦታ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ መንገዲ ንምርካብ ጉቦ ክህብ ከሎ ተታሒዙ፡፡ በዚ ምክንያት እውን ሎሚ ብዝወዓለ መጋባእያ ቅፅዓት ማእሰርትን ገንዘብን ተፈሪድዎ” ኢላ ተዛሪባ፡፡ ኣይተ ሓለፎም ብዝሰምዕዎ ዜና ደንጊዮም፡፡ ካብኡ “ኣየ ሃይለ! ተምሃሮ እንዳሃለና እውን ኣብ ፈተና እዋን ኽነቕድሖ ባኒ፣ ከረሜላ ፣ ደፍተርን እርስሳን የምፀኣልና ነይሩ በሉ፡፡

ለካ “ቆርበት ብርሕሱ ቆልዓ ብንኡሱ “ዝበሃል ነዚ እዩ ኢለን ወይዘሮ ለተብርሃን፡፡ “ንሱስ ልክዕ ኢኺ ግን ንሕና እውን ኣዕርኽቱ እንተኾንና ካብ ነቕድሖ ግደፍ ዓርስካ ኽኣል፣ እቲ ፅግዕተኛነት ይትረፍካ ክንብሎ ነይሩና” በሉ ኣይተ ሓለፎም ብምትካዝ፡፡

ኣብዚ እዋን ወይዘሮ ለተብርሃን ሕርቕ ኢለን ”ንስኻትኩምስ እንተትኾኑ ደንቢ ቤት ትምህርቲ ጥሒስኩም ባኒ፣ ከረሜላ፣ ቢሮን ደፍተርን እናተቀበልኩም ተቕድሕዎ ነይርኩም እንዲኹም፡፡ እሞ ንስካትኩም እውን ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ መንገዲ ረብሓ ረኺብኩም ኢኹም፡፡ ጉቦ በሊዕኹም ኢኹም፡፡ ስለዚ ንስኻትኩም'ውን ፅግዕተኛታት ኢኮኖሚ ኢኹም” በለኦም፡፡



## መልመዲ - 1

***ኣብቲ ዝቐረበ ታሪኽ ተደሪኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ወይዘሮ ለተብርሃን “ቆርበት ብርሕሱ ቆልዓ ብንኡሱ” ዝበለኦ ኣብነታዊ ኣዘራርባ ብመሰረት እቲ ታሪኽ ግለፁ፡፡
2. ኣይተ ሓለፎምን ኣይተ ሃይለን ኣብ እዋን ቁልዕነቶም ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝፈፀምዎ ዓይነት መነወሪ ተግባር ሎሚ ንዓኻትኩም እንተደኣ ኣጋጢምኩም እንታይ ትገብሩ?



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ኣብ ሰለስተ ጉጅለ ተኸፊሎ፡፡ ካብኡ በብጉጅለኹም እትፍፅምዎም ቀፂሎም ዘለዉ ተግባራት ሓዙ፡፡ ቀፂልኩም ብመምህርኩም ኣቢልኩም ኣብ ቀረባኹም ናብ ዝርከብ ቢሮ ማሕበራዊ ጉዳይ ኪዱ፡፡ ኣብኡውን ንሰብ ሙያታት ቃለ መሕትት ኣካይዱ፡፡ በዚ ኣካይዳ ዝኣከብክምዎ ሓበሬታ ኣብ ክፍሊ ተመያየጥሉ፡፡

ጉጅለሓደ፡- ማሕበራውን ምጣነ-ሃፍታውን ፅግዕተኛነት ዝግለፀሎም ባህርያት ብዝርዝር ፅሒፉ የቕርብ፡፡

ጉጅለ ክልተ፡- እዚ ሕማቕ ባህርይ ዘለዎም ሰባት ኣብ ሕብረተሰብ ዘብፅሕዎ ጉድኣት ብዝርዝር ፅሒፉ የቕርብ፡፡

ጉጅለ ሰለስተ፡- እዚ ሕማቕ ባህርይ ዘለዎም ሰባት ዘጋጥሞም ፀገምን ጉድኣትን ብዝርዝር ፅሒፉ የቕርብ፡፡

ፅግዕተኛነት ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዕድመ ዘሎ ሰብ ብዓቕሙ ክሰርሖ ዝኽእልን ንባዕሉ ዘድልዩ ነገራትን ብኻልኦት ክስርሕሉ ምድላይን እዩ፡፡ ብፍላይ ቀፃላይ መንነትና ዝቕረፅ ካብ እዋን ቁልዕነትና ኣትሒዙ ስለዝኾነ ኣብ ገዛናን ኣብ ቤት ትምህርትናን እነሕልፎ ግዘ ብጥንቃቐ ክንጥቀም ይግባእ፡፡ ኣብ እዋን ቁልዕነትና ብዓቕምና ክንሰርሖ እንኽእል ከይሰራሕና እንድሕር ተሪፍና ምስዓብና እዚ ባህርይና ሓቢሩ ይዓቢ'ሞ ንሕማቕ ውድቀት የብፅሓና፡፡

ስለዚ ፅግዕተኛነት ብዓርስና ተኣማሚንና ዓርስና ንኽንመርሕ ዕንቅፋት ስለዝኾነና ብዓቕምና ክንሰርሖ እንኽእል ንምስራሕ ፃዕሪ ብምግባር ክነውግዶ ይግባእ፡፡



## መልመዲ - 2

**ስዒቡ ዘሎ ሕቶ መልሱ።**

1. ኣብ ገዛን ቤት ትምህርትን ብዓቕምና ክንፍፅሞም እንኽእል ስራሕቲ እንታይ እንታይ እዮም? እዞም ስራሕቲ ብዘይምስራሕ ፅግዕተኛነት ከመይ ይግለፅ?

## 8.1.2 ፅግዕተኛነትን ዘይሕጋዊ ንግድን (ኮንትሮባንድን )





ስእሊ 8.3 ጉቦ ኣፀያፊ ተግባር እንትኾን ዘይሕጋዊ ነጋዶውን ካብ ሕጊ አየምለጡን

- ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ንግዲ /ኮንተሮባንድ /ካብቲ ስእሊ ዝተገንዘብኩምኩ ግለፁ፡፡

## ውፅኢት ኣልቦ

ማሞ ብኮንትሮባንድ ዝነግድ ናይቲ ከባቢ ሰብ ኩሉ ይፈልጥ እዩ፡፡ እቶም ዝሸጦም ኣቑሑ ኩሎም ሕግን ደንብን ጥሒሶም ስለዝኣትዉ ቀረፅን ታክስን ኣይኸፈሎምን፡፡ ፍቓድ ንግዲ ኣውፂኡ ብሕጋዊ መንገዲ ስለዘይነግድ ግብሪ ኣይኸፍልን እዩ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ እቶም ዝሸጦም ኣቑሑ ናብ ዓዲ ክኣትዉ ከለዉ ፅርየቶም ብተቆፃፃሪ

ብዓል ስልጣን ስለዘይፍተሸ ፅርየቶም ትሑት እዩ፡፡ ኮይኑ ግን እቶም ጎረባብቱ ብዛዕባ ጎዳእነት ኮንትሮባንድ ዘለዎም ግንዛበ ትሑት ብምኳኑ ኣቑሑ ብዝነኣሰ ዋጋ ንምግዛእ ናብ ናይ ማሞ ድንኳን ይኸዱ እዮም፡፡

ማሞ ብኸምዚ ዓይነት ኩነታት እናዋኸቦ እንትነብር ካብቶም ጎረባብቱ ሓደ ዝኾነ ብርሃነ ዝብሃል ሰብ ይከታተሎ ነይሩ፡፡ ብርሃነ ዓድና ድኻን ንድሕሪት ዝተረፈትን ምኳና ዘሕስቦ ሰብ ነይሩ፡፡ ስለዚ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾነ ስራሕቲ ይፀልእ እዩ፡፡ የቃልዕ እውን ነይሩ፡፡ ንማሞ እውን ኣቃሊዑ ናብ ሕጊ ንምቕራብ ስለዝሓሰበ ብዙሕ ግዘ ኣቑሑ ዝገዝእ እንዳመሰለ ናብቲ ሹቕ ብምኳድ ይዕዘብ ነይሩ፡፡

ሓደ መዓልቲ ማሞ ብስልኪ እንዳውገዐ ኣብ ፅዕነት መኪና ዝተፅዓኑ ኣቑሑ ኮንትሮባንድ ናብ ውሽጢ ዓዲ እናኣተዉ ምኳኖም ይሰምዕ፡፡ ብርሃነ ሹዑ ንሽዑ ንፖሊስ ኣፍሊጡ፡፡ እቶም ኣቑሑ ድማ ኢድ ብኢድ ተታሒዞም፡፡ ገዝኡ ምስተፈተሸ ድማ ብዙሕ ገንዘብ ዘውፅኡ ኣቑሑ ኮንትሮባንድ ስለዝተረኸቡ ተወረሰ፡፡ ንብዙሕ ዓመታት እናኣከቦ ዝፀንሐ ገንዘብ ብሓደ ሻዕ ስኢንዎ፡፡

ካብኡ ንላዕሊ እውን ናይ ሽውዓተ ዓመት ቅፅዓት ማእሰርቲ ተፈሪድዎ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣትዩ፡፡ ኣይተ ብርሃነ ንምክልኻል ኮንትሮባንድ ዝገበሮ ፃዕሪ ዜግነታዊ ግቡእ ካብምፍፃሙ ብተወሳኺ ኣብ ሕጊ ዝተደንገገ ንዝሃቦ ሓበሬታ ኣበል ገንዘብ ክረክብ ኪኢሉ፡፡



## መልመዲ - 3

***ኣብቲ ዝቐረበ ምንባብ ተደሪኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ካብ ታሪኽ ማሞ እንታይ ተማሂርኩም?
2. ንግዲ ኮንትሮባንድ ውፅኢት ኣልቦ ንምንታይ ተባሂሉ?
3. ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ መሰረት ብምግባር ኣብ ክፍልኹም ተዋስኡ ኣዳሊኹም ኣርእዩ ኣብ መወዳእታ ድማ ብሓባር ተመያየጡ፡፡

ኮንትሮባንድ ዕብየትን ቅሳነትን ሓንቲ ሃገር ዘማዛብል ገበን እዩ። እዚ ተግባር ገበን ምጣነ ሃፍታዊ ዓቕሚ መንግስቲ ብምድኻም ልምዓት ናይ ምዕንቃፍ ዓብይ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ኣለዎ። ኣቑሑ ብምስጢር ዶብ ኣዝሊልካ ብምውፃእን ብምእታውን ሃገርና ካብ ወፃእን ካብ ኣታውን ኣቑሑ ክትረኽቦ ዝግባእ እቶት የስእና። ንግዲ ኮንትሮባንድ ዘይምርግጋእ ዕዳጋ ብምፍጣር ንሕጋዊ ነጋደ ንውድቀት የብፅሕ። ብንግዲ ኮንትሮባንድ መሳርሕታት ኣፅዋር ዶብ ጥሒሶም ብምስጢር ናብ ውሽጢ ሃገር ይኣትዉ። ካብኡ ብሕጊ ተመዝጊቦም ፍቓድ ናይ ዘይተውሃቦም ውልቀሰባት ትሕዝቶ ኮይኖም ንግልጋሎት ራዕድን ስርቅን ይውዕሉ። በተግባር ራዕዲ እቲ ህዝቢ ብዝቐሰነ መንፈስ ብሰላም ሰሪሑ ከይነብር ይገብሮ። ህይወት ንስኽፍታ፣ ስግኣትን ሓደጋን የቃልዕ። ካብዚ ሓሊፉ ራዕዲ ኣብ ጥዕናን ማሕበራዊ ህይወትን እውን ብዙሓት ፀገማት የብፅሕ።



## መልመዲ - 4

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።***

1. ንግዲ ኮንትሮባንድ ንሰላም ማሕበራዊ ሂወትን ጥዕናን ጎዳኢ እዩ ዝበሃል ብምንታይ ምክንያት እዩ?
2. ንስኻትኩምከ ኣብ ንግዲ ኮንትሮባንድ ዝተዋፈሩ ሰባት እንተጋጢመምኹም እንታይ ትገብሩ?

## 8.2 ንዝበለፀ ውፅኢት ስራሕ ክብሪ ምሃብ



ስእሊ 8.4 ብዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ተሸለምቲ ሃርበኛታት




ስእሊ 8.5 ተሸለምቲ ሃርበኛ ልምዓት

- ኣብቲ ስእሊ ዘለዉ ሰባት ምስረአኹም ካብ እትፈልጥዎም ሰባት ብእተፈላለየ ሙያ ኸልማት ዝረኸቡ እንተሃልዮም ስሞም እንዳፀዋዕኹም ግለፁ፡፡

## ምስ ወይዘሮ ኤልሳቤጥ ሓጎስ ዝተገበረ ቃለ መሕትት

ወይዘሮ ኤልሳቤጥ ሓጎስ ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ነባሪት ዝኾና እዶ ክልተ ቆልዑ እንትኾና ብብርኪ ጣቢያ ዘጣየኸኦ ማሕበር ኣዶ መንበር እየን፡፡ ንዝለዓለ ስራሕ ተሸላሚት'ውን ኮይነን እየን፡፡



*ስእሊ 8.6 ሓርበኛ ልምዓት ወ/ሮ ኤልሳቤጥ ሓጎስ*

ሕቶ - ንሽልማት ዝበቓዕኽን እንታይ ስለዝገበርክን እዩ?

ወይዘሮ ኤልሳቤጥ - ቅድሚ ሕዚ ሓረስቶት ደቂኣንስትዮ ክልተ ኣውላዕሎ ብልፍንቲ እንተዘይኮይኑ ተወዲበን ኣብ ስራሕ ሕርሻ ብምዉፋር ከስቢ ዝረኽባሉን ዝጥቀማሉን ኩነታት ኣይነበረን፡፡ መብዛሕትአን ኣብ ሰብኡተን ፅግዕተኛታት እየን፡፡ ንሽልማት ዘብቅዓኒ ዓብይ ነገር ናይዘን ደቂ ኣንስትዮ እዚኣን ኢኮኖሚያዊ ዓቕሚ ንምሕያልን ዓርሰ እምነት ንኽማዕብላ ንምግባር ብማሕበር ብምውዳበይ እዩ፡፡

ሕቶ - እቲ ማሕበር ንምጥያሽ እንታይ ኣለዓዒሉክን?

ወይዘሮ ኤልሳቤጥ- ኣነ እቲ ማሕበር ቅድሚ ምጥያሸይ ንባዕለይ ፅቡቕ ምንቕስቓስ እገብር ነይረ፡፡ ሰራሕተኛታት ልምዓት ጣቢያ ብዙሕ ኣምሂሮሙኒ እዮም፡፡ ብዛዕባ ተኽልታት ገደና ምርባሕ ደርሁን ዝተፈላለዩ ናይ ግብርና ኤክስቴንሽን ፓኬጃትን ካብ ኣቶም ብዙሕ ተማሂረ እየ፡፡ ኮይኑ ግን ኣብ ከባብየይ ዘለዋ ደቂኣንስትዮ እዚ ፍልጠት ኣይነበረንን፡፡ ሰሪሐን እንዳተረብሓ ኣይኮናን፡፡ ስለዝኾነ ንኣኣተን ወዲበ ብሓባር ምንቕስቓስ እንተገይርና ፅቡቕ ውፅኢት ከምንረክብ ተኣማሚነ፡፡ እዚ ሓሳብ ኣብ ኣእምሮይ እንዳሃለወ ሓደ እዋን ናብ ክልል ዓፋር ናይ ምኻድ ዕድል ገጢሙኒ፡፡ ኣብ ክልል ኣፋር ማሕበር ልምዓት ኣርቢሖም ሓደርቲ ኢትዮጵያ ዝተብሃለ መንግስታዊ ዘይኮነ ትካል ደቂ ኣንስትዮ ወዲቡ ከፍቲ ዝህብ ምዃኑ ፈሊጠ፡፡ ካብኡውን እቲ ማሕበር ኣዘራሪበ 10 ኣፅሩሕን 4 ተፊናትን ሂቦሙኒ፡፡ ካብኡ እዞም ኣፅሩሕን ተፊናትን ሒዘ መፂአ ንደቂ ኣንስትዮ ኣከፋፊለ፡፡

ሕቶ - እቲ ማሕበር ንምጥያሽ እንታይ እንታይ ፀገማት ኣጋጢሙወን? ከመይ ከ ተዋፂአንኦ?

ወይዘሮ ኤልሳቤጥ -እቲ ስራሕ ንምጅማር ብዙሓት ፀገማት በፂሖሙኒ እዮም፡፡ ንሳ ደቂ ኣንስትዮ ናብ ደገ ኣውፂአ ክትፅይቐልና እያ እናበሉታ ኣባጨዮምለይ እዮም፡፡ በዓልገዛይ እውን ሕጉስ ኣይነበረን፡፡ ንምውዳብ ዝመዝገብኩወን ኣንስቲ እውን ሰብኡትና ክኹሩይልና እዮም ኢለን ምሳይ ንምስራሕ ድልዋት ኣይነበራን፡፡ ድሓር ማሕበር ልምዓት ኣርቢሖም ሓደርቲ ኢትዮጵያ ዝተብሃለ ትካል ዝሃበኒ ዓርሕን ተፊንን ምስ ኣከፋፊልኩወን ዕላማይ ሓበራዊ ልምዓት ምዃኑ ተረዲአን ኣባይ ዝነበረን ሕማቕ ኣረኣእያ ተለዊጡ፡፡ በዚ እውን ኣብ ማሕበር ምውዳብ ረብሓ ከምዘለዎ ተረዲአን፡፡



## መልመዲ - 5

***ብመሰረት ምንባበ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።***

1. ወይዘሮ ኤልሳቤጥ ሓጎስ ንሽልማት ዘብቅዕወን ስራሕቲ እንታይ እንታይ እዮም?
2. ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ትምህርቲ ዓብይ ግደ ዘለዎ ምኻኑ ወ/ሮ ኤልሳቤጥ ከመይ ከምዝገለፅኦ ኣረድኡ፡፡
3. መንግስቲ ንወ/ሮ ኤልሳቤጥ ንምብርትታዕን ካልኦት ከም መርኣያ ንክወስድኣንን እንታይ እንታይ ስጉምቲ ወሲዱ?
4. ወይዘሮ ኤልሳቤጥ እንተትኾኑ እቲ ሽልማት እንታይ ዓይነት ስምዒት መሕደረልኩም ?

ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ መሰረቱ ኣብ ዝተዋፈርናሉ ዓይነት ስራሕ ዝህልወና ንጥፈት'ዩ፡፡ እቲ እንሰርሖ ስራሕ ንምንታይ ከምንሰርሖ እንተፈሊጥና፣ከመይ እንተስሪሕናዮ ዝበለፀ ውፅኢት ከምንረኽበሉ ተማራሚርና እንድሕር በፂሕናሉ፣ ካብ ካልኦት ተሞክሮ እንድሕር ወሲድና፣ ከምኡውን ተማሂርና ፍልጠትና እንድሕር ኣማዕቢልና ውፅኢት ስራሕና ዝለዓለ ይኸውን፡፡

ብኻሊእ መዳይ ድማ ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ኣብ ውሽጡ መንፈስ ንሕንሕ ዝሓዘ እዩ፡፡ እዚ ካብ ካልኦት ዝሓሸ ኮይንካ ምርካብን ብውፅኢት ስራሕ ንባዕልኻን ንስድራኻን ንሃገርካን ምጥቃም ዝሓወሰ እዩ፡፡ ንኣብነት ታሪኽ ወይዘሮ ኤልሳቤጥ እንተስተውዒልና ፍልጠተንን ክእለተንን ብምምዕባል ተሞክሮ ካልኦት ብምውሳድ፣ ከምኡውን ነጢፈን ብምስራሕ መነባበሮአን ኣመሓይሸን እየን፡፡ ካብዚ ንላዕሊ ኣብ ከባቢኦን ዝነብራ ኣንስቲ ብማሕበር ብምውዳብ መነባብሮአን ክመሓየሽ ምግባር ክኢለን እየን፡፡

ከምኡውን ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ክብሪ ምሃብ፣ ንተግባራዊ ፍፃመታትን ውፅኢትን ካልኦት ሰባት ኣፍልጦ፣ ክብርን ናእዳን ምሃብ ከምዝግባእ የርኢ፡፡ ንስራሕቲ ሰባት ክብሪ ምሃብ ስልጡን ናይ ምኻን ምልክት ጥራሕ ከይኮነስ ውፅኢታዊ ዝኾኑ ሰባት ክበረታትዑን ዝበለፀ ክሰርሑን ይሕግዞም፡፡ ሰባት ኣብሊፆም ብዝሰርሑ መጠን ድማ ዕብየት ሃገር ይሳለጥ፡፡



## መልመዲ - 6

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ***

1. ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ንምምፃእ እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም?
2. ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ኣብ ውሽጡ ከመይ ኢሉ መንፈስ ንሕንሕ ይሀልዎ? ኣብርሁ፡፡

# 8.3 ዓርሰ እምነት

### 8.3.1 ዓርሰ እምነት ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ንምብቃዕ ዘለዎ ወሳኒ ግደ፣

- ዓርሰ እምነት ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ከመይ የብቅዕ?

## ራእይ ዘለዎም ሰብ ሓዳር

ኣይተ ሙሉኣለም ብርሃነ ኣብ ክልል ኣምሓራ ኣብ ጎጃም ተወሊዶም፡፡ እስካብ 12 ክፍሊ ስሩዕ ትምህርቲ ተማሂሮም እዮም፡፡ ኣይተ ሙሉ ኣለም ኣብ 1967 ዓመተ ምህረት ዝነበረ ወፍሪ "ዕድገት በሕብረት የዕውቀትና የስራ ዘመቻ" ተባሂሉ ዝፍለጥ ተኻፋሊ ነይሮም፡፡ ሃገራዊ ፈተና 12 ክፍሊ ወሲዶም ዝድለ ውፅኢት ኣይረኸቡን፡፡ ኣብቲ እዋን ብዝበፅሖም ፀገም ከይተዳናገፁ ብዝነበሮም ዓቕሚ ፍልጠትን ገንዘብን እንታይ ክሰርሑ ከምዝኽእሉ ገምጊሞም፡፡ ኣብቲ እዋን ካብ ስድርኦም ዝተምሃርዎ ፍልጠት ሙያ ግብርና ነይርዎም፡፡ እዚ ፍልጠቶም ብዝረኸብዎ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣራጕዶም እንተሰሪሖም ፅቡቕ ውፅኢት ከምፅኡ ከምዝክእሉ ተገንዚቦም፡፡ ኣብ ገፀር ዝነበሩ ስድረኦም ካብ ዝተፈላለዩ ድሑራት ኣተሓሳስባታት ንምንጋፍን ስርዓት ኣመጋግባኦም ንምቕያርን ከምዝኽእሉ ኣሚኖም፡፡ ኣብቲ እዋን በዚ ውሳነኦም ዝፈልጥዎም ሰባት ሙሁር ኣብ ከተማ ስራሕ ቢሮ ይሰርሕ እምበር ከመይ ገይሩ ሓረስታይ ይኸውን ኢሎም ሓምየምዎም፡፡ ኣይተ ሙሉኣለም ድማ ብቅዋሞም ፀኒዖም ስራሕ ማሕረስ ቀፀሉ፡፡ ፅንሕ

ኢሎም እውን 12 ክፍሊ ወዲኣን ኣብ ገፀር ምስ ወለደን ይነብራ ምስ ዝነበራ ምስ ወይዘሮ ውብኣለም መንግስቱ ሓዳር ኣጣይሾም፡፡

ኣይተ ሙሉኣለምን ወይዘሮ ውብኣለምን ካብ ፈለማ ኣንፈቶም ገምጊሞም ምስራሕ ኣብ ዝኽእልዎም ስራሕቲ ባዕላቶም ተኣማሚኖም ስለዝተልዓሉ ብስራሕቶም ውፅኢታዊ ኮይኖም፡፡ ንባዕሎም፣ ንስድርኦምን ንከባቢኦምን ካብኡ ሓሊፉ ንሃገሮም ዝሰዓበ ረብሓ ዘለዎ ስራሕቲ ብምፍፃሞም ዝተፈላለዩ ሽልማታት ረኺቦም፡፡ ብፍላይ ድማ ኣብ 1997 ዓመተ ምህረት ብዝተገበረ ሓምለዋይ ወፍሪ ብሃገርለኸ ሽልማት 3ይ ብርኪ ንምቕባል ኪኢሎም እዮም፡፡ ሕዚ እውን በብእዋኑ ዓቕሞም ብምምሕያሽ ዝበለፀ ስራሕቲ እንዳሰርሑ ይርከቡ፡፡



## መልመዲ - 7

***ኣብቲ ዝቐረበ ምንባብ ተደሪኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣይተ ሙሉኣለምን ወይዘሮ ውብኣለምን ዓርሰ እምነት ክህልዎም ዝገበሮም እንታይ እዩ?
2. ኣይተ ሙሉ ኣለምን ወይዘሮ ውብኣለምን ናብ ሃገረሰብ ንምኻድ ዝኣተውዎ ውሳነ ብዝግባእ ዝተሓሰበሉ ድዩ? ከመይ? ምኽንያት ብምሃብ ኣብርሁ፡፡

ባህርይ ዓርሰ እምነት ክንውለድ ከለና ብተፈጥሮ ሒዝናዮ እንመፅእ መፍለይና ኣይኮነን፡፡ እኳድኣስ ምስተወለድና ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት እነጥርዮ ባህርይና እዩ፡፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ካብ ዝውለድ ኣትሒዙ ምስ ስድርኡን ምስ ከባቢኡን ካብ ዝህልዎ ርክብ ከምኡውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ብዝረኸቦ ስሩዕ ትምህርቲ ፍልጠት ይዕጠቕ፡፡ ብፍልጠቱ ምስራሕ ዝኽእሎምን ዘይኽእሎምን ነገራት ኣለው፡ ፡ ኣካላዊ ጥንካረውን ከምኡ ኣብ ከይዲ ሂወት እንዳተለዋወጠ ዝኸይድ መግለፂ ዓርሰ እምነት እዩ፡፡ ስለዚ ስምዒት ዓርሰ እምነት ሓደ ሰብ እዞም ዓቕምታትን ክእለታትን ፈሊኻ ካብ ምፍላጥ ዝፍልፍል እዩ፡፡ ጥንኩር ጎድኒ ብምጉልባት ድኹም ጎድኒ ከኣ ብምምሕያሽ ስምዒት ዓርሰ እምነት ምዕባይ ይከኣል እዩ፡፡



## መልመዲ - 8

**ሓብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ባህርይ ዓርሰ እምነት ከመይ ይምዕብል?
2. ዓርሰ እምነት ዘለዎ እንታይ እንታይ ባህርያት ኣለውዎ?

## 8.3.2 ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ካልኦት ብግልፅን ብግቡእን ብምትእንጋድ ኣረኣእያኻን እምነትካን ብፅንዓት ምስጓም

- ኣረኣእያኻ ብፅንዓት ምስጓም እንታይ ማለት እዩ?

ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ካሊእ ሰብ ብግልፅን ብግቡእን ብምትእንጋድ ናይ ባዕልካ ኣረኣእያን እምነትን ብፅንዓት ምስጓም ካብ ስምዒት ዓርሰ እምነት ይፍልፍል፡፡ እዚ መሰረታዊ ዝኾነ ባዕልኻ ናይ ምፍላጥ ክይዲ ኣብ ውፅኢታውነት ሂወት ወሳኒ ግደ ኣለዎ፡፡ ነዚ'ውን ምኽንያቱ ፀገም ብዙሓት ሰባት ዓቕሞም ፈልዮም ካብ ዘይምፍላጥ ዝተልዓለ እዩ፡፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ካብ ስሩዕ ትምህርቲ ምስካልኦት ኣብዘለዎ ርክብ፣ ወይ ብልምዲ ዘጥረዮ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ክእለት ኣለዎ፡፡ እዚ ፈቲሹ ክፈልጥ እንተኽኢሉ ኣብ ዓርሱ ንኽተኣማመን ዘኽእሎ ዓቕሚ ይህልዎ፡፡ ኣብ ዓርሱ ዝተኣማመን ሰብ ከዓ ድኽመታቱን ሕፀረታቱን ስለዝፈልጦም ነዞም ድኽመታት ንምምሕያሽ ይፅዕር፡፡ ብዘለዎ ስምዒት ዓርሰ እምነት ድማ ስምዒት ታሕተዋይነት ስለዘይሓድሮ ግልፂ ናይ ምዃን ዓቕሚ ዝተዓደለ እዩ፡፡

ብኻሊእ መዳይ ድምር ውፅኢት እዞም ክእለታት እዚኦም ሚዛናውነት የስዕብ፡፡ ሚዛናውነት ብምኽንያት ዓርሰ እምነት ዝፍጠር መርኣያ ሰላማዊ ርክብን ምርድዳእን እዩ፡፡ ዓርሰ እምነት እንድሕር ኣጥሪና ምስ ካልኦት ንምርድዳእ ዓብይ ዕንቅፋት ዝኾነና ስምዒት ላዕለዋይነትን ስምዒት ታሕተዋይነትን ከምኡውን ነቐፌታ ናይ ምፍራሕ ስግኣት ምእላይ ንኽእል ኢና፡፡ ምክንያቱ ኣረኣእያ ካልእ ሰብ ንምኽባርን ናይባዕልና ኣረኣእያ ንምምዕባልን እንኽእል ኣብ ዓረስና እንተኣማመን ሰባት እንትንኾን እዩ፡፡

ኣረኣእያኻ ንምምዕባልን ብፅንዓት ንምፍፃምን ኮነ ኣረኣእያ ካልኦት ሰባት ንምድማፅ፣ ሚዛናዊ ኮይንካ ንምቕባልን ንዘይምቅባልን ፈለማ ዓርሰ እምነት ዘለና ዜጋታት ክንኮን ኣለና፡፡ ስምዒት ዓርሰ እምነት ንምምዕባል ትምህርቲ ቀንዲ መሳርሒ እዩ፡፡ ትምህርቲ ፍልጠት የጨብጥ፣ ኣተሓሳስባ የጎልብት፣ ዓርስኻ ንምፍላጥ የክእል እዩ፡፡ ዓርስና ክንፈልጥ ከለና ዓርሰ እምነት ይህልወና፡፡ ዓርሰ እምነት እንትህልወና ሚዛናዊ ንኸውን፣ ሚዛናዊ እንትንኮን ድማ ንካልኦት ከነዳምፅ ካብ ዘዳመፅናዮ ድማ ተረባሕቲ ምዃንን ንኽእል ኢና፡፡ ኣተሓሳስባታትን ኣረኣእያታትን ካልኦት ሰባት ብግቡእ ምድማፅን ምምዝዛንን ከምኡውን ረብሓ ዘለዎ ኮይኑ እንተተረኺቡ ክብሪ ምሃብን ኣብ ተግባር ምውዓልን ግቡእ እዩ፡፡ ብኻሊእ መዳይ ኣተሓሳስባታትን ኣረኣእያታትን ካልኦት ሰባት ሓቂ ኮይኖም እንተዘይተረኺቦም ጌጋ ምዃኖም ብትዕግስቲ ምርዳእን እቲ ሓቂ ዝኾነ ቅዋም ብትረት ንካልኦት ምርዳእን ዘመናዊን ዝሰልጠነን ሰብ ዝገብሮ ተግባር እዩ፡፡



## መልመዲ - 9

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ምስ ሰባት ኣብ ዝህልወና ርክብ ሚዛናዊ ንምዃን ዘኽእለና እንታይ እዩ?
2. ሓደ ሰብ ዓርሰ እምነት ንኽህልዎ ዓቕሙ ክፈልጥ ኣለዎ ዝተብሃለ ንምንታይ እዩ? ተመያየጥሉ፡፡

## መጠቓለሊ

ዓርስኻ ናይ ምኽኣል ባህሊ ምምዕባል ካብ ፅግዕተኛነት ንምንጋፍን ኣብ ዓርስና ናይ ምትእምማን ዓቕምና ንምምዕባልን ንክእል ኢና፡፡ ፅግዕተኛነት ብመንነትና ንኽይንኾርዕ፣ ሓሳባትና ብዘይ ስክፍታ ንኽይንገልፅ ዕንቅፋት እንዳኮነ ዓቕሚ ዓርሰ እምነትና ዝዋትል ፀገም እዩ፡፡

ንግዲ ኮንትሮባንድ እቲ ሓደ ኣተሓሳሰባ ፅግዕተኛነት ስዒቡ ዝመፅእ ሃገርን ህዝብን ዝጎድእ ገበን እዩ፡፡ ስለዝኾነውን ብመንግስትን ሕብረተሰብን ሓበራዊ ፃዕሪ ክንቀል ኣለዎ፡፡

ፅግዕተኛነት ጎዳእነቱ ፈሊጥና ብትረት እንተተኸላኺልናዮን ስምዒት ዓርሰ እምነት፡ እንተማዕቢልናን ንዝለዓለ ውፅኢት ንበቅዕ ኢና፡፡ ኣብ ዓርሱ ዝተኣማመን ሰብ ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ካልኦት ክብሪ ብምሃብ ዝበለፀ ክሰርሖ የበረታትዕ፡፡ ብካሊእ ገፅ ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ካልኦት ብግልፅነትን ብግቡእን ብምትእንጋድ ናይ ባዕልና ኣረኣእያን እምነትን ብፅንዓት ምስጓም ዘመናዊ ኣተሓሳስባ፣ ከምኡውን ኣብ ዓርሱ ዝተኣማመን ሰብ ዝፍፅሞ ተግባር እዩ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ዘይምርግጋእ - ልዕልን ትሕትን ምባል

ኢድ ብኢድ - ሓደ ጥፍኣተኛ ጥፍኣት እናፈፀመ እንዳሃለወ ሽዑንሽዑ ናይ ምሓዝ ኩነታት

መጋባእያ - ክትዕ ፍርዲ ዝካየደሉ መድረኽ

ብይን - ፍርዲ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ሓሳባት ዝሓዝዎ ሓሳብ ልክዕ እንተኾይኑ ‘ሓቂ’ልክዕ እንተዘይኮይኑ ‘ጌጋ’ እናበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ዘርኣዊ ውርሲ እዩ፡፡
2. ባህሊ ዓርስኻ ምኽኣል ውፅኢት ፃዕሪ ነዊሕ እዋን እዩ፡፡
3. ህርኩት ሰብ ፃዕሪ ክገብር ዘለዎ ሽልማት ክሳብ ዝረክብ ጥራሕ እዩ፡፡

4. ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ትምህርቲ ዝህቦ ሓገዝ ትሑት እዩ፡፡
5. ሓሳብ ካልኦት ምትእንጋድ መግለፂ ፅግዕተኛነት እዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ን ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ዝሰማማዕ ካብ "ለ" ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| 1. ፅግዕተኛነት ምውጋድ | ሀ. ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ዝነጥፍ |
| 2. ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ | ለ. ንዝለዓለ ስራሕ ዝወሃብ መበረታትዒ |
| 3. ንሃገር ዝረብሑ ዜጋታት | ሐ. ዓርሰ እምነት የማዕብል |
| 4. ሽልማት | መ. ንዝለዓለ ውፅኢት ምስራሕ |
| | ረ. ብዓቕምኻ ምስራሕ እናተኽኣለ ካሊእ ሰብ ኸሰርሓልካ ምፅባይ |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብዝሰማማዕ ቃል ወይም ሓረግ ምልኡ*

1. ንባዕልኻ ዘድልዩ ነገራት ብናይ ዓርስኻ ዓቕሚ ምስራሕ ____________ እዩ፡፡
2. ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ንዘርአዩ ሰባት ዝወሃብ መበረታትዒ _________ ይበሃል፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብቶም ዝተውሃቡ መማረፂታት እቲ መልሲ እዩ እትብልዎ ምረፁ፡፡*

1. ዓርስኻ ምክኣል
   ሀ. ኣካልካ ብስፖርት ምጥንካር እዩ፡፡
   ለ. ንካልኦት ምእዛዝ እዩ፡፡
   ሐ. ዓቕምኻ ዝፈቐዶ ባዕልኻ ምስራሕ እዩ፡፡
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡
2. ዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ
   ሀ. ሓደ ስራሕ ካልኦት ካብ ዝሰርሕዎ ኣብሊፅካ ምስራሕ እዩ፡፡
   ለ. ኣብ ዝተዋፈርካሉ ዓውደ ስራሕ ንነዊሕ ግዘ ምስራሕ እዩ፡፡
   ሐ. ብልመና ይኹን ብስርቂ ወይ ብምስራሕ ምህፍታም እዩ፡፡
   መ. ሀን ለን መልሲ እዮም፡፡

3. ኣተሓሳስባ ፅግዕተኛነት
   ሀ. ምሳና ዝተወለደን ክሳብ እንመውት ምሳና ዝነብርን ተፈጥሮኣዊ ህያብ'ዩ፡፡
   ለ. ዓርስኻ ብምኽኣል ይጉልብት
   ሐ. ንሃገርን ንወገንን ዝጎድእ እንትኾነ እውን ንውልቀሰባት ዝረብሕ እዩ፡፡
   መ. ውልቀሰብን ሃገርን ይጎድእ፡፡
4. ካብ ካልኦት ንምምሃር ድልዊ ዝኾነ ሰብ
   ሀ. ፅግዕተኛ እዩ
   ለ. ዓርሰ እምነት ዘለዎ ሰብ እዩ፡፡
   ሐ. ንዝለዓለ ውፅኢት ስራሕ ሓጋዚ እዩ፡፡
   መ. ለ እና ሐ መልሲ እዮም፡፡
5. ኣቁሑ ኮንትሮባንድ ናብ ውሽጢ ዓዲ እንትኣትዉ፡፡
   ሀ. መንግስቲ መሰረት ልምዓታት ንምስራሕ ካብ ግብርን ቀረፅን ዝእከቦ ገንዘብ ስለዝስእን ዕንቅፋት ልምዓት እዮም፡፡
   ለ. ዋጋ ኣቁሑ ስለዘረክስ ረብሓ ኣለዎ፡፡
   ሐ. ኣፅዋር ውግእን ሓደገኛ መድሓኒታትን ብሕቡእ ክኣትዉ ስለዝገብር ሰላምን ጥዕናን ህዝቢ ንክትዓናቐፍ ምክንያት ይኾውን፡፡
   መ. ካብ ለ ወፃኢ ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣሕፂርኩም መልሱ፡፡*

1. ዓርስኻ ናይ ምኽኣል ፃዕሪ ኣብ ዝኾነ ይኹን ብርኪ ዕድመ ምጅማር ይከኣል ዶ? ንምንታይ?
2. ብልዑል ውፅኢት ስርሖም ካብ ዝተሸለሙ ሰባት እንታይ ትፅቢት ይግበር?
3. ኮንትሮባንድ ኣብ ምጣነ ሃፍትን ማሕበራዊ ሂወትን ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ትሽዓተ

## ባህሊ ምዕቋር

**ዕላማታት 'ዚ ምዕራፍ:-**

**ነዚ ምዕራፍ 'ዚ ምስተምሃርኩም፣**

- ዝተፈላለዩ ሜላታት ምዕቋር ምህላዎም ትፈልጡ፡፡
- ዓርስኻን ስድራኻን ብዓቕሚ ናይ ምምሕድዳር ኣድላይነት ትርድኡ፡፡
- ብትልሚ ብምምራሕ ባህሊ ምዕቋር ናይ ምምዕባል ኣድላይነት፡፡ ትግንዘቡ፡፡

### 9.1 ዓይነታት ዕቋር

- ምዕቋር ንምንታይ የድሊ?

ዝተረጋገአን ሰላማዊ ዝኾነን መነባብሮ ኣብ ዝማዕበለ ባህሊ ምዕቋር ዝተደረኸ እዩ፡፡ ስለዝኾነውን ሰባት ኣብ ዝኾነ እዋን ብዛዕባ ምዕቋር ዕቡቕ ኣረኣእያ ክህልዎም ይግባእ፡፡ ምዕቋር ማለት ግዘ፣ ጉልበትን ፍልጠትን ተጠቒምካ ጠንኪርካ ብምስራሕ ብዝርከብ እቶት ብግቡእ እንዳተጠቐሙ ንቀፃላይ ናብራ ዝኸውን ንብረት ብገንዘብ ወይ ብካሊእ መንገዲ ምቕማጥ ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ንፅባሕ ቆጢብካ ናይ ምቕማጥ ልምዲ ሎሚ ብግቡእ ኣብ ረብሓ ምስ ዝውዕሉ ወፃኢታት ማዕረ ጠመተ ክወሃቦን ጥንቃቐ ክግበረሉን ይግባእ፡፡ ካብ ዝርከብ እቶት ኣድላይ ንዝኾነ ዋኒን ጥራሕ ኣውፂእኻ ንተቐምጠ ምሕሳብ ምስሳዕ ዝመሰሎም ሰባት ኣለዉ፡፡ እዚ ግና ግጉይ ግንዛበ እዩ፡፡

ብተፃራሪ ምስሳዕን ምዕቋርን ዘመሳሰሉ ሰባት ኣለዉ፡፡ ምስሳዕ ማለት ዘለና ገንዘብ ይኹን ንብረት ኣድላይ ኣብ ዝኾነ እዋን እውን እንተኾነ ኣብ ጥቕሚ ንዘይምውዓል ምድላይ እዩ፡፡ ምዕቋር ድማ ኣድላይ ንዝኾነ ወፃኢታት እንዳተጠቀምካ ዝተረፈ ምቕማጥ እዩ፡፡ ምኽንያታዊ ንዘይኮነ ግና ወፃኢ ንዘይምግባር ቅዋም ምሓዝ እዩ፡፡

ስሱዕ ሰብ ሎሚ እናጠመየ ከቕምጥ ይፍትን፡፡ ስሱዕ ሰብ ናይ ባዕሉ ኣቐሚጡ ናይ ካልኦት'ውን ይጥምት፡፡ ስለዝኾነ ስስዐ ሰናይ ዘይኮነ ባህርይ ሰባት እዩ፡፡ ፅቡቕ ባህሊ ምዕቋር ዝኽተል ሰብ ግና ባዕሉ፣ ስድርኡን ከከምኩነታቱ ድማ ንካልኦት ዝተፀገሙ ሰባት እንተይተረፈ ከምህር ይኽእል፡፡ ንዕለታዊ ናብርኡ ዘድልይዎ መሰረታዊ ነገራት ከየጓደለ፣ እንተይተፀገመ መባኽናይ'ውን ከይኮነ ዓርሱ ክኢሉ ይነብር፡፡

ብዙሓት ሰባት ብዛዕባ ዕቋር እንትዝረብ ዝዕቑር ገንዘብ ጥራሕ ይመስሎም፡፡ እዚ ኣተሓሳስባ'ውን ጌጋ እዩ፡፡ ዝዕቑር ገንዘብ ጥራሕ እንተዝኸውን ነይሩ ብዛዕባ ምዕቋር ምውጋዕ ዘከኣል ምስ ነጋዳይን ሃፍታምን ጥራሕ ምኾነ ነይሩ፡፡ ኮይኑ ግና ኣምር ዕቋር ካብዚ እውን ዝገፍሐ እዩ፡፡ ሰለስተ ዓይነታት ዕቋር ኣለዉ፡፡ ብዓይነት ዝግበር ዕቋር፣ ብገንዘብ ዝግበር ዕቋርን ኣጠቓቕማ ግቡእ ግዘን ዝበሃሉ እዮም፡፡



## መልመዲ - 1

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ስሰዐን ምዕቋርን ሓደ ዓይነት ድዮም ወይስ ኣይኮኑን? ንምንታይ?
2. ንቐፃላይ ናብራ ዘገልግል ንብረት ከመይ ምዕቋር ይከኣል?

### 9.1.1. ብዓይነት ዝግበር ምዕቋር፣

- ብዓይነት ዝግበር ምዕቋር እንታይ ዓይነት እዩ?

## ሓወልቲ ዝኽሪ፤

ወይዘሮ ካሕሳ ሰለስተ ቆልዑ ወሊደን እየን፡፡ ሰለስቲኦም ደቀን ህርኩታትን ለባማትን ስለዝኾኑ ብነበርቲ እቲ ከባቢ ኣዝዮም ኑኡዳት እዮም፡፡ ንኣብነት ኣብዚ ዓመት እዚ ካብ ዝፈፀሙዎም ተግባራት እቲ ሓደ ከምዚ ይጥቀስ፡፡ ንመፅንዒ ዝኾኖም ክፍሊ ኣብቲ መረባኦም ኣብ ዝርከብ ክፍቲ ቦታ ብዘይ ሓንቲ ገንዘብ

ባዕልቶም ሰሪሖም እዮም፡፡ ንዚውን ዝተጠቐምሉ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት ኣብቲ መረባ ዝተተኸለ ቀላሚጦስ ብምቊራፅን ፍርቂ ብምሻጥን እዩ፡፡ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት እቲ ቀላሚጦስ ዝተኸልዎ እዚ ገዛ ንምስራሕ ተሊሞም ኣይነበረን፡፡ ናይ ሞት ኣቦኣቶም ምኽንያት ብምግባር ንመዘከርታ ዝተኸልዎም እዮም፡፡ "ህዝቢ እቲ ከተማ ኣብ መቓብር ሓውልቲ እምኒ እንትነድቕ ንሰምዕ ኢና፡፡ ንሕና ንምንታይ ንኣቦና ዝኸሪ ፈልሲ ኣይንተክልን" ብዝብል ሓሳብ ዝገበርዎ ነይሩ፡፡ ፈልሲ ቀላሚጦስ ንኸተኽሉ ምኽሪ ዝሃብኦም ድማ ወላዲቶም ነይረን፡፡



## መልመዲ - 2

***ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ገይርኹም ንዝስዕብ ሕቶ መልሱ፡፡***

1. ኣብ ከባቢኹም ከም ደቂ ወይዘሮ ካሕሳ እንታይ ዓይነት ቀዋሚ ንብረት ክትሃንፁ ትኽእሉ?

ብዓይነት ዝግበር ዕቋር ብገንዘብ ከይኮነ ብቀወምቲ ንብረት ዝግለፅ እዩ፡፡ ንኣብነት ብዓይነት ዝግበር ዕቋር ክቡራት ኣቑሑ ገዚእኻ ምቕማጥ፣ ምርባሕ እንስሳትን ምፅዳቕ ተኽልታትን ይሓውስ፡፡ ገዛ ምስራሕ፣ ንብዙሓት ዓመታት ፍሪያት ዝህቡ ከም ቡንን ኣራንሽን ዝመሳሰሉ ተኽልታት ምትካል ኣብነት ብዓይነት ዝግበር ምዕቋር እዮም፡፡

ብዓይነት ዝግበር ሜላ ምዕቋር ኣብ ዝኾነ ብርኪ ናብራ ዝርከቡ ሰባት ክክተልዎ ዝግባእ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ሓደ ሓደ ከባብታት ገፀር ዝነበሩ ስድራታት ደቆም ዕቋርን ኣጠቓቕማ ንብረትን ንኸለማምዱ ዝፍትኑ ካብ ቁልዕነት ዕድሚኦም ኣትሒዞም እዮም፡፡ ኣምራኹትን ጨቓውትን ብውህብቶ መልክዕ ብምሃብ ደቆም እናተኸናኸኑን እናሓለዉን ናይ ባዕላቶም ንብረት የፅንሑ፡፡ እቶም እንስሳት እናተራብሑ እንትበዝሑ እቶም ቆልዑ እውን ብዝዓበዩ መጠን ስምዒት ሓጎስን ዋንነት እናሓደሮም ይኸይድ፡፡ በዚ ኩነታት ካብ ወለዶም ዝረከብዎ ውርሲ ብምሕላው ኣብ ዕድመ ንእሰና እንትበፅሑ ካብ ወለዶም ብዝተምሃርዎ መሰረት ናይ ባዕላቶም ሜላ ምዕቋር የማዕብሉ፡፡

ኣብ ከባቢ ከተማታት ዝነበሩ ሰባት ንብረቶም ብዓይነት ከመይ ከም ዘቐምጡ እንትንርኢ ብዙሓት ኣብነታት ምጥቃስ ንኽእል ኢና፡፡ ገዛ ምስራሕ፣ መኪና ምግዛእ ገለ ኣብነታት እዮም፡፡



## መልመዲ - 3

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣብ ላዕሊ ብዝቐረበ ምንባብ መሰረት ብዓይነት ናይ ዝግበር ምዕቛር መሰረታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ኣብ ከባቢኹም ብዘይካ ገንዘብ ሰባት ኣብ ዝደለይዎ እዋን ከምፍልፍል እቶት ዝጥቀሙሎም ንብረታት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ንሰባት ሓቲትኩም ወይ ካብ ናይ ባዕልኹም ትዕዝብቲ ብፅሑፍ ንመምህርኩም ኣቕርቡ፡፡

### 9.1.2. ምዕቛር ገንዘብ

"ገንዘብ እንተሎ ብሰማይ እውን መንገዲ ኣሎ፡፡"

"ወርቂ ዝተፅዓነት ዓድጊ ደገኣፍ ኩሉ ይኽፈተላ፡፡"

- እዞም ኣብነታዊ ኣበሃህላታት ብምርዳእ ብዛዕባ ገንዘብ ዘተሓላልፍዎ መልእኽቲ ኣብርሁ፡፡

## ከማልን ዮሴፍን

ዮሴፍን ከማልን ንዝለዓለ ትምህርቲ ካብ ደሴ ናብ ኣዲስ ኣበባ ዝመፁ ቅድሚ ክልተ ዓመት'ዩ ነይሩ፡፡ ከማል ስድርኡ በብወርሒ ዝተወሰነ ገንዘብ ይልእኹሉ ነይሮም፡፡ እዚ ገንዘብ ናውቲ ትምህርቲ ንምዕዳግ፣ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ኣዝማዱ ንምሕታት እንትኸይድ ንመጓዓዓዝያን መዕደጊ ውህብቶን የውዕሎ ነይሩ፡፡ እዚ ኮይኑ ወለዱ ዝልእኽሉ ገንዘብ ብመሉኡ ኣይጥቀመሉን፡፡ እኳድኣስ ናይ ባንኪ ደፍተር ከፊቱ የዓቁር ነይሩ፡፡

ወለዲ ዮሴፍ ከም ወለዲ ከማል ብኢኮኖሚ ዝጠንከሩ ኣይኮኑን፡፡ ስለዝኾነውን ኣብ ዓመት ሓደ ሻዕ ዘድልይዎ ክዳውንትን ናውቲ ትምህርትን ካብ ምግዛእ ሓሊፉ በብወርሑ ዝልእኽሉ ገንዘብ የለን፡፡ ዮሴፍ ግን ገንዘብ ዝደልየሉ ኩነታት ከምዘሎ ይፈልጥ እዩ፡፡ ስለዝኾነውን ሓደ ፅቡቕ ሓሳብ ኣምፀኦ፡፡

ሰዓት ትምህርቲ እንተይተንከፈ ናይ ባዕሉ ፍልፍል እቶት ንምፍጣር እንትሓስብ ሓድ ሓደ ስራሕቲ ረኸበ፡፡ ንተምሃሮ ምሕጋዝ፣ ንጋዜጣታትን መፅሔታትን ዝኾኑ ፅሑፋት ኣዳሊኻ ምሃብ ካብቶም ፍልፍል እቶት ከርክቡ ዝሓሰቦም እዮም፡፡ ይኹን እምበር እዞም ስራሕቲ ዝሰርሖም በዝሒ ትምህርቲ ኣብዘይብሉን እኹል ግዘ ኣብ ዝረኸበሉን ብምዃኑ ወርሓዊ ወይ ሰሙናዊ እቶት የብሉን፡፡ ሓደ እዋን ሰሪሑ ዝረኸቦ ብምቑጣብ ገንዘብ ንምርካብ ኣብ ዘይዋፈረሉ ግዘ ኣተኣኻኺሉ ይጥቀመሉ፡፡

ካብዚ ዝተልዓለ እውን ዮሴፍ ከም ከማል በብእዋኑ ንዘጋግጥምዎ ፀገማት ዝሽፍነሉ ናይ ባዕሉ ገንዘብ ክህልዎ ኪኢሉ እዩ፡፡ ዮሴፍን ከማልን ኣብ መወዳእታ ዓመት ትምህርቶም ወዲኦም ናብ ስድርኦም ንምኻድ ሓገዝ ገንዘብ ኣይደልዩን፡፡ ምኽንያቱ ካብቲ ዝረኸብዎ ገንዘብ  ዝተወሰነ ስለዝዓቖሩ እዩ፡፡



## መልመዲ - 4

***ኣብቲ ዝቐረበ ምንባብ ተደሪኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ዮሴፍን ከማልን ኣብ ትምህርቲ እንዳሃለው ገንዘብ ዘድልዮም ንምንታይ እዩ?
2. ዮሴፍ ገንዘብ ንኽረክብ ዝሰርሖም ስራሕቲ ኣብ ትምህርቱ ፀገም ኣይፈጠሩሉን? ንምንታይ?

ኣብዚ ሕዚ እዋን ግልጋሎትን ሸቀጥን ምርካብ ዝካኣል ብገንዘብ እዩ፡፡ ገንዘብ ኣብ ዕለታዊ ናብራ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡ ነዚ ረብሓ ዝውዕል ገንዘብ ብዝተፈላለየ ሜላ ይርከብ፡፡ ጠንኪርካ ብምስራሕ፣ ብውህብቶ፣ ብልቓሕ፣ ብኣበል ጡረታ ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ፍልፍላት ገንዘብ እዮም፡፡ ይኹን እምበር በዞም ፍልፍላት እዚኦም ዝርከብ ገንዘብ ብትልምን ብቑጠባን ምጥቃም ኣድላይ እዩ፡፡ ንዕለታዊ ናብራ ዘድልዩ መሰረታዊ ነገራት ብዙሓት ስለዝኾኑ እቲ ዝርከብ እቶት ኣተኣኻኺልካ ብምጥቃም ንዝዕቶር እውን ምሕሳብ ግቡእ ይኸውን፡፡

ገንዘብ ንምዕቛር ኣጠቓቕማ ገንዘብ ጥራሕ ምፍላጥ እኹል ኣይኮነን፡፡ ዝዕቘር ገንዘብ ተፈልዩ ዝቕመጠሉ ቦታ እውን ዘተኣማምን ክኸውን ኣለዎ፡፡ ምኽንያቱ ኣብ ዘይኮነ ቦታ ዝተቐመጠ ገንዘብ ክስረቕ ክበላሾ ወይ ብዘይ ትልሚ ሃንደበት ክባኸን ይኽእል እዩ፡፡

ካብዞም ዘተኣማምኑ ገንዘብ ዝቕመጠሎም ቦታታት ሓደን ዘበናዊን ባንኪ እዩ፡፡ ጥቕሚ ባንኪ ገንዘብ ኣብ ዘተኣማምን ቦታ ምቕማጥ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ገንዘብካ ብምስጢር ንምቕማጥ እውን የኽእል እዩ፡፡ እቲ ገንዘብ ብዘይካ ዘቐመጠ ሰብ ካሊእ ክፈልጦ ወይ ከውፅኦ ኣይኽእልን፡፡ ገንዘብ ዝዓቘሩ ሰባት ኣብ ዝደለዩዎ እዋን ከእትውዎ፣ ኣብ ዘድለዮም እዋን ኣውፂኦም ክጥቀምሉ ምኽኣሎም እቲ ካሊእ ረብሓ ባንኪ እዩ፡፡

## ሳምራዊት

ሳምራዊት ኣብ ከተማ መቐለ ጣቢያ ሓድነት እትነብር ጓል 20 ዓመት ንእስቲ እያ፡፡ ቅድሚ ክልተ ዓመት ናይ ባዕላ ዝኾነ ፍልፍል ገንዘብ ኣይነበራን፡፡ ዓባይ ሓፍታን ሓዋን ስልጠና ሙያ ንክትከታተል እቲ ወፃኢ ብምሽፋን ሓጊዞምዋ እዮም፡፡ ኣብ መንጎ እዚ ሓደ መዓልቲ ፕሮግራም ቴሌቪዥን እንትትከታተል ሰሪሖም ዓርሶም ክኽእሉ ንዝደልዩ መናእሰይ ትካል ዕቋርን ልቓሕን ደደቢት ልቓሕ ከምዝህብ ሰሚዓ፡፡ ካብዚ ብምበጋስ ሓደ ትልሚ ኣውፂኣት፡፡ እዚውን ልቓሕ ወሲዳ ብምስራሕ ናይ ባዕላ ፍልፍል እቶት ምፍጣር እዩ፡፡



*ስእሊ 9.1. ሰራሕኻ ዓርስኻ ምኽኣል*

ብድሕሪ'ዚ ናብቲ ትካል ብምኻድ እቲ ልቃሕ ገንዘብ ወሲዳ፡፡ ዝወሰደቶ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ ዝተወሰነ እዋን ሰሪሓ ክትመልስ ቃል ኣትያ ፈሪማ፡፡ ብቲ ዝወሰደቶ ገንዘብ'ውን ገዛ ተኻርያ ሓዳ ሓጋዚ ብምቑፃር ዘበናዊ መስተኻኻሊ ፀጉሪ ደቂ ተባዕትዮ ኣጣይሻ ስርሓ ጀመረት፡፡ እትረክቦ እቶት'ውን ንመስተካከሊ ፀጉሪ ዘድልዩ ናውቲ ንምግዛእ፣ ንሰራሕተኛኣ ማሃያ ንምኽፋል፣ ዝተለቀሐቶ ገንዘብ ንምምላስ፣ ንባዕላ ዘድሊ ወፃእታት ንምምላእ፣ ንዝቕመጥን ኢላ መደበቶ፡፡ ድሕሪ ሓደ ዓመት እቲ ናይ ልቃሕ ዕዳ ከፊላ ንምውዳእ ተሊማ ኣብ ምስራሕ ትርከብ፡፡ በብመዓልቱ እትረኽቦ ገንዘብ እናኣከበት በብሰሙኑ ናብ ባንኪ ብምኻድ ተቐምጦ እያ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

1. "ስራሕ መሰረት ገንዘብ እዩ" ፣ "ገንዘብ መሰረት ስራሕ እዩ" ኣብ ዝብሉ ክልተ ርእስታት ብጉጅለ ተመቓቒልኩም ክትዕ ኣካይዱ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ናብ ዝርከብ ትካል ዕቋርን ልቓሕን ብምኻድ እዚ ትካል ንዓማዊሉ እንታይ ዓይነት ግልጋሎት ወይ ድማ ረብሓ ከምዝህብ ሓቲትኩም ዝረኸብክምዎ መረዳእታ ብፅሑፍ ንመምህርኩም ኣቕርቡ፡፡

### 9.1.3. ኣጠቓቕማ ግዘ፣

ሀ. "ቅልጥፍ ቅልጥፍ ኢልካ እንተዘይተሳፊርካ
ግዘ ታክሲ ኣይኮነን ከይፅበየካ"

ለ. "ቆፀሮ ሓበሻ"
ኣብ "ሀ"ን "ለ"ን ዝቐረቡ ኣገላልፃታት መሰረት
ብምግባር ብዛዕባ ግዘ ዘለኩም ርኢቶ ሃቡ፡፡

ኣብ ዕለታዊ ሂወት ሰባት ግዘ ዓብዩ ግደ ኣለዎ፡፡ ኣጠቓቕማ ግዘ ዘይፈልጥን ዘይተረደአን ሰብ ኣቐዲሙ ኢዱ ንድኽነት ሂቡ ማለት ይከኣል፡፡ ብዛዕባ ቀፃላይ ሂወቱ'ውን ዋላ ሓንቲ ተስፋ ዝህብ ራእይ ኣይህልዎን፡፡ ንኣብነት ናብ ቤት ትምህርቲ ኣርፊድኩም ብምብፃሕኹም ፈተና እንድሕርድኣ ኣምሊጥኩም በዚ ዝተልዓለ ትምህርትኹም ክተቋርፁን ፈተና ክትወድቁን ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ትምህርቲ ብምቁራፅኩም ኣብ ቀፃላይ ህይወትኩም ኣሉታዊ ፅልዋ ክህልዎ ይኽእል፡፡

ኣጠቓቕማ ግዘ ኣብ ቁሩብ ሰዓታት ብዙሕ ስራሕ ምፍፃም ወይድማ ሓደ ስራሕ ክወስዶ ዝግባእ ትኽክለኛ ግዘ ተጠቒምካ ምስራሕ ማለት ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ሓደ ስራሕ ኣብቲ ግቡእ እዋን ምፍፃም እውን ውፅኢታዊ ዝኾነ ኣጠቓቕማ ግዘ እዩ፡፡ ንኣብነት እዋን ምዝገባ ተምሃሮ ፍሉጥን ስሩዕን እዩ፡፡ ሓደ ተምሃራይ እዋን ምዝገባ ምስሓለፈ ክምዝገብ እንተበለ እቲ ሕቶ እዋኑ ዘይሓለወ ብምኳኑ ክምዝገብ ኣይኽእልን፡፡ እዋን ማሕረስ፣ እዋን ዓፂድ፣ ወዘተ ኣብ ናይ ተፈጥሮ ከይዲ ግዘ ዝተመስረቱ እዮም፡፡

ኣብ ሓጋይ ዝናብ ስለዘየለ ምዝራእ ኣይከኣልን፡፡ ከምኡውን ኣብ እዋን ክረምቲ ጥረምረ እኽሊ ምዕፃድ ኣይሕሰብን፡፡ ስለዝኾነ 'ውን ግዘ ንምቑጣብ ሓደ ኣብ ውሱን ግዘ ዝስራሕ ስራሕ ብዝተተለመሉ ወሰን ግዘን ብፅርየትን ምስራሕ የድሊ፡፡ ብፅርየት ዘይተሰርሐ ስራሕ ንካልኣይ እዋን ደጊምካ ንኽስራሕ ክገብር ስለዝኽእል ግዘ ብዘይ ግቡእ ይባኽን ማለት እዩ፡፡



## መልመዲ - 5

***ኣብዚ ዝስዕብ ሕቶ ምይይጥ ኣካይዱ***

- ሓደ ስራሕ ብእዋኑ ዘይምፍፃም እንታይ ፀገም የስዕብ? ብኣብነት ኣብርሁ፡፡

ኣጠቓቕማ ሰደቓ ግዘ ንቁጠባ ግዘ ይኹን እቲ ስራሕ ኣብቲ ግቡእ እዋን ንምፍፃም ኣዝዩ ጠቓሚ እዩ፡፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዕለታዊን ናይ ነዊሕ እዋንን ስራሑን ንምፍፃም ናይ ባዕሉ ዝኾነ ሰደቓ ግዘ ክህልዎ ይግባእ፡፡ ሰደቓ ግዘ ከከም ከባቢኡን ከከም ዓይነት ስርሑን ይፈላለ እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ከባቢ ገፀር ዘለው ተምሃሮ ብትርፊ ሰዓቶም ከፍቲ ክሕልዉ፣ ምስ ወለዶም ናብ ሕርሻ ቦታ ክኸዱ ተኽልታት ገደና ክኹስኩሱ፣ ማይ ከስትዩ ወይ ክሕምሱ ይኽእሉ እዮም፡፡ ስለዝኾነውን ናይ ባዕሎም ሰደቓ ግዘ ክህልዎም ይኽእል፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ 8ይ ክፍሊ ናይቲ ዓመት ሃገራዊ ፈተና ብግቡእ ንኽሓልፉ መምህሮም ብዛዕባ ኣፀናንዓን ኣጠቓቕማ ግዘን እኹል ግንዛበ ሂቦምዎም፡፡ ሕድሕድ ተምሃራይ እውን ናይ ሓደ ወርሒ ሰደቓ ግዘ ክዳልው ኣዚዞም፡፡ ካብቶም ብተምሃሮ ዝተዳለዉ ሰደቓታት ቀጺሉ ዘሎ ብምርኣይ ነቶም ስዒቦም ዝርከቡ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

| ረ.ቁ | ዝፍፀሙ ተግባራት | ዝመደብዎ ግዚ | |
|---|---|---|---|
| | | ተምሃራይ "ሀ" | ተምሃራይ "ለ" |
| 1. | ንመፅናዕቲ | 1፡00-2፡ሰዓት ዝኣክል | 2፡00—300 ሰዓት ዝኣክል |
| 2. | ኣብ ቤት ትምህርቲ ንምፅናሕ | ካብ 6፡00-7፡00 ሰዓት ዝኣክል | ካብ6፡00-7፡00 ሰዓት ዝኣክል |
| 3. | ንድቃስ | 10፡00 | 8፡00 |
| 4. | ንፀወታ/ንዕረፍቲ | 3፡00 | - |
| 5. | ስድራ ንምሕጋዝ | 1፡00 | 3፡00 |
| 6. | ንምንባብ መፅሓፍቲ | 1፡00 | 2፡00 |
| 7. | ጋዜጣ፣ ሬድዮ፣ ቴሌቭዥን ንምክትታል | 1፡00 | 2፡00 |

ሀ. ኣብቲ ሰደቓ ካብ ዘለዉ ክልተ ተምሃሮ ዘሓሸ ኣጠቓቕማ ግዘ ዘለዎ ኣየናይ እዩ? ንምንታይ?

ለ. ኣየናይ ተምሃራይ እዩ ንመፅናዕቲ ዝበለፀ ግዘ ዝሃበ?

ሐ. ካብ ወፃኢ ቤት ትምህርቲ ስራሕ ዝበዝሖ ኣየናይ ተምሃራይ'ዩ?

መ. ኣብቲ ዝተዳለወ ሰደቓ ተደሪኽኩም ናይ ባዕልትኹም ሰደቓ ግዘ ኣዳሊ'ኹም ንምይይጥ ኣቕርቡ፡፡

## 9.2 ባህሊ ምዕቋር

ኣብ ሓጋይ  ፀሓይ ኣብ ክረምቲ ዝናብ ምፍራሕ፣
ወዱ እንጀራ እንተበሎ ብዝብኢ ምፍርራሕ፡፡

- ካብዚ ባህላዊ ግጥሚ እንታይ ትግንዘቡ?

### ብህይወት እንዳሃለኻ ዘይነበረካስ ንመቓብር

እቲ ሰብኣይ ኣዲኡ ምስሞታ ንመፈፀሚ ስርዓት ቀብሪ ገንዘብ ስኢኑ፡፡ ኣዲኡ ብሂወት እንዳሃለዋ እውን መነባብርኦም ካብ ኢድ ናብ ኣፍ እዩ ነይሩ፡፡ ሽዑ "ኀረባብቲ ዝገበሩ ይግበሩ፣ ኣስከሬን ኣብ ጥቕኦም ተቓሚጡ ሱኽ ኣይብሉን" ኢሉ ኣውርዩ፡፡ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ እንተመፀ ግና ኣስክሬን ኣዲኡ ንኡኡ እንዳተፀበየ ከምዘሎ ነገርዎ፡፡ ሽዑ እቲ ሓላፍነት ካብ ርእሱ ከምዘይወርድ ተረዲኡ፡፡ ተመሊሱ ናብ ገዝኡ ምስኣተወ ብሃረፃ ገንዘብ ተለቂሑ እቲ ቀብሪ ኣፈፂሙ፡፡ ኣብ ሂወት ከለዋ ተኸዲነንኦ ዘይፈልጣ ሓድሽ ኩታ ተገዚኡ ኣስከሬነን ተሸፊኑ፡፡ ካብኡ እንትበኪ ካብዚ ንታሕቲ ዘሎ መልቀስ ኣስሚዑ፡፡

ተከዲናቶ ዘይትፈልጥ ኩታ ገይራ፣
ተመለሲ እንተበልኩዋ በበይ ገይራ፣
ዋይ ኣነ እነይ ጉድ ገይርኪኒ፣
ኣብ ውሽጢ ዕዳ ለዊስክኒ፡፡

(ፍልፍል ኣዲስ ኣድማስ ጋዜጣ 1992)



## መልመዲ - 6

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣዲኡ ዝሞተኦ ሰብኣይ ፀገሙ ኣብ ገዝኡ ገዲፍ ምሕብኡ ካብኡ ድማ እቲ ዝፈርሖ ፀገም ካልኦት መፍትሒ ዘይምእላሾም እንታይ የርኢ?
2. ብሃረፃ ዝተለቅሖ ገንዘብ ንምትካእ ኣብ ዝገብሮ ፃዕሪ ናይ ዓርሱ ቀፃላይ ሂወቱ እንዳመርሐ ክነብር ይክእልዶ? ትክእሉዶ? ንምንታይ?

መነባብሮ መብዛሕትኦም ህዝብታት ኢትዮጵያ ኣብ ምትሕግጋዝ ስድራ ቤት ዝተደረኸ እዩ፡፡ ዜጋታትና ከም ኣውሮፓውያን ኣብ እዋን እርጋኖም ዝሕብሐብሉ ማሕበራዊ ውሕስና የብሎምን፡፡

ስለዚ ኣረግቶት ቀዋሚ ቅርሲ ወይ ተቐማጢ ገንዘብ ስለዘይብሎም ዝጥወርሉን ሓገዝ ደቆም ዝደልይሉን ኩነታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ፡፡ ስለዚ ብድኽነት ዝነብሩ ሰባት ዕድሚኦም እንዳደፍአ ክኸይድ ከሎ ናይ ደቆም ተጠወርቲ ይኾኑ፡፡ እቲ ፀገም ብዝበለፀ ዝኸፍአ ዝገብሮ ድማ ኣብ እዋን ሓዘንን ሓጎስን ዝግበሩ ባህላዊ ስርዓታት ብዙሕ ወፃኢ ዝሓቱ ምዃኖም እዩ፡፡ ባህላዊ ስርዓታት ንምኽባር ኮነ ፀገም ንምፍታሕ ባህሊ ምዕቛር ምጉልባት ኣድላይ እዩ፡፡ እዚ ክበሃል ከሎ ዝተቐመጠ ገንዘብ ወይ ንብረት ብሓደ ግዘ ምጥፋእ ከምዘይኮነ ክፍለጥ ይግባእ፡፡



## ዕዮ ጉጅለ

ኣብ ከባቢኹም ዝካየድ ስነ ስርዓት ሓዘንን ቀብርን ካብ ዝፈልጡ ሓቲትኩም

ሀ. ንኣፈፃፅማ እቲ ስርዓት ዘድልዩ ነገራት

ለ. ነዞም ፍፃመታት ዘድልዩ ምድላዋትን ወፃኢታትን ነፂርኩም ኣቕርቡ፡፡ እቶም ወፃኢታት ምስ ምጣነ ሃፍቲ ክንደየናይ ከምዝፃረሩ ወይ ከምዝጠዓዓሙ ግለፁ፡፡ ሙሁራት ስነ ምጣነ ሃፍቲ ከምዝብልዎ ሰባት ዝዓቑሩ ብክልተ ቀንዲ ምክንያታት እዩ፡፡ ንሳቶምውን

ሀ. ኣብ ትፅቢት ዝግበረሎምን ዘይግበረሎምን ሃንደበታዊ ፀገማት ንምውዓል

ትፅቢት ዝግበረሎም ፀገማት ናይ ሰባት ማሕበራዊ ናብራ መሰረት ዝገበሩ ኩነታት ተደሪኾም ዝርኣዩ እዮም፡፡ ሰባት በብመዓልቱ ምግብን መፅለልን የድልዮም እዩ፡፡ ከም ልደት፣ መስቀል፣ ፋሲካ ከምኡውን ዓረፋን፣ መውሊድን ዝበሉ በዓላት ብዙሕ ወፃኢታት የስዕቡ፡፡ መመዝገቢ ቤት ትምህርቲ፣ ክራይ ገዛ ዝመሳሰሉ እውን ኣብ ናይ ወፃኢ መዝገብ ዝኣትዉ እዮም፡፡ ሰባት ኣቐዲሞም ንዞም በዓላት ዝኾኑ ወፃእታት፣ ስለዘዳልዉ ትፅቢት ዝግበረሎም ወፃእታት እዮም፡፡ ትፅቢት ከይተገበረሎም ዝመፁ ፀገማት ዝበሃሉ ድማ ሓዳጋ፣ ሕማም፣ ሞትን ካልኦትን ዝሓወሱ እዮም፡፡

ለ. ቀዋሚ ንብረት ንምፍራይ

ሰባት ኣብ ዝተረጋገአ ናብራ ውሽጢ እንተሃልዮም ንነዊሕ እዋን ግልጋሎት ዝህብዎምን ካብ ባዕልቶም ሓሊፉ ንቐፃሊ ወለዶ ዝሰጋገሩን ንብረታት የፍርዩ፡፡ ገዛ ምስራሕ፣ ቡናን ኣረንሽን ምትካል፣ ኣግራብ ምልማዕ፣ ምርባሕ ከፍቲ፣ ትካል ምኽፋት፣ መኪና ምግዛእ ከም ኣብነት ዝለዓሉ እዮም፡፡



## መልመዲ - 7

**ኣብዚ ዝስዕብ ዝርዝር ዝተመልከቱ ዋኒናት ትዕቢት ዝግበረሎም መዓእታት ወይድማ ትዕቢት ዘይግበረሎም መዓእታት ምዃኖም (✓) ምልክት ብምግባር ምስ ምኽንያቶም ግለፁ።**

| ሪ.ቁ | ዋኒን | ትዕቢት ዝግበረሉ | ትዕቢት ዘይግበረሉ | ኣብ ክልቲኡ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | መርዓ | | | |
| 2 | ሞት | | | |
| 3 | ኣርባዓ/ተስካር / | | | |
| 4 | ድግስ ማሕበር | | | |
| 5 | እንግዶት ጋሻ | | | |
| 6 | ዑደት ታሪኻዊን ባህላዊን ቦታታት | | | |
| 7 | ልደት | | | |
| 8 | ሕክምና | | | |
| 9 | ተሃድሶ | | | |
| 10 | ንሰባት ዝወሃብ ሓገዝ | | | |
| 11 | ዝተፈላለዩ ወልፍታት | | | |

## 9.3. ብትልሚ ምምራሕ

- እንታይነትን ኣፈፃፅማን ትልሚ ብዝምልከት እትፈልጡዎ ንክፍሊ መማህርትኹም ግለፁ፡፡

ትልሚ ሓደ ስራሕ ንምስራሕ፣ ወይ ውፅኢት ንምርካብ እንጥቀመሉ ሜላ ኣሰራርሓ ምሕንፃፅ ማለት እዩ፡፡ እቲ ሜላ ኣሰራርሓ እንትንሕንፅፅ ንተግባራዊነቱ ዘድልዩ ሜላታትውን የድልዩና እዮም፡፡ ትልምና ዕውት ንክኸውን ሰለስተ ኩነታት ክማልኡ ኣለዎም፡፡ እዚኦም ድማ ውፅኢታዊ ክኾን እንደልዮ ተግባር፣ እቲ ውፅኢት ንምርካብ ዝሕግዙ ሜላታት ከምኡውን ንስራሕ ዘድልዩና ናውቲ እዮም፡፡

ንኣብነት ናይ ሓደ ሰብ ትልሚ ድሕሪ ክልተ ዓመት መኪና ምግዛእ እዩ እንድሕር ኢልና መኪና ንምግዛእ ዘድልዩ ኩነታት ድማ ገንዘብን መኪና ናይ ምግናሕ ክእለት ምጉልባትን ይኸውን፡፡ ገንዘብ ንምርካብ ምዕቛር የድሊ፡፡ መኪና ንምግናሕ ኣቀዲምካ ስልጠና ምርካብን ፍቓድ ምግናሕ መኪና መሓዝን የድሊ፡፡ ካሊእ ኣብነት ድማ ምርኣይ ይከኣል፡፡

<u>ትልሚ፣</u> ኣብዝቕፅሉ ሰለስተ ዓመታት ንዲፕሎማ ዘብቕዕ ትምህርቲ ምምሃር

<u>ዘድልዩ ኩነታት</u>

- ክፍሊት ገንዘብ
- መኳዓዓዚ ገንዘብ
- ንትምህርቲ ናውቲ መግዝኢ ገንዘብ

ግዘ ምሽንሻን፡፡ ሰራሕተኛ እንተኾይንከ እናሰራሕኻ ንምምሃር ዓርስኻ ምድላው፡፡ ንመፅናዕት ዝኸውን ግዘ እውን ምምዳብ፡፡

ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ትልሚ ንምፍፃም ዝሕግዙ ሜላታት እውን የድልዩ እዮም፡፡ ንኣብነት ብመዳይ ገንዘብ ዕቁብ ምእታው፣ እንተዘይኮነ ድማ ኣብ ዓመት ካብ ዝርከብ ኣታዊ ዝተወሰነ ምቕማጥን ስነልቦናዊ ምድላው ምግባርን እዩ፡፡

ብመዳይ ግዘ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ኣብ ዘድልየሉ እዋን ዝተለመዱ ካልኦት ጉዳያት ምግዳፍ ይግባእ፡፡ ንኣብነት ሓድሓደ ሰባት ድሕሪ ሰዓት ስራሕ ብጉጅለ ብምኺን ኣብ መዘናግዒ ቦታታት ብምትእኽካብ ግዜኦም ከሕልፉ ይደልዩ፡፡ ኣባል እዞም ጉጅለታት ዝኾነ ሰብ ግዚኡ ኣብ ትምህርቲ ከውዕል እንተደልዩ ከምዚ ዓይነት ምዝንጋዕ ክገድፍ ይግባእ፡፡ ግዜኦም ኣብ ገዛ ዘሕልፉ ሰባት እውን ስራሕ ገዝኦም ዝፍፅምሉ ካሊእ ግዘ ብምምዳብ ምስትኽካል ይግባእ፡፡ ንመፅናዕቲ ዝውዕል ሰዓት ኣብ ቀትሪ እንድሕር ዘይብሎም ድማ ካብ ሰዓት ህራሶም ብምንካይ ክጥቀሙ ይኽእሉ፡፡



## መልመዲ - 8

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ትልሚ ምትግባር ዝከኣል ብምንታይ ዓይነት ሜላ እዩ?
2. ካብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓደ ሓሪኹም መልሲ ሃቡ፡፡
   ሀ. ሓደ ሰብ መንበሪ ገዛ ንምስራሕ እንተደልዩ ፈለማ እንታይ እንታይ ክገብር ይግብኦ?
   ለ. ድሕሪ ሓደ ዓመት እንታይ ክትኾኑ ትደልዩ? እዚ ትልምኩም ንምምላእ ዘድልይኹም ነገራትን እዞም እታዎታት ክትረኽብሎም እትኽእሉ መንገዲታትን ግለፁ፡፡

## 9.3.1 ብዓቕምኻ ናብራኻ ዘይምምራሕ ዘስዕቦም ፀገማት፣

- ኣብ ሞንጎ ዓቕምካ ምፍላጥን ዓቕምካ ዘይምፍላጥን ዘሎ ኣፈላላይ ብኣብነት ደጊፍኩም ግለፁ፡፡

## ዓቅምኻ ዘይምፍላጥ፤

ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ኣይተ ግርማይ ክልተ ዓይነት ፍልፍል እቶት ነይሮምዎም፡፡ ንሳቶም'ውን እንዳመጥሓንን ኣበል ጡረታን እዮም፡፡ እቶም ሰብኣይ ኣብቲ ከባቢኦም ዝፍለጥሉ እንተሃለወ ኣብ ዓመት ዝተፈላለዩ ድግሳት ደጊሶም ሰብ ኣኪቦም ብምእንጋድ እዩ፡፡ ንኣብነት ንበዓል ልደት ውላዶም እንትድግሱ ጎረባብቲ ብንኡሽተይ ወፃኢ ዝገብርዎ ድግስ ኣይተ ግርማይ ድማ ምክት ሓሪዶም ስዋ ኣፅሚቖም፣ ሕምባሻ ኣሰንኪቶም፣ ሓላፊ መንገዲ ከይተረፈ የብልዑ፡፡ ንድግስ ዝኸውን ገንዘብ ኣዳሊዮም ይፀንሑ፡፡

ኣብቲ ከባቢ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ዕቁብ ኣለዉ፡፡ ንሶም ከዓ ኣባል ክልተ ማሕበራት ዕቁብ እዮም፡፡ ኣብዚ ሰሙን እዚ እታ መጥሓኖም ተበላሽያ ጠጠው

ኢላ ኣላ፡፡ ንስራሕቲ መንገዲ እቲ ከባቢ ድማ ወፈያ ተሓቲቱ ኣሎ፡፡ ንሶም ግና ንዚታት ዘቕድሙ ኣይመስሉን፡፡

ምስኦም ኮይና ናይ ኮሌጅ ትምህርቲ ትመሃር ዝነበረት ጓል ሓፍቶም ኣብ መወዳእታ ወርሒ ሰነ ክትምረቕ እያ፡፡ መመረቒ ድግስ ከምዝድገሰላ ድማ ተስፋ ገይራ ኣላ፡፡ ኣብ ገፀር ካብ ዝነበሩ ወለዳ ምንም ዓይነት ሓገዝ ገንዘብ ከምዘይትረክብ ትፈልጥ እያ፡፡ ኣይተ ግርማይ ግና ጓል ሓፍቶም ክትሕጎሰሎም እቲ ዕቁብ ስለዘይኣኽሎም ኣብቲ ከባቢ ኣብ ዝርከቡ መህረፅቲ ንምልቃሕ ደገ ይፀንዑ ኣለዉ፡፡

ንቅድሚት ስራሕ ክትጅምር ከላ እቲ ወፃኢ ዝተገበረ ገንዘብ ክትመልሶ ከምዘለዋ ነጊሮምዋ ንሳ'ውን እቲ ድግስን ሓጎስን ከይቐርያ በዚ ተስማሚዓ ኣላ፡፡ ዘይኣቐመጥዎ ገንዘብ እናሓለሙ ዝለዓለን ብዙሕን ወፃኢ ዝሓትት ኣብ ጊዜያዊ ሓጎስን ጓይላን ዘድህበ ምድላው ንምግባር ላዕልን ታሕትን እንዳተጓየዩ ይርከቡ፡፡



## መልመዲ - 9

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ኣይተ ግርማይ ዝጥቀምሉ ሜላ ምዕቛር ኣሎዶ? እንድሕር ሃልዩ እዚ ሜላ ብግቡእ ተጠቒሞምሉዶ ኣይተጠቀምሉን? ከመይ?
2. ኣይተ ግርማይ ብዓቕሞም ልክዕ ንምንባር ምድላው ዘይምግባሮም ዘስዕቦም ፀገማት ነፂርኩም ፅሓፉ፡፡

ለባማት ሰባት ናብራ ሊሎ ምምራሕ ይኽእሉ እዮም፡፡ ሊሎታት ሙሉእ ክረምቲ ዘሕልፍዎ ኣብ ውሽጢ ጉጅም እዩ፡፡ ዝበልዕዎ እውን ኣብ እዋን ሓጋይ ካብ ዘድልዮም ንላዕሊ እንዳኣከቡ ካብ ዘቐመጥዎ ምግቢ እዩ፡፡

ብዙሓት ሰባት ሃፍትን ንብረትን ኣብዘለዎም ግዘ ንእዋን ፀገም ዝኾኖም ገንዘብ ብዘይግቡእ ኣጥፊኦም፣ እዋን ንእስነቶም ሓሊፉ ምስኣረጉ ይፅገሙ፡፡ እዚ ብትልሚ ዘይምንባር ካብ ዘስዕቦም ኩነታት እቲ ቀንዲ እዩ፡፡ ብትልሚ እንዳተመርሑ ፅቡቕ ባህሊ ዕቋር ምምዕባል ዝህልዎም ረብሓታት ወይ ዘስዕቦም ውፅኢታት ድማ ኣለዉ፡፡ ውፅኢታት ዕቋር ማለት ሓደ ሰብ ካብ ዝረኸቦ እቶት እንዳቑጠበ ብምቕማጥ ድሕሪ ሓፂርን ነዊሕን እዋን ዝረኽቦም ረብሓታት እዮም፡፡ ክልተ ዓይነት ውፅኢታት ምዕቋር ኣለዉ፡፡

ኣብ ሓፂር እዋን ዝርአ ውፅኢት ዕቋር፡- እዚ ኣብ ሰባት ዕለታዊ ናብራ ዘሎ ለውጢ እዩ፡፡ ንኣብነት መሰረታዊ ድሌቶም ዘይተማልአ ዝነበሩ ሰባት ብዝተፈላለየ ፃዕሪ ስራሕ ተወሳኺ ዘድልዩ ነገራት ምግዛእ እንትኽእሉ ናይ ሓፂር እዋን ውፅኢት እዩ፡፡ ቅያር ክዳን ዘይነበሮም እንተተኸዲኖምን ብድኽነት ትምህርቶም ምምሕያሽ ዘይከኣሉ ሰባት ብዝቆጠብዎ ገንዘብ ምምሃር እንተኪኢሎምን ብሜላ ቁጠባ ኣብ ሓፂር እዋን ተጠቀምቲ ኮይኖም ምባል ይከኣል፡፡

ብሓፈሻ ኣብ ሓፂር እዋን ዝርአ ውፅኢት ዕቋር ንምንባር ኣድለይቲ ዝኾኑ መሰረታዊ ነገራት ምምላእ ማለት 'ውን ጥሜትን ዕርቃንን ምውጋድ ማለት እዩ፡፡

ኣብ ነዊሕ እዋን ዝርአ ውፅኢት ዕቋር፡- እዚ ዓይነት ምዕቋር ውፅኢቱ ዝርኣ ድሕሪ ነዊሕ እዋን እዩ፡፡ እዚ ድማ መሰረታዊ ድሌታት ካብ ምምላእ ሓሊፉ ቀዋሚ ንብረት ምፍራይ ምኽኣሎም የርኢ፡፡ ገዛ ዘይነበሮም ቀስ ብቐስ ቆጢቦም ምስራሕ እንትኽእሉ ሓንቲ ላሕምን ሓደ ብዕራይን ዝነበሮም ሰብዋና ብዙሓት ከፍቲ እንትኾኑ መሰረታዊ ኣድላይነት ዕቋር ዝተረድኦም ምኻኑ የርኢ፡፡

ውላድካ ብግቡእ ምዕባይውን ካሊእ ክፋል ዕቋር ብምኻኑ ሃብቲ ቀፃላይ ሂወት ኣብ ኣእምሮ ዝዓብዩ ቆልዑ ከም ምእካብ ይቑፀር፡፡ ዝተምሃሩን ኣብ ፅቡቕ ብርኪ ዝበፅሑን ውሉዳት ባዕሎም ካብ ምኽኣል ሓሊፎም ስድርኦምን ሃገሮምን ይረብሑ፡፡



## መልመዲ - 10

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተኻትዑ፡፡**

1. **ዝተምሃረ ሓይሊ ሰብን ሃፍቲ ተፈጥሮን ወሲድካ ንዕቤት ሃገር ዝበለፀ ረብሓ ዘለዎ ኣየናይ እዩ? ኣብ ዝብል መካትዒ ሓሳብ ምድላው ገይርኩም ተኻትዑ፡፡**
2. **ኣብቲ ዝተገበረ ክትዕ ተደሪኽኩም ደቆም ካብ ዘምሀሩን ደቆምካብ ዘየምሀሩን ወለዲ ኣብ ምውጋእ ድኽነት ዝበለፀ ግደ ዘለዎም ኣየኖት እዮም?**

### 9.3.2. በትልሚ ዘይምምራሕ ዘስዕቦም ፀገማት፣

- **ትልሚ ማለት እንታይ እዩ? መፈፀሚ ሜላታት ትልሚኸ እንታይ እንታይ እዬም?**

## ዝዓቐሩ ከረሙ ዘይዓቐሩ ተሃለሙ፤

ኣብ ሓደ ከባቢ ዝነብሩ ክልተ ኃረባብቲ ኣለዉ፡፡ ክልቲኦም ኣብ ሓደ ፋብሪካ ዝሰርሑ እዮም፡፡ እቶም ሓደ ኣይተ ዘለለው ይበሃሉ፡፡ ሽድሽተ ቆልዑ ኣለውዎም፡፡ ሕጉስ ዝኾነ ናብራ የብሎምን፡፡ ሰታይ ብምዃኖም ኣብ ውሽጢ ስድራኦም ሰላም የለን፡፡ ኣብ መዘናግዒ ቦታታት ብገንዘብ ካራምቡላ ይፃወቱ፡፡ መብዛሕትኡ ገንዘቦም ኣብ ከምዚን ወዲዚን የጥፍኡዎ፡ ካብኡ ሓሊፉ ብምኽንያት ልቓሕ ሃረፃ ስድርኦም ዝግልገሉላ ዝነበረት ብሽክለታ ብዕዳ ተታሒዛ ኣላ፡፡ ደቆም ብግቡእ ክምሀሩ ዘይክኣሉ ሰብ እዮም፡፡ በዓልቲ ገዝኦም እውን ብምኽንያት ብዙሕ ምውላድ ዓቕመን ዝደኸመ እዩ፡፡

እቶም ካልኣይ ኣይተ ክፍያለው ይበሃሉ፡፡ በዓልቲ ገዝኦም ምሽታዊ ትምህርቲ ይመሃራ፡፡ ኣቦ ኣርባዕተ ቆልዑ እዮም፡፡ ናይቲ ዝሰርሕሉ ትካል ማሕበር ዕቋርን ልቓሕን ኣባል ብምዃን ሰለስተ ሚእታዊ መሃይኦም ይዓቑሩ እዮም፡፡ እዚ ማሕበር ኣብ መፈለምታ ዓመት ንደቆም ወፃኢ ቤት ትምህርቲ ስለዝሸፍነሎምን ንሶምውን ብዝገብርዎ ፃዕርን ኩሎም ደቆም ይመሃሩ እዮም፡፡



## መልመዲ - 11

**ኣብቲ ዝቐረበ ምንባብ ተደሪኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ኣብ መንጎ ኣይተ ከፍያለውን ኣይተ ዘለለውን ዘሎ ኣፈላላይ እንታይ እዩ? ካብ ክልቲኦም ባህሊ ምዕቛር ዝኸተል መን እዩ?

ብትልሚ ዘይምምራሕ ኣብ ውልቃዊ ኮነ ማሕበራዊ ናብራ ጉድኣት የስዕብ እዩ፡፡ ትልሚ ገንዘብ፣ ግዘን ጉልበትን ኣብ ኣድለይቲ ኩነታትን ግቡእነት ኣብ ዘለዎም ተግባራትን ንምውዓል ኣስተውዒልካ ምምራሽ እዩ፡፡ እዚ ዘይምግባር ድማ ስራሕ ብግቡእ ከይስራሕ፣ ረብሓ ንዘይብሎም ዋኒናት ገንዘብ ክባኽን ይገብር፡፡ ብምኻኑውን ኣብ ምምሕያሽ ውልቃዊ ናብራ ይኹን ኣብ ስድራ ሰላምን ምርግጋእን ከይህሉ ይገብር፡፡

## መጠቓለሊ

ሰባት ኣብ ሎሚ መዓልቲ ኮይኖም ብዛዕባ ፅባሕ ክትልሙ ዝኽእሉ ብሕታዊ ፍጡራት እዮም፡፡ ዝረኸብዎ እቶት ንናብርኦም ዘድልይዎም ዋኒናት ጥራሕ ብምውዓል ንመፈፀሚ ቀፃላይ ትልሞም ዝኸውን ክቑጥቡ ኣለዎም፡፡ ሰለስተ ዓይነታት ምዕቛር ኣለው፡፡ እቲ ሓደ ብዓይነት ዝግበር እዩ፡፡ እቲ ካልኣይ ብገንዘብ ዝግበር እንትኾን እቲ ሳልሳይ ድማ ግዘ እዩ፡፡ ሰባት ናይ ፅባሕ ሂወቶም ውሕስና ክህልዎ ዝኽእል ኣብ ኣጠቓቕማ ግዘ ገንዘብን ንብረትን ግቡእ ዝኾነ ኣሰራርሓ ክኽተሉ ከለው ጥራሕ እዩ፡፡ ንኣብነት ስራሕ ኣብ ዝተተለመሉ እዋን ምፍፃምን ብትልሚ ምምራሕን ንዕብየት ወሰንቲ እዮም፡፡ በዚ ኣካይዳ ዝግበር ምዕቛር ብዙሕ ዓይነት ውፅኢታት ኣለውዎ፡፡

ንኣብነት ተምሃሮ ፅቡቕ ውፅኢት ንምርካብ፣ ሓረስቶት ውፅኢታዊ ኮይኖም ጥሜት ንምውጋእ ግዚኦም ብእዋኑን ብኣግባቡን ተጠቒሞም እንትሰርሑ ምኽኑ ክፍለጥ ይግባእ፡፡ ንኣብነት ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ናብራ ምምሕያሽ ይከኣል፡፡ ካብኡ ሓሊፍ እውን ንወለዶ ዝተርፍ ሃፍቲ ምፍራይ ይከኣል፡፡

ንመፃኢ ወለዶ ምሕሳብን ውሕስና ናብራ ምዕናሕን ሓፈሻዊ ሓላፍነት ሰባት እዩ፡፡ ስለዝኾነውን ካብ ውልቀሰብ ኣትሒዙ ህልውና ሃገር ዝረጋገፅ ኣብ ቁጠባን ኣብ ትልምን ዝተደረኸ ሜላ ኣናባብራ እንትህሉ እዩ፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ንብዙሓት ሰባት ንድኽነት ዘቃልዑ ድሑራት ልምድታት ብዙሓት እዮም፡፡ ሓፈሻዊ መግሊፂ እዞም ልምድታት ብኽነት እዩ፡፡ ብዘይትልሚ ምንባር፣ ድግስ ምብዛሕ፣ ዝፀንሐ ሃፍቲ ኣብ ዘይግባእ ወፃኢ ምውዓል ካብ መግለፂታት ብኽነት ቁሩባት እዮም፡፡ ስለዚ ሰባት ካብ ዕድመ ንእስነቶም ኣትሒዞም ዝረኸብዎ እቶት ብግቡእ ምጥቃም ንመፃኢ ሂወቶም እንዳሓሰቡ ምንባር ክለምዱ ኣለዎም፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ሃረፃ፡- ትርፊ፣ ወለድ፡ ወለድ ገንዘብ

ስስዐ፡- እንዳሃለወካ የብለይን ማለት፣ እናድለየካ ከምዘይብልካ ባዕልካ ምጉዳእ

ዕንቕፋ፡- ክቡራት ዝኾኑን ብቀሊሉ ዘይርከቡን ከም ኣልማዝ ዝመሳሰሉ ማዕድናት

እኩብ ሃፍቲ፡- ብገንዘብ ብዓይነት ከምኡውን ብሃፍቲ ተፈጥሮ ክግለፅ ዝክእል ንብረት

እታወት፡- ሓደ ነገር ንምስራሕ ዘድልዩ ወይ ዝሕግዙ ነገራት

ኣረግቶት፡- ብዕድመ ዝደፍኡ፣ ጡረተኛታት

ካብ ኢድ ናብ ኣፍ፡- ትሑት ብርኪ ናብራ፣ ዝረኸብዎ እቶት ንብልዒ ጥራሕ ምውዓል፣ ንቀፃሊ ዝቕመጥ እቶት ዘይምህላው፡፡

ምዕቛር፡- ምውህላል፣ ምእካብ፣ ምቕማጥ፣ መጠንካ ምጥቃም፣ ዘይምብኻን፣ ምቑጣብ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ዝሓዘዎ ሓሳብ ልክዕ ንዝኾነ "ሓቂ" ልክዕ ንዘይኮነ ድማ "ጌጋ " እንዳበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ዕቛር ማለት ሕዚ ካብ ዘድልየና ብምንካይ ምቕማጥ ማለት እዩ፡፡
2. ንብረት ህዝብን መንግስትን ብግቡእ ምጥቃም ኣካል ዕቛር እዩ፡፡
3. ስስዐን ዕቛርን ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፃት እዮም፡፡
4. ኣብ ሓፂር እዋን ዝርአ ምዕቛር ኣብ ነዊሕ ግዘ ንዝረኣ ምጣነ -ሃፍታዊ መሰረት እዩ፡፡
5. ሃፍቲ ተፈጥሮ እንተልዩ ድኽነት የለን፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተውሃቡ ዝስማመዕዎም መረፅኩም ኣዛምዱ።*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| ____1. ኣብ ከይዲ ግዘ ዝርአ | ሀ. ብዓይነት ዝግበር ምዕቋር |
| ____2. ወፃእን ኣታዉን ምግባጥ | ለ. እንዳ መጥሓን |
| ____3. ሰደቓ ግዘ | ሐ. መምርሒ ስራሕ |
| ____4. ምኽዛን እኽሊ | መ. ኣጠቓቕማ ገንዘብ ምፍላጥ |
| ____5. ባንኪ | ረ. መቐመጢ ገንዘብ |
| | ሰ. ትልሚ ነዊሕ እዋን |
| | ሸ. ፍልፍል እቶት |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ትክክለኛ ብዝኾነ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ።*

1. ኣብ ውሽጢ ናብራ ብቕደም ሰዓብ ዝፍፀሙ ተግባራት ኣዳሊካ ምስራሕ __________________ ይበሃል።
2. ሰባት ንኽዓቑሩ ዝገብርዎም ቀንዲ ምኽንያታት __________________ ን __________________ ን እዮም።

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብቶም ዝተውሃቡ መማረፅታት እቲ ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ።*

1. ካብዞም ስዒቦም ዘለዉ ዓይነት ዕቋር ዘይኮነ

   ሀ. መኪና ለ. ዕንቁ

   ሐ. ተኽሊ መ. ፍልጠት

2. ግዘ ወርቂ እዩ ማለት

   ሀ. ግዘ ከም ወርቂ ብገንዘብ ይሽረፍ ማለት እዩ።

   ለ. ግዘ ካብ ካልኦት ሰባት ክንልቀሐ ንኽእል ኢና ማለት እዩ።

   ሐ. ግዘ ብልጭልጭ እዩ ማለት እዩ።

   መ. መልሲ ኣይተውሃበን።

3. ስሰዐ ካብ ምዕቛር ዝፈልዩ

   ሀ. ዓርስኻ ኣብ ምጉዳእ ዝተደረኸ ስለዝኾነ

   ለ. ካብ ልክዑ ዝሓለፈ ባዕልኻ ምፍታው ስለዝኾነ

   ሐ. ኩሉሻዕ ንምስራሕ ስለዘየነቓቕሕ

   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

4 ገንዘብካ ኣብ ኢድ ካብ ምሓዝ ዘሐሸን ዘተኣማምንን ሜላ ፡-

   ሀ. ኣብ ባንኪ ምቕማጥ

   ሐ. ኣብ ቀዋሚ ንብረት ምውዓል

   ለ. ውሕስና መድሕን ምእታው

   መ. ኩሎም መልሲ እዮም

V. *ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ገንዘብ ካብ ምቕማጥ ኣብ ስራሕ ምውዓል ዝያዳ ቆጣባይን ትርፊ ዘርክብን ምኻኑ ከርእየሉ ዝኽእል መንገዲ ኣብርሁ፡፡
2. ዓይነታት ዕቋር ብኣብነት ገይርኩም ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ

**ዕላማታት 'ዚ ምዕራፍ፤**

**ነዚ ምዕራፍ'ዚ ምስተምሃርኩም፤-**

- ኣብ ከባቢያውን ሃገራውን ዋኒናት ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር ክንደየናይ ወሳኒ ከምዝኾነ ትርድኡ፡፡
- ግደ ማሕበራት ሲቪክ ትግንዘቡ፡፡
- ኣብ ማሕበራት ሲቪክ ምስታፍ ዝህቦ ረብሓ ትፈልጡ፡፡

## 10.1 ኣብ ከባብያዊ ዋኒናት ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር፤

### 10.1.1. ኣብ ወፍሪ ልምዓት ከባቢ ብንጥፈት ምስታፍ፣



*ስእሊ 10.1 -ከባቢና ብሓባር ነልምዕ*

- እቲ ስእሊ እንታይ ከምዘርኢ ኣሕፂርኩም ግለፁ፡፡
- ኣብቲ ስእሊ ዝርአዩ ሰባት ነቲ ስራሕ ብኸመይ ኩነታት ከም ዘካይዱ ግለፁ፡፡

## ዑደት ኣብ መንዴሪ፤

ወረዳ ገልሞሌ ትርፊ ምህርቲ ብምፍራይ እትፍለጥ ብተፈጥሮ ኣዝያ ልምዕትን ሃፍታምን ከባቢ እያ፡፡ መሬታ ዝሃብካዮ ዝቕበል፤ ከም ደቺ ዝበሉ ሩባታት ዓመት ሙሉእ ብዘይ ጥቕሚ ዝውሕዙላ ከም ማንጉሬ ዝበሉ ዱራት ዝተፈላለዩ ዓይነታት እንስሳት ዘገዳምን ኣዕዋፍን ሒዞም ዝርከቡላ ወረዳ እያ፡፡ እቲ ነባራይ ሓረስታይ እንትኾን ኣብ ዓመት ሓደ ግዘ ንቐለቡ ዝኾን ጣፍን ስርናይ ብምፍራይ ከምናይ ቀደም ወለዱ ካብ ኢድ ናብ ኣፍ ዝኾነ መነባብሮ ዘለዎ እዩ፡፡ መሰረተ ልምዓት ዝበሃል ነገር ኣይፍለጥን፡፡ ማሕበራዊ ትካላት የለዉን፡፡ ህፃናት ኣብ መጓሰ ይዋፈሩ፤ ሰባት ብቐለልቲ ሕማማት ይጥቅዑን ይሞቱን፡፡ ኣዴታት ብምኽንያት ወሊድ ንሓደጋ ይቃልዓ፡፡ እቲ ፀገም ተዘርዚሩ ኣይውዳእን፡፡ እቲ ህዝቢ ድማ ንመንግስቲ ይወቅስ፡፡ ኩሉ ነገር ከማልእ ዘለዎ መንግስቲ ከምዝኾነ ይኣምን፡፡ ነቲ ህዝቢ ናብ ልምዓት ንምልዕዓል ዝግበር ፈተነ እንተሎ'ውን ብርቱዕ ተቓውሞ ይበፅሖ፡፡

ሎሚ ካብ ገልሞሊ ዝተወፅኡ ዓበይቲ ዓዲ፣ ፍሉጣት ሰባት ተወከልቲ መናእሰይን ደቂ ኣንስትዮን ዝሓዘ ጉጅለ ዑደተኛታት ኣብ ክልተ መኻይን ተሳፊሩ ኣብ ወረዳ መንዴራ ዑደት ንምክያድ ተበጊሶ ኣሎ፡፡ እዞም ዑደተኛታት ልምላመ ወረዳኦም ብኹርዓት እናድነቑ ኣብ ወረዳ መንዴሪ በፂሖም፡፡

መንዴሪ እትፍለጥ በብእዋኑ ብድርቂ ትጥቃዕ ብምኻና፣ ህዝባ ብሓገዝ ስርናይን ዘይትን ዝናበር ብምንባሩ፣ መናእሰይ ካብ ከባቢኦም እናተሰደዱ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ውሽጢ ሃገር ወይ ኣብ ወፃኢ ብምንባሮም እዩ፡፡ እምባታት ተሸፊኖም ዝነበሩ እፀዋት ባዲሙ ጥራሕ ዝባኖም ብምትራፎም፣ ከውሕታት ጎሊሆም ዝረኣየላ ወረዳ ብምንባራ ይሓዝኑላ ነይሮም፡፡ ኣባላት እቲ ጉጅለ ዑደተኛታት እቲ ዑደቶም ምስፈፀሙ ግና ብዛዕባ መንዴሪ ዝነበሮም ስምዒትን ኣረኣእያን ፈፂሙ ተለዊጡ ኣሎ፡፡ ንመንዴሪ ዘግነይዋ ብምልዕዓልን ንጡፍ ተሳትፎን ደቃ እናተለወጠት እያ፡፡ ኣእማን መንዴሪ ኣብቲ ከባብን ኣብ ርሑቕን ንዝርከቡ ከተማታት

መመልከዒ ህንፃታት ኮይኖም ኣለዉ፡፡ እምባታትን ሜዳታትን መንዴሪ እንስሳት ከይውዕልዎም ተኸልኪሎም ብእፅዋት፣ ሳዕርን ዕምበባን ክሸፈኑ ጀሚሮም ኣለዉ፡፡ ኣብቲ ከባቢ ንዘመናት ይሰርሕሉ ዝነበሩ ባህላዊ ምርባሕ ከፍቲ፣ጤለ በጊዕን ኣናህብን ብዘበናዊ ኣሰራርሓ ተቐይሩ ፍሉጣት መፍረይቲ ቆርበትን እንስሳን ኮይኖም ኣለዉ፡፡ እዚ ጀማሮ ንምስፋሕ ኣብቲ ወረዳ ዝርከቡ'ውን ይኹን ኣብ ካሊእ ከባቢ ተሰዲዶም ዝርከቡ ደቂ መንዴሪ ሓይሎም ኣተሓባቢሮም ተላዒሎም፡፡ እዚ ምልዕዓል ህዝቢ ዝረአየ መንግስትን ካልኦት ሓይልታት ልምዓትን'ውን ሓጊዞምዎም፡፡

መንግስቲ መንገድታትን ትካላት መራኸብን ዘርጊሖሎም፡፡ ከምኡ'ውን ማእኸላይ ሕክምና እንስሳትን መሰልጠኒ ጣብያታት ሙያ ሓረስቶትን ከፊቱሎም፤ ክኢላታት መዲቡሎም፡፡ በቲ ህዝቢ ህንፀቶም ዝተጀመሩ ማእኸላት ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን ኣጠናኺሩሎም፡፡ ብልምዓት እቲ ኸባቢ ዝተስሓቡ ሰብ ሃፍቲ'ውን ክልተ ፋብሪካታት ቆርበትን ሓደ መዐሸጊ ስጋን ከምኡ'ውን ፋብሪካ መዐሸጊ መዓር ከፊቶም ኣለው፡፡

እዚኦም ኩሎም ዝተዓዘበ ጉጁለ ዑደተኛታት ገልሞሌ ንምእማን ተፀጊሙ፡፡ እቶም ኣባላት ኩሉ ነገር ካብ መንግስቲ ንኸግበረሎም እናተፀበዩ ምንባሮም ኣጣዒሱዎም፡፡ በቲ ዝባኸነ ግዘ ህልኸን ሕራነን ሒዙዎም ዝርኣዩዎ ኹሉ ኣብኣቶም'ውን ብርሃን ተስፋ ወሊዑ ንህዝቦም ብንጡፍ ተሳትፎ ንምልዕዓል እናሃፀፁ መልሲ ጉዕዞኦም ጀሚሮም፡፡



## መልመዲ - 1

***ባዕልትኹም ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ተወደቡ፡፡ በብጉጅለኹም ኮይንኩም ነቲ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡ ብምቕፃል መልስኹም ንኽፍሊ ኣቕርቡ፡፡***

1. ህዝቢ ወረዳ ገልሞሌ ሓደ ቀንዲ ፀገሙ ስምዒት ተፀባይነት እዩ ነይሩ እንተዝበሃል ምተስማማዕኹም'ዶ? ንምንታይ?

2. ንስኻትኩም ነበርቲ ገልሞሌን ኣባላት እቲ ጉጅለ ዑደተኛታትን እንተትኾኑ ካብቲ ዑደት ምስተመለስኩም እንታይ ምገበርኩም? ነዚ ጉጀልኹም ከምቲ ጉጅለ ዑደተኛታት ብምቑፃር ተማኺርኩም ክትፍፅምዎ እትሓስቡ ንኽፍሊ ኣቕርቡ፡፡

3. ኣብ ወረዳ መንዴሪ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዘምፅኦ ውፅኢት እንታይ ከምዝኾነን ብኸመይ ከምዝተረኽበን ኣረድኡ፡፡

ኣብ ወፍሪ ልምዓት ከባቢ ብንጥፈት ምስታፍ ዜጋታት ካብኣቶም ዝድለ ዓይነት ኣስተዋፅኦ ዝገብርሉ ተግባር እዩ፡፡ እዚ'ውን ብዓርሰ ተበግሶን ብሙሉእ ድልየትን ዝፍፀም እዩ፡፡ ንሓበራዊ ከባቢያዊን ሃገራውን ረብሓታት ዜጋታት እዚ ክፍፀም ዘለዎ ብመንግስቲ'ዩ ብዝብል ኣተሓሳስባ ተፀባይነት እንተተቐረኑ በብውልቆም ዝገብርዎ ኣሰተዋፅኦ ናይ ንሕንሕ ተሳትፎ ህዝቢ እምኒ ኩርናዕ እዩ፡፡ ተሳትፎ ህዝቢ ብገንዘብ፣ ብጉልበት፣ ብፍልጠት፣ ብወፈያ ሓሳብን ብካልኦት መንገድታትን ክፍፀም ይከኣል፡፡

ንቑሕ ተሳትፎ ህዝቢ ዘብል ቀንዲ ዋኒን ሰባት ውፅኢታዊ ዝኾነ ተግባር ምፍፃሞም ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ምስኡ ጎና ጎኒ ኣብ ሓበራዊ ወፈራ ስራሕ ግዘን ስርዓትን

ኣክቢሮም እቲ ተግባር ምፍፃሞም፣ ብውልቀ ከይኮነ ተወዲቦም ምንቅስቓሶም፣ ከምኡውን እቶም ፍፃመታት ቀፃልነት ክህልዎም ምግባሮም ይሓውስ፡፡



## መልመዲ - 2


***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ሰባት ዝገብርዎ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ እንታይ እንታይ ብምፍፃሞም ክግለፅ ይክኣል?
2. ኣብ ዝኾነ ተግባር ልምዓት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ብሓቂ ተረጋጊፁ እዩ ዘብሉ ኣርባዕተ ተግባራት ዘርዝሩ፡፡

## 10.1.2 ምጉልባት ስርዓት ዴሞክራሲ



*ስእሊ 10.2- ኣኼባ ኣመራርሓ ኮሚቴ ልምዓት*



*ስእሊ 10-3 ዴሞክራሲያዊ መረፃ*

- ካብዞም ስእልታት ዝተዓዘብኩምዎ ግለፁ፡፡
- መረፃ ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ምክያዱን ዘይምክያዱን ብምንታይ ይፍለጥ?

# ከተማ ሙጭሌ

ሙጭሌ ብዙሕ ነባሪ ዘለዋ ፀገም ማይ እናሸገራ ዝፀንሐት ናይ ቀደም ከተማ እያ፡፡ ካብ ቀረባ እዋን ናብዚ እቲ ፀገም ማይ ፍታሕ ክረክብ እዩ ተባሂሉ እቲ ነባሪ ተስፋ ገይሩ ነይሩ፡፡ ነዚ እውን ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኣብ ዝተገበረ መረፃ ሓላፍነት ዝተረከበ ኮሚቴ ልምዓት ነቲ ፀገም ጠመተ ሂቡ ይሰርሕ ስለዝነበረ እዩ፡፡ ብፍላይ እቶም ኣቦመንበር ኣይተ ኣብርሃም ብውልቀ ፃዕሮም ካብ ሓደ ድጋፍ ወሃቢ ትካል ዝለዓለ ገንዘብን ሓደ ዝፀንሐ ናይታ ከተማ ፕሮጀክት ማይ ውፅኢት መፅናዕቲ ንምርካብ ብምኽኣሎም ነይሩ፡፡ እቲ ፕሮጀክት ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ዝለዓለ ወፃኢ ተገይርዎ ዝተሰርሐ እንትኸውን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ተግባራዊ ከይኮነ ዝፀንሐ እዩ፡፡ እቶም ኣቦመንበር እዚኣቶም ብምሓዝ ናብቲ ኮሚቴ ብምቕራብ ከወስኑ እንትፍትኑ ካብ ሓደ ኣባል ተቓውሞ በፂሕዎም ነይሩ፡፡

ንቲ ተቓውሞ ምኽንያት ዝኾነ ድማ እቲ ማይ ዝርከቦ ከባቢ ናይቶም ነበርቲ ቀደሞት ወለዲ ናይ እምነት ቦታን መቓብር ስለዝኾነ ክኩዓት የብሉን ዝብል እዩ፡፡ ኣይተ ኣብርሃም ድማ እዚ እምነት ባዕዲ ካብ ም኿ኑ ንላዕሊ ዝኣረገ ኣተሓሳስባ ስለዝኾነ ህዝቢ ከምዘይቕበሎ ኣፍሊጦም እቲ ቅድም ክብል ዝተገበረ መፅናዕትን ዝተረኸበ ልዑል ገንዘብን ክጥቀሙሉ ከምዘለዎም ነቶም ካልኦት ኣባላት ኮሚቴ ኣእሚኖም፡፡ ብድምፂ ኣብዝሓ እውን ክውሰን ገይሮም፡፡ ድሕሪ እዚ እቲ ፕሮጀክት ጨረታ ንዝስዓረ ትካል ተዋሂቡ እቲ ህንፀት ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታት እንትካየድ ፀኒሑ እዩ፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ስራሕ ክውዳእ እንዳተቓረበ ኳ እንተኾነ እቲ ተቓውሞ ግና ኣብ ነባራይ እቲ ከተማ እንዳገፍሐ መፂኡ ስራሕ ክሳብ ምትእጉጓልን ኣይተ ኣብርሃም እውን ኣብ ኣኼባ ህዝቢ ክሳብ ምሕታት ተበፂሖ፡፡ ካብዚ ዝተልዓለ ኣይተ ኣብርሃም ካብ ሓላፍነቶም ክወርዱ ተገይሩ፡፡ እቲ ፕሮጀክት ድማ ልዑል ገንዘብ ወፂእዎ እኳ እንኾነ ኣብ ኣጋምውድኡ ክቋረፅ፣ እቲ ዝተኹዓተ ጉድጓድ እውን ክድፈን ተገይሩ፡፡ ከተማ ሙጭሌ ዘለዋ ፀገም ማይ ከም ዘለዎ ክቕፅል ግድን ኮይኑ፡፡




## መልመዲ - 3


**ኣብቲ ዝተውሃበ ምንባብ ተደሪኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ንዝበፅሐ ዝለዓለ ኪሳራ ተሓታቲ ክኾን ዘለዎ መን እዩ?
2. ኣይተ ኣብርሃም ዝዓለምዎ ስራሕ ልምዓት ውፅኢታዊ ክኸውን ዘይክኣለ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ከረጋግፁ ስለዘይክኣሉ እዩ እንተዝበሃል ትሰማምዑዶ? ንምንታይ?
3. ካብዚ ምንባብ ኣብ ከይዲ ህንፀት ዴሞክራሲ ብዛዕባ ወሳንነት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ እንታይ ትምህርቲ ክውሰድ ይከኣል?

## 10.1.3. ኣብ ኢትዮጵያ ስሉጥ ዕብየት ልምዓት ንምርግጋፅ ዝግበር ፃዕሪ ብተሳትፎ ህዝቢ ምድጋፍ




ስእሊ 10.4 ኣብ ዓንኬል ፀገም መንዓዓዚ




ስእሊ 10.5 ካብ ዓንኬል ፀገም መንዓዓዚ ምውፃእ

- እቶም ስእልታት ዝገልፅዎ ሓሳብ እንታይ እዩ?
- ኣብ ክልቲኦም ዕብየት እኳ እንተሃለወ እቶም ዕብየታት ኣዝዩ ዝተፈላለየ ብርኪ ከምዘለዎም ርዱእ እዩ፡፡ ኣፈላላይ እቶም ብርክታት ነፅሩ፡፡

# ስድራ ኣወል

ኣወል ንትምህርቲ ካብ ዝከደሉ ከተማ ንዕረፍቲ መፂኡ ምስ ስድርኡ ይርከብ፡፡ እዚ ምሸት ስድርኡ ብሙልኦም ዝተኣኻኸብሉ እዩ፡፡ ብናይ ፋኑስ ብርሃን እናተራኣኣዩ ዕምር ዝበለ ቁምነገር ዝሓዘለ ወግዒ እንዳውግዑ እዮም፡፡ ኣወል ኣቡኡ ዝብሎዎ ልክዕ ኣይኮነን እናበለ እንተተኻትዐ እውን ስድርኡ ምምሕያሽ ዘለዎ ምኻኑ ግን ተቐቢልዎ'ዩ፡፡ ኮይኑ ግና እዚ ምምሕያሽ ኣብ ሂወቶም ትርጉም ዘለዎ ለውጢ ኣየምፅአን ባሃሊ እዩ፡፡ እቶም ካልኦት ኣባላት ስድራ ድማ ንኣቦኦም እንዳደገፉ ይካትዑ ነይሮም፡፡ ብእኣቶም ኣረኣእያ ኣቦኦም ንቀለብ ስድርኦም ዝሓሸ ምህርቲ ምእካብ ምኽኣሎም፡ ካብ ቀለብ እቲ ስድራ ተሪፉ ተሸይጡ ካብ ዝርከብ ገንዘብ ክዳን ስለዝግዛእ ከም ቀደም ዘይምዕራቖም፣ ፀገም ጨውን ሳሙናን ዘየለ ምኻኑ፣ ኢድ ሰብ ዘይምርኣዮም፣ ደቂ ተባዕትዮ ውሉዳት ኩሎም ቤት ትምህርቲ ምእታዎም ዓበይቲ ለውጥታት እዮም ይብሉ፡፡ ንቅድሚት'ዉን አወል ትምህርቱ ምስወደአ ከም ደቂ ከተማ ከምዘንብሮም ተስፋ ኣለዎም፡፡ ንዚኦም ለውጢታት ድማ ኣወል ግቡእ ግምት ክህብ ኣለዎ ይብሉ፡፡

ኣወል ሕዚውን በቲ ዝሓዞ ቅዋም ምስ ፀንዐ እዩ፡፡ ቀደም እውን ብዝለዓለ ድኽነት ተጠቒዕና ዝነበርና ኢና፡፡ ሎሚውን እንተኾነ ካብ ዓንኬል ዝለዓለ ድኽነትን ፀገምን ኣይወፃእናን ኢሉ ይካታዕ፡፡ ካብ ዝኸፍአ ድኽነት ዘውፅኣና መሰረታዊ ለውጢ ክነምፅእ ኣለና ኢሉ ብምክታዕ ንኣብነት እውን ስድራ መማህርቱ ንዝኾነ አጅሉ ይጠቅስ፡፡ ስድራ አጅሉ ከማና ብማሕረስ ዝናበሩን ናብርኦም ብድኽነት ዝተጠቕዑን እዮም ነይሮም፡፡ ሕዚ ግን ዝሓሸ መጠን ምህርቲ ምፍራይ ጥራሕ ኮይኮነ ገንዘብ ዘርክብን ኣብ ዕዳጋ ጠለብ ዘለዎን ዓይነት ምህርቲ ፈልዮም የፍርዩ፡፡

እዚ ብዝለዓለ ዋጋ ሸይጦም ቀለብ ኮነ ካሊእ ዘድልዮም ነገር ይገዝኡ፡፡ ከም ቀደም ምህርቲ ዘፍርዩ ኣብ ዓመት ሓደ ሻዕ ጥራሕ ኣይኮነን፡ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝፈስስ ሩባ ዳኮታ መስኖ ማይ ይጥቀሙ እዮም፡፡ ካብዚ ወፃኢ ድማ ንህቢ የራብሑ እዮም፡፡ ከፍትን ኣባጊዕን እናራብሑን እናህጠሩን ናብ ከተማ ወሲዶም ይሸጡ፡፡ እዚ ኣታዊ ገንዘብ እናፈጠረሎም ብምምፅኡ ሎሚ ኣብ ከተማ ኣትዮም ብምስራሕ ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ደቂ ኣንስትዮ ደቆም ንምምሃር ኺኢሎም እዮም፡፡ ትምህርቲ ዘይኮነላ ሓንቲ ጓሎም ኣብቲ ዘለቶ ክትነግድ ክገብሩ ክኢሎም፡፡ ዓብይ

ሓው ንኣንጀሎ እውን ሓንቲ መኪና ፅዕነት ገዚኦም ኣብ ዘፈር ትራንስፖርት ክሰርሕ ገይሮምዎ፡፡ እሞ ወለዱ ኣንጅሎ ኢንቨስተር ኮይኖም ንደቆም ዕድል ስራሕ'ዶ ኣይፈጠሩን? እዞም ኣባላት ስድራ መሰረታዊ ለውጢ ብምምፅኦም እቲ ሕማቕ ዓንኬል ድኽነት ብግልፂ በቲኾም እናወፁ እዮም፡፡ ስለዚህ ንሕና'ውን ከምዚ ዓይነት መሰረታዊ ለውጢ ብምምፃእ ካብ ዝነበርናዮ ዝከፍአ ዓንኬል ድኽነት ብዘየዳግም ሰቢርና ክንወፅእ ይግባእ ብምባል ተኻቲዑ ኩሎም ንኣወል ኒኢዶምዎ፡፡ ተስፋ'ውን ገይሮም፡፡ ንግዚኡ እቲ ክትዕ ኣብዙይ ተዛዚሙ ናብ መደቀሲኦም ከይዶም፡፡



## መልመዲ - 4

***ኣብቲ ዝተውሃበ ምንባብ ተደሪኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ስድራ ኣወል ዝርከብሉ ኩነታት ኣነባብራ በየናይ ዓይነት ዓንኬል ክግለፅ  ይከኣል? ንምንታይ? ስድራ ኣንጀሎ'ኸ?
2. እዚ ኣብ ክልቲኦም ስድራቤታት ዝረኣናዮ ኣፈላላይ ዕብየት ኣብ መንጎ ክልተ ሃገራት ዝርአ ለውጢ እንተዝኸውን ከመይ ክግለፅ ይኽእል?
3. ዓንኬል ድኽነት ክስበር ዝከኣል ብስሉጥ ልምዓት እዩ እንተዝበሃል ትስማምዑዶ? ንምንታይ?

ሃገርና እትርከብ ኣዝዩ ትሑት ኣብ ዝኾነ ብርኪ ድኽነትን ድሕረትን እዩ፡፡ ኮይኑ ግን ኩሉ ህዝቢ ቆሪፁ እንተተላዒሉን ጠንኪሩ እንተሰሪሑን እዚ ኩነታት ዘይልወጠሉ ምኽንያት ኣይህሉን፡፡ ይኹን እምበር እንርከበሉ ብርኪ ድኽነት ዝኸፍአ ኮይኑ ብምፅንሑ ዝተወሰነ ለውጢ ዕብየት ምህላው ጥራሕ እታ ሃገር  ሕዚ ካብ ትርከበሉ ድሕረት ብዘተኣማምን ኩነታት ንመወዳእታ ኣውፂኡ ቀፃልነት ዘለዎ ዕቤት ከምፅኣላ ኣይከኣለን፡፡  ስለዚ ሎሚ ኣብ ካልኦት ሃገራት ከምዝረኣ ኢትዮጵያ ብውሱን ለውጢ ክትጓዓዝ ኣይትኽእልን፡፡ ብምኳኑውን ዝመፅእ ለውጢ ስሉጥ ክኸውን ግድን እዩ፡፡ ኣዝዩ ስሉጥ ለውጢ ብምክያድ ነቲ ዓንኬል ድኽነትን ድሕረትን ስዒርካ ምውፃእ የድሊ፡፡ ኣብ  ዕለታዊ ናብራ ህዝቢ ርኡይ፣

ጭቡጥን መሰረታውን ለውጢ ኣብ ሓፂር ግዘ ምምፃእ መማረፂ ዘይብሉ እዩ፡፡ እዚ ውፅኢታዊ ክኸውን እንድሕር ተደልዩ ድማ ህዝቢ ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ብዘይምንም ጋእጋእታ ንጡፍ ተሳትፎኡ ከጠናኽርን ብዘይ ምቁራፅ ኣስተዋፅኦ ክገብርን ኣለዎ፡፡ ስሉጥ ልምዓት ንምርግጋፅ ህዝቢ ዝተረጋገአ ሂወት ክነብር ንምግባር እታ ሃገር እውን ካብ ድሕረት ክትናገፍ ቀንዲ መሳርሒ እዩ፡፡



## መልመዲ - 5

***ኣብዚዎም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡***

1. ኢትዮጵያ ኣብ ዝኸፍአ ድኽነትን ድሕረትን ውሽጢ ትርከብ ኣብ ዝብል ሓሳብ ተመያየጡ፡፡
2. እታ ሃገር ካብዚ ዝኸፍአ ኩነታት ክትወፅእ እትኽእል ብንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተደገፈ ስሉጥ ልምዓት ምስተረጋገፀ ጥራሕ ከምዝኾነ ይግለፅ፡፡ በዚ ሓሳብ ትስማምዑዶ?

# 10.2 ተግባራት ማሕበራት ሲቪክ

## 10.2.1. ምጥንኻር ማሕበራት ሲቪክ ንንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዘለዎ ረብሓ



*ስእሊ 10.6 ዓመታዊ መዓልቲ ቀይሕ መስቀል*

- ማሕበር ቀይሕ መስቀል እንታይ እንታይ ተግባራት ይፍፅም?
- ቀይሕ መስቀል ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ብምጥቃም ክፍፅሞም ዝኽእሎም ተግባራት ግለፁ፡፡

## ኣብ ዓርሰ ድሌት ዝተመስረተ ምርመራ ኤች.ኣይ.ቪ/ ኤድስ

ኣብ ዞባና ብመዳይ ምክልኻል ኤድስ ዝወሃብ ትምህርቲ እንዳተጠናኸረ መፂኡ እዩ፡፡ ስለዚ በዝሒ ብድልየቶም ምርመራ ዝገብሩ ሰባት ካብ እዋን ናብ እዋን እንዳወሰኸ መፂኡ እዩ፡፡ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ጨንፈር ምክልኻልን ማሕበራዊ ግልጋሎትን ኤድስ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ነፃ ግልጋሎት ንምሃብ ላቦራቶሪ ምርመራ ደም ኣጣይሹ ነይሩ፡፡ ሽዑ ኣብ መፈለምታ ሽድሽተ ወርሒ ብድልየቶም ምርመራ ኤች. ኣ.ይቪ /ኤድስ ዘካየዱ 300 ሰባት ጥራሕ ነይሮም፡፡ ዳሓር እውን ብዛዕባ እቲ ሕማም ዝወሃብ ትምህርቲ ብዝተፈላለዩ ወገናት ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢ እናተጠናኸረ ክኸይድ ተገይሩ፡፡ ስለዝኾነውን ኣብቲ ካልኣይ ሽድሽተ ወርሒ ምርመራ ዝገበሩ ሰባት በዝሒ ናብ 1700 ወሲኹ እዩ፡፡ ንዚውን እቲ ቀንዲ ምኽንያት ሕብረተሰብ ዘለዎ ግንዛበ ንኽዓቢ እቲ ትካል ዝገበሮ ፃዕሪ እዩ፡፡

ኣብቲ ዞባ ኣብ ዝርከቡ ሰበኻታትን ገዳማትን ንብዙሓት ኣመንቲ ንነዊሕ እዋን ብዛዕባ ምክልኻል ኤች. ኣይ.ቪ. ኤድስ ትምህርቲ ተዋሂቡ እዩ፡፡ ምስ ማሕበር መናእሰይ ብምትሕብባር ናይ ምይይጥ ማእኸላት ተጠይሸን እየን፡፡ በዚ'ውን ምስቲ ቫይረስ ንዝነብሩ ሰባት ሓገዝን ክንክንን ምግባር ተጀሚሩ ኣሎ፡፡

እቲ ትካል ብዛዕባ ምክልኻል እዚ ሕማም ዝህቦ ትምህርቲ ንምጥንኻር በብኣብያተ - ትምህርቱ ክለባት ሚኒ ሚድያ ክጣየሹ፡ ገይሩ እዩ፡፡ በዞም ክለባት ኣቢሉ እውን እቶም ተምሃሮ ብዛዕባ እቲ ሕማም ግንዛበ ክጭብጡ ገይሩ እዩ፡፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ወፃኢ ንዝተጣየሹ ማእኸላትውን ሓገዝ ዝተፈላለዩ ናውትን መሳርሒ ፅሕፈትን ገይሩ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ን565 ተፀዋዕቲ ክለባት ሚኒ ሚድያ ዝኾኑ ተምሃሮ መተሓባበርቲ ማእኸላት፣ ንመምህራንን ንዓበይቲ ዓድን ኣብ ምኽልካል ኤች. ኣይ. ቪ /ኤድስ ዘድሃቡ ሓፀርቲ ስልጠናታት ተዋሂቦም እዮም፡፡ ምስቲ ቫይረስ ንዝነብሩን ሓጋዚ ንዘይብሎም 25 ሰባት ካብ ወርሒ ሕዳር ኣትሒዙ ነንሕድሕዶም በብወርሑ 150 ብር ብሓገዝ እንዳከፋፈለ እዩ፡፡

እዚ ኩሉ ዘስዓቦ ድምር ውፅኢት ኣዝዩ ልዑል እዩ፡፡ ኣዝዩም ብዙሓት ተምሃሮ ኣብ ክለባት ካብ ምጥርናፎም ንላዕሊ ኣብ ሚኒ ሚድያ እውን ብበዝሒ ምጥቃም ጀሚሮም እዮም፡፡ ኣብ ከባቢ መንበርታት በብማእኸሉ መናእሰይ ብማሕበራት እንዳተወደቡ ምንቅስቓስን ኣብ ግልጋሎታት ዓርሰ ድሌት'ውን እንናተዋፈሩ ንዝደኸሙን ንዝሓመሙን ምሕጋዝ ጀሚሮም እዮም፡፡ ብሓፈሻኡ ናይቲ ህዝቢ ግንዛበ ብምዕባዩ ዓርሱ ካብቲ ሕማም ኣብ ምሕላው፣ ካብ ምድላውን ምግላልን ስርሑ ኣብ ምዕቃብ ርኡይ ለውጢ እንዳርኣየ ይርከብ፡፡ ንሕሙማት'ውን በዚ ኹሉ ብምብርትታዕ ናይ ምንባር ተስፋኦም ምዕባይን ሰሪሖም ብፍረ ጉልበቶም ንምንባር ፅዓርዓር ጀሚሮም ኣለዉ፡፡

(ኣዲስ ዘመን ግንቦት 7/95 ዓ/ም)



## መልመዲ - 6

ኣብ ላዕሲ ዝቐረበ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብቲ ምንባብ ምንቅስቓሳት ዝገብሩ ዝነበሩ ማሕበራት ሲቪክ ፅርሑ፡፡ ሕድሕዶም ዝገበርዎ ኣስተዋፅኦ እንታይ እዩ?
2. ካብቲ ዝቐረበ ፅሑፍ ማሕበራት ሲቪክ ንኣባላት ሕብረተሰብ ንጡፍ ተሳትፎ ንኽገብሩ ዘኽእል ኩነታት ከምዝፈጥሩ ዘርኢ ኣብነት ነፅሩ፡፡
3. ኣብቲ መረዳእታ ካብ ውሽጢ ዝተገለፁ ማሕበራት ሲቪክ ንስኻትኹምከ ኣበየናይ ክትሳተፉ ትደልዩ? እንታይ ዓይነት ተሳትፎ'ኸ ክትገብሩ ትኽእሉ?



## ዕዮ ጉጅለ

ሕድሕድኦም ሽድሽተ ኣባላት ዘለውዎም ጉጅለታት ኣጣይሹ፡፡ ብምቕፃል ኣባላት ሕድሕድ ጉጅለ ኣብ ክልተ ብምምቃል ፍርቂ ኣብ ሓደ ገፅ ፍርቂ ኣብ ካሊእ ገፅ ብምኳን ካብዞም ተዋሂቦም ዘለዉ መካተዕቲ ርእስታት ሓደ ሓሪኹም ኣብ መንጎኹም ክትዕ ኣካይዱ፡፡

# ርእስታት ክትዕ፤

1. ረብሓ ማሕበራት ሲቪክ ነቲ ሕብረተሰብ ድዩ ወይስ ንናይ ባዕሎም ኣባላት?
2. ኣብ ማሕበራት ሲቪክ ተሳትፎ ምግባር ግቡእ ድዩ ኣይኮነን?

ሲቪክ ማሕበራት ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ዘለዉ ሰባት ብድልየቶም ብሓባር ዘጣይሽዎም ማሕበራት እዮም፡፡ እቶም ኣባላት ናይ ባዕሎም ጉልበት፣ ገንዘብ፣ ፍልጠት፣ ግዘ ወፍዮም ዘጣይሽዎም እዮም፡፡ ካብኡ ንደሓር ድማ ካብ ካሊእ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንቲ ሕብረተሰብ ዝህብዎ ግልጋሎት ኣብ መትከል ምርካብ መክሰብ እንተይኮነ ግልጋሎት ጥራሕ ንምሃብ ኣብ ማሕበራዊ ምጣነ ሃፍታውን ፖለቲካዊን ዋኒናት ምውፋር እዩ፡፡ ማሕበራት ሲቪክ ካብ ዝኾነ ይኹን ሃይማኖታዊ ፖለቲካዉን ወታደራዉን ፅዕንቶ ነፃ ክኾኑ ኣለዎም፡፡ እዞም ኣካላት ሕገ መንግስቲን ኣግባብ ዘለዎም ካልኦት ሕግታትን እታ ሃገር ኣክቢሮም፡ ብሕጊ ተፈሊጦም፣ ተመዝጊቦምን ስርሖም ዘካይዱ ነፃ ማሕበራት እዮም፡፡

ማሕበራት ሲቪክ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምዕባይ ልዕል ዝበለ ግደ ኣለዎም፡፡ ጥንኩር ማሕበራት ሲቪክ ድልየት ሕብረተሰብ መሰረት ገይሮም ስለዝንቀሳቐሱን ህዝቢ'ውን ኣብቲ ምንቅስቓሶም ክሳተፍ ስለዝገብሩን ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ የማዕብሉ፡፡ ቅድም ክብል ንምርኣይ ከምዝተፈተነ ምጉልባት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ዝለዓለ ግደ ኣለዎ፡፡



## መልመዲ - 7

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ማሕበራት ሲቪክ ምስቲ ግልጋሎት ዝህብዎ ሕብረተሰብ እንታይ ዓይነት ርክብ ክህልዎም ይግባእ?
2. ማሕበራት ሲቪክ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ምፍጣርን ምዕባይን ዘለዎም ግደ እንታይ ይመስል?

## መጠቓለሊ

ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ውልቀሰባት ብሓባር ምእንቲ ከባቢያውን ሃገራውን ረብሓ ብድልየትን ብዓርሰ ተበግሶን ዝተፈላለዩ ኣበርክቶ ንምሃብ ዝገብርዎ ምንቕስቓስ እዩ፡፡ እቲ ምንቅስቓስ ውፅኢታዊ ምእንቲ ክኸውን ብሓባር ምፍፃሙ ኣድላይ እዩ፡፡ ንዚውን ምውዳብ የድሊ፡፡ ከምዚ ዝበለ ብውልቀ ተበግሶ ዝጣየሽን ካብ ፖለተካ፣ ሃይማኖት፣ ወተሃደራዊ ፅልዋ ነፃ ዝኾነ ንመኸሰብ ከይኮነ ሕብረተሰብ ንምግልጋል ዝጣየሽ ውዳበ ማሕበር ሲቪክ ይበሃል፡፡ እዞም ማሕበራት እቲ ህዝቢ ንሰናይ ተግባር ክለዓዓል ብምግባር ንናይ ባዕሉ ረብሓታት ክንቀሳቐስ ይገብሩ፡፡ ድልየት ህዝቢ ሒዞም ኣብ ውሽጡ ብምንቕስቓስ ንጡፍ ተሳትፎ ንኸገብር የለዓዕሉ የለማምዱውን፡፡ በዚ ኣገባብ ድማ ንንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ምጉልባትውን ኣበርክቶ ይህቡ እዮም፡፡

ኣብ ሃገርና ስርዓት ዴሞክራሲ ክጠናኸርን እታ ሃገር ካብቲ ዘለቶ ዝኸፍአ ብርኪ ድኽነትን ድሕረትን ንኸትናገፍ ስሉጥ ዕብየት ክተርእን ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ወሳኒ እዩ፡፡ ብምኳኑ ንሕናውን ማሕበር ሲቪክ ኣብ ዝንቐሳቐስሉ ተግባር ልምዓት ንጡፍ ተሳትፎ እንተንገብር ንኸባቢናን ንሕብረተሰብናን ረብሓ ዘለዎ ኣበርክቶ ክንገብር ንኽእል ኢና፡፡ በዚውን ኣብ ሕብረተሰብና እናገፍሐ ዘሎ ባህሊ ዴሞክራሲ ንምጉልባትን ንዕብየትን ኣስተዋፅኦ ክንገብር ንኽእል፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ልምዓት ከባቢ፡- ውፅኢት ማሕበራዊን ምጣነሃፍታውን ኩነታት ከባቢ ወይ ጣብያ ዘምሓይሹ ምንቕስቓሳት

ትልሚ፡- ሓደ ተግባር ብዝለዓለ ውፅኢት ንምፍፃም ሰባት ዘለዎም ገንዘብ፣ ናውቲ ሓይሊ ሰብ፣ ግዘን ሃፍቲ መረዳእታን ብግቡእ ኣጣሚሮም ናብ ተግባር ዝዋፈሩሉ መርሃ ግብሪ፡፡

ገምጋም፡- ሓደ ብትልሚ ዝተፈፀመ ተግባር ዝተሓሰበሉ ውፅኢት ብዝድለ ብርኪ ውፅኢታዊ ምኳኑ ምምዛንን ንቀፃላይ ትልሚ ድማ ካብ ዝሓለፈ ተሞክሮ ዝውሰደሉ ከይዲ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ቀፂሎም ንዝቐረቡ ምሉእ ሓሳባት ዝሓዘዎ ሓሳብ ልክዕ እንተኾይኖም “ሓቂ” ልክዕ እንተዘይኮይኖም “ጌጋ” እንዳበልኩም መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ልምዓት ከባቢ ዝለዓለ ማሕበራዊ ረብሓ ንክህልዎ ብንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ክሕገዝ ይግባእ፡፡
2. ኣብ ሓደ ሃገር ብዝተፈላለዩ ብርክታት ንዝፍፀሙ ስራሕቲ ልምዓት ከባቢ ብሕታዊ ወናኒን ተዋሳኢን ነቲ ህዝቢ ዝውክል መንግስቲ እዩ፡፡
3. ኣብ ተግባር ልምዓት ከባቢ ዝሳተፍ ሰባት ኣብ ዝድለዩሉ ግዘ ነቲ እዋን ኣኸቢሮም ዘይርከቡ እንተኾይኖም ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ይተኣንጎል፡፡
4. ማሕበራት ሲቪክ ካብ ፅዕንቶ መንግስቲ ነፃ ብምኳኖም ኣብ ዝኾነ ይኹን መንግስታዊ ትካል ምምዝጋብን ምፍላጥን ኣየድልዮምን፡፡
5. ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ንልምዓት ከባቢ ምጉልባት እምበር ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ኣስተዋፀኦ የብሉን፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ “ሀ” ንዝቐረቡ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ ”ለ” ካብ ዝቐረቡ ዝሰማምዕዎም ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| _____1. ማሕበር ንግዲ | ሀ. ንሓደ ዕላማ ኣብ ማሕበር ምጉጃል |
| _____2. ማሕበር መናእሰይ | ለ. ብከባቢ ዝፍፀም ማሕበራዊን ምጣነሃፍታዊ ተግባር |
| _____3. ምውዳብ | ሐ. ኣበርክቶ ፍልጠት |
| _____4. ልምዓት ከባቢ | መ. ኣብ ክሊ ሓደ ሙያ ዝተኣኻከቡ |
| _____5. ካብ መግለፅታት ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ሓዲኡ | ሠ. ማሕበር ሲቪክ ዘይኮነ ትካል |
| | ረ. ሓደ ኣብነት ማሕበር ሲቪክ |
| | ሰ. ሰባት ተኣኻኺቦም ብሓበራዊ ውሳነ ዝፍፅምዎ ዝኾነ ይኹን ተግባር |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ልክዕ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ማሕበራት ሲቪክ ካብ ፅዕንቶ መንግስቲ ነፃ ምኳኖም፦
   ሀ. ንሕገ መንግስቲ ናይ ምኽባር ግቡእ የብሎምን፡፡
   ለ. ኣግባብ ብዘለዎ ሕጊ መሰረት ምምዝጋብን ፍቓድ ምርካብን ኣለዎም፡፡
   ሐ. ምስ ልምዓት ከባቢ ኣጣሚሮም ፖለቲካዊ ወይድማ ሃይማኖታዊ ዕላማታት ምክያድ ይኽእሉ፡፡
   መ. መልሲ ኣይተውሃበን

2. ስራሕ ልምዓት ከባቢ ነቲ ሕብረተሰብ ነፂሉ ንመንግስቲ ጥራሕ ክግደፍ ዘይግበአሉ ምኽንያት፦
   ሀ. እቲ ህዝቢ ኣብ ልምዓትን ውፅኢት ልምዓትን ስምዒት ዋንነት ክህልዎ ንምግባር ተሓሲቡ እዩ፡፡
   ለ. ኣብቲ ህዝቢ ስምዒት ፅግዕተኛነት ንምዕባይ ተሓሲቡ እዩ፡፡
   ሐ. ቀፃልነት ዘለዎ ልምዓት ከባቢ ዝረጋገፅ መንግስቲ ጥራሕ እንተፈፂሞዎ ስለዝኾነ እዩ፡፡
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

3. ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ንጡፍ ተሳትፎ እንድሕር ሃልዩ ካብዚኦም ዝስዕቡ ብሓደ ክግለፅ ይከኣል፡፡
   ሀ. ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ልምዓት ከባቢ ብኣካል ብምርካብ
   ለ. ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ልምዓት ከባቢ ወፈያ ጉልበት ብምግባር
   ሐ. ኣብ እዋን ምንቕስቓስ ልምዓት ከባቢ ኣብቲ ቦታ ተረኺብካ ብምብርትታዕ
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

4. ኣብ ሓደ ማሕበራዊ ምንቅስቓስ ልምዓት ንጡፍ ተሳትፎ ኣባላት ክርአ ዘለዎ ኣበየናይ ብርኪ እዩ?
   ሀ. ኣብ ኣወፃፅኣ ትልሚ
   ለ. ኣብ ትግበራ ትልሚ
   ሐ. ኣብ ገምጋም ኣፈፃፅማ ትልሚ
   መ. ኩሎም ልክዕ'ዮም
5. ኣብ ሓደ ምንቅስቓስ ልምዓት ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ኣሎ ካብ ዘብልዎ ነገራት ሓደ ____________________ እዩ፡፡
   ሀ. ብውዳበ መልክእ ከይኮነ ብውልቀ ምፍፃሙ
   ለ. ብበዝሒ ቁፅሪ ተሳተፍቲ ሰባት
   ሐ. እቲ ስራሕ ብምፍፃሙ ጥራሕ ከይኮነ ውፅኢታዊ እውን ብምዃኑ
   መ. ኩሎም ልክዕ እዮም፡፡

IV- *ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብዝስማማዕ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ዘጎልብትን ካብ ፅልዋ መንግስቲ ነፃ ዝኾነን ውዳበ __________________ ይበሃል፡፡
2. ልምዓት ከባቢ ቀፃልነቱ ንኽረጋገፅ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ክህልዎ ስለዝግባእ እቲ ስራሕ ን ________________ ጥራሕ ክግደፍ የብሉን፡፡

V- *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ምንቅስቓስ ልምዓት ሓደ ከባቢ ብሓቂ ተሳትፎ ህዝቢ ኣረጋጊፁ እዩ ክብሉ ዝክእሉ ሰለስተ ነገራት ፅርሑ፡፡
2. ሓደ ኣባል ሕብረተሰብ ኣብ ምንቅስቓስ ልምዓት ከባቢኡ ንጡፍ ተሳትፎ ምግባሩ ንምርግጋፅ ክፍፅሞም ካብ ዝግቡኡ ተግባራት ኣርባዕተ ጥቐሱ፡፡

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ

## ኣለሻ ፍልጠት

**ዕላማታት እዚ ምዕራፍ፤-**

**ነዚ ምዕራፍ 'ዚ ምስተምሃርኩም፣**

- ፍልጠት፣ ንልምዓት፣ ንምርምርን ንፈጠራን መሰረት ምዃኑ ብምግንዛብ ንትምህርቲ ዘለኩም ድሌት ተዕብዩ፡፡
- ኣድላይነትን ረብሓን መረዳእታ ትርድኡ፡፡
- ፍልፍላት መረዳእታ፣ ኣተሓሕዛ መረዳእታን ሜላታት ኣጠቓቕማን ትፈልጡ፡፡

## 11.1 ፍልጠት



ስእሊ 11.1 ምርምር ኣብ ቤተፈተነ



ስእሊ 11.2 ምርምር ስነ ጥንቲ



ስእሊ 11.3 መምህር ኣብ ውሽጢ ክፍሊ

- ካብዞም ስእልታት እንታይ ትርድኡ?
- ኣብ ቤተ ፈተነ ዝርአ ስእሊ ብዛዕባ ሳይንሳዊ ኣረኣእያ እንታይ የመልክት?

## ለኺኺቶ

ቀደም ለኺኺቶ ኣብ እትነብረሉ ከባቢ ዘጭንቕ ጥምየት ኣትዩ ነይሩ፡፡ ኣብቲ ከባቢ ዝነብሩ ኣዕዋፋን ካልኦት እንስሳትን በቲ ጥምየት ኣዚዮም ተጎዱኦም፡፡ እቲ ጥምየት ንምዕዋር እቶም ዘይብሎም ካብቶም ዘለዎም እንዳተለቅሑ ክበልዑ ጀሚሮም፡፡ ካብቶም ተለቃሕቲ ሓንቲ ለኺኺቶ ነይራ፡፡ ካብ ብዙሓት ኣዕዋፍ ብዙሕ ተለቂሓ ነይራ፡፡ እቲ ሕማቕ ዘመን ምስ ሓለፈ ካልኦት ኣዕዋፍ ልቓሕን እንትመልሳ ለኺኺቶ ግና ተለቂሓ ዝበልዓቶ ምምላስ ኣብይዋ፡፡



ስእሊ 11.4 ለኺኺቶ

ኣብ መወዳእታ ዘለቅሕዋ ኲሎም ይደልይዋ ነይሮም፡፡ ንሳ ድማ እናተሓበአት ምምላጥ መሪፃ፡፡ ካብኡ ዝተልዓለ ከምተን ካልኦት ኣዕዋፍ ቀትሪ ምብራር ገዲፋ ቀለባ ንምድላይ ለይቲ ለይቲ ምብራር መሪፃ፡፡ በዚ ዝተልዓለ እውን ለኺኺቶ ተባሂላ፡፡



## መልመዲ - 1


***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብቲ ምንባብ ተደሪኩም መልሱ፡፡***

1. ለኺኺቶ ዝብል ፅሑፍ ኣብ ጭቡጥ ኩነታት ዝተደረኸ'ዶ ይመስለኩም? ንምንታይ?
2. ኣብ ቁፅሪ 1 ካብ ዝመለስኩምዎ መልሲ ተላዒልኩም ብዛዕባ ሳይንሳዊ ዘይኮነ ኣረኣእያ እንታይ ተረዲእኹም?

## ግመል

ግመል ካብ ፈረስ ይበልፅ፡፡ ኣካላዊ ግዝፈቱ እውን ካብ ካልኦት እንስሳት ዝተፈለየን ብርቱዕን እዩ፡፡ ክፅዓንን ክራገፍን ይንብርከኽ እዩ፡፡ ጠጠው ክብል እንትሓሰብ ፈለማ ናይ ድሕሪት እግሩ የልዕል፡፡ ሰብ ተቐሚጥዎ እውን እቲ ግመል ክልዓል ከሎ እቲ ሰብ ብደንቢ እንተዘይሒዙ ናብ ርእሲ እቲ ግመል ክወድቕ ይኽእል እዩ፡፡ ግመል ጥንኩር ካብ ምኻኑ ዝተልዓለ ከቢድ ኣቕሓ ክሽከም ይኽእል እዩ፡፡

ግመል ኣብ ሰሜን ህንዲ፣ ሃገራት ዓረብ፣ ምድረበዳ ዝኾኑ ከባብታት ኣፍሪካን ዓብይ ረብሓ ኣለዎ፡፡ ግመል ማይ ከይሰተየ ብዙሕ ክጉዓዝን ኣርባዕተ ሓሙሽተ መዓልቲ ክፀንሕን ይኽእል እዩ፡፡ ዝተወሰኑ ዓሌታት ግመል ኣብ ሕቑኦም ሓደ ምንጉዳ፣ ካልኦት ዓሌታት ድማ ክልተ ምንጉዳ ኣለዎም፡፡ እቲ ምንጉዳ ስቡሕ እዩ፡፡ እቲ ግመል ከይበልዐ ብዙሕ ኣብ ዝፀንሐሉ እዋን እቲ ምንጉዳ እንዳመኸኸ ከም ምግቢ የገልግሎ፡፡



ስእሊ 11.5 ግመል

እግሪ ግመል ዓበይቲ፣ ገፋሕትን ልስሉሳትን ኮይኖም ብረጐይድ ቆርበት ዝተላገቡ እዮም፡፡ ኣብ ምድረበዳ ኣብቲ ውዑይ ሓሸዋ ብቀሊሉ ክስጉም ይሕግዙዎ እዮም፡፡ ግመል እንትስጉም ቀስ ኢሉ ስለዝኾነ ብጥቓና እንትሓልፍ ኣይንስምዖን፡፡

ኣፍንጫ ግመል ፀቢብ ጭዳድ ሃልይዎ ብቀሊሉ ክኸፈትን ክዕፆን ይኽእል እዩ፡፡ ሓሸዋ ብንፋስ እንትምብልበል እቲ ግመል ደቂሱ ኣፍንጭኡ ዓፅዩ ባዕሉ ኣብቲ ሓሸዋ ይቀብር፡፡ ኣፍንጭኡ ካብ ርሑቕ ጨና ማይ ክስሕብ ይሕግዞ፣ ሓድ ሓደ ግዘ መንገዲ ብምቁራፅ ከይዱ ናብቲ ማይ ኣብ ዘለዎ ቦታ ይበፅሕ፡፡ በዚ ኩነታት'ዚ መንገደኛታት ብቐሊሉ ማይ ናብ ዘለዎ ክበፅሑ ይሕግዞም፡፡

(ከበደ ሚካኤል፣ ተማሓይሹ ዝተወሰደ)



## መልመዲ - 2

***ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡***

1. "ግመል" ዝብል ፅሑፍ ዘቕረበልና ፀሓፊ ዝበለና ሓሳብ ሓቂ ምዃኑ ምርግጋፅ ይከኣልዶ? ብኸመይ?
2. ክሳብ ሕዚ ካብ ዘስተውዓልኩምዎ ኩነት ተላዒልኩም ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ እንትበሃል እንታይ ተረዲእኹም? ብጉጅለ ኮይንኩም ተመያየጡ፡፡ ዝበፃሕኹምሉ መደምደምታ'እውን ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

ኣለሻ ፍልጠት ባህርይ ተፈጥሮ ወዲሰብ ምዃኑ ይፍለጥ፡፡ ፍልጠት እንትድለ ድማ ኣብ ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ ናይ ምድራኽ ከይዲ ኣለዎ፡፡ ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ ብዛዕባ ዓርስና ከባቢናን ዓለምናን ዝህልወና ግንዛበን ፍልጠትን እዩ፡፡ እዚ ኣተሓሳስባ እውን ብዝተፈላለዩ መንገድታት ኣብ እንረኽቦም መረዳእታታት ስፍሓትን ፅበትን ከምኡውን ምፍኳስን ዕሙቀትን ይውሰን፡፡ እዚ እንትብሃል ካብ ዕድመና፣ ልምድናን ብርኪ ትምህርትናን ኣብ እንረኽቦ መረዳእታ ተደሪኹ ዝዓቢ ሃፍቲ ሕሊና ይኽውን ማለት እዩ፡፡ ብኻሊእ ኣበሃህላ ጥንካረ ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባና ዝምዘን ብመጠን ዘለና ሓቂ ዝሓዘ መረዳእታን ተግባራዊነቱን እዩ ምባል ይከኣል፡፡

ዕምቆት ዘለዎ ፍልጠት ምርካብና ሓቂ ዝሓዘ ውሳነ ንምውሳን፣ ክእለት ምህዞ ንምምዕባል፣ ንምስላጥ ልምዓት፣ ዓርስኻ ንምኽኣል ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎ፡፡ ሓደ ሰብ ኣብ ክሊ ሓደ ነገር ዕሙቕ ዝበለ ፍልጠት እንተረኺቡ ኣብቲ ጉዳይ ግቡእ ውሳነ ንምውሳን ኣይፅገምን፡፡ ንኣብነት ኣብላዕሊ ብዘቕረብናዮም ስእልታት ዝረኣናያ ተመራማሪት ቤት ፈተነ ዝተፈላለዩ ኬሚካላት ብሳይንሳዊ ኣካይዳ ምስፈተሸት እዞም ኬሚካላት ንመድሓኒት ወይ ምህርቲ ሳሙና መቐመሚ ክኾኑ ምኽኣሎምን ዘይምኽኣሎምን ብቐሊሉ ክትውሰን ትኽእል እያ፡፡

ፍልጠት ብምዕባይ ሙያ ካብ ምዕባዩ ብተወሳኺ ንዝተፈላለዩ ተበግሶታት ስራሕ ስለዝዕድም ሰባት ካልኦት ዝሰርሕዎ ካብ ምጥቃም ሓሊፎም ሓደሽቲ ነገራት ክምህዙ'ውን በሪ ይኸፍተሎም እዩ፡፡ ንኣብነት ብሙያ ምህንድስና ዝለዓለ ፍልጠት ዘለዎም ሰባት ዝሰርሕዎ ፐላን ገዛ ካብምጥቃም ናይ ባዕሎም ሓደሽቲ ፐላናት ገዛ ክሰርሑ ይኽእሉ እዮም፡፡

ሃገር ክትለምዕ እትኽእል ህዝባ ብዝግባእ እንተተማሂሩ እዩ፡፡ ዜጋታት ናብ ዝለዓለ ፍልጠት ተስጋጊሮም ማለት ሓደስቲ ምህዞታት ተረኪቦም መነባብሮ ሰባት ዝልውጡ ኣሰራርሓታት ተመስሪቶም ከምኡውን ዜጋታት ብስፍሓት ናብ ስራሕ ተዋፊሮም ማለት እዩ፡፡ ሽዑ ሽዑ ቴክኖሎጂ ይዓቢ፣ ቴክኖሎጂ እንትዓቢ ስርዓት ምፍራይ ስሉጥ ይኸውን፣ ምህርቲ በዘየጠራጥር ይዓቢ፡፡ ሃገር ለሚዓ፣ ዜጋታት እውን ናብርኦም ተመሓይሹ ምባል ይከኣል፡፡



## መልመዲ - 3

***ካብዞም ዝስዕቡ ርእስታት ብሳይንሳውነቱ ምቕባል ዝከኣል ኣየናይ እዩ? ንምንታይ ሳይንሳዊ ወይ ኢ-ሳይንሳዊ ከም ዝበልኩም ንሕድሕድ ምኽንያትኩም እንዳገለፅኩም ኣቕርቡ።***

1. ወርሒ ናይ ባዕላ ብርሃን ዘይብላ ኣካል እያ፡፡
2. መሬት ክቢ ከይኮነት እንቋቁሖ ምስሊ ዘለዋ ፕላኔት እያ፡፡
3. ብፅግዕተኛ ህዋሳት ኣቢሎም ዝመፁ ሕማማት ንምክልኻል ፈሊሑ ዝዘሓለ ማይ ምስታይ ውፅኢቱ ዝተሓተ እዩ፡፡
4. ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምክልኻል ንኣኽላባት ተኽታቲልካ ምኽታብ ግቡእ እዩ፡፡
5. መብረቕ እግዝኣብሄር ሰይጣን ንኽቐትል ዝትኩሶ ጥይት እዩ፡፡

# 11.2 ኣድላይነት መረዳእታ

## 11.2.1. መረዳእታ ካበይ ይርከብ?



*ስእሊ.11.6 መረዳእታ ብስልኪ ይርከብ*



*ስእሊ 11.7 መረዳእታ ካብ መፃሕፍቲ ይርከብ*



ስእሊ 11.8 መረዳእታ ካብ ጋዜጣታት ይርከብ

- ኣብ ላዕሊ እትርእይዎም ስእልታት ብዛዕባ መረዳእታ እንታይ ዓይነት ሓሳብ ሂቦምኹም?
- ኣብቲ ስእሊ እትርእይዎም ፍልፍል መረዳእታታት ከከም ረብሐኦም ከነቕምጦም እንተደሊና ኣየናይ ፈለማ ይመፅእ? ኣየናይ ይቕፅል? ኣብ መወዳእታ ዝመፅእ'ሽ ኣየናይ እዩ ትብሉ? ንምንታይ እዚ ቅደም ሰዓብ ክትህቡ ክኢልኩም?

ኣብዚ ኣቐዲምና ሓደ ክነስተውዕሎ ዝግባእ ነገር ኣሎ፡፡ መረዳእታ ክንብል ከለና ኣፅቢብና ምርኣይ የብልናን፡፡ ብዛዕባ ትምህርትና እኹል ዝኾነ መገናዘቢ ፅሑፍ ወይ ሓጋዚ መፅሓፍ ንደሊ፡፡ መረዳእታ ኣድልዮና ማለት እዩ፡፡ ቤት ትምህርቲ መዓዝ ከምዝኽፈት፣ ሕድሕድ ትምህርቲ መን ከምዘምህረና፣ ፈተና መኣዝ ከምዝወሃብ መረዳእታ የድልየና፡፡ ብዛዕባ ኩነታት ኣየር፣ ከባቢና፣ ብዛዕባ ፓለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ማሕበራዊ ምንቅስቃሳት ዞባና፣ ክልልና ከምኡውን ሃገርና እኹልን ሓቂ ዘለዎን መረዳእታ ምርካብ ኣለና፡፡ ንዚውን ከም ስልኪ፣ ጋዜጣ፣ ሬድዮ፣ ከምኡውን ካልኦት ሜላታት ንጥቀም፡፡ ገፊሕን ዕሙቕ ዝበለን መረዳእታ ትምህርቲ እንትንደሊ ድማ ብዝበለፀ ዝሕግዙና መፃሕፍቲ ስለዝኾኑ ናብ ቤተ መፅሓፍቲ ምኻድ ከድልየና ይኽእል፡፡

ዝህልወና መረዳእታ ካብናይ ዓርስና ተሞክሮ፣ ካብ ትምህርቲ፣ ካብ ዝተፈላለዩ ንባባት፣ ሬድዮ ቴሌቪዥን ከምኡውን ካብ ሰባት ዝርከብ ይኸውን፡፡ ብሓፂሩ ንምቕማጥ ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ ባዕልና በቶም ሓሙሽተ ህዋሳት ስምዒት ካብ እንረኽቦም ከምኡውን ካልኦት ብግቡእ ሪኦም ወይ ብመፅናዕቲ ረኺቦምዎ ካብ ዘፍልጡና ሓቅታት ክርከብ ብዝኽእል ነፀብራቕ እቲ ጭቡጥ ዓለም እዩ ማለት ንኽእል ኢና፡፡

ካብ ናይ ዓርስና ተሞክሮ እንረኽቦ መረዳእታ ብዙሕ ግዘ ዘይስሩዕ እዩ፡፡ እዚ እንትበሃል ቤት ትምህርቲ ክንኣቱ ወይ መረዳእታ ንምርካብ እንትንንቀሳቐስ ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት፣ ኩነታት ኣየር፣ እንስሳት ወይ ተኽልታት እንትንርኢ፣ እንትንድህስስ፣ እንትነጫኑ፣ እንትንጥዕም እንረክቦ መረዳእታ ዝሕብር እዩ፡፡ ከምዚ ዝበለ መረዳእታ እንተደለናዮውን እንተዘይደለናዮውን ክንረኽቦ እንኽእል ዓይነት እዩ፡፡ ምኽንያቱ ብሂወት ክሳብ ዘለናን ዝተንቀሳቐስናን ምስ ነገራትን ሰባትን ዘየቋርፅ ርክብ ክሳብ ዘለና መረዳእታ ንረክብ ኢና፡፡ ካብ ማዕኸናት መራኸቢ እንረኽቦ መረዳእታ ድማ እንትንዘናጋዕ ወይ ዜና እንትሰምዕ ወይ ዝተፈላለዩ ጋዜጣታትን መፅሄታትን ዳላሊና እንትንርኢ እንረኽቦ መረዳእታ እዩ፡፡ ካብ ማዕኸናት መራኸቢ እንረኽቦም መረዳእታታት ፍልይ ዘብሎም መብዛሕትኡ ግዘ ሓደስቲ ምዃኖምን ካብ ኩሉ ዓለም ምስ ዝተረኽቡ ሓቅታት ዘራኽቡና ምኻኖምን እዩ፡፡

ብዝበለፀ ዘተኣማምንን ኣዝዩ ረብሓ ዘለዎ ዝኸውንን ግና ካብ ቤት ትምህርቲ እንረኽቦ መረዳእታ እዩ፡፡ እዚ ድማ ብኽልተ ምኽንያት እዩ፡፡ ብሓደ ገፅ ኣብ ስራሕቲ ትምህርቲ ዝተዋፈሩ መምህራን በቲ ሙይኦም ዝሰልጠኑ ምዃኖም እቲ ዝርከብ መረዳእታ ዘተኣማምን ይገብሮ፡፡ ብካሊእ ገፅ ድማ እቲ ዝቐርብ ትምህርቲ ዕድመ፣ ሜላ ኣነባብራን ብርኪ ፍልጠትን ተምሃሮ መሰረት ጌይሩ ዝዳሎ ብምዃኑ ነቲ መረዳእታ ሓቂ ዘለዎን ዓቕሚ ዝመጠነን ይገብሮ፡፡ ኣብ ርእሲ'ዚ ንዝድለ መረዳእታ መሰረት ዝኾኑ መፅሓፍቲ ተዳልዮም ምቕራቦም ዘይተርፍ ከይዲ እዩ፡፡ ስለዝኾነውን ንመረዳእታታት ቤት ትምህርቲ እኹል ጠመተ ምሃብ ይግባእ፡፡

## 11.2.2 መረዳእታ ብኸመይ ኣብ ስራሕ ይውዕል?

- በብ መዓልቱ እትረክብዎም መረዳእታታት ብኸመይ ትሕዝዎም?
- ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ኣብ መዘከርታኹም ዝሓዝኩምዎም መረዳእታታት ከመይ ትጥቀሙሎም?

"መረዳእታ ሂወት እዩ' ዝብል ዘቢናዊ ኣበሃህላ ኣሎ፡፡ ብዘይምኽንያት ኣይኮነን፡፡ መረዳእታ ንዘበናዊ ሰብ ወሳኒ ግደ ስለዘለዎ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ሎሚ ኣብ ዝተረሓሓቐ ቦታን ኩነታትን ዝነብሩ ሰባት ሂወቶም ነንርእሱ ዝተኣሳሰረ እዩ፡፡ ንኣብነት ኢትዮጵያን ቻይናን ዝተረሓሓቑ ክልተ ሃገራት እዮም፡፡ ኮይኑ ግን ርክብ ንግዲ፣ ፖለቲካ፣ ማሕበራዉን ምጣነ ሃፍታውን ብዝምልከት ሓቢሮም ክሰርሑ ይግባእ፡፡ ስለዝኾነውን መዓልታዊ ምልውዋጥ መረዳእታ ይደልዩ፡፡ ብሓፂሩ ኣብ ዝሓሸ ሂወት ንምንባር ሓፈሻዊ ስብእናና ዝተማልአ ንምግባርን ንሃገርና ጠቓምቲ ዜጋታት ንምኳን ዝተማልአ መረዳእታ ምርካብ ኣድላይ እዩ፡፡

ኮይኑ ግን መረዳእታ ምርካብ ጥራሕ እኹል ኣይኮነን፡፡ እንረኽቦም መረዳእታታት ብዝምልከት ሰለስተ ሓፈሻዊ ጥንቃቐታት ምግባር ይግባእ፡፡ እቲ ሓደ ዝኾነ ይኹን መረዳእታ ሰነድ ጌርካ ንምፅናሕ ምፅዓር እዩ፡፡ ንኣብነት ኣብ ቤት ትምህርትኹም ዘለዉ ተምሃሮ ብፆታ፣ ብዕድመ ብብርኪ ትምህርቲ፣ መዝጊብኩም ሒዝኩም ኣለኹምዶ? ኩነታት ኣየር ከባቢኩም'ከ እናተከታተልኩም'ዶ ትሕዙ? ናትኩምን ናይ ስድራኹምን ኩነታት ጥዕናኸ? እዚኦም ኣዝዮም ጠቓምቲ መረዳእታታት ምኳኖም ኣይትረስዑ፡፡

እቲ ካልኣይ ቁምነገር መረዳእታ ክንወስድ ከለና ካብቲ ግቡእ ፍልፍል ምርካብና ርግፀኛታት ክንኮን ኣለና፡፡ ንኣብነት ናይ ሎሚዘበን ኩነታት ኣየር እንታይ ክመስል ከምዝኽእል ምፍላጥ እንተንደሊ ካብ በዓልሙያ ሜትሮዎሎጂ ምኳኑ ምፍላጥ ይግባእ፡፡ ሓድሕደ ሰባት ብግምት "ዝናብ ክዘንብ ይኽእል" እንተይሎምና ሓቂ እዩ ኢልና ክንቐበል ኣይግባእን፡፡ ብዛዕባ ትምህርትና እውን እንተኾነ መፅሓፍቲ እንትንጥቀም እኹል ፍልጠት ዘለዎም ምሁራን ዝፀሓፍዎም ምኳኖም ምርግጋፅ ኣድላይ ይኸውን፡፡ ምኽንያቱ ሓደ ሓደ ሰባት ንዋኒን ንግዲ ኢሎም

ዘሕትምዎም ስራሕቲ ዘተኣማምን ፍልጠት ክህቡና ዘይኽእሉ ኽኾኑ ይኽእሉ እዮም።

እቲ ሳልሳይ ነገር ዝረከብናዮም መረዳእታታት ብግቡእ ምሓዝን ኣብ ስራሕ ምውዓልን ይጥምት። ብፃዕርና ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት እንእክቦም ኮነ ካልኡት ኣኪቦም ዝሃቡና መረዳእታታት ስርዓት ብዝሓዘ ኩነታታት ምሓዝን ምሕላውን ኣለና። እቶም መረዳእታታት ብምስጢር ክትሓዙ ዘለዎም እንትኾኑ እውን ኣብ ምሕላው ሚስጢር ተኣመንቲ ክንኮን ኣለና። ክባኽኑ፣ ክስረቑ ወይ ክጠፍኡ ስለዝኽእሉ ብዛዕባ ኣቃማምጥኦም ምሕሳብ የድልየና። ነዚውን ብፅሑፍ እንረኽቦም መረዳእታታት ኣብ ፍሉይ መዘክርታ ፍልፍሎም እናፀራሕና ምቕማጥ ግቡእ እዩ። ብመልክዕ ቃለ መሕትት ዝረኸብናዮም እንድሕር ኮይኖም ብቪደዮ ካሴት ቀሪፅና ከም ሰነድ ምሃዝ ይግባእ። ስለ ዝኾነውን ሓደ ጨዋን ንፋዕን ተምሃራይ መረዳእታ ንምርካብ ኮነ ንዝረኸቦም መረዳእታታት ኣተሓሕዛ ዝህቦ ጠመተ ኣዝዩ ዝዓዘዘ ክኾን ይግባእ።



## መልመጂ - 4

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።***

1. መረዳእታታት ካበይ ካበይ ፍልፍላት ምርካብ ይከኣል? ብዘበለፀ ኽ መረዳእታ ክንረክብ ዘኽእለና ኣበይ እዩ?
2. መረዳእታ ምስ ምርካብ ጎኒ ጎኒ ምግባር ዝግበኣና ጥንቃቐ እንታይ እዩ?
3. መረዳእታ ኣብ ዘበናዊ መነባብሮ ወሳኒ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?

# 11.3 ድሑራት ኣተሓሳስባታትን ትምክሕተኛ ኣባሃህላታትን

## 11.3.1. ኣብ ከባቢና ዝዝረቡ ድሑራት ኣባሃህላታትን ትምክሕትን

- ሓደ ሰብ ድሑር ኣተሓሳስባ ኣለዎ እንትንብል እንታይ ማለትና እዩ?
- ኣብ ከባቢኹም እተስተውዕልዎም ድሑራት ኣረኣእያታት ዘለዎም ሰባት ኣለውዶ? እዚኦም ብምንታይ ኣገባብ ዝንፀባረቑ እዮም?

# ፊተዉራሪ መሸሻን ወይዘሮ ጥሩዓይነትን

ፊተዉራሪ መሸሻን ሰበይቶም ወይዘሮ ጥሩዓይነትን ብዘርኢ ይምጥነና፣ ይመስለና ዘይብልዎ ሰብ ጓሎም ንመርዓ እንትሓትት ክህብዎ ተሪፍ ምሕታቱ ከም ውርደት እንዳረኣዩ ኣዝዮም ይሓዝኑ ነይሮም፡፡

"ወይ ጉድ እዝኒ ኣይሰምዕን ኣይብልን ኮ" ይብሉ ፊተዉራሪ፡፡

" ሎሚ ኸ እንታይ ሰሚዖም ጎይታይ" ኢለን ይሓታ ሰበይቶም፡፡

"ቀኛዝማች እገለስ ሰብለወንጌል ንወዱ ለሚኑኒ"

"ቀኛዝማች እገለ ወዲመን እዩ?" ኢለን ሰበይቶም ይሓታ፡፡

"እንኳይ ኣነስ ንሰውን ኣቡኡ ኣይፈልጦምን"

"ዓብይ ድፍረት እዩ" ብምባል ወይዘሮ ጥሩዓይነት ኮርየን፡፡

"ኣብ ካሊእ ኣጋጣሚ ድማ ፊተዉራሪ" ግራዝማች እገለ ጓልካ ሃበኒ እኮ በለኒ ጥሩ! ይብሉ "ወዲመንዩ ጎይታይ? ኣቡኡ ሰብ ኣይኮነን ሓረስታይ እዩ"

"እዙይ ከይስማዕኩ ከምሞትኩ" ኢለን ጥሩዓይነት ኣምሪረን ይዛረባ፡፡

"ባላንባራስ እገለ ጓልካ ሃበኒ ኢሉ ሽማግለ ሰደደለይኮ ፣ ሀ…ሀ…ሀ ወይ ግዘ"

"ወዲ መን እዩ" ኢለን ይሓታ ወይዘሮ ጥሩዓይነት፡፡

"ኣብኡ ብዙሓት ኣላሕም ዝነበሮ ብዓለገ ወዲ ዓዲ ነይሩ፡፡ ንሱ እተን ኣላሕም ኩለን ኣወሪሱዎ ሞይቱ፡፡ ሕዚ ማንጩባ እናሰተየ ከብዱ ምስተነፍሐ ክንዲ ሰብ ዝኾነ መሲልዎ ንጓለይ ክሓትት ጀሚሩ"፡፡

"እሰይ ይበለና፣ ይበለና እዚ'ውን እንትዉሕደና እዩ፡፡ ከምዝተኣሰርና እዚ ዓዲ ምግዳፍ ኣብዩና መፃወቲ ደቂ ዓዲ ኮይንና"ይብላ ወይዘሮ ጥሩዓይነት

"እሞ ንዚኣቶም ጓለይ ክህብ? ጓል ኢሌኒ ጓል ገላውዴዎስ ንሓረስታይ ንነጋዳይ ክህብ? ንሳቶም እንተዘይረኣዮ እንተዘይሰምዑ ዓፅሞምዶ ኣይኸሰንን?

ኣይወቕሰንን?" ይብሉ ፊተዉራሪ

"ንሶም ክህብ እንተበሉ'ውን ኣነ ናብ መቓብር እንይተኣተኹ ጓለይ ሰባር ዓፅሚ ኣይተእቱን፡፡ ዘይምጥና ኣእትያ ዘርኢ ካብ እትፅይቕ ዝመሰላ፣ ዝምጥና ስኢና እንተየእተወት ቀርያ እንተዝበሃል እቲ ክብሪ ይውስኽ፡፡ "ሓቅኺ" ይብሉ ፊተዉራሪ

(ፍቅር እስከ መቃብር ገፅ 86-87 ተመሓይሹ ዝተወሰደ)



## መልመዲ - 5

***ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።***

1. ኣብ ዘረባ እቶም ገፀ-ባህርያት ድሑር ኣተሓሳስባ ዘንፀባርቑ መግለፅታት ኣየኖም እዮም? ንምንታ'ከ ድሑራት ክበሃሉ ክኢሎም?
2. ኣብ ኣተሓሳስባ ፊተውራሪን ወይዘሮ ጥሩ ዓይነትን መሰል ጓል ኣንስተይቲ ዝዳፋእ ቅዋም ትምክሕተኛነት ይርኣይ'ዶ? ከመይ?
3. እንፊተውራሪ ከምዝብልዎ እንተዝኸውን ኣብ መንጎ ደቂ ሰባት ምብልላፅ ዘርኢ ኣሎ ምባል ይከኣል'ዶ?

ድሑራት ኣተሓሳስባታት ብዙሕ ግዘ ምስቲ ነባር ባህልን እምነትን ብቃልን ብተግባርን እናተወራረሱ ይሰጋገሩ፡፡ እዚ ማለት ኣቦሓጎታት ወይ ቅድሚኦም ዝነበሩ ወለዶታት ብግዚኦም ዝኣምንሉን ዝምርሕሉን ዝነበረ ፍልስፍና ሂወት ወይ ህዝባዊ ኣረኣእያ ኣብ ዝቕፅል ወለዶ ከይሃስሰ ገይሮም ብቃልን ብተግባርን የውርሱ፡፡

እቶም በቲ እዋን ተቐባልነት ሓፋሽ ዘለዎም ዝመስሉ ዝነበሩ ኣረኣእያታት ግና ኣብ ቀፀልቲ ወለዶታት መፍረስቲ ስለዝኾኑ ንከይሰርሑ ይኽእሉ፡፡ ንኣብነት ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ፍልስፍና ሂወት ፊተውራሪን ሰበይቶምን ቀደም ኣብ ህዝቢ ተፃዒኑ እንትነብር ሓቂ ይመስል ነይሩ፡፡ ኮይኑ ግን ንቕሓተ ሕሊና ሰባት እናዳወሰኽን ኣተሓሳስበኦም እናዳተለወጠን እንትመፅእ እቲ ዝፀንሐ ኣረኣእያ ኣዝዩ ድሑርን ብትምክሕቲ ዝተመልአን ይኸውን፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን ጓል ኣንስተይቲ ብፍቓድ ስድራኣ ጥራሕ ንሰብኣይ ክትወሃብ የብላን ንብል፡፡ ትምህርታ ብዘይምንም ዕዕንቶ ናይ ምምሃርን እንትትውድእ እውን ዝኾነ ይኹን ዕዕንቶ እንተይተገበራ ዕድላ ክትውስን ትኽእል እያ፡፡ ኣብዚ እዋን ዘርኣዊ ኣረኣእያ ስዳሮ ኣየኽድን፡፡ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ኣብ ቅድሚ ሕጊውን ማዕረ እዩ፡፡ ሙይኡ'ውን ዝተኸበረ እዩ፡፡

በብ ኸባቢና ብዙሓት ድሑራት ኣረኣእያታት ምህላዎም ኣቐዲምና ክንፈልጥ ይግባእ፡፡ እዚ ግቡእ ጥንቃቐ ክንገብር ኢሉውን ክንእርሞም ዕድል ይህበና፡፡ እዚኦም ኣብ ከባቢና ዝነበሩ ድሑር ኣረኣእያታት ሕሊና መልክዕ እንተሃለዎም' እውን ዝንፀባረቑሎም ዝተፈላለዩ መንገድታት ኣለው፡፡ ብፍላይ ብኣብነታዊ ኣበሃህላ፣ ብነበረያ ነበረ፣ ብፀርፊ፣ ብቐልዲ ብእምነታት ኣቢሎም ዝግለፁ እዮም፡፡ ዘርኢ ካብ ዘርኢ ዘበላልፁ ከም "ወዲ ዓበይቲ" "ዘርኢ ሹም እገለ" ዝብሉ ኣበሃህላታት እውን ኣለው፡፡ ኣብ መንጎ ዘርኢ ዘሎ ኣፈላላይ ዘርእዩ ምኽኖም ልቢ ኢልና ምስትውዓል ኣለና፡፡ ሓደ ሓደ ሰባት መልክዕ ሃፍቲ ወይ ዕድል ንዝተወሰኑ ዘርኢ ሰባት ጥራሕ ዝተውሃቡ ከምዝኾኑ ሎሚውን ይኣምኑ፡፡

ብዛዕባ ስራሕውን እንተኾነ ከምኡ ዝተዋኸቡ ኣረኣእያታት ኣለው፡፡ ዝተፈለየ ዘርኢ ሰብ ጥራሕ ሓረስታይ ወይ ነጋዳይ ክኾን ከምዘለዎ ዘርኢ ሓረግ ዓበይቲ ዝኾነ ሰብ ድማ እዞም ሙያታት እዚኦም ከምዘይምጥንዎ ዝዛረቡ፣ ዝምስሉ፣ ዝቕይሩ ሰባት ኣለው፡፡ እዚኦም ኩሎም ኣረኣእያታት ትምኽሕቲ ምንም ሳይንሳዊ መሰረት ዘይብሎም እዮም፡፡ ናብ ቀፃሊ ወለዶ ከይሓልፉ ተኣሪሞም ክእለዩ ኣለዎም፡፡ እዞም ኣረኣእያታት ኣብ መንጎ ህዝብታት ክህሉ ዝኽእል ፍቕርን ምክእኣልን ይጎድኡ እዮም፡፡ ፍትሓዊ ኣረኣእያ እውን ይፅይቑ፡፡ ኣብ ከይዲ'ውን ሰላም ሃገር ዘዕንቅፍን ሓድነት ዝሸርሽሩን ሕማቕ ኩነታት ክፈጥሩ ይኽእሉ፡፡ ብምኽኑውን ኣቐዲምና ክንዋግኦምን ክንኣልዮምን ይግባእ፡፡



## መልመዲ - 6

***ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡***

1. ድሑራት ኣተሓሳስባታት ኣብ ሰላም ህዝብታት እንታይ ጉድኣት ከስዕቡ ይኽእሉ?
2. ሰባት ብድሑራት ኣረኣእያታት ዝጥቅዑ ካብ ምንታይ ዝተልዓለ እዩ?
3. ብሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ ምጉልባት ካብ ድሑራት ኣተሓሳስባታት ንምንጋፍ ብከመይ ይሕግዝ?

# 11.4 ዝተፈላለዩ መፃሕፍቲ ምንባብ

## 11.4.1. ምምዕባል ልምዲ ንባብ

- ንባብ እንታይ እዩ ትብሉ?

ንባብ መሳርሒ ፍልጠት እዩ፡፡ መምህራን ዝነግሩና ጥራሕ ከይኮነ በብውልቅና ብዙሕ ኣንቢብና ትምህርቲ እነማዕብለሉ መሳርሒ እዩ፡፡ ስለዝኾነውን ምዕቡል ልምዲ ንባብ ክህልወና ይግባእ፡፡

ንባብ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ሳይንስ ኣለዎ፡፡ ክነንቦ ዝግባኣና እንመሃሮ ትምህርቲ ጥራሕ ከይኮነ ተወሳኺ ሓገዝቲ መፅሓፍቲ እውን እዩ፡፡ ንኣብነት መምህርና ብዛዕባ ረብሓ ላሕሚ ኣምሂሮምና እንተኾይኖም ካብ ክፍሊ ክንወፅእ ከለና ብዛዕባ ላሕሚ ሓገዝቲ መፅሓፍቲ ደሊና ክነንብብ ኣለና፡፡ ሽዑ ፍልጠትና ዝዓሞቐ ይኸውን፡፡ ጋዜጣታትን መፅሄታትን እውን ክነንብብ ኣለና፡፡ ክነንብብ ግዘን ቦታ ምውሳን ኣድላይ እኳ እንተኾነ ነዚኦም ምኽኒት ጌርና ግን ክንዛናጋዕ የብልናን፡፡ ልምዲ ንባብ እንድሕር ሃልዩና ኣብ ዝኾነ ቦታ ክነንብብ ንኽእል ኢና፡፡ ንኣብነት ኣብ ትሕቲ ፅላል ኦም፣ ኣብ ታክሲ፣ ኣብ መኪና፣ ኣብ ሳሎን፣ ኣብ መደቀሲን ካልኦት ቦታታትን ክነንብብ ንኽእል፡፡ ዓበይቲ እንብሎም ሰባት ነዚ ዓብይ ዘብሎም ብርኪ ዝበፅሑ ብዙሕ ኣንቢበምን ነገራት ብዕሙቐት ብምምርማርን እዩ፡፡ ንስኻትኩም እውን ሃገርኩም ንምዕዋዕ ልምዲ ንባብ ከተማዕብሉ ኣለኩም፡፡



መልመዲ - 7

***ኣብዚዎም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡***

1. ንባብ መሳርሒ ፍልጠት እዩ እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?
2. ልምዲ ንባብ ንምምዕባል እንታይ ክግበር ኣለዎ?

## 11.4.2. ምምሃዝ ሜላታት ኣፀናንዓ ትምህርቲ

- ንስኻትኩም ከመይ መፅናዕቲ ተካይዱ?
- እስኪ እዚ ዝስዕብ ታሪኽ መልዓሊ ብምግባር ኣብ ታሕቲ ዝተውሃቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡

## ግርማይን ሜላ ኣፀናንዕኡን

ግርማይ ዝበሃል ተምሃሪ ኩሉ ግዘ ንነዊሕ እዋን የፅንዕ፡፡ ሓደሓደ መዓልቲ ለይቲ ሙሉእ የፅንዕ፡፡ ኮይኑ ግና ከምዚ እንዳፅናዕኸ ንምንታይ ፅቡቕ ውፅኢት ዘይረክብ እንዳበለ ይሓርቕ፡፡ እቲ ዕላምኡ ቀዳማይ ብምውፃእ ዝበልፅዎ መማህርቱ ክቐንኡ ምግባር ነይሩ፡፡ ግን ኣይኮነሉን፡፡ ዳሕራይ ግርማይ ሜላ ኣፀናንዕኡ ክልውጥ ሓሲቡ ከምቀደሙ ኣብ ሓደ መዓልቲ ብዙሕ ሰዓታት ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ምፅናዕ ገዲፉ ትልሚ መፅናዕቲ ብምውፃእ ሕድሕድ ትምህርቲ ንውሱን ሰዓታት ምፅናዕ መሪፁ፡፡ በቲ ትልሚ ኣቢሉ እውን ክብድ ንዝብሎ ዓይነት ትምህርቲ ሒሳብን ሳይንስን ግፍሕ ዝበለ ግዘ ሂቡ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ እዞም ትምህርቲ እዚኦም በብመዓልቱ ክፅንዑ ከምዘለዎም ኣሚኑ ቅዋም ሒዙ፡፡ ብፍላይ ትምህርቲ ሒሳብ ካብቲ ቤት ትምህርቲ ከይወፀ ንምኽላስ ወሲኑ፡፡ ግርማይ በዚ ኣገባብ ብምኻዱን ብምፅንዑን ዝሓሰቦ ሰሚሩሉ ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ዓመት ቀዳማይ ብምውፅኡ ሕጉስ ኮይኑ፡፡



### መልመዲ - 8

***ኣብቲ ዝቐረበ ምንባብ ተደሪኽኩም ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡***

1. ካብዚ ግርማይ ዝመሃዞ ከይዲ መፅናዕቲ እንታይ ትመሃሩ?
2. ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ጥራሕ ፈሊካ ምፅናዕ ወይ ኣብ ሓደ መዓልቲ ንብዙሕ ሰዓታት ምፅናዕ ውፅኢታዊ ይገብርዶ ትብሉ? ንምንታይ?
3. ትልሚ መፅናዕቲ ምውፃእ ጥቕሚ ይህልዎዶ? ከመይ?

ብዛዕባ መፅናዕቲ እንትንዘራረብ ኣቐዲምና ምልዓል ዘለና ረብሕኡ እዩ፡፡ ቀንዲ ረብሓ መፅናዕቲ ዝለዓለ ፍልጠት ስለ ዘዕጥቕ እዩ፡፡ ዝለዓለ ፍልጠት ዘለዎ ሰብ ብትምህርቱ ኣብ ዓብይ ብርኪ ይበፅሕ፡፡ ሽዑ ንሃገሩን ንባዕሉን ብዝግባእ ይረብሕ፡፡

ንባዕሉ ይረብሕ ክንብል ከለና ብትምህርቱ ውፅኢታዊ ይኸውን፣ ፅቡቕ እቶት ዝርከቦ ስራሕ እውን ክሕዝ ይኽእል ማለት እዩ፡፡

ብካሊእ ኣበሃህላ ንሃገር ዝረብሕ ሓኪም ወይ ተፈላጢ መምህር ወይ ህዝቡ ዝፈቱ መራሒ ፖለቲካ ክኸውን ይኽእል፡፡

ብፍልጠት ንምምዕባል እቲ ቀንዲ ነገር ጠንኪርካ ምፅናዕ እዩ፡፡ እቲ መፅናዕቲ ድማ ብሃበተረኽበ ዝፍፀም ከይኮነ ብትልሚ ክኸውን ግድን እዩ፡፡ ሓፍሻዊ ፍልጠትን መረዳእታን ንምርካብ እነንብቦ ንባብን ንባብ መፅናዕትን ውሱን ኣፈላላይ ኣለዎም፡፡ ሓፈሻዊ ፍልጠት ወይ መረዳእታ ወሲድና ክንከይድ እንትንሓስብ ግድን ዝተፈለየ ትልሚ ክነውፅእ የብልናን፡፡ ንንባብ መፅናዕቲ ግና ትልሚ ክነውፅኣሉ ኣለና፡፡ እቲ ትልሚ ተግባራዊ ክንገብር’ውን ኣለና ፡፡ ብሓፈሽኡ ብዛዕባ መፅናዕቲ እንትነንብብ ነገራት ካብ ዝተፈላለየ ኣንፈት ክንርኢ ይግባእ፡፡ ክንሪኦም ዝግባእ ነገራት ቀፂሎም ቀሪቦም ኣለዉ፡፡

1. ረብሓ ግዘ ምፍላጥ፡- ምሁራት ከምዝብልዎ ክነፅንዕ እንትንሓስብ ዝጥዕመና ግዘ ምምራፅ ኣገዳሲ ይኸውን፡፡ ንኣብነት ድቃስ ወይ ትህኺት ኣብ ዝስመዐና እዋን ምፅናዕ ከምዘይብልና ይሕብሩ፡፡ ስለዝኾነውን ስሩዕ ሰዓት ድቃስና ፈሊና ምፍላጥን ምድቃስን ግቡእ እዩ፡፡ መፅናዕቲ ብሓድሽ መንፈስ ክካየድ ኣለዎ፡፡ ምስዚ ክርአ ዘለዎ እነፅንዓሉ ንውሓት ግዘ እዩ፡፡ ንነዊሕ እዋን ስለዘፅናዕና ትምህርቲ ይርደኣና ንምባል ኣይከኣልን፡፡

2. ልምዲ ጉጅላዊ ስራሕ፡- ብፅምዲ ወይ ድማ ብጉጅለ ኮይንካ ምይይጥ ንመፅናዕቲ ኣዝዩ ረብሓ ዘለዎ ከምዝኾነ ምሁራት ስነ ልቦና ይሕብሩ፡፡ ንሕና ንኣዕርኽትና እንትነርድእ ወይ እንተርድኡና እቲ ፍልጠት ብዝበለፀ ጭቡጥን ግልፂን ይገብሮ፡፡

3. ምችው መፅንዒ ቦታ ምምራፅ፡- ብውልቀ እነፅንፅ እንድሕር ኮይንና ፀጥታ ዘለዎ ቦታ ተመራጺ እዩ፡፡ እዚውን ዝኸውን ሓድሓደ ነገራት ቀልብና ከይወስድዎ እዩ፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ኮይንና እንትነፅንፅ ስእልታት ዘለዎም ወይድማ ኣብ ጨና ዘለዎ ቦታ ክንኮን የብልናን፡፡ ከምዚ ዝበሉ ነገራት ዘይምረፅሉ ምኽንያት ስምዒት ስለዝበታትኑ እዩ፡፡ እነፅንዐሉ ቦታ እኹል ብርሃን ዘለዎን ፅሩይ ኣየር ዝነፍሰሉን ክኸውን ኣለዎ፡፡ ኣካዳድናውን እንተኾነ ንቑሪ ወይ ንዋዒ ዘቃልዕ ክኾን የብሉን፡፡ ከፍ እንብለሉ ቦታ እውን ደረቕን ቀጥ ኢልና ክንቅመጥ ዘክእልን ክኸውን ኣለዎ፡፡

4. ትልሚ ምውፃእ፡- ትልሚ መፅናዕቲ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ፡፡ እዚውን ንመፅናዕቲ

ዓንቀፍቲ ዝኾኑ ነገራት ንምቁፅፃር የኽእለና፡፡ ከምኡውን ነየናይ ዓይነት ትምህርቲ ግፍሕ ዝበለ ግዘ ክንህብ ከምዘለና ይሕብር፡፡ ኩሎም ዓይነታት ትምህርቲ ማዕረ ግዘ ሂብና ክነፅንፅ ኣይንኽእልን፡፡ ሕይል ንዝብሉ ዓይነታት ትምህርቲ ግፍሕ ዝበለ ግዘ ክወሃብ ኣለዎ፡፡

5. ኣብ እዋን መፅናዕቲ ክትግበሩ ዝግብኡ ከይዲታት ምግንዛብ

5.1 ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ምንባብ፡- መፅናዕቲ እንትንጅምር ፈለማ ሓፈሻዊ ትሕዝቶ እቲ ትምህርቲ ሕልፍ ሕልፍ ኢልና ንሪኦ፡፡ እዚ ኩነታት እንታይ እንታይ መሳርሕታት ምድላው ከምዘለና ኣንፈት ዝህብ እዩ፡፡

5.2 ሕቶ ምልዓል፡- እቲ ትሕዝቶ ሕልፍ ሕልፍ ኢልና ክንሪኦ እንተለና ኣብዚ መፅናዕቲ ሕቶ ኣልዒለ መልሲ ክረክብ ኣለኒ ኢልና መልዐሊ ክህልወና ኣለዎ፡፡ እዚ ሕቶ ክሳብ ዝምለስ መፅናዕትና ጠጠው ኣይነብልን፡፡

5.3 ናብ ንባብ ምእታው፡- ኣብዚ ናብቲ ቀንዲ ስራሕ ፅንዓት ኣቲና ማለት እዩ፡፡ ኣብዚ ብርኪ ዝተፈላለዩ ጭቡጥ ኩነታት እንዳረኸብና እንምርሽሉ እዩ፡፡ ንሕና እውን ርግእ ኢልና ፍረ ክንረክብ ንፍትን፡፡

5.4 **ተግባራዊ ኣንፈት ምርኣይ፡-** ቁምነገራት ኣብ እንቐስመሉ እዋን እዚ ትምህርቲ እዚ ኣብ ሂወትና ከመይ ብተግባር ክንግልገለሉ ከምዝግባእ ምሕሳብ ፅቡቕ እዩ፡፡ ንኣብነት እነፅንዮ ብዛዕባ ተክልታት ገደና እንተኸይኑ ተኽልታት ክነልምዕ ከምንኽእል ምሕሳብ፣ እቲ ትምህርቲ ንምዕሟቕ ይሕግዝ፡፡ ምስዚ ብተወሳኺ ኣብዚ ብርኪ እዚ እቲ ትምህርቲ እንታይ ዝኣክል ከምዝተረዳእና ብምግምጋም እቲ መፅ ናዕቲ ምስ ተግባር ንምስናይ ክንፍትን ኣለና፡፡



## መልመዲ - 9

***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡***

1. ጠንኪርኩም ኣብ እትመሃርሉ ከይዲ ንባብ ዘለዎ ግደ እንታይ እዩ ትብሉ?
2. ንንባብ ዝተወሰነ ቦታ ምምራፅ ግድን ኣድላይ ድዩ? ከመይ?
3. ኣብ መፅናዕቲ ረብሓ ግዘ ምፍላጥ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?
4. ክሳብ ሎሚ ካብ ትምህርትኹም ውፅእ ዝበሉ ጉዳያት ዝጥምቱ ነገራት ኣንቢብኩም ትፈልጡ'ዶ? እዚኦም ብምንባብኩምከ እንታይ ረብሓ ረኺብኩም?
5. ኣብ እዋን መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም?

   ሀ. ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ምንባብ

   ለ. ሕቶ ምልዓል

   ሐ. ተግባራዊ ኣንፈት ምርኣይ

## መጠቓለሊ

ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ ብፍላይ ካብ ቤት ትምህርቲ፣ ካብ ንባብ፣ ካብ ትዕዝብቲ፣ ካብ ምርምር ፍልፍል ዝርከብ እዩ፡፡ ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ ዓርስናን ከባቢናን ንምልዋጥ ዘኽእለና ገዚፍ መሳርሒ እዩ፡፡

ጭቡጥ ብዘይኮኑ ግምታትን ልምድታትን ምምራሕ ንድሑር ኣረኣእያ ተገዛእቲ ከምዝገብረና ኩሉ ዘርኢ ወይ ደርቢ ወይ ድማ፣ ሙያ መልዓሊ ጌርና ካብ ኩሉ ከምንበልፅ ወይድማ ከምንትሕት ምሕሳብ'ውን ግቡእ ኣይኮነን፡፡ ከምዚ ዝበለ ኣረኣእያ ዓርስናን ሃገርና ንምልዋጥን ንምልማዕን ኣብ እንገብሮ ፃዕሪ ከዕንቅፈና እዩ፡፡

መፅናዕቲ ግቡእ ፍልጠት ብእዋኑ ንምጭባጥ ዘኽእል ከይዲ እዩ፡፡ ንውፅኢት መፅናዕቲ ትልሚን ሽቶን የድልዮ እዩ፡፡ ንመፅናዕቲ ዘድልዩና ነገራት ምምላእውን ይሓትት፡፡ መፅናዕቲ እንትንጅምር ኣድለይቲ ኩነታት ኩሉ ምምላእ ኣለና፡፡ መፅናዕቲ እንትንውድእ ድማ ብዝተፈላለየ መልክዕ ናይ ዓርስና ሓፈሻዊ ቅዋምን ውፅኢት ዘፅናዕናዮ ትምህርትን ክንምዝን ኣለና፡፡

ከምዚ ክንገብር ከለና እቲ ትምህርቲ ናብ ተግባር ንምስግጋርን ብእኡ ንምግልጋልን ንኽእል ኢና፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

- **ሳይንስ** :- ኣብ ጭቡጥ መረዳእታ ዝተደረኸ ፍልጠት ዝርከበሉ መስመር ዳህሳስ
- **ዘይስሩዕ መረዳእታ**:- ቤት ትምህርቲ ከይኣተና፣ ስርዓት ትምህርቲ ዘይብሉ ብሃንደበት ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት እንረኽቦ መረዳእታ
- **ትምክሕተኛነት**:- ብዘርኢ ሓረግ ወይ ድማ ብዛንታ ካብ ካሊእ ኩሉ እበልፅ እየ፣ መዳርግቲ የብለይን ኢልካ ምኩራዕ (ምምኻሕ)

ዳህሰሳ፡- ነገራት፣ መረዳእታነት፣ ፍልጠት ደጋጊምካ ምምርማርን ሓቂ ምኧኑን ናይ ምርግጋፅ ከይዲ

መፅናዕቲ፡- ሓሳባት ብዕሙቀት ንምርዳእ ዝተፈላለዩ ፍልፍል መረዳእታታት እናዳህሰስካ ብምፅናዕን ብምምርማርን ርዱእ ፍልፍል ናይ ምእካብ ከይዲ

ሕልፍ ሕለፍ ኢልካ ምንባብ፡- ምስቲ ዝፅናዕ ትምህርቲ ናይ መፋለጢ ንባብ ምግባር፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ዝሓዝዎ ሓሳብ ልክዕ ንዝኮነ "ሓቂ" ልክዕ ንዘይኮነ "ጌጋ " እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ካብ ድሑራት ኣረኣእያታት እቲ ሓደ ትምክሕተኛነት እዩ፡፡
2. ሳይንስን ፍልጠትን እንትገፍሕ ኣረኣእያ ትምክሕቲ እውን ሱር እናሰደደ ይኸይድ፡፡
3. ሂወት ብዝሓሸ መንገዲ ንምምራሕ ሳይንሳዊ ፍልጠት የድሊ፡፡
4. ንባብ ፍርቂ ዝኾነ ናይ ሰብእናና ክፋል ዝሃንፅ ክእለት እዩ ንምባል ይከኣል፡፡
5. ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ጥራሕ ብምፅናዕ ብዙሕ ሰዓታት ምጥፋእ ግቡእ ኣይኮነን፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ተዘርዚሮም ንዝርከቡ ሓሳባት ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተዘርዘሩ ዝሰማመዕዎም ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| ሀ | ለ |
|---|---|
| _____1. ቀንዲ ፍልፍል ሳይንሳዊ ኣረኣእያ | ሀ. ጓል ኣንስተይቲ ምስትምሃር ረብሕኡ ንኹሉ እዩ፡፡ |
| _____2. ረብሓ ሕልፍ ሕልፍ ኢልካ ምፅናዕ | ለ. ባህርይ ትምህርቲ ምፍላጥ ስራሕ እዩ፡፡ |
| _____3. ትልሚ መፅናዕቲ | ሐ. ባህርይ ትምህርቲ ንምቕናይ |

ይሕግዝ፡፡

_____4. ሕልፍ ሕልፍ ኢ.ልካ ምፅናዕ ንምጥቃም

_____5. ኣብነት ዘበናዊ ኣበሃህላ

መ. እቲ መፅናዕቲ ግዘ ብግቡእ ይሕግዝ

ረ. ትምህርቲ ብግቡእ ጠመተ ዝንበበሉ ከይዲ

ሰ. ቤት ትምህርቲ

III. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ልክዕ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ትምክሕተኛ ኣተሓሳስባታት ክጠፍኡ ዝኽእሉ መዓዝ እዩ?
   ሀ. ወለዶ ብሳይንሳዊ ኣተሓሳስባ እንትህነፅ
   ለ. ሳይንስን ቴክኖሎጂን እንትምዕብል
   ሐ. ኣብያተ ትምህርቲ እንትጋፍሑ
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡
2. ብዛዕባ ትልሚ መፅናዕቲ ትኽክል ዝኾነ ኣየናይ እዩ?
   ሀ. ትልሚ መፅናዕቲ ምውፃእ ዘለና ኣብ ቤት ትምህርቲ ጥራሕ ንምፅናዕ እዩ፡፡
   ለ. ንትምህርቲ ምድላው ምግባር ኣብ እዋን ፈተና  እዩ፡፡
   ሐ. ትምህርትና እናከታተልና ክነፅንዕ ዝገብረና ክኸውን ኣለዎ፡፡
   መ. ልምዲ ጉጅላዊ ኣፀናንዓ ኣድላይ ኣይኮነን፡፡
3. ካብዞም ዝስዕቡ ግፍሕ ዝበለ ፍልፍል መረዳእታ መፅናዕቲ ክኾን ዝኽእል ኣየናይ እዩ?
   ሀ. ቴሌቪዥን
   ለ. ሬድዮ
   ሐ. ቤተ ንባብ
   መ. ጋዜጣ
4. ኣብ እዋን መፅናዕቲ መዘከርታ ምሓዝ ረብሐኡ እንታይ እዩ?
   ሀ. ዘይተረድኡና ጉዳያት ንምይይጥ ንምቕራብ
   ለ. ክእለት ድርሰት ንምምሕያሽ
   ሐ. ትምህርቲ ክንደየናይ ከምዝተረደእና ንምምዛን
   መ. ሀን ሐን መልሲ እዮም፡፡

5. ካብዞም ዝስዕቡ ኣተሓሳስባ ትምክሕቲ ዝሓውስ ኣየናይ እዩ?

   ሀ. ካብ ዘለዎ ተወለድ ወይድማ ምስዘለዎ ተፀጋዕ፡፡

   ለ. ሰበይቲ እንትፈለጠትውን ዝውድኦ ወዲ እዩ፡፡

   ሐ. ጓል ኣንስተይቲ ምምሃር ንኩሉ ይረብሕ፡፡ዘዘዘ

   መ. ሀ ን ለን መልሲ እዮም፡፡

V. *ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. መሰረታዊ ረብሓታት ሳይንሳዊ ፍልጠት እንታይ እንታይ እዮም?
2. ድሑር ኣተሓሳስባ ንሰላም ሃገር ጎዳኢ ዝኸውን ብኸመይ እዩ?
3. ኣብ እዋን ከይዲ መፅናዕቲ ሕቶ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
4. ድሑር ኣረኣእያታት ንምውጋድ መናእሰይ ክፃወትዎ ዝኽእሉ ግደ እንታይ እዩ?

VI. *ሓደ ትልሚ መፅናዕቲ ኣዳሊኹም ንመምህርኩም ኣርእዩ፡፡*